# መጽሐፈ ጼው

## ገድለ ሓዋርያት ብቋንቋ ትግርኛ




ኣሰናዳኢ
መምህር ያዕቆብ ጺጋ-ዘኣብ ዘወልድ

ኣሥመራ ጥሪ 2000 ዓ.ም. (2008)
ካልኣይ ኅታም

ቀዳማይ ኅታም ጥንተ ስቅለት 1983 ዓም. (1991)።
ካልኣይ ኅታም ልደት 2000 ዓ.ም. (2008)

© 2000 ዓም. ግዕዝ (2008) መምህር ያዕቆብ ጸጋዝኣብ።
መሰል ኣሕታሚ ብሕጊ ዝተሓለወ እዩ።

ብጉባኤ ሊቃውንት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን
ኤርትራ ተመርሚሩ ኣብ ኣሥመራ ተኅትመ።

ርስዒ ሕዝበኪ ወቤተ አቡኪ፣ (እስመ) ህየንተ አበውኪ
ተወልዱ ለኪ ደቂቀ ወትሠይምዮሙ መላእክተ ለኵሉ ምድር፣
ወይዘክሩ ስመኪ በኵሉ ትውልደ ትውልድ።
መዝ.፵፬፡፲-፲፯



ማርያም ድንግል ምስለ ፍቁር ወልዳ።

ኣፍ ከሎካ ዘይትዛረብ ምስለይ ብሓላፊ ዕድመ ተታሊልካ ኣለኹ ኣለኹ ከይበልካ፡ ተዘሪእካ ዘይትበቊል ምሳሌ ሑጻ ምዃንካ ድኣ ዘክር።



*መምህር ያዕቆብ ጸጋ-ዘአብ*

ኣነ ኣዳም ሥርናይ ግና ምንም እኳ ብጸበል(ሓመድ) እንተተዘራእኩ ኻኹሉ ጊዜ ስለዘለዎ ብናይ ክብሪ ዝናም ትንሣኤ በቓለ ዘለዓለም ሕይወት ይጽበየኒ ከምዘሎ ጽኑዕ እምነት ኣሎኒ። መክ.3፡1-6 1ቆሮ.15፡42-43 ዮሐ.10፡28 ሉቃ.20፡36-47።



ኣብ ከውሒ ዝተሓንጸ ቤት ዝናም፡ ውሕጅ፡ ንፋስ እንተደፍእዎ ከምዘይወድቕ፡ ቃለ እግዚኣብሔር ሰሚዑ ዝፍጽሞ፡ ኲሉ ምእመን ከኣ ዓረማውያን ነገሥታትን መኳንንትን ኣገዲዶም ሃይማኖቱ ከኽሕድዎ ኣይክእሉን እዮም። ማቴ.7፡24፣ 13፡8-9።



ቅድስት ቤተ ክርስቲያን

መሠረታን እምነ መዓዝናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዝኾነት ሐንቲ ቤተ ክርስቲያን ነአምን።
1ቆሮ.3፡11 ኤፌ.2፡20 መዝ.117፡20

## ሓዋርያ ማለት፣

ሀ. ካብ ሖረ ዝብል ግሢ ዝወጸ ከያዲ ማለት እዩ። ሑሩ ውስተ ኵሉ ዓለም ወስብኩ ወንጌለ ለኵሉ ፍጥረት ማር.16፥15

ለ. ካብ ፈነወ ዝብል ግሢ ዝወጸ ፍንው ማለት እዩ። ወእፌንወክሙ ከመ ኣባግዕ ማዕከለ ተኵላት። ማቴ.10፥16 ዮሓ.17፥18 ሉቃ.10፥3

ሐ. ካብ መጠወ ዝብል ግሢ ዝወጸ ምጡው (ውፉይ) ማለት እዩ። ወይወስዱክሙ ኀበ መሳፍንት ወነገሥት ወይሜጥውክሙ ለምንዳቤ። ማቴ.24፥9-10

ብዛዕባ ትርጉም አስማቶም ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መቅድም ገድሎም ተገሊጹ ኣሎ።

መምህር ያዕቆብ ጸጋ-ዘኣብ ዘወልድ።



## ሐዲሽ ሥርዓት

ነዚ ንሸኻትኩም ትርእይዎ ዘለኹም ዚርእያ ኣዒንቲ ብፁዓት ኢየን። ብዙኀት ነቢያትን ጻድቃንን ነገሥታትን ነዚ ንሸኻትኩም እትርእይዎ ዘለኹም ክርእዩ ተመነዩ ግና ኣይረኣዩን። ነዚ ንሸኻትኩም እትሰምዕዎ ኪሰምዑ ኸኣ ተመነዩ ግና ኣይሰምዑን። ሉቃ10፥23 ማቴ.13፥16 ዮሐ.8፥56 ዘፍ.14፥8




### ዝውእቱ ሥጋየ

ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በታ ዚኀዝዎ መዓልቲ ምሸት ሐሙስ መጋቢት 26 ኀብስት ኣልዒሉ ኣመስገነ። ባረኹ ቆረሶ ምእንታኹም ጽባሕ ዝስቀል ሥጋይ እዚ ኢዩ። እንሆ ብልዑ ኢሉ ኣኽቢሩ (ናብ ሥግኡ ለዊጡ) ንደቀ መዛሙርቱ ሐዋርያት ሀቦም። መዘከርታይ ድማ ከምዚ ግበሩ። (ብሥርናይ)።

### ወዝ ውእቱ ደምየ

ከምኡ እውን ምስ ተደረሩ ነቲ ወይኒ ዝኀዘ ጽዋእ ኣልዒሉ ጽባሕ ዝፈስስ ደመይ እዚ ኢዩ፣ ኢሉ ኣኽቢሩ (ናብ ደሙ ለዊጡ) ናይ ሐድሽ ሥርዓት እንኩ ስተዩ መዘኽርታይ ከኣ ከምዚ ግበሩ፤ (ብወይኒ) እናበለ ንደቀ መዛመርቱ ሓዋርያት ሀቦም። ማቴ.26፥26። ዮሐ.6፥53 1ቆሮ.16፥23 መዝ4፥7 ቅዳ ኤጲፋ.2፥40 ንመልከት።

# ናይ ትኃዝቶኡ ኣርእስቲ


ሀ. መእተዊ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .9
ለ. መቕድም ምስ ክፍልታቱ . . . . . . . . . . . . .12
ገድለ ጴጥሮስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . .41
ገድለ እንድርያስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . .54
ገድለ ያዕቆብ ወልደዘዴዎስ ሓዋርያ. . . . . . . . . .59
ገድለ ዮሓንስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . .66
ገድለ ፊሊጶስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . .75
ገድለ በርተሌሜዎስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . .82
ገድለ ቶማስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . . .90
ገድለ ማቴዎስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . .98
ገድለ ያዕቆብ ወ/እልፍዮስ ሓዋርያ. . . . . . . . . .107
ገድለ ታዴዎስ ሓዋርያ . . . . . . . . . . . . . . .110
ገድለ ናትናኤል ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . 115
ገድላ ማትያስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . 119
ገድለ ጳውሎስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . .127
ገድለ ማርቆስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . 133
ገድለ ሉቃስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . . . .136
ገድለ ያዕቆብ እኍኍ. . . . . . . . . . . . . . . .141
ገድለ ዲዮናስዮስ ሓዋርያ. . . . . . . . . . . . . .145
ታሪኽ 72 ኣርድእት. . . . . . . . . . . . . . . . 153
ታሪኽ ቅዱሳት ኣንስት. . . . . . . . . . . . . . .158
ዓበይቲ ነብያት. . . . . . . . . . . . . . . . . .160
ሓድነት ነብያትን ሓዋርያትን. . . . . . . . . . . . 161
ሰማእትነት ዮሓንስ መጥምቅ. . . . . . . . . . . . .161
ዛንታ ሄሮድያዳን ጓላን. . . . . . . . . . . . . .162
መእተዊ ታሪኽ ሄሮድስን ኔሮንን. . . . . . . . . . .164
ታሪኽ 7ይ ሄሮድስ 1ይ ኣግሪጳ . . . . . . . . . . . 165
ታሪኽ 5ይ ኔሮን ቄሳር. . . . . . . . . . . . . . . 167
መተሓሳሰቢ. . . . . . . . . . . . . . . . . . . .172




# መእተዊ

ኵሉ ከም ዝርድኦ መእተዊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብዙኅ ኢዩ፣ ኣፍደገ ሃገር፣ ዓዲ፣ ገዛን በርን ክኸውን ይኽእል። ገለ ካብዚ ንምግላጹ፣–

1. ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እቲ መእተዊ ኣፍደገ ኣነ እየ ዝበሎ፣ ብስመይ ኣሚኑ ብስመይ ተጠሚቑ ሕገይ ሓልዩ ዝጸንሐ ብኣይ መእተዊ ጌሩ ኣብታ ብርሃን እምበር ጸልማት ዘይፋረቓ ሰማያዊት ሃገር ይኃልፍ ማለት እዩ። ዮሓ.10፥9 መዝ.117፥20

2. ሓደ መጽሐፍ ኣብ እተዳልወሉ፣ መደብ መእተዊ ክተግብረሉ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ብኣፍ ደገ ገዛ ጌርካ ናብ ውሽጢ ምስ ኣቶኻ ኣብኡ ዘሎ ንብረት ከምዘይስወረካ፣ በዚ መእተዊ እዚ ምስ ኣቶኻ ድማ ኣብ ውሽጢ እዚ ተዳልዩ ዘሎ መጽሓፍ፣ ሓዋርያት ዝሕለፍዎ ዝተፈላለየ መከራ ክትፈልጥ የኽእለካ እዩ።

3. ሕግን ትእዛዝን ናይ እግዚኣብሔር ኣፅኒዕካ ምሕላው እውን መእተውን ኣፍደገን ከም ዝኾነ ነቲ ሐደ ሀብታም ዝተዋህበ መለኮታዊ መልሲ ኣረዲኡና ኣሎ።(ማቴ.19፥16-18)

ስለዚ ናብታ ሜሮን ወንጌል ዝተቐብኣት (መጽሐፈ ዜው) ምስ ኣቶኻ ናይዞም ዝተጠቕሱ ቅዱሳን ኣርድዕት ኩሉ ዝተቐበልዎ ፈተንታት ኮነ ስብከተ ወንጌሎም ንኽትክተል እትደፋፍእ መጽሐፍ ኢያ።

በዚ ኵሉ ምኽንያት ወንጌል ብመን ከም እተሰብከ ንምፍላጥ እዛ ተዳልያ ዘላ መጽሐፍ ንምእመናን ክትንገርን ክትግለጽን ከምዝግባእ፣ ቅ.ጳውሎስ ከም ዝገለጾ ፍቓድ ዘይኮነ ትእዛዝ ምኻኑ ክንኣምነሉ ይግባእ። ሓዋርያ ጳውሎስ ወእፎ የኣምኑ በዘ ኢሰምዑ ወእፎ ይሰምዑ ዘኢሰበኩሎሙ ወእፎ ይሰብኩ ሎሙ ዘኢተፈነወ ሐዋርያ ኀቤሆሙ ይብል።

(ሮሜ.10፡14)እዚ ተጠቅሰ ቃላት ንመን ከም ዝምልከት ዘጋጊ ሰለዘይኮነ ከምቲ ጐ. ኢ. ክ. ብገዜ ድራር ካባኻትኩም ሐደ ከትኀዝኒ ኢዩ ምስ በሎም፡ (ማቴ.26፡21) ጐይታይ ኣነ ድየ ኣነ ድየ ኣብ ዝተባሃሃሉ፡ ከምኡ ድማ ነቲ በዓል ሐደ መክሊት ዝተዋህበ ተግሣጽ ነፍስ ወከፍ ብኃላፍነት ዝሕተት መምህር ንኣይ ኢዩ ዝኸውን ኢልና ክንጠቓቀሰ ኣሎና። እሞኸ ሕጂስ እንታይዶ ማይ ሓሊፍዎ እዩ፡ ዝጎደለና እንታይ ኣሎ? ዝብል ሐታቲ እንተተረኸበ እንሆ ቃለ ሕይወት ብኣሰለፍቱ ሐዋርያት ጌሩ መኣዱ ሠሪዑልና ኣሎ እሞ፡ ጥራይ ከብዶም ዝጸንሑ ድራር ዕለት ዘይጸንሖም ኣርኪቦም ከይቅድሙና ጸዋዒ መኸበሪ ብምባል፡ ጸዊዒትና ምኽባር ኢዩ ዝግብኣና። (ሉቃ.1፡53)

ክሳብ እዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ውሉድ ርስቲ ወለዱ ከም ዝወርስ ሐደ መምህር ድማ ርስቲ መንፈሳውያን ወለዱ ሐዋርያት ጥሜት ጽምኢ መግረፍቲ ማእሰርቲ ስቕለት ክሳድካ ምኀብ ብዳርባ እምኒ ምቁሳል ከም ሠራው ምጉሳስ መወዳእትኡ ናይ ሞት ፅዋዕ ምቕባል ወረስቲ ክሳብ ምዃን ክርሳዕ የብሉን። እዚ ወራስነት እዚ ግን ካብዛ ዝተጠቕሰት ወለዶ ሐረግ ዘይብሉ ገንኡ ዘይከፈተ ኣይሕመየላን ኢዩ። (ዮሐ.3፡5) ኮይኑ ግን ሰማያዊ ርስቲ ዝአክል ንዘውርሱ ኣቦታት ብስሞም ታቦት ዘይመቕረጺኡ መጻሕፍቶም ብዘመናዊ ኀትመት ዘይመርከቢኡ ዘይቀንእ ኣይወለድ ኢልና ዝናር ርትዕት ሃይማኖት ተዓጢቕና ጥዋፍና ቃለ እግዚኣብሔር ነብርህ። (ሉቃ.12፡35 ማቴ.25፡1)

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣንትሙ ውእቱ ፄዉ ለምድር ወብርሃኑ ለዓለም ንሰብ መቐረቱን ብርሃኑን ንሸኻትኩም ኢኹም፡ ኢሉ ሸይሙ ወንጌለይ ሰበኹ ኢሉ ስልጣን ሂቡ ምስ ኀደጎም፡ ቃሎም ንዝተቐበሉ ካብ ምኹራብ ኣይሁድ መንዚያም ነጻ ኣውጺኦም ክብርትን ንጽሕትን ዝኾነት ሐንቲ ቤተ ክርስቲያን ሐኒጾም ሐዲጎሙልና ኢዮም። (ማቴ.5፡13 ሉቃ.14፡33)





ስለዚ ክብሮም ከይንርስዕ ዘተሐሳሰቡና ቃል ሊቃውንት ወሲኽና ልዕል ከነብሎ ግቡእና ኢዩ። ከምዚ ክበሃል ዝጸንሐ ካብተን ብስም ኣዕማደ ቤተ ክርስቲያን ሐዋርያት ታቦት ዘቕረጻ ውሑዳት ዓድታት ሐንቲ ብስሞም ታቦት ኣቕሪጻ ብዘመናዊ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን ሐኒጻ ካብ 700 ዓመታት ንላዕሊ ክትቅደስን ክትውደስን ዝነበረትን ዘላን ቤተ ክርስቲያን ጸሎት ሰሐርቲ ስም ከዳልዋ ከሎኹ ክንዲ 10% ክቆጽሩለይ ብምባል ኢየ።

መምህር ያዕቆብ ጸጋዘኣብ ዘወልድ።

# 1ይ ክፍሊ

## መቕድም

*ብስም ኣብን ወልድን ወንፈስ ቅዱስን*
*ሓደ ኣምላኽ። ኣሜን።*

እግዚኣብሔር ብሓድነቱን ብሠለስትነቱን ዓለም ቅድሚ ምፍጣሩ ብልቢ ዝመኸሮ ዓለም ድሕሪ ምፍጣሩ ናብ ነቢያት ኀዲሩ ዘናገሮ ትንቢታተ ሓዲስ ንምፍጻም ካብ ሠለስተ ኣካላት ሓደ ኣካል ወልድ ሥጋ ሰብ ለበሰ። (ዮሓ፡1፡14 ራዕ፡19፡13 1ጢሞ፡3፡16፡ ምስ ተወልደ ድማ ነቶም ብሕጊ ኦሪት ዝነበሩ ናብ ሕጊ ወንጌል መታን ክመልሶም ሕጊ ኦሪት እንዳፈጸመ ዓበየ። (ገላ፡4፡4 ሉቃ፡2 22–24)።

በዚ ኣብነት እዚ ድማ ቅዱስ ጳውሎስ ብሕጊ ኦሪት ፀኒዖም ኣብ ሕጊ ወንጌል ምምላስ ንዝኣበይዎ ኣይሁዳውያን ኣብ ወንጌል ንምእታው፡ ንሳቶም ዝኸደንዎ ክዳን ዝጥም ጥምዎ መጠምጠሚያ ጠምጢሙ ንኣኀዋቱ ሓዋርያት ከምዘይፈልጠም ተመሲሉ ከምሕሙም ናብ መዕቆብ ሕሙማት ብምእታው ከምታ ዝደለያ ምስ ሠመረትሉ ብስም መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ጸሎት ሕሊና ኣዕሪጉ ካብቲ ቈሪኑ ኂዙዎም ዝነበረ ሕማማቶም ምሉእ ጥዕና ኣውሂቡ፡ ኣሕውዩ፡ ንኣምን ብክርስቶስ ንኣምን ብክርስቶስ እናበሉ ካብቲ ደቂሶሙሉ ዝነበሩ ዓራውቲ እናተናጠሩ ወሪዶም ብወንጌል ከምዝኣምኑ ይገብር ነበረ።

ቅዱስ ጳውሎስ ምእንቲ ስብከተ ወንጌል ንምስፍሕፋሕ ክጥዕሞ ኪብል ተኸዲኑዎ ዘይጸንሐ ክዳንን መጠምጠምያን ምግባሩ፡ ከይሓመመ ሕሙም ምምሳሉን ነቶም ዘይፈልጡ ኃጢኣት ከየእቱ ግዲ ኢሉ ኮይኑ፡ እዚ ክገብር ከሎኹ ግን ሕጊ እግዚኣብሔር ወንጌል ከይረሳዕኩ እየ ኢሉ ፈውሲ ሓሜት ተዛሪቡ ኔሩ እዩ። 1ቆሮ.9፡21





# ኣንበብትን ሰማዕትን ምእመናን!

መራሕትና ሓዋርያት ንስብከተ ወንጌል ክብሉ ዘጽንሑልና ሠናይ ተልእኮ እንተደኣ ብልቢ ተመልኪትና ተረዲእናዮ፡ ኣሠር ሥርሖም ንምትምናይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምግባር ከይተረረፈ ከምዝስሕበና ኣየጠራጥርን እዩ። ኣብ ዝደሌኻዮ ንምብጻሕ ከኣ ንኵሉ መሠረት ስለዘድልዮ ናይ ዮሓንስ መጥምቕን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመጻጽኣን ብስፈሑ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ስለ እንረኽቦ ብሓጺሩ ከምዚ ዚስዕብ ጽሑፍ ንጠቕሶ። 2ይይ ክፍሊ

## 2ይ ክፍሊ
## ስብከት ዮሓንስ መጥምቕ ብሓጺሩ

ነቢይ፡ ካህን፡ መጥምቕ፡ ሰማዕት፡ ሓዋርያ ተባሂሉ 5ተ ቅጽል ስም ዘለዎ ዮሓንስ ወዲ ዘካርያስ ብትንቢተ ነቢያት ብብሥራተ መልኣክ ዝተወልደ ምዃኑ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብኸምዚ ዚስዕብ መስኪሮሙሉ ኣለው።ሉቃ.1፡13

1. ብፍላይ ብዛዕባ ተጠቃሲ ዮሓንስ ዚምልከት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 740 ዓመት ዝነበረ ነቢይ ኢሳይያስ ኣብ በረኻ ዚነብር ድምጺ ዓዋጅ ነጋሪ መንገዲ እግዚኣብሔር ጽረጉ ዚቐንዓ ከኣ ግበሩ ኢሉ ነጊሩሉ ዝጸንሔ። ኢሳ.43 ማቴ.3፡3 ዮሓ.1፡23-28 ስንክሳር 30 ሰነ ተመልከት።

2. ሚልክያስ ነቢይ እንሆ ልኡኸይ እልእኽ ኣለኹ ንሱ ቀቅድመይ መንገዲ ኪጽርግ እዩ። ሚል.3፡1

3. ዘካርያስ ወላዲኡ ድማ ኣንታ ሕፃን እውን ነብይ ልዑል ክትበሃል ኢኻ ኢሉ ድኅሪ ምንባዩ፡

4. ክርስቶስ ባዕሉ ኣንስቲ ካብ ዝወለዳኦም ንዮሓንስ ዚዐብዮ (ዚበልጾ) የልቦን ኢሉ ሞጊስዎ ኣሎ። ማቴ.11፡11 ስንክሳር 26 መስከረም ተመልከት።

ነዚ ትንቢት ንምፍጻም ተወሊዱ ወዲ 2 ዓመት ኣቢሉ ክኸውን እንከሎ ቀዳማይ ሄሮድስ ቅትለት ሕፃናት ሚሂዙ፡ ካብ ወዲ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኡ ክቕተል ኢሉ ኣዋጅ ምስነገረ፡ ዘካርያስ ንወዱ ዮሓንስ ናብ ውሽጢ ቤተ መቕደስ ኀብኦ፡ እንተኾነ ግን ደቆም ዝሰኣኑ ወዲ ዘካርያስ ኣይተቐትለን ኢሎም ሓቢሮም ነይሮም ግዲ ኮይኖም፡ ብደመ ሕፃናት ዝሰኸሩ ወታሃደራት ሄሮድስ ናብ ዘካርያስ ከይዶም ወድኻ ናብ ዓውዲ ቕትለት ስለዘየቕረብካዮ ኣቕርቦ ኢሎም ስለዘጨነቕሉ ናብታ ዝኀብኦ ቤተ መቕደስ ወሲዱ





ነዋ ሕፃን ተመጠውዎ ለሊኩሙ እምዚየ ኢሉ ከይፈተወ ሓበሮም። ገድለ ዮሓ.23፡35 ስንክሳር 8 መስከረም ተመልከት።

ኣብ መንጎ እዚ ግና ብእግዚኣብሄር ዝተኣዘዘ መልኣኽ ነዲኡ ኤልሳቤጥ ወዳ ሒዛ ንበረኻ ሲና ቢፉ ክትሓብኦ ስለዘኣዘዛ ወዳ ሒዛ ናብቲ መልኣኽ ዝመርሓ በረኻ ከደት፡ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ድማ ብሞት ተፈልየቶ። ዘካርያስ ድማ ሓባእ ወዱ ተባሂሉ ብትእዛዝ ሄሮድስ ኣብ መንጎ መስውእን ቤት መቕደስን ተቐትለ። ማቴ.23፡35

ብድሕሪ እዚ ከም እኒ መዓር ጽጌናይ ዚኣመሰለ እናተመገበ ክሳብ እታ ምስ ደቂ እስራኤል ዝተፋለጠላ ዕለት ንበይኑ ይነብር ምስ ነበረ፡ እቲ ትንቢታት መዓልቱ ኣኺሉ ምስቶም ዘይፈልጠምን ዘይፈልጡዎን ዝነበሩ ኣኀዋቱ እስራኤላውያን ገጽ ንገጽ ተራኺቡ መንግሥተ ሰማያት ወንጌል ክትዕደል ቀሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ እናበለ ክምህር ጀመረ።

ኣብቲ ቅንያት እቲ ድማ ዮሓንስን ጐይታን ብመንፈስ እንተ ዘይኮይኑ ብዓይኒ ሥጋ ስለ ዘይተረኣኣዩ፡ ዮሓንስ ኣንስ ኢየኣምሮ፡ ኣነ ኣይፈልጦን እየ ኢሉዎ ኣሎ። ክርስቶስ ምዃኑ ንኸፈልጥ እኳ 2 ደቂ መዛሙርቱ እንድርያስን ዮሓንስ ፀዊዑ ኪድኩም፡ እቲ ዚመጽእሲ ንሰኻ ዲኻ ወይስ ዝመጽእ ካልእ ክንጽበ ኢና? በልዎ፡ ኢሉ ናብ ጐይታ ለኣኾም። ክርስቶስ ድማ ምስ ከድዎ፡ ሕሙማት ኪፍውስ ምውታት ኪተንሥእ ጸንሖም፡ መልእኽቶም ምስ ነገሩዎ እወን ኣይኮንኩን ዝብል መልሲ ከይሃቦም፡ እንታይ እሞ ክብሎም እየ ብምባል፡ እትርዕይዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም ጥራይ ንዮሓንስ ንገሩዎ ኢሉ መለሶም። መታን ንሱ ምዃኑ ንዮሓንስ ከብርሃሉ ኢሉ ድማ ብኣይ ዘይጠራጠር ብፁዕ እዩ ኢሉ፡ ብተወሳኺ ገለጸሎም። ዮሓንስ ድማ ደቂ መዛሙርቱ ዘምጽኡሉ መልሲ ሰሚዑ ከይተጠራጠረ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ኣመነ። ማቴ.11፡1-6 ሉቃ.7፡18 ዮሓንስ ኣይፈልጦን እየ መበሊኡ ግን ንሱ ኣብ በረኻ ስለዝዓበየ ጐይታ ግን ምስ ኀብረተሰብ ኣብ ገሊላ ትውልድ ዓዱ ናዝሬት ስለዝዓ

በየ እዩ። እቲ ኣነ ኣይፈልጦን እየ ዝበሎ፡ ምስ ናይ ጴጥሮስ ዝመሳሰል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣስየፍትን ሓኽልን ዝኀዙ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ረኣየ እዩ ንዝፈልጦ ጐይታኡ ኣይፈልጦን ዝበለ፡ ዮሓንስ ግን ምንም እኳ ደቂ ሓትኖታት ዝወለደኦም እንተኾኑኳ ምስ ተወልዱ በታዓባብያኦም ርሒቦም ስለ ዘይነበሮም እዮም ኣብ ሠላሳ ዓ መታቶም ተራኺቦም ዝተባለዩ ዮሓ.1፡23-37 ኢሳ.5፡3። ብድኅርዚ ዮሓንስ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ በብቁሩብ እናሰጐመ ናብ ኣውራጃ ዮርዳኖስ ምድሪ ይሁዳ እትርከብ ምስ በጽሐ ደጋጊሙ መንግሥተ ሰማያት ወንጌል ክትዕደል ቀሪባ ኣላ እሞ ተነስሑ እናበለ ኣግሂዱ ሰበኸ። ትምህርቱ ሰሚዖም ድማ፡ ካብ ኢየሩሳሌምን ይሁዳን ዮርዳኖስን መጺኦም ኃጢኣቶም ገሊጾም እናነገሩዎ ናብቲ ፈለግ ዮርዳኖስ ናይ ንስሓ ጥምቀት መሠጋገሪ ብማይ ጥራይ ተጠመቑ። ማቴ.3፡ 5-6። ገሊኦም ከኣ ካብቶም ፈትዮም ዝጥመቑ ዝነበሩ ተፈልዮም ክተርፉ ከለው ከይፍለጡ ግዲ ኢሎም ኮይኖም ኃጢኣቶም ሰዊሮም ክዳውንቶም ቀያይሮም መጺኦም ካብ ክሳድ ንላዕሊ ዝተጠምቁ ኔሮም።

ብሳልሳይ ደረጃ ዚረኣዩ ፈሪሳውያንን ጸሓፍቲ ሕግን ከኣ ነቲ ትእዛዝ እግዚኣብሔር (ምጥማቕ) ኣግሂዶም ዝተሓሰምዎ ኔሮም። ሉቃ፡7፡30። ዮሓንስ ድማ ነቶም ተጠመቕቲ ዝቐደመ ትሪ ልቦም ግዲ ትዝ ኢልዎ ኮይኑ ኣንቱም ደቂ ኣራዊት ሎሚ ደኣ ካብቲ ዝመጽእ ቍጠዓ ከም እትመልቁ መን ሓበረኩም? እናበለ ይገንሖም ነበረ። ማቴ.23፡33

ካብቶም ንይምሰል ዝጥመቑ ዝነበሩ ድማ ዋላ እኳ ደቂ ሰብ እንከሎና ደቂ ኣራዊት እናበለ ይጋናሕ እምበር ንኣሪት ዘፍርስ ንወንጌል ዘሓድስ ሥራሓት ዝገብር እንተኾይኑስ ቀሪብና ዘይንዕዘቦ ዝብሉ እውን ኔሮሙዎም።





ዮሓንስ ግን ነቶም ብምሉእ እምነት ቀሪቦም ዚጥመቑ ዝነበሩን ብቓል ዓለም ዝጥመቑን ፈጺሞም እምቢ ዝበሉን በጣማምታኦም መጽናዕቲ ስለ ዘወሰደሎም ኣነ ሕጂ ብማይ ጥራይ እየ ዘጥምቐኩም ዘሎኹ እቲ ብድኅረይ ዝመጽእ ግና ነቶም ብምሉእ ልቦም ኣሚኖም ዝጥመቑ ብመንፈስ ቅዱስ ከጥምቖም እዩ። ነቶም ዘይተጠምቁ ማለት ብጥምቀት እንታይ ድኅነት ክርከብ ኢሎም እምቢተኛታት ዝኾኑ ግና ብሓዊ (ገሃንመ እሳት) ዘጠምቕ በዓል ምሉእ ሥልጣን ክመጾም እዩ እናበለ ጥቕሚ ምሥጢረ ጥምቀት ይገልጸሎም ነበረ። ኣብ መወዳእታ ዘረባኡ ድማ ዓው ኢሉ፡ ወፍሥሐ ዚአየስ ናሁ ተፈጸመት ወእንቲኣሁሰ ትበዝኅ። እንሃ ናተይ መምህርነት ኣብቅዔት ናቱ ግን ተስፋሕፍሕን ትበዝኅን ደኣ እምበር ኣይትኃልፍን እያ እናበለ ናብ ዋናኣ ኣጸግዕ ኣቢሉ ኀደጋ። እቲ ዝተረከባ ከኣ ርሑቕ ዓዲ ክገይሽ መደብ ስለ ዝነበሮ ን84 ምዕዙዛት ሰባት (12 ሓዋርያት፡ 72ን ኣርድእትን) መሪጹ ምሉእ ውክልና ሥልጣን ሂቡ ኣመኀላለፉ። ዮሓ.3፡29 ማቴ.24፡10-11 ማር.16፡19

## 3ይ ክፍሊ
## ምምጻእ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዮርዳኖስ

ጐይታ ኣብ መበል 30 ዓመቱ (ሉቃ.3፡23) ጐይታ ከምቲ ልበ ኣምላኽ ዳዊት ሣህል ወርትዕ ተራከባ ጽድቅ ወሰላም ተሰዓማ። ርትዕሰ እምድር ሠረፀት ወጽድቕኒ እምሰማይ ሓወጸ። ሣህል ጐይታ ርትዕ ዮሓንስ ብኣጥማቕን ተጠማቕን ኣብ ፈለገ ዮርዳኖስ ተራኸቡ፡ ኢሉ ዝተነበዮ ትንቢት ጊዜኡ ምስ በጽሐ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዓዱ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ ከይዱ ምስ ዮሓንስ ተራኸቡ እሞ፡ ጐይታ ንዮሓንስ ኣጠምቐኒ ስለዝበሎ ንዮሓንስ

ሃንደበት ኮይኑዎ ባርያ ደኣ ብጐይታኡ ይጥመቕ እምበር ጐይታዶ በኢድ ባርያኡ ይጥመቕ? ኢሉ ብትሕትና መለሰሉ፣ ጐይታ ግን ኀደግ ደኣ ንሸኻ መጥምቀ መለኮት ተባሂልካ ክብርኻ ይንገረልካ ነኣይ ከኣ ብኢድ ባርያኡ (ብፍጡሩ) ተጠሚቑ ተባሂለ ኣርኣያ ትሕትናይ ይንገር። (ዮሓ. 13፡5-12) ስለዝበሎ፣ እምበኣርከስ ፍቓድካ ካብ ኮነስ ቅድሚኻ ብማይ ንስሓ ከጠምቖም ከሎኹ ብስምካ ኣጠሚቐዮም ነኣኻ ድኣ እንታይ ኢለ? ብስም መንከ? ከጠምቐካ እየ በሎ። ጐይታ ድማ ወዲ ምስጉን እግዚኣብሔር ወሃብ ብርሃን ይቕረ በለልና፣ እናበልካ ኣጠምቐኒ ኢሉ መምርሒ ሃቦ፣ በዚ ስምምዕነት እዚ ሥርዓተ ጥምቀት ፈጸሙ። ተጠሚቑ ካብ ማይ ምስ ወጸ ድማ ሰማይ ተኸፍተ ይብል። ሰማይ ተኸፍተ ማለቱ ግን ሰማይ ዚኸፈትን ዝዕጾን ማዕጾ ኣልይዎ ዘይኮነስ ሰማያዊ ም ሥጢር ተገልጸ ማለቱ እዩ።

ሀ. መንፈስ ቅዱስ ብርግቢ ኣምሳል ኣብ ርእሱ ዓለበ።
ለ. እግዚኣብሔር ኣብ ድማ ዚፈትዎ ወደይ እዚ እዩ እሞ ንዕኡ ስምዕዎ ዚብል ካብ ሰማይ ቃል ኣስምዔ።

# 4ይ ክፍሊ
# ምምራፅ ቀዳሞት ሓዋርያት

በቲ ጊዜ እቲ እንድርያስን ጴጥሮስን (ክልተ ኣኅዋት) ኣብ ወሰን ባሕሪ ዓሣ ክገፉ ምስ ጸንሕዎ ንዑ ስዓቡኒ ካብ ምግፋፍ ዓሣ ናብ ምግፋፍ ሰብ መሪጸኩም ኢየ በሎም። ንሳቶም ድማ ከምቶም ካልኦት ወለድና ክንቀብር ምስ ወለድናን ቤተ ሰብናን ተፋኒና ክንምለስ ኢሎም ዘማኻነዩ፣ ምኽኒት ከይገበሩ መርከቦምን ዘሎ ገዛ ዝኀዞ ምሉእ ንብረቶምን ኀዲጎም ብእግርን ብግብርን ሰዓብዎ። ግብ.ሓ.5፡29 ማቴ.8፡22 ሉቃ.5፡2





ካብኡ ኀልፍ ምስ በለ ኸኣ ያዕቆብን ዮሓንስ ክልተ ኣኅዋት (ደቂ ዘብዴዎስ) ምስ ኣቦኦም ኮይኖም መርከቦም እናሓጸቡ ዝተፈትሐ እናኣሣሠሩ ከለው ስዓቡኒ ስለዝበሎም ጊዜ ከይወሰዱ ንወላዲኦም እኳ ተጸዊዕና ኻኸይድ ኣሎና ከይበሉ ወላዲኦምን መርከቦምን ገዲፎም ከምቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ኣኅዋት ብምሉእ ልቦም ሰዓብዎ። ኦሪት እኳ ኣቦኹም ሓዲግኩም ናበይ ትኸዱ ኣሎኹም እንተ በሎቶም ክሰምዕዋ ወይ ግዲ ክገብሩላ ኣይከኣሉን። ዘፀ.20፡12። ደድሕሪኦም ድማ ፊልጶስን ናትናኤልን እውን ካባኹም እንተ ተሪፍናስ ኣእጋርና ይሠበራ ኢሎም ፈኪሮም ነቶም 4 ብጾቶምን ጐይታን ሰዓብዎም። ማቴ.4፡18 ዮሓ1.35-52

ቅዱሳን ሓዋርያት ብሓንቲ ቃል መጸዋዕታ ዘሎ ሃብቶምን ወለዶምን ኣብዚ ዓለም ክንከብር ዝብል ሓሳባትን ሓዲጎም ንጐይታ ምስዓቦም ኣቦኦም (ወለዶም) ጸሊኦም ከየገልግሉ ኢሎም ናብራ ተመንይዎም ዘይኮነ ካብ ክብረ ወለዲ ክብረ እግዚኣብሔር ከም ዝዓቢ ነኣና ኣብነት ክኾኑና ዝጀመርዎ እዩ ዚመስል።

ብድኅሪ እዚ ኣብ ኣውራጃ ገሊላ እናተመላለሰ ከስቶምህር ከሎ ትምህርቱን ተኣምራቱን ብልዑል ዜና ናብ 4ተ መዓዝን ኢየሩሳሌም ስለዝተሰምዓ በበይኑ ሕማማት ዝሓደሮም ሕሙማትን ድኑሳትን ኣቕረቡሉ እሞ ብዘይ ሓደ መቕድም ማለት በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ዘይብላ ተረፍ ሕማም ዘይብሎም ኣጥዓዮም። በቲ ተጌሩ ዘይፍለጥ ሓድሽ ተኣምራት ዝረኣዩን ዝሰምዑን ካብ ዓሠርተ ኣውራጃ ዘይውሕዱ ሰዓብዎ መስዓቢኦም ምኽንያታት ድማ ኣብ ኣርባዕተ ዐይነት ዝተከፋፈለ ነበረ።

ሀ. መልክዑ ንምርኣይ መዝ.44፡2
ለ. ኀብስቲ ኣበርኪቱ ከብልዐና ሕሙማትና ከሕውየልና ዝብሉ ማቴ.15፡38
ሐ. ትምህርቱ ንምስማዕ
መ. ተኣምራቱ ንምርኣይ ማቴ.4፡23

መድኅን ክርስቶስ ድማ ብዝኊ ስዓብቱ ምስ ረኣየ ኣብ በሪኽ ቦታ ደይቡ ዓንቀጽ ብፁዓን ክነግር ኣፉ ከፈተ። እዚ ድማ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ምስትምሃሩ ካብቲ ቅዱስ ቃላት ከይበጽሖ ዝተርፍ ሰብ ከይርከብ ማለት እዩ። ንመረዳእታ ዝኣክል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዚ ወንጌል መንግሥቲ እዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ክስበኽ እዩ ኢሉዎ ኣሎ። ማቴ.24፥14፥ ነዚ ነገር እዚ እውን ከምዚ ኪብል ገሊጽዎ ኣሎ። መብራህቲ ኣብ ቤት ንዘሎ ኵሉ ምእንቲ ኬብርህ ኣብ በሪኽ መቐመጢኡ ተንብሮ እምበር ኣብ ትሕቲ ከፌር ከተንብሮ ኣይተብርሆን ኢኻ ከምኡ ከኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኬመስግንዎ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ ብማለት ዛዚሙዎ ኣሎ።

ኵሉ ነገር ቅድሚ ምኽሣቱ እግዚኣብሔር ብነቢያት ጌሩ ስለ ዝገልጾ፥ እታ ዓንቀጸ ብፁዓን ዝነገረላ ዕለት እውን ንበይና ወይወርድ ከመ ጠል ውስተ ፀምር ዝብል ትንቢት ተነጊሩላ እዩ። ማቴ.5፥15 መዝ.72 ዘዳ.32፥1

ብዓዋጁ መሠረት ድማ ኣብ ርእሲ እቶም ኣቐዲሙ-መሪፁዎም ዝነበረ ካልኦት ተወሲኾም 120 ቀወምቲ ቤተ ሰብ ረኸበ። ንሳቶም ከኣ 12 ሓዋርያት 72 ኣርድእት 36 ቅዱሳት ኣንስት እዮም። ግሓ.1፥15 ኤፌ.4፥11።

ስለዚ መምህራን ብሓዋርያት ምእመናን ብኣርድእት ኣንስቲ በዘን ዝተመዝገባ ቅድሳት ኣንስቲ ክንቀንእ ይግባኣና። ሉቃ.8፥1-3፥ 24፥1 ማቴ.28፥1።

ካብዞም ዝተባህሉ ቤተሰብ ብቐዳምነት ነቶም 12 ክመርፆም ከሎ ዋሕዲ መምህራን ከይርከብ ብማለት 72 ኣርድእት ወሲኹ ሕሙማት ከጥዕዩ ምውታት ከይተረፈ ከተንሥኡ ለምፃማት ከንፅሑ፥ ኣጋንንት ከውጽኡ ንጊዚኡ ናብቲ ንሱ ክበጽሖ ዝመደቦ ዓድታት ቀቅድሚኡ ክኸዱ በብኽልተ ጌሩ ለኣኾም። ማቴ.9፥37፥ ሉቃ.9፥1-9 መክ.4፥10።





መደብ ሥራሕ ሓዋርያትን 72 ኣርድእትን ምእማንን ምጥማቕን ምስትምሃርን ምዃኑ ስለዝተገልጸ ናይ ሠላሳን ሹዱሽተን (36) ቅዱሳት ኣንስቲ ድማ፥ ንኣንስቲ ዝምልከት ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ክፍጽማኦ ዝግባእ ልዑል ኣበርክቶ ይፍጽማ ከምዝነበራ መጻሕፍቲ ገንጺልና ክንረኽቦ ኽእል ኢና።

ካብቲ ኣብ ብዙኅ ዝተጠቅሰን በፍላይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ማቴ.28፥1 ሉቃ.24 ዮሓ.11፥2-21 1ቆረ.9፥5 መንግሥተ ሰማያት ወንጌል ክረድእ ከሎ፥ ምስኡ 12 ደቂ መዛሙርቱ ኄሮም ምስበለ፥ ምስዉዚ ኣተኃሒዙ ካብ ኣጋንንቲ እኩያት ዘድኃነን (ዝፈወሰን) ማርያም መግደላዊት ዮሓና ሶስና ኢሉ ኣስማት ሠለስተ ድኅሪ ምጥቃሱ ነተን ስመን ዘይጸውዐን 33 ከኣ ወካልኣትሂ ብዙኃት እለ ተልእካሁ ብገንዘበን ዘገልግላኦ ካልኦት ኣንስቲ እውን ነበራ።
k } g " }
ኢሉ ኣጠቓሊሉ መስኪሩለን ስለዘሎ ክሳብ እቲ ዝርዝር ኣስማተን ካብ ካልእ መጻሕፍቲ ረኺብና እንገልጾ በዚ ዝተጠቅሰ ምሉእ ኣገልግሎተንን ምስቶም 120 ቤተሰብ ተቌጺረን ዘለዋ ንሳተን ምዃነንን ብምሉእ ሕሊናና ክንኣምነለን ከሎና፥ ክሳብ ሕጂ ኣሠር ሓዋርያት ከምዘየቋረጸ ኣሠር ቅድሳት ኣንስቲ እውን እንተድኣ ኣስተውዒልናለን ኣብ ነፍስ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ብኣገልግሎትን ተፈታዊ ገንዘበን ብምውፋይን ንክርስቶስ ዘገልግላ ከምዝለዋ ካብ ኵሉ ዓይኒ ምእመን ዝተሠወረ ኣይኮነን።

ስለዚ መማህራን ብሓዋርያት ምእመንን ብኣርድእት ኣንስት በዘን ዝተመዝገባ ቅዱሳት ኣንስቲ ክንቀንእ ይግባኣና። ሉቃ.8፥1-3 24፥1 ማቴ.28፥1።

# 5ይ ክፍሊ
# ትንቢት በእንተ ስብከተ ፲፪ቱ ሓዋርያት ፸፪ቱ ኣርድእት (መዝሙር 17፡14)

ፈነወ ኣሕፃሁ ወዘረዎሙ ሓዋርያት ብመምህርነት ናብ ዓለም ለኣኸ ከይውሕዱ ከኣ ኣብዝኀ መባርቅቲሁ ወሆኮሙ ኢሉ 72 ሰባት እንደገና መሪፁ ወሲኹ ናብ ኣይሁድን መናፍቃንን ኀዲሮም ብወንጌል ከይኣምኑ ልቦም ዘፅንዕዎም ንዝነበሩ ኢጋንንት ኣባሪሮም። ተረፍመረፍ ከይርከቡ ከኣ ኣብርቅ መባርቅቲከ ወዝርዎሙ ፈኑ አሕፃከ ወሁኮሙ፣ እናበለ ደጋጊሙ ብኣፍ ነቢይ ዳዊት በዚ መልእኽቲ እዚ ኣብ ግብሪ ወዓለ። መዝ.143 ክርስቶስ ንቅዱሳን ሓዋርያት ዝመረጾም ብትንቢት ባዕሉ ስለዝዓደሞም ደኣ እምበር ኣብ ቅድመይ ጸኒሓሙኒ ኢሉ በብገርሆም ዝተራኸቡ ከምዘይኮኑ ነቢይ ኤርምያስ ወውእቱ ለሊሁ ይበውእ ውስተ ዓለም ወየኀሪ ዓሠርተ ወክልኤተ ሓዋርያተ ኢሉ ኣሎ። ተረፍ ኤር.11፡52 መዝ.17፡5 ኢዮ.2፡28 ግሓ.2፡17 ሄኖ.33፡42፡ 34፡26።

ኣብ ሃገርና ዝዘነመ ማይ ጋሻ ውሕጅ ጐረባብቲ ሃገራት ከም ዝጥቀማሉ፣ ስብከት ወንጌሎም ከኣ ጐቦን ስንጭሮን ዘይክልክሎ ስለዝኾነ ብዝኾነ ነገር ወይሰበክ ዝወንጌለ መንግሥት ተባሂሉ ዝተነግረሉ ቃለ እግዚኣብሔር ብስብከት እውን ኣሠር ሓዋርያት እትኽተል እግረ መምህራን ትፅናዕ ቀጥ ትበል ንብል። ነገር ግን ካብቶም ስብከት ወንጌል ዝበጽሖም ኑቲ ዝተነግረ ተቐቢሎም ማለት ዘይኮነ ከም ዝሰምዑ ንምግላጽ ደኣ እምበር መንፈሳዊ ምግቢ ብእምቢትነቶም ዝተሓሰሙ የለዉን ኣይንብልን። ኮይኑ ግን ጐይታ ነቶም ምእንቲ ድኀነቶም ዝለኣኾም ዘይትሰምዕ እዝኒ ዝሃቡ ዝተፈክሮም መንፈቕ ስለዝበጽሑ ብመጠንቀቕታ ዝኃልፍ ኣይመስልን። ማቴ.23፡13 ዮሓ.3፡18 1ቆረ.8፡7 2ተሰ.3፡2





መዛዘሚኦ ከኣ ሶበሰ ኢመጻእኩ ወኢነገርኩዎሙ እምኢኮኖም ጌጋየ ወይእዜሰ ባሕቱ ኣልቦሙ ምክንያት ለጌጋዮሙ፣ ኣነ መጺኤ እንተዘይነግሮም ኃጢኣት ኣይምኾኖምን ኔሩ፣ ሕጂ ግን ንኃጢኣቶም ምኽንያት የብሎምን። ክጥቀሙሉ ተባሂሉ ዝተዋህቦም ጊዜ ስለ ዘይተጠቕሙሉ ብዘይስዓቱ ዝመጽእ ዕዱም ተቐባልነት የብሉን ኢሉ፣ ማዕጾኡ ዓጽዩ እዩ። ስለዚ ንኃጢኣቶም ምኽንያት የብሎምን ዝበሎ ዮሐ.15፡22፣ ጩራ መኀለፊ ከም ዘይርከባ የብርሃልና ኣሎ። ማቴ.25፡10።

# 6ይ ክፍሊ
# ተወሳኺ ሥልጣን ሓዋርያት ዘበርህ

ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መዓልቲ ዕርገቱ ንቅዱሳን ሓዋርያት ኣኪቡ ናብ ኵሉ ዓለም ኪዱ ወንጌል መሃሩ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድኅን እዩ ብኣይ ንዝኣምን ከኣ ተኣምራት ንምግባር ሥልጣን ክወሃቦ ኣጋንንቲ ከውጽኡን ብሓዲሽ ቋንቋ ክዛረቡ እዮም። ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ኣንቢሮም ክፍውሱ ምውታት ከተንሥኡ እዮም፣ ኢሉ ዝሃቦም መምርሒ. መዓልቱ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ከለው ዝገጥሞም ዝነበረ መከራ ነፍሲ ወከፍ ገድሎም ተመልኪትና ክንርድኦ ክንኽእል እንተዘይኮይኑ ናይ ኵሎም ገድሊ ኣብዚ ኪግለጽ ኣይከኣልን እዩ። ነገር ግን ከምቲ ቅዱስ ሓዋርያ ፊልጶስን ጐይታን ዝተዛረቡሉ ማለት ጐይታ ብኣይ ዚኣምን ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዝገብር ካብኡ ዚዓቢ እውን ከም ዝገብር ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ዝበሎም፣ እዚ ማለቱ ድማ <u>መድኅን ክርስቶስ ብኣካል ኣብዚ ዘሎናዮ ዓለም ከሎ ዘስተምሃረለንን ተኣምራት ዝገበረለን 3 ዓመትን ሰለስተ ወርኅን ጥራይ ስለዝኾና</u> ኣብ መንገኦ ሠለስተ ዓመትን ሠለስተ ወርኅን ዝግበር ትምህርትን ተኣምራትን ምስቲ ብዙኅ ዝጸንሕ ሕይወት ሓዋርያት ክነጻጸር እንከሎ፣ ናይ ሓዋርያት ስለዝበዝኅ ካብቲ ኣነ ዝገበርኩዎ ዝበዝኅ ክሠርሑ እዮም ማለቱ ደኣ እዩ እምበር፣ ሓዋርያት ካብቲ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ ዝዓቢ ክገብሩ እዮም ዝብል ሓጋዚ ጽሑፍ ስለ ዘይንረኽበሉ ነታ <u>እትዓቢ እትብል ቃል እትበዝኅ ኢልና ብትርጉም ክንቅበላ እዩ ዝግበኣና።</u>

እዚ ኣበሃህላ እዚ ድማ ብመሠረት ቃል ቅዱስ ጳውሎስ ዝተዋህበ ደኣ እምበር ነቲ ዮሓንስ ኣብ ራዕዩ ዝበሎ ዘናእስ ዝልውጥ ስለዘይኮነ ምንም እኳ ቅዱሳት መጻሕፍትና ከይንውሰኽን ከይንንክን እንተኣማሕፀና መብርሂ ንመሃብ ድፍረት ዘቍጽር ኣይመስል መጽሓፍ ይቀትል





የሐዩ፣ ስለዝብል። 2ቆረ.3፡7 ዮሓ.14፡12 ራዕ.22፡18-20 ያዕ.2፡10

ሓዋርያት በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተመልከተ ቃላት ካብ መዓልቲ ምርጫኦም ክሳብ ፍጻሜ ሰማዕትነቶም ብበበይኑ ፀዋትወ መከራ ዝነግር ታሪኽ ገድሎም ዝገልጽ (ብራና ገድለ ሓዋርያት) ብሓፂሩ ደኣ እምበር ብሙሉእ ዝጽሕፎ ኣይረኽበን። ነዚ መረዳእታ ዝኸውን ድማ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበሮ ታኣምራትን ዘስተምሀሮ ትምህርቲ ንካልእ ኣሎ። ኵሉ ሓደ ብሓደ ተጻሒፉ እንተ ዝኸውን ነቲ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ እዚ ዓለም እዚ ኣይምኣኽሎን ኢሉ፣ ብሓቂ ምስክርነት ተዋሂቡሉ ኣሎ። ስለዚ ሓደ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበሮ ኵሉ እንተዝጸሓፍ ኔሩስ እዚ ዓለምዚ ኣይምኣኽሎን ክብል ከሎ 12 ሓዋርያትን 72 ኣርድዕት ንዝገበሩዎ ተኣምራትን ዘስተምሀሩዎ ትምህርትን ዝገጥሞም ዝነበረ ዘስካሕክሕ ፈተናታትን ሓደ ብሓደ ተጻሒፉ እንተዝኸው 84 ዓለማት ኣይምኣከሎን እንተተባህለ ኣብ ልዕሊ ከውሒ ዝተመሥረተ ግምት ስለዝኾነ ኣሜን ኢልና እንቕበሎ ምስክርነት እዩ። ዮሓ.21፡21-25።

መድኅን ክርስቶስ ንቅዱሳን ሓዋርያት ሥልጣኖም ከበርሃሎም ከሎ፣ (ፈትዩ ጸሊኡ) ንቓልኩም ዘይቅበል እንተረኺብኩም ብውግዘት ፍለይዎ፤ ኣብ ምድሪ ዝኣሠር ኩምዎ ኣብ ሰማይ እሡር፣ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩምዎ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ከምዝኸውን ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ኣብ ምድሪ ኃጢኣቶም ዝኃደግኩሙሎም ኣብ ሰማይ ይኅደገሎም ናብ ምድሪ ኃጢኣቶም ዘይኅደግኩሙሎም ከኣ ኣብ ሰማይ ኃጢኣቶም ኣይኅደገሎምን እዩ፣ ኢሉ ካብ ምድራውያን ነገሥታትን ሌዋውያንን ካህናት ዝዓበየ ሥልጣን ከምዝተዋህቦም ገለጸሎም። ማቴ.18፡18 ዮሓ.20፡23።

ብፍላይ ቅዱስ ጴጥሮስ ኵሉ ኀዲግና ስዒብናካስ እንታይ ክንረክብ ኢና? ኢሉ ምስ ተወከሶ፣ ናብ ዳኅረዋይ ምምጽኣይ ኣብ 12 መናብርቲ ተቐሚጥኩም ን12 ዓሌት

እሥራኤል ክትፈርዱ ኢኹም ኢሉ መልሲ ሃቦም። ማቴ. 19፡27።

ነገር ግን ሓዋርያት በቲ ኣቐዲሙ ኣብ ምድሪ ከለው ዝኣሠርዎን ዝፈትሕዎን መሠረት ዝኣተወሎም ኪዳን ዘየፍርሰሎም ምኧኑ ኘኸረድኦም ደኣ እምበር፡ ሓዋርያት ምንም እኳ ናይ መንግሥተ ሰማያት ኣዕሩኽቲ መርዓዊ ኮይኖም መእተውትን ከልከልትን ደቂ ገዛ እንተኾኑ ኣብታ ካልኣይቲ ምምጻእ ጐይታስ ብየማኑን ጸጋሙን ናይ ክብሪ ተቐመጥቲ ጌሩ ከምዘንብሮም ኘኸረድእ ደኣ እምበር እታ ንዑ ናባይ፡ ኪዱ ካባይ እትብል ቃልሲ ንፍጡር ዘወክላ ኣይመስለንን። ራዕ.21፡14 ዕዝራ ሱቱ 8፡18። ስለዚ ቅዱሳን ሓዋርያት ብሕይወተ ሥጋ ኣብዚ ዓለምዚ ከለው ምስ ኣጋንንትን ናይ ኣሕዛብ ነገሥታትን ተቓሊሶም ሥርሖም ኣስሊጦም ብሞት ቅድሚ ምፍላዮም መጽሓፎም ብሓደራ ንካህናት ከተኃላልፉሎም ከለው ብፁዕ ዘየዐቅብ ቃል ተነብዮቱ ለዝንቱ መጽሓፍ ወኢትኅትም ቃለ ተነብዮቱ ለዝንቱ መጽሓፍ። ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ዝተዘርበ ቃል ሠዊርካ ኣይተቐምጠ ሓደራ እናበሉ ካብ ርእሶም ስለ ዘውረዱ ክዕ ጸፍ ዘይግብኦ መጽሓፍ ስለዝኾነ ክንጥቀመሉን ኽንጠቐመሉን ግዴታና እዩ። ንሕነሰ ኢንክል ከቢቶቶ ለዝንቱ ነገር ራዕ.22፡7-8 ግሓ.18፡9-12።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ካብ ኮነ፡ ሓዋርያት ዝተቐበልዎ መከራ ምቕባልሲ ይትረፍ ዘስተምሃርዎ ትምርህቲ ጥራይ እንተነገርና እኹል እዩ፡ ግድን ዘይተሰቐልኩሙለይ ኣይምበለናን። ስለዚ ቅዱስ ቃል ወንጌል ንምንጋር ካብ ሓደ ክልተ መምህራን ጥራይ ክንጽበዮ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እንሆ ነቢያት ጠቢባንን መምህራን ሕግን እልእከልኩም ኣሎኹ ማለቱ ንሽመትን ሽልማትን ጣዕምን ዘለዓለማዊ ሥጋዊ ክብርን ንምርካብ ኣይኮነን። ነቢያት ዝበሎም 72 ኣርድእት ምኧኖም ሓዋርያት ብቑሞም 12 ሓዋርያት ጠበብት ዝበሎም ሹመኛታት ጸሓፍቲ መምህራንን ነቢቦም ተርጕሞም ዝነግሩን





ምኧኖም ይፍለጥ። እዚኦም ከኣ ካብ ክርስቶስ ክሳብ ምፅኣት ዝትንሥኡ መምህራን ማለት እዮም። ማቴ.23፡34።

በዚ ምኽንያት ወኵሉ ዘይሰምዕ ዘንተ ቃልየ ወኢይገብሮ ይመስል ብእሴ ዓብደ ዘሓነጸ ቤቶ ዲበ ኆፃ ዝበሎ ኣደራዕ ኣብ ልዕሌና ከይምስልሲ ካብ ቍጽሪ 26 ናብ ቍ.25 እንተ ተመለስና ይሕሸና ይመስለኒ። ማቴ.7፡25-26 እዞም ኣብ ላዕ ሊ ዝተጠቕሱ መምህራን ተላኢኾሙልና ከብቅዑ ከኣ ካብ ፍልጠት ዕውራን ኢና ክንብል ብቑዕ ምኽንያት ስለ ዘይንረክብ ኮይኑ ኣይኮይኑ ሕጂ እያ እሞ እስከ ንሕሰበሉ። ዮሓ.15፡22 ዮሓ.9፡41። ስለዚ ሓዋርያት ጊዝያዊ ትንሣኤ ተንሢኦም ግራቶም ዘፍረዮ ክርእዩ ምርኵሶም ተኺሎም ደርገፍገፍ እናበሉ ኣብዛ ዓለም እንተዝዛወሩ እቲ ዝተኀርየን ዝተኣረየን ንፁሕ ዘርኢ ዘሪኦም ዝሓደግዎ ልቢ ምእመናን ግራቶም ዝጽሕዮ ስኢኑ በብዓይነቱ እሾኽ መርገም ውሒጡዎ ምረኸብዎ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደራ ኢሎም ዝተላበውዎም ሕድሮም ዘየፅንዑ ኣቱም ግቡዛት መምህራን ሕጊ መንግሥተ ሰማይ ንሰብ ኣፍደገ ገጹ እትዓፅውሉ ንርእሰኹም ኣይተኣትው ኑቶም ክኣትው ዝደልዩ ድማ ምእታው እትኽልክሉ ወይለኹም ኢሎም በትሪ መግናሕቶም ኣብ ምልዓል ምበጽሑ። ማቴ.23፡13 ሉቃ.18፡8 መዝ.22፡3 ማቴ.13፡24

# 7ይ ክፍሊ
# መጻሕፍቶም ብዘይምንታው

ቀጺሎም እውን ሥጋ ቈጺሮም ኣብያተክርስቲያናት ኣትዮም እንተዝዕዘቡ ከኣ ብስም ደቆምን ደቂ ደቆምን ዝተሓንጸ እንተዘይኮይኑ፡ መጻሕፍቶም ዘመናዊ ኅትመትሲ ይትረፍ ምስ ተዓጽፈ ከይተገንጸለ ምረኸብዎ። ምስክራት 1 ሲኖዶስ 2 ቀሌምንጦስ 3 መጽሓፍ ገድሎም ይመስክር። በዚ ኵሉ ምኽንያት እዞም ብኣንብሮተ ኢድ ክርስቶስ ዝተሸሙ ኣዕማደ ቤተክርስቲያን ሓዋርያት ቁሩብ ነዛ ብስሞም እትጽዋዕ ዓባይ ማኅበር እንተዘይረኽቡ ዘንጸርጸረ ዓጋዜን ኣብ ምጋእ በጽሐ ከም ዝበሃል፡ ትዕግስቶም ወዲኦም ክህነትኩም ናብ ኢድና ኣብምባል ምበጽሑ ኔሮም። ማቴ.25፥28።

እዚ ከኣ ኑቲ እግዚኣብሔር ብኣፍ ነቢይ ሆሴዕ ጌሩ ሕዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ስለዝኣበኻ ካህን ከይትኾነኒ ክኣብየካ እየ ዝበሎ ሆሴ.4፥6 እዩ ዝመስል። ሓዋርያት ግን እዚ ዘረባ ሆሴዕ ከይበጽሖም ግዲ ኢሎም ኮይኖም ስብከት ወንጌል መታን ከማዕብሉ ኢሎም ካብ ማዕ ከል ቅድስት ሃገር ኢየሩሳሌም ኣትኒዞም በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢሎም ክጅምሩ እንክለው፡ ብስብከቶም ብዙኃት ኣመኑን ተጠመቑን ተፈወሱን፡ እንተኾነ ብቅንኣት ዝተተንከየ ሄሮድስ ንያዕቆብ ብሰይፊ ቀተሎ።

ያዕቆብ ብሞት ቀዳማይ ኽኸውን ከሎ ኑታ ሓዋርያት ተለው ኣሠሮ እትብል ዕላማ (ቀዳማይ) ዘልዓላ ግን ንሱ እዩ። እንተኾነ ሞት ብጻይ መሪር እኳ እንተኾነ ዝተረፉ ሓዋርያት ንማእሠርትን መግረፍትን ሞትን ከም መዓርገ ሽመት ይቈጽሩዎ ስለዝነበሩ ብሞት ብጻዮም ያዕቆብ ሠጋእ ከይበሉ ስበከተ ወንጌሎም ኣበርቲዖም ስለዝቐጸሉ ብዝኂ ምእመናን እናወሰኸ ከደ፡ ካብቶም ንሕና ደቂ ኣብርሃም ኢና፡ ብሃልቲ ዝነበሩ ካህናተ ኦሪት እኳ ከይተረፉ ኣእመኑን ኣጠመቑን። ግሓ.5፥41።





ብርሃናተ ዓለም ሓዋርያት በቲ ቀዳማይ ስብከቶም ርኩሳን መናፍስቲ ካብ ዝኅደርዎም ሰባት ይወጹሎም ስለዝነበሩ። ሓድሽ ነገር ኮይኑዎም ብዝተገብረሎም ተኣምራት እናዘለሉ ተመሊሶም ንጐይታ ስለዝነገሩዎ ደስ ዘብልሲ ኣስማትኩም ኣብ ውሽጥን ኣፍደገ መንግሥተ ሰማያትን ብምጽሓፉ እዩ። ኢሉ ኣብ ልቦም ዘይጸንሐ ሓድሽ ብሥራት ኣሰምዮም። ራዕ.21፥14 ሉቃ.9፥10፤ 10-17

# 8ይ ክፍሊ
# መጽሓፈ ገድሎም እንተዘይጸሓፈልና

መሠረተ ቤተ ክርስቲያን ሓዋርያት ዘስተምህሩዎ ትምህርትን ዝገጥሞም ዝነበረ ፈተነታትን ናብቲ ባዕሎም ካብ ኣፍ መንፈስ ቅዱስ እናተቐበሉ ዝጸሓፍዎ ሓዲስ ኪዳን ክርከብ ስለዘይከኣል፡ ናብ ማእከል ተኺሉ እሰደኩም ኣሎኹ ዝበሎም ቃል እንታይኮን ረኺብዎም ይኸውን ክንብል እንተ ዘይኮይኑስ ናይ ነፍሲ ወከፍ መከራኦም ኣይምፈ ለጥናዮን ኔርና።

እንተኾነ ናይ ሓዋርያት ዝኣክል ኣስተምህሮን ገድልን ከይተጻሕፈ ክተርፍ ዘይፈቅድ ጐይታ፡ ጸሓፍቲ ኣልዒሉ ገድለ ሓዋርያት ብዝብል ሥያሜ ኣዳልዩ ኣጽንሓልና። በዚ ምኽንያት ኑቲ ብብራና ዝተጻሕፈ ብዘመናዊ ኅትመት ኣባዚኅና ብቋንቋ ሰብ ሃገር ንምዝርግሑ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተረኽበ እንሆ።

# ፱ይ ክፍሊ
# ክርስቶስ ንፈታዊኡ ይፈቱ ንጸላኢኡ ከኣ ይጸልእ

ዮሓ.14፥21 ዘዳ.7፥9-10

እግዚኣብሔር ንጻድቃን ንኃጥኣንን ፈተውተይን ጸላዕተይን ከይበለ ዝናሙ ሂቡ ንሰቡ እኽሊ ንእንስሳኡ ልምሉም ሣዕሪ እንዳኣብቈለ ዝምግብ እንድዩ። ስለዚ እግዚኣብሔር ኣየዳሉን እዩ፣ ዝብሉ ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ፈታዊኡን ጸላኢኡ ዝገልጸላ ሰብ ብዝበደሎ ዕለት ዕለት (ንጊዚኡ) ዘይከፍልን ዘይፈድን ስለዝኾነ ደኣ እዩ እምበር ፈተውቱን ፀላዕቱን ከምዘለሊስ እዞም ኣብ ታሕቲ እንገልጾም ከረድኡና ይኽእሉ እዮም። ኢይቀሥፍ ወትረ ወኢይትመዐእ ዘልፈ ይብል።

ሀ. እምቢተኛ ፈርዖን እግዚኣብሔር ከምዚ ይብለካ ኣሎ ኢሎም ንዝነገሩዎ እግዚኣብሔር ዝብልዎ ኣይፈልጥን እየ ዝብል መልሲ ምስ መለሰሎም፣ ፈነወ ተኣምረ ወመንክረ ማዕከለኪ ግብፅ ኢሉ ዓሠርተ ዓይነት መዓት መበል 11 ስጥመት ዘውረደላ ጸላኢቱ ስለዝኾነትዶ ኣይኮነን? መዝ. 134፥9 ዘጸ.8.1-24።

ለ. ክርስቶስ ብኣካል ሥጋ ኣብዚ ከሎ ብዓይኒ ሥጋ እንዳረኣያኦ ወይለኺ ኮራዚ ወይለኺ ቤተ ሰይዳ ዝበለንከ ጸላእቱ ኮይነን ቃሉ ምቕባል ምስ ኣበያኦዶ ኣይኮነን? ሰዶምን ገሞራን ብዘይ ክርቢት ብሰማያዊ ሓዊ ጌሩ ናብ ሓሙኹስቲ ዝለወጠን፤ ተጋግዩ ድዩ? ማቴ.11፥21 ዘፍ.19፥24።

ሐ. ኣስማቶም ኣብ ኣፍደገ መንግሥተ ሰማያት ተጻሒፉ ኣሎ ዝተባህሉ 12 ቅዱሳን ሓዋርያትከ ፈተውቱን ፈታዊኦምን ስለዝኾኑዶ ኣይኮነን? ራዕ.21፥14።





ኮናኒ በጽድቅ ፈታኒ በርትዕ ዝተባህለ ጐይታ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ኣይብልንዩ ማለት ገርሂ እዩ ማለት ስለዘምስል ንጸላኢ ጽቡቕ ኣሎኻ ኢልካ ምምዓድ ከይመስልሲ ንሓቀኛ ጽሑፍ ካብ ምንጋር ኣይንንፈገሉ። ንምንታይ ደኣ ንዓና ጸላእትኹም ፍተው ዝብለና ዝብሉ ከይርከቡ ከኣ እዚ ክብለና ከሎ ብገዛእ ርእሰኹም ሕነ ኣይትኽፈሉ ማለቱ ደኣ እዩ እምበር ንበደለኛ ነፃነት ምሃቡ ኣይኮነን። ከምዚ ዝበሃል እንተዝኸውንሲ ነቢየ እግዚኣብሔር ዳዊት እንተደኣ ካብ ክፍኣትኩም እንተዘይተመሊስኩም ሰይፉ መሊሑ ይጽበየኩም ኣሎ ዝብል ቃል ንምጽሓፍ ኣይምደፈረን ኔሩ። ኵሉ ከምዝፈልጦ ከኣ ሰይፊ (ፍርዲ እግዚኣብሔር) ንከንቱ ከምዘይምላሕ ርዱእ እዩ። ሮሜ.12፥19።

ብሓደ ወገን ጐይታ ንጸላኢኡ ይጸልእ እዩ እንተ ተባህለ፣ ድፍረት ኣይኮነን ምኽንያቱ ነታ ቀዳመይቲ ዓባይ በደል ወድሰብ ንምድምሳስ ወዲ ሰብ ተወሊዱ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ዘይቅበሎ መከራ ሥጋ ብሓንቲ መዓልቲ ተቐቢሉ ካብ ሕማም ክሳብ ሞት (ተቐቢሉሉ) በጺሑሉ ከብቅዕ መለበሚ ከለዎ ክብድል ብምርካቡ ጸላኢኡ ዘየጽልእ የብሉን ዝብል እዩ። ዘፍ.3፥6 ማቴ.27፥50 ሮሜ.8፥18።

# 10ይ ክፍሊ
## ቀዳሞት ሓዋርያትን ተካእቶምን

ኣብ መንጎ እዞም ቀዳሞትን ዳኅረዎትን ሓዋርያት ኣካያይዳን ኣሰንጉማን ኣተሓሳልያን ከም ማሕረስ ተስታይን ዘይጸረየ ዝራብዕን የማን ጸጋም ብምስሕሓብ ዘይምስምማዕን ዘየሣኒ ሥራሓትን ሓሜትን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ግሉጽ ዕዳጋ ወሪዱ ሸነን ክብል ከሎ ይርኤ ኣሎ። ስለዚ ግራት ዳሕረዎት ወንጌል ምእንቲ ከተፍሪ ሸኰና ቀዳሞት ኂዝካ ውጉእን ዘይውጉእን ግራትካ ኣብሲልካ ሓሪስካ ንጹሕ ዘርኢ ምዝራእ የግዲ ዘሎ እዩ። እዚ ከኣ ናይ ምእመናን ትጽቢት እዩ። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣዕሩኽተይ እምበር ኣግብርተይ ኣይብለኩምን እየ ዝበሎም መጸዋዕታኦም ኣኽቢሮም ንድሕሪት ከይጠመቱ ስብከተ ወንጌሎም ከየጉደሉን ከይወሰኹን ብምስትምሃሮም ጥራይ ዘይኮነ ካብቲ ባዕሉ ዘርኣዮም ኣርኣያ ብምኽዕባት ፍቕሪ ምሉእ ትሕትና ትዕግሥቲ ንሥግኡን ደሙን ንምውሳድ ዘብቅዕ ንጹሐ ሥጋ ብምንዛን 2ቆረ.4፥17 <u>እስመ ሕማምነ ዘለስዓት ቀሊል ክብረ ወስብሓተ ኣፈድፊዶ ይገብር ለነ</u>፡ ኢሎም ብቆራጽነት ብምልዕዓል ንጥሜት ጽምኢ መግረፍቲ ማእሠርቲ ብስቕለት ብሰይፊ ብዳርባ እምኒ ሙማት ንመቐበል ጋሻኻ ኢልካ ከም ዘዳሎኻዮ ሺሻይ ብዘይምርሳዕ ከም መልኣከ ብርሃን መላኣከ ፀሓይ መልኣከ ነገት ወ.ዘ.ተ. ዝብል ሽመት ቈጺሮም ይቕበልዎ ከምዝነበሩ ቅዱሳት መጻሕፍቶምን ዜና ገድሎምን መስኪረናኦ ኣለዋ። ዕብ.11፥2-39 ግሓ.5፥41።

በዚ ተግባር እዚ ድማ ኣነ እየ ካብዚ ዓለም ዝኀረኹኹም እምበር ንሰኻትኩምሲ ካብዚ ዓለም እዚ ኣይኮንኩምን ኢሉ ነቲ ምድራዊ ተፈጥሮኦም ምስ ፍጥረተ መላእኽት ቈጺሩዎም ዘሎ። ነዚ ሥያሜ እዚ ዝትርጉም ተግባር ድማ ንስብከተ ወንጌል መምርሒ ተቀቢሎም ክብገሱ እንከለው ናብ ዘይንፈልጦ ሃገርን ኣውራጃን ወረዳን ዓድን ክንከይድ ከሎናስ





ፈታውን ዘመድን ኣብ ዘይንረኽበሉ ክንብገስ ኣብ ርእሲኡ ድማ ቀለብ ዝኾነና ስንቂ እሾኽ ከይወግኣና ኣሣእን፡ ኣኽላባት ከይነክሱና በትሪ ሓደ ቂያር ክዳን ክንክደኖ ከሎና ሓደ ቂያር እንሓጽቦ የድልየና እዩ ብዝተረፈ እዚ ትእዛዝ ከቢድ ዘይከኣል እዩ ኢሎም ዕዝምዝም ከይበሉ ኣንጻር ትእዛዙ ኣይሓሰቡን ኣይመለሱን። ኮታ ምድራውያን ዝሓስብዎን ዝደልይዎን ዘበለ ብሓፈሻ ብዘይምድላዮም እዩ ምድራውያን ኣይኮንኩምን ኣብ ምባል ዘብጽሖ። ኣብ ዝኸድዎ መንገድን ዝኣተውዎ ዓድን ድማ ብኽፍኣት ከም ዝቕበልዎም ሓድሽ ነገር መታን ከይኮኖም ኣብ ልቦም ክጸንሕ ኢሉ እመሰ ዓ ለም ጸልኣክሙ ኣእምሩ ከመ ኪያየ ቀደመ ጸሊኣ። ኢሉ ኣብ እዝኖም ሕሹኽ ኢሉ ነጊሩዎም ስለዝነበረ፡ ንዝገጠሞም ተቓውሞ፡ ብጠበቓኦም ጌሮም ይረትዕዎ ነበሩ። ማቴ.10፥19።

ብፁዓን ነዳያን በመንፈስ እንዳበለ ደጋጊሙ ዘመስገኖም ሃብቶምን ምሉእ ናብራኦምን ገዲፎም ስለዝሰዓብዎ እሞ ድማ ንዝነበሮም ትኅድርቲ ብዘይምንፋቖም ክኸውን እንከሎ ምስክሩ እዚ እዩ። ቅዱሳን ሓዋርያት ናብ ዝኣተውዎ ዓዲ ካብቶም ቃሎም ዝተቐበሉ ምእመናን ዘቕረቡሎም ቁራስ እንጌራን ጽሩይ ማይን እንተዘይኮይኑ ከምታ ዓስብኹም ኣብ ሰምያት እዩ፡ ዝበሎም ኣብ ምድሪ ውሱን ዓስቢ ኣይተ ገብረሎምን፡ ብጥራዩ ኘኽሠርሑ ፈትዮም ዝኣተውዎ ውዕል ኔሩዎም እዩ።

ብመሠረት ውዕሎም ከኣ መግብን መስተን ምምራ ፅሲ ይትረፍ፡ ሃቡና ግበሩልና ዘይገበርኩሙልና ኢልካ ኣፍንጫኻ ከዲንካ ምርኣይ ኣብ ቅድሚኦም ዘይዝከር እዩ። ብግልጽስ ይትረፍ ተዓዛቢ ብዘይፈልጦ ተዘዋዋሪ መንገዲ ብዓይኒ ወይ ብከንፈር ኣመልኪትካ ምርዳእ ኣይናቶምን፡ ብሓፂሩ ምእመናን ዝሸገሩሉ መንገዲ ወይ ኣመል ኣብ ጥቓኦም ኣይቀረበትን ሓሶት ወይ ቃል ኣጋንኖ ከይበሃል። 2ተሰ.3፥8-17 ግሓ.20-24 ገንጺልና ንመልከት።

በዚ ኵሉ ምኽንያት ቅዱሳን ሓዋርያት ንዝተዋህቦም ኃላፍነት ቀጥ ኣቢሎም ስለዝኃዝዎን ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሕዎን

ሥልጣኖም ብግልጺ ሠሪሖሙሉ እዮም ማለት በቢዓይነቱ ሕማማት ዝኾዞም በእንተ ስሙ ለኢየሱስ እናበሉ ዝቐረቡዎምን ዘቐረቡሎምን ፈዊሶም ምውታት አተንሢኦምሉን እዮም።

ስለዚ ቀዳሞት ሓዋርያት እዚ ካብ ፈጸሙ እቲ መዓርግ ከኣ ካብ ሓዋርያት ኣትኊዝካ ዓብን ንዕሽቶን ዘይብሉ ካብ ኮነ ተካእትኦም ሓዋርያት ቀዳሞት ኣቦታትና ዝገብርዎ ወይ ዝግበረሎም ዝነበረ መንክራት ዘይመግበሪና እንታይኮን ይኸውን? ከምቲ ዕድመ ደቂ ሰብ ካብ 969 ናብ 120 ዓመት ዘንቈልቈለ ዶ ኮይኑ እዩ? ከምዚ እኳ ኣይመስለንን ሰብ ዘይፈልጦ እግዚኣብሔር ዝፈልጦ እንተ ዘይትህሉስ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ሕሙማትና ኣብ ሥጋውያን ሓካይም ኣይምኸዱን ኣይምኣመኑሉን ኔሮም። ዘፍ.6፥3 መዝ.81 (ኣንሰ እቤ ኣማልክት አንትሙ ትርጉም ተመ) መድኃኒና ንሓዋርያት ዝኣተወሎም ኪዳን ግን ከምዚ ኣይነበረን። እቲ ክእዝዞም ከሎ ኣብ ልዕሊ ርኩሳን ኣጋንንቲ ምሉእ ሥልጣን እዩ ዝሃቦም። ምድግጋም ከይከውን ማቴ.10፥1 ጀሚርካ ክሳብ መጨረሻ ዘሎ ብግልጺ ከረድኣና ይክእል እዩ።

ሓደ መምህር ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮይኑ ሕጊ ወንጌል ምስ ነገረ ዝሰምዐ ይስማዕ ዘይሰምዐ ከኣ ባዕሉ ይፈልጥ ኢሉ ከቒርፅ ዘይኮነ ዝንገር ቃለ እግዚኣብሔር ሰማዕቲ ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ዘይምውዓሎምን እውን ክስዕቦ ከምዝግባእ እዚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ድማ ከምዝፍጽምዎ ግበሩ ኢሉ ናይ ዳንነትን ኣፈጻጽማ ፍርድን ኣረዲኡዎም እዩ። እዚ ሓደራ እዚ ድማ ንበይኖም ኣይገደፈሎምን ምሳኹም ህልው እየ ኢሉ ኣጸናኒዕዎም እዩ ዝዓረገ። እዚ ማለት ድማ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ማለት ደኣ እዩ እምበር ሓዋርያት ክሳብ ዝነበሩሉ ማለቱ ስለዘይኮነ ምሳና እውን ከምዘሎ ክንጠራጠር የብልናን። ኣብ ርእሲ እዚ ብኣይ ዚኣምን ኣነ ዝገብሮ ይገብር ካብኡ ዝዓቢ (ዝበዝኀ) እውን ይገብርን፡ ዝበሎ ቃል እውን መታን ከይንጠራጠረሉ ሰማይን ምድርን ክኃልፍ እዩ ምስ በለ፡ ቀጺሉ፡ ቃለይ ግን ኣይኀልፍን እዩ ኢሉ ገሊጹዎ ኣሎ።





ስለዚ ቀዳሞት ሓዋርያት ዝገበርዎ ተኣምራት ካብ ምግባር ከይተረፈ ዝኸልከለና ሓጹር ከምዘየልቦ ርግጽ እዩ። ነገር ግን ጐይታ ምስቶም ደቂ ኣብርሃም ኢና በሃልቲ ኣብ (ዝተመላለሱሉን ዝተኻትዑሉን) ጊዜ ንሕና እኮ ደቂ ኣብርሃም ኢና ምስ በልዎ፡ ደቂ ኣብርሃም ምዃኖም እናፈለጠ፡ ንኃጢኣት ዝገብራ ባርያኣ እዩ። ኣነ ካብ ኣቦይ ዝረኣኹዎ እነግር ንስኻትኩም ከኣ ካብ ኣቦኹም ዝረኣኹምዎ ትነግሩ። ደቂ ኣብርሃም እንተትኾኑስ ግብሪ ኣብርሃም ምገበርኩም ኢሉ ብግብሮም ኝኻልእ ኣቦ ዓዲሉዎም እዩ። ጐይታ ብግብሪ ወዲ ሰብ ከምዝኸይድ ንሓዋርያት ነዞም ደቂ ኣብርሃም ኢና ክብሉ ዝጸንሑ ብሥጋ መዋልዶም እዮም። እንተኾነ ንስኻትኩምሲ ካብዚ ዓለም ደኣ እየ ዝኀረኹኹም እምበር ደቂ እዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩምን ኢሉ ነጊሩሎም እዩ። ወ.ዮሐ.17፥16።

# 11 ክፍሊ
## ዝምስገኑ ካህናት

ስለዚ ካህናቲከ ይለብሱ ጽድቀ፡ እስመ ቅዱሳን እሙንቱ ሙሴ ወአሮን፡ ተባሂሉ ዝተነግረሎም ሙሴን ኣሮንን፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝሰምዕዎ ቃል ከየትረፉ ከይወሰኹ ናብ ሕዝቢ እሥራኤል የተሓላልፉ ስለዝነበሩ፡ ንሓቂ ከም ክዳን ይኸደንዎ ኢሉ ብግብሮም ደኣ እዩ ከምዚ ዝበሎም እምበር፡ ብክህነቶም ኣይኮነን እሞ፡ ደቂ ኣብርሃም ንሕና ኢና ማለት ውሕስነት ከምዘይብላ ካብዚ ዚዓቢ ምስክርነት ኣይንረክብን፤ ማለት ሃይማኖት እመ አልባቲ ምግባር ከይትኸውን፡ ኣይንዘንግዕ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያት ብትዕግሥትኹም ነፍስኩም ኩተጥርይዋ ኢኹም ኢሉ ስለ ዘስተምሃሮም፡ ብዝከኣል መጠን ዕጉሳት እዮም ኔሮም። ሓደ ሓደ ጊዜ ግን ቃሎም ካብ ምቕባል ዕንቅፋት ኣብ ልዕሊ ዝኾኑዎም ሰባት ንስብከተ ወንጌሎም ክጥዕሞም ክብሉ ክፋእካ ዘይረኣየ ጽቡቕካ ነይፈልጥ

ኢሎም ስጉምቲ ዝወሰዱሎም ኔሮም። መዝ.54፡20 እዚ መንፈሳዊ ተግሣፅ እዚ እውን ንጊዚኡ ማይ ጸሎት ስለዝኾኖም ሓዋርያተ ክርስቶስ ሓንትስ ምሕረት ደኣ ግበሩልና እምበር ብሃይማኖትኩም ንኣምን ኢሎም ኣሚኖም ዝተጠምቁሎም ውሑዳት ኣይኮኑን። ገድለ ማትያስ 23፡13 ገድለ ቶማ. 14፡14።

ስለዚ ንቅዱሳን ሓዋርያት ዝተገብረሎምን ዝገበሩዎን ተረዲእና ንሕና እንገብሮኸ እንታይ ኣሎ? ኣብ ምባል ከይኣቶና በታ ሓዋርያት ጸሪጎም ዘጽንሑልና መንገድን ስጉምትን ምኻድ ጥራይ እያ። ኣብ ዘሎናዮ ክፍለ ዘመን እውን እታ ዝኸበደት ንወዲ ሰብ ካብ ኣምልኾ ጣዖት ናብ ኣምልኾ እግዚኣብሔር ተመለስ ክትብሎ ከሎኻ እያ ጸገም ዝነበረት። ሕጂ ግን ኣብ ከባቢና ስለዘየላ ንሓደ ኣማኒ ሃይማኖት ብዘይ ምግባር ምውቲ ምዃና ጥራይ ምስትምሃርን ምርዳእን እያ እተድሊ። ምእመን ብካህን ዝውዕሎ ሓሜት ከቋርጽ ካብ ካህን ዝሰምዖ ኣብ ግብሪ ብምትርጓም ክጸንዕ የድሊ። ጽቡቕ ተግባር ግበሩ ኢሎም ክምህሩ ኣይሰማዕናን ማለት ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ መልሲ እዩ።

በዚ ምኽንያት ወንጌል ብኣፍ ካህንን ብእግሪ ካህን (መምህርን) ዘይኣተወቶ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ከምዘይብላ ኣደልዲሉ ተነጊሩላ ማቴ.24፡13 ኣሎ፡ እሞ ንበደሎም ምኽንያት የብሎምን ኢልካ ካብ ምውቃስ ዝኸፍእ የልቦን። ዮሓ.15፡22 ስለዚ ቅዱሳን ሓዋርያት ክንፈልጥን ዘዝሰማዕናዮ ኣብ ግብሪ ክነውዕል ዝመኸሩና ኣብ ግብሪ ከነውዕል መጻሕፍቲ ይምዕዱና ኣለው እሞ፡ ፅን ኢልና ንሰማዓዮም፡ እንተደኣ ጐይታ እትሰምዕ ዕዝኒ ዝሃበና ገዲፍና ዘይትሰምዕ እዝኒ ኣጥሪና ግን ኣታላልነት ስለዝመስል ነታ ባዕሉ ዝሃበና ንጠቐመላ እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ ፈሊጡ ዝደቀስ እንተሎ ከኣ ይበራበር። ማቴ.13፡9 ያዕ.1፡23 ኢሳ.6፡9 ተማሂሩ ንዘየጽንዕ ተመሃሪ ብመምህሩ ብዙኅ መግረፍቲ ከምዘድልዮ መምህረ ሕግ ክርስቶስ ድማ መግረፊኡ (ሥልጣኑ) ጌሩ ከይገረፈ ከምዘይተርፍ ተረዲእና፡ ካብ መሪር መግረፍቲ ንምድሓን ጽሓይ ዕድሜና ከይዓረበ ንትጋህ።





# 12 ክፍሊ
# ንሓዋርያት ዝተዋኅበ ተስፋ

ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መዓልቲ ዕርገቱ ንደቂ መዛሙርቱ እንሆ ተስፋ ኣቦይ ክስደልኩም እየ። ንስኻትኩም ከኣ ካብ ላዕሊ ኃይሊ ክሳብ እትለብሱ ኣብ ኢየሩሳሌም (ቤተ መቕደስ) ጽንሑ ስለዝበሎም፤ ክሳብ በዓል ጰራቅሊጦስ መንፈስ ቅዱስ ጸኒሖም ሀብቲ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። ግሓ.2፡1፡13።

# 13 ክፍሊ
# ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓዋርያት

ኣብ መጽሐፈ ነብያት ተመዝጊቡ ከምዘሎ መንፈስቅዱስ ብኣፍ ነቢይ ኢዩኤል ወላዕለ ኣግብርትየ ወአእማትየ እክዑ እምነ መንፈስየ ወይእተ ኣሚረ ይትኔበዩ። (ኢዩ.2፡28 ግብ.2፡2-3 መዝ.67፡18) ቢሉ ከም ዝገተገልጸ፤ ከምኡ እውን ጐይታናን መደኀኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዘፀናንዕ መንፈስቅዱስ ከም ዝሰደሎም ገሊጽሎም ስለዝነበረ፡ ዝተመቓቐለ ልሳናት ሓልሓልታ ሐዊ ዝመስል ዘናግር ብመንገዲ ሰማይ ኣውሪዱ ንነፍሲ ወከፎም ዓደሎም። ብዝወረደሎም መንፈስ ኃይሊ ድማ ንጊዚኡ ኣብ ርእሲ ዝነበሮም (ቋንቋኦም) 71 ቋንቋ ተወሲኹዎም ብ72 ቋንቋ ክዛረቡ ጀመሩ። እዚ ዝወረደ ሀብተ መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብ 120 ቤተሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ኀደሮም። ግሓ.2፡12። ንሳቶም ከኣ 12 ሐዋርያት 72 (ንዕሳን) ኣርድእት 36 ቅዱሳት ኣንስት ድምሮም 120 እዮም።

ክቡራን ምእመናን እዚ ተወሳኺ ቋንቋ ምግላጹ ንኹሉ ፍጥረት ወንጌለይ ኣስተምህሩ ኢሉዎም ስለዝነበረ፡ በየናይ ቋንቋ ጌርና ከነርድኦም ደኣ ኢና ከምዝብልዎ ፈሊጡ፡ ዘውረደሎም ኪመስል እንክሎ፡ ብሐደ ወገኑ ከኣ ቃል ወንጌል ብቋንቋኦም ተነጊሩዎም ከብቕዕ ንዝተሐሰምዎ ንበደልኩም ምኽንያት የብሉን ኢሉ፡ ንምፍራዶም መታን ክጥዕሞ ዘውጽኦ መደብ እዩ ኪበሃል ይከኣል። ዮሓ.15፡22 ።

ስለዚ ሕጂ እውን እንተኾነ ከምቲ ተዛራባይ ሐዋርያ ሃይማኖት ብዘይምግባር ዋጋ የብሉን ዝበሎ፡ ነተን ግበሩወን ዝተባሃልናየን ክንፍጽመን፡ ካብተን ኣይትተንክይወን ዝበለና ከኣ ክንጥንቀቕ ከምዝግብኣና ቅድሚ መጽሐፍ ቅዱስ ምጽሓፉ ጽቡቕን ክፉእን ዘፍልጥ ሕገ ልቦና መዋልድና ኣሎና።



ብድኅርዚ ሰብ ኢየሩሳሌምን ከባቢኣን እናመሃሩ ሓደ ዓመት ዚኣክል ጸንሑ። ኣብዚ ዝተባህለ ዓመታት ምስቲ ጥንተ ስብከተ ወንጌሎም ብምትኅሓዝ ድማ ብኅብረት ኣናተኣከቡ ሲኖዶስ ጽሒፎም። ብድኅሪ በዓለ ጰራቅሊጦስ ንጽባሒቱ ዕጫ ተዋዲቑ ነናብ ሃገረ ስብከቶም ከምዘይተበገሱ ከረድኣና ዝኽእል ወነበሩ በቤተ መቅደስ እንዘ ዘልፈ ይባርክዎ ለእግዚኣብሔር ኵሉ ጊዜ ንእግዚኣብሔር እናኣመስገኑ ኣብ ቤተ መቕደስ ነበሩ ዝብል እዩ። ሉቃ.24፡49።

ከምዚ ማለቱ ድማ ምንም እኳ ዘልፈ ኵሉሳዕ እንተበለ ነተን ኣብ ኢየሩሳሌምን ከባቢኣን እንዳመሃሩ ምስኡ ኣተኃሒዞም ሲኖዶስ እናጸሓፉ 12 ዓመት ዝጸንሕወን ክጠቅስ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣብ ኢየሩሳሌም (ቤተ መቅደስ) ተቐሚጦም ኢልና





እንተደኣ ኣሚንና ግን፡ ምስ እቲ ሓዋርያ ማለት ከያዲ ማለት እዩ ዝብሎ ስለዘይሰማማዕ ጐይታ ምስቲ ባዕሉ ኬድኩም ንኵሉ ዓለም ወንጌለይ መሃሩ ኢሉ ዝኣዘዞ መታን ከየባእሰና ሓዋርያት ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ድኅሪ ምቕባሎም ኣብ ኢየሩሳሌምን ከባቢኣን ወንጌል ከምዝመሃሩን ቀጺሎም ብኅብረት 43 ኣንቀጽ ዲድስቅልያ ከምዝጸሓፉን ነዚ ዝተጠቕሰ ዓመታት ዝኣክል ሥራሖም ከይፈትሑ ከምዝተቐመጡን ከመልከተና ከሎ፡ ምስቲ ሃብቲ መንፈስ ቅዱስ ምቕባሎም ኣተሓኂዞም ንጊዜኡ ዕን ጨይቲ ውድቕ ጌሮም ነናብ ሃገረ ስብከቶም ከምዘይተበገሱ እዚ ኣዘራርባ እዚ ከተኣማምነና ይኽእል። ትርጉም ኣመክንዮ ተመልከት።

ብርሃናተ ዓለም ሓዋርያት ኣብ ደብረ ዘይት ተኣኪቦም ቃለ እግዚኣብሔር ኣልዒሎም ከመስግኑ ከለው ጐይታ ተገሊጹ ንዓለም ናብ 12 መዲብኩም ዕንጨይቲ ውድቕ ግበሩ፡ ዕንጨ ይትኹም ኣብ ዝሃበትኩም ኬድኩም ከኣ ወንጌለይ መሀሩ። ኣነ ከኣ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ኣይፍለየኩምን እየ፡ ኢሉዎም ንሰማይ ዓረገ። ግሓ.1፡9፡11።

# 14 ክፍሊ
# ንሓዋርያት ዝተዋህበ መምርሒ

ብድኅርዚ ድማ ኣብ ጌተሰማኒ ተኣኪቦም ከለው ቅዱስ ጴጥሮስ ተንሢኡ፣ ጐይታ ዝበለና ክንዝንግዕ የልብ ልናን ዕንጨይቲ ውድቕ ጌርና ነፍስ ወከፍ ሓዋርያ ሃገረ ስብከቱ ፈሊጡ ወንጌል ይምሃር ኢሉ <u>መምርሒ</u> ስለዝ ሃቦም፤ በቲ ጊዜ እቲ ፍሉጣት ንዝነበራ ሃገራት ክስብኩ ዕጫ ውድቕ ጌሮም ተበገሱ፣ ቅዱሳን ሓዋርያት ኣብቲ ንስብከተ ወንጌል ዝኸድዎ ኵሉ ሥርሖም ጀምር ከብሉ ከለው ጸላዕቲ ብቖርናም እንተተቐበልዎም እኳ ጐይታ ዝገጥሞም ዘበለ፣ ኣቐዲሙ ይፈልጦ ስለዝነበረ *<u>እመሰ ዓለም ጸልኣክሙ ኣእምሩ ከመ ኪየየ ቀደመ ጸሊአ</u>* ኢሉ ቅድሚ ምብጋሶም ኣረዲኡዎምን ኣጸናኒዕዎምን ስለዝነበረ ብመንፈሳዊ ኃይሊ እናተጸናንዖ፣ ነቶም ኣብ ኣካል ሰብ ሠፊር ሠርሖም ዝነብሩ ኣጋንንቲ፣ ምሳኹም እንታይ ርክብ ኣሎና? ክሳብ ዚብሉ ኣጨነቑሎም ማቴ.8፥29 ማር.5፥7 ሉቃ.8፥28 ሉቃ.4፥34 ማር.1፥24።

ስለዚ በዚ ናብ ላዕሊ ዝተገልጸ ዜና፣ ሓዋርያት ሥራሖም ደኣ እምበር፣ ሥራሕና ከምዘይሠርሑልና ተገንዚብና፣ ነዛ ሓሪሶም ዘሪኦም ኣሰዊቶም ዝጽንሑልና ግራት ወንጌልና ኣንጊህና እናወፈርና ክንሕልዋን ክንጽሕያን ከነጕስያን ቦታኣ እውን መብቌል እሾክ መርገምን ጻሕያይን ብምኺና ብቐኅሊ እኽሊ ከይንልክም እናረኣና ደጋጊምና ክንእርሞን ከነጽርዮ ግዴታና ምኳኑ ዘጋጊ ነገር የብልናን። በዚ ኵሉ ምኽንያት ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል ድሌት ክትህልወና እንከላ እታ ካብኡ እትርከብ ፅዋኣ ዕዝራ እውን የግዲ ክንረኽባ ኘኽእል ኢና። ዕዝ.ሱቱ፥13፥38።

መምህር ያዕቆብ ጸጋ-ዘኣብ ዘወልድ



# ምዕራፍ 1
# ገድለ ጴጥሮስ ሓዋርያ

ጴጥሮስ ማለት ከውሒ፣ መሠረት፣ ሻፎ እምኒ፣ ከቢብ እምኒ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ሮቤል ሃገረ ስብከቱ ሮሜ ቈጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕረፍቱ 5 ሓምሌ 61 ዓ.ም. ቅዱስ ጴጥሮስ ብጐይታናን መድኃኒናን ተጸዊዑ ኪኣምን እንከሎ ወዲ 55 ዓመት ከምዝነበረ ብናይ ዜና ቤተ ክርስቲያን ተሓቢሩ ኣሎ። ምስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ 3 ዓመትን 3 ወርኅን ጌሩ፣ ብድኅሪ ዕርገት ጐይታ ከኣ 27 ዓመታት ወንጌል ኣስተምሂሩ ምሉእ ዕድሚኡ ፹፩ ዓመት ክኸውን እንከሎ ሓምሌ 5/61 ዓ.ም. ብትእዛዝ ኔሮን ንጉሥ ሮም (ኢጣልያ) ብስቕለት ስምዕትነቱ ፈጸመ።

1. ሊቀ ሓዋርያት ቅድሚ ናብ ሃገረ ስብከቱ ምኻድ ንብጾቱ ሓዋርያት ነናብ ሃገረ ስብከቶም ብምብጻሕ ነታ ሓደራ ዝበሎ ጐይታ ፈጸማ። ዮሓ.21፥15-17 ናብ ሃገረ ስብከቱ ሮሜ ምስኣተወ ድማ ናብ ቤተ መንግሥቲ ዓበይቲ ዝተኣከቡሉ ኣትዩ ኣንቀጽ ብፁዓን ሰበኸሎም። ናብኡ ተተኺሎም ዝነበሩ 4 ኣዕኑድ እምኒ ከኣ ብቓል ሰብ፣ ኣሜን ኢሎም ንቃል ጴጥሮስ ሞገስዎ። ኣብዚ መንጐዚ 70 ዓመት ጋኔን ዝኅዞ ሰብኣይ ቀሪቡ ኣዕኑድ እምኒ ካብ ዚኣምኑሉስ ኣነ እውን ክኣምነሉ ምስ በለ፣ እቲ ናብኡ ኃዲሩ ዝሳቕዮ ዝነበረ ሰይጣን በታ ሰዓት እቲኣ ናብ ማእከል ሕዝቢ ኣውዲቑዎ ወጺኡ ከደ።

2. በቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝተገብረ ክልተ ተኣምራት ዝረኣዩ እኩባት መኳንንት ዓቢይ ፍርሃት ኀዞም ነናብ ኣባይቶም ምስተመልሱ ድማ ካብ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝሰምዕዎን ዝረኣይዎን ነንስቶም ነገሩወን። ንመረዳእታ ዝኣክል ካብቶም ናብኡ ዝነበሩ እኩባት ዓበይቲ መኳንንት <u>ቀውስጦስ</u> ዝተባህለ ንኣክሮስያ ሰበይቱ በዚ ሎሚ መዓልቲ ዝተገብረ ተኣምር ሰሚዕኪዶ? ኢልዋ ንሳ ድማ ኣይሰማዕኩን በለቶ።

3. እምበኣርከስ ፅን ኢልኪ ስምዕኒ፡ ከዘንትወልኪ ኣብ ቤተ መንግሥት (ተጥራቢሎን) ናይ ቤተ መንግሥት መኳንንትን ዓበይትን ዝእከቡሉ ቦታ ተኣኪብና ከሎና ቅድሚ ሎሚ ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ጼጥሮስ ዝበሃል ሰብ ናብ ማእከልና ኣትዩ ንሕና ኾነ ኣቦታትና ዘይሰማዕናዮን ዘይረኣናዮን ነገር ኣስሚዑና።

4. እቶም ናብኡ ዝነበሩ ብእምኒ ዝተሠርሑ ኣዕኑድ እኳ ብቋንቋ ሰብ ቃሉ ምስ ሰምዑ ኣሜን (ብሓቂ) ኢሎም መስኪሮሙሉ። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ 70 ዓመት ጋኔን ሰይጣን ኃዲሩዎ ዝነበረ ሰብ፡ ብጸሎት ቅዱስ ጼጥሮስ ኀዲጉዎ ኢሉ ኣዘንተወላ። ንሳ ድማ እዚ ካብ በልካስ እቲ ካብ ቃሉ ዝሰማዕካዮ ዘበለ ኵሉ ሓንቲ ከየትረፍካ ንገረኒ ስለ ዝበለቶ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ኵሉ በብሓደ ኣዘንተወላ።

5. ቀውስጦስ ድማ ካብቲ ቅዱስ ጼጥሮስ ዝገበሮን ዘስተምሃሮን ክነግራ ከሎ፡ ሰበይቲ ከላቶም ሰበይቲ ከም ዘይብሎም ዚኾኑ ብፁዓን እዮም። ዝበሎ ኣይገለጸላን እዚ ምግባሩ ግን ሰበይቱ ንዕኡ ኀዲጋ ንቅዱስ ጼጥሮስ ብስብከቱ ተማሪኻ ከይትስዕቦ ኢሉ ዝተጠራጠረ እዩ ዚምስል። ኵሉ ጊዜ ናብ ሓድሽ ኣማኒ ምጥርጣር ኣሎ። 1ጢሞ፡3፡6።ንኣክሮስያ ሰበይቱ እግዚኣብሔር ልባ ስለ ዘብርሃላ፡ ካብ ጼጥሮስ ዝሰማዕካዮ ቃል ዝሓባእካለይ ከይህልወካ ኢላ ምስ ሓተተቶ፡ እቲ ሓቢኡላ ዝነበረ ነገር ገለጸላ ንሳ ድማ በል እስኪ ንሸኻሽ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ እንታይ ትብል በለቶ። ኣስዒባውን ነኣይ ዚመስለኒ እሞ ንቅድም ልመናይ (ዝብለካ) ክትሰምዓ ንን ክትቅበለንን እደሊ።

6. ከምኡ እውን ንሕና ምሉእ ዕድሜና ብደኃን ኣኅሊፍናዮኢና ክልተ ውሉድ እውን ኣለውና ሕጂ ግን ፍቓድካ እንተዳኣ ኮይኑስ ምስቶም ጼጥሮስ ብፁዓን ዝበሎም ክንቍጸርሲ ነዚ ነገር እዚ ንስዓቦ በለቶ። ማቴ.10፡38 ።ንሱ ድማ እንተ ምድላይ ድሌተይ እዩ እንተኾነ ግዳ እዚ ዓላማ እዚ ክሳብ ዕለተ ሞትና ንድኅሪት ዘየጠምት ስለዝኾነ ፈሊጥናን ኣፅኒዕ ናን እንተ ገበርናዮ ዝሓሸ እዩ፡ እንተደኣ ፈጺምኪ ብልብኺ





ሓሲብኪ ቈሪጽኪ ኄንኪ ግና ብንጽሕና ክነብር ቃል ኪዳን ክንኣቱ ንቤተ ክርስቲያን ኘኺድ ስለዝበላ ብምሉኡ ተቐቢላቶ ብንፅሕና ክነብሩ ቃልኪዳን ኣተው።

7. ቀውስጦስ ድማ ቅዱስ ጼጥሮስ ዝተዛረባ ሓንቲ ቃል ኣላ ንሳ ድማ ሃብቶም ንድኻታት ሂቦም ድኻታት ዝጽውዑ ብፁዓ ን እዮም ንሳቶም ድማ መለቃሕቲ እግዚኣብሔር ኪበሃል እዮም ኢሉ ኣስተምሂሩና በለ። ንሳ እውን ስምዕ ኣቢላ ነዚ ሠናይ እዚ እውን ጽቡቕ በቲ ባዕሉ ዝሀበናስ መለቃሕቲ እግዚኣብሔር ተባሂልና ከኣ ክንምስገነሉ ኢላ ንነገሩ ብምሉእ ልባ ተቐበለቶ። ግሓ.16፡14፡ ሢራ.29፡1-2።

8. በዚ ስምምዕ እዚ ድማ ዘሎ ሃብቶም ንድኻታት ክህብዎ ወሰኑ ኣብ ዝግበር ምጽዋት ሥነ ሥርዓት ድማ ነቶም ዓደ ልቲ ግዙኣቶም ኣድልዎ ከይግበር ኣጠንቀቑዎም። እቲ ዝተ ቐረበ ንብረት ሃብቶም ድማ ብትኽክል ተዓዲሉ ተወደአ። ካብቲ ሃብቶም ድማ ብዘይካ ድራር ዕለትን እምነት ኣምላኽ ሓዋርያ ጼጥሮስን ምንም ዘትረፍዎ ነገር ኣይነበሮምን። ብድኅርዚ ብእዋኑ ዝነበረ ንጉሥ ብኻልእ ጉዳይ ንቀውስጦስ ዝጽውዑ ዓቀይቶት ብንጉሥ ዝተላእኩ ምኺኖም ኣማዕድዩ ምስረኣዮም ብዘይሓደ ገጸ በረኸትዶ ኣብ ንጉሥ ክቐርብ እየ ኢሉ ተጨኒቑ ንሰበይቱ ኣማኸራ።

9. ንሳ ድማ እምነትካ ጐደሎ ኣይኹን ናብ ኀውካ ኬድካ ገንዘብ ኣለቅሓኒ በሎ በለቶ። ከምቲ ዝመኸረቶ ድማ ናብ ኀው ከይዱ ገንዘብ ከለቅሖ ለመኖ። እንተኾነ እቲ ኀው ናብ እምነት ጼጥሮስ ዘይኣተወ ስለዝኾነ ብእምነት ቀውስጦስ እውን ሕጉስ ስለዘይነበረ። ሕጂዶ ይሕሽካ ንርእሽኻ ደኺኻስ ንደቕኻ ድማ ካብዞም ኵሎም ደቂ እዛ ዓዲ ዝደኸዩ ጌርካዮም። ናይዚ መስሓቲ ጼጥሮስ ዚበሃል ቃል ሰሚ ነካ ንብረትካ ንከንቱ ኣጥፊእካ፡ ካብዚ ኵሉ እንታይ ተጠቐምካ? ሕጂ ከኣ ንብረተይ ከተጥፍእዶ መጺእካ?

10. ኪድ ደኣ እንኳንዶ ንብረተይ ኪህበካስ ክሳድካ ክቖርጸካ ንጉሥ እንተ ዝጽዋዓካ እኳ ኣይምደንገጽኩልካን ኢሉ ዘኍዝን

ቃላት ኣስሚዑ ጥራይ ኢዱ መለሶ። ምሳ14፥3 ቀውስጦስ ከኣ ናብ ሰበይቱ ተመሊሱ ሓዉ ዝገበሮ ኣካፊላ ንሳ ግን ተስፋ ከይቆረጸት ኣጆካ እቲ ዝኣመንካዮ ኣምላኽ ክህበካ እዩ ኢላ፡ ኣብ ገዝአ ኣጸቢቻ ሃሰውሰው ኢላ ገንዘብ ደለየት እሞ ብቐድሚኡ ደልያ ዘይረከበቶ ክልተ ቅርሺ ረኸበት፡ በል እቲ ኣምላኽካ ክህበካ እዩ ዝበልኩኻ እንሆ ተረኺቡ እንካ እሞ ብሰላም ኬድካ ብሰላም ተመለስ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉሥ ድማ ግርማ ሞገስ ይሃብካ ኢላ ኣጸናኒዓ ስንቂ ሂባ ኣፋነወቶ። ምሳሌ 11፥16። ሉቃ.15፥8-9

11. ናብቲ ንጉሥ እናኸደ ከሎ ከኣ ነዚ ተኸዲኑዎ ዘሎኹ ተኸዲኑስ ከመይ ጌረ ንንጉሥ ኪረኣዮ እየ ኢሉ እንዳ ሓሰበ ክኸይድ ከሎ ኣብ ማዕከል መንገዲ ክልተ ሰብ ክበኣሱ (ኪስሓሓቡ) ጸንሕዎ። ንሱ ድማ እንታይ የባእሰኩም ኣሎ፡ ኣነ ዘይዓርቀኩም በሎም። ካብቶም ከስሓሓቡ ዝጸንሑዎ ሓዲኦም እግዚኣብሔር እዩ ናባና ልኢኹካ እምበኣር መባእሲናስ ብዛዕባ እዛ ዕምኒ እዚኣ ኢዩ፡ ኣነ ቅድም ንሱ ድማ ድኅረይ ኮይንና እናመጸእና ኣነ ንቅድም ስለዝ ሬኤኹዋ ድንን ኢለ ኣልዒለያ። ንሱ ከኣ ኃያል ስለዝኾነ ከግድፈኒ ደልዩ ይቃለሰኒ ኣሎ። መበኣሲና እዚዩ በሎ።

12. ቀውስጦስ ድማ እዛ ተባእስኩም ዘላ ዕምኒኸ ቁም ነገራ ትፈልጡዋ ዲኹም? በሎም ንሳቶም ድማ ኣይንፈልጣን በልዎ። እምበኣርከስ መታን ሰላም ክትገብሩ ኣነ ክልተ ቅርሺ ኣለዋኒ፡ ንሸኻትኩም ሓሓንቴኹም ተማቐሉውን ኣነ ድማ ነዛ እተባእስኩም ዘላ ሓንቲ ዕምኒ ክወስድ ኢሉ ኣታዓ ረቖም። ቀውስጦስ ድማ ምስቶም ልኡኻት ንጉሥ መንገዱ እናቐጸለ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ምስ በጽሑ ድማ፡ ቤተ ምኵራብ ኣትዮም ጸሎት ገበሩ። ቀውስጦስ ግን ካብታ ምኵራብ ምስ ወጸ፡ ነታ እምኒ ንሠራሕ ወርቂ ኣርኣያ እሞ እቲ ሠራሕ ወርቂ ኣበይ ረኺብካያ ኢሉ ስለዝሓተቶ ነዚ ናብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣዘንተወሉ።

13. እቲ ሠራሕ ወርቂ ድማ እዛ እምኒ እዚኣ ጠፊኣ ብዘይምርካባ ዴማስ ዝተባህለ ካህን ቤተ ምኵራብ ከይዐጠነ





ብዙኅ ዓመታት ኣብኵሩ እዩ። ሕጂ ግን እዛ እምኒ እዚኣ መበል 12 ነገደ እሥራኤል ቍጽሮም እትምስክር ስለ ዝኾነት ነቲ ካህን ሃቦ፡ እሞ ዝደሌኻዮ ክህበካ እዩ በሎ። ንሱ ድማ ነቲ ዝሓበረሉ ካህን ሃቦ፡ እቲ ካህን ድማ ምስ ረኣያ ንእግዚኣብሔር እንዳኣመስገነ ናብ ምድሪ ሰገደ። ነቲ ሕዝቢ ኣኪቡ ድማ ቅድሚ ሎሚ ናቡከደንጾር ንብረት ቤተ መቕደስ ዘሪፉ ከምዝወሰደ ትፈልጡ ኢኹም፡ እዛ እምኒ እዚኣ ድማ ጠፊኣ ከምዝነበረት ትፈልጡ ኢኹም። 2ይ ነገሥት 25፥8-17 ሕጂ ግን እግዚኣብሔር ይቕረ ኢሉልና እዩ፡ በዚ ሰብ እዚ ጌሩ ነዛ እምኒ ሰዲዱልና (ታሪኽ ናይዛ እምኒ እዚኣ ንምርዳእ መጽሓፍ ኢያሱ.4፥3-9 ተመልከትና ንገንዘብ።)

14. ሕጂ ግና ከከም ዓቕምና መባዕ ነዋጽእ ኢሎም ኣዋጺኦም ንቀውስጦስ ሃቡዎ። እሞ እታ ሃብቱ ንድኻታት ዝሃበ ንእግዚኣብሔ ኣለቅሐ እትብል ንጊዚኡ ናብ ግብሪ ውዒላ ረኣያ እሞ እናኣመስገነ መንገዱ ቀጸለ። ኣብ መንገዱ ቀውስጦስ ቀውስጦስ ቃል ሓዋርያ ስለ ዝተቐበልካ እዛ ሕጂ ረኺብካያ ዘሎኻ በረኸት ጥራይ ዘይኮነስ ካብዚ ዓለምዚ ናብ ዘይኃልፍ ዓለም ክትከይድ ከሎኻ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምዖ ክትወርስ ኢኻ ዝብል ቃል ሰምዔ።

15. ቀውስጦስ ከኣ በቲ ቃለ እግዚኣብሔር ምስምዑ ደስ እናበሎ ናብቲ ንጉሥ ከይዱ ሠለስተ ዓመት ምስኡ ተቐመጠ። ብድኅሪኡ እቲ ኀዉ ሰይጣን ኣገቢሩዎ ናብ ሰበይቲ ኀው ከይዱ፡ ኀወይ ናባኺ ኣይምለስን እዩ። ናይ ጼጥሮስ ዝተባህለ ቃል ስለዝሰምዔ ንጉሥ ኣቕቲሉዎ እዩ። ንብረቱ ንድኻታት በቲኑ ንደቁ ናብ ዓቢይ ድኽነት ኣውዲቑዎም ኣሎ ሕጂግን ኣነ ከውስበኪ ኢሉ ፈተና። ንሳ ግን ኣብቲ መደቀሲ ኀውካ ክትድይብ እትምነ፡ ሕሱር በዓለገ ኢኻ ብማለት ገጽ ከላኣቶ። ማቴ.14፥4።

16. ብድኅርዚ፡ እዚ ልኡኽ ሰይጣን ኣየደቅሰንን እዩ ኢላ፡ ክልተ ደቃ ኂዛ ዓዲ ክትቅይር ብመርከብ ጌራ እንዳኸደት ከላ እታ መርከብ ስለ ዝተሠብረት ነቲ ሓደ ወዳ ምስኣ ኂዛቶ ካብታ ሥብርባር ናይ መርከብ ዕንጨይቲ ኂዞም ቀፍራ ናብ እትበሃል ዓዲ በጽሑ።

እቲ ሓደ ዝዓበየ ወዳ ድማ ካልእ ሥባር ዕንጨይቲ ናይ እታ መርከብ ኂዙ ናይቲ ባሕሪ ማዕበል እናደፍኦ ናብ እስክንድርያ ኣተወ፤ ብድኅ ርዚ ቅዱስ ጴጥሮስ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ንእስክንድርያ ከይዱ ክስተምህር ከሎ፡ ኣክልሚጦስ ሰሚዕዎ ብስብከቱ ኣሚኑ ሰዓቦ።

17. እንደገና ጐይታ ንቅዱስ ጴጥሮስ ንግብጺ ክኸይድ ስለ ዝኣዘዞ ናብኣ ከደ። ናብቲ ወሰናስን ባሕሪ ግብጺ ክዛወር ከሎ ድማ ሓንቲ ሰበይቲ (ኣደ ኣክልሚጦስ) ናብቲ ወሰን ባሕሪ እናበኸየት ክትዛወር ከላ ረኣያ እሞ እንታይ ዝኾንኪ ኢኺ? ኢሉ ሓተታ ንሳ ድማ ወደይ ናብዚ ባሕሪ ጥሒሉ ጠፊኡኒ፡ ስለዘይተረኽበ የናድዮ ኣሎኹ እንተደኣ ሬሳኡ ተረኺቡ ከኣ፡ ማይ ሓጺበ ገኒዘ ክቐብሮ ኢለ እየ ዝደልዮ ዘሎኹ እግዚኣብሔር ክቕንዓለይ ከኣ ምሉእ እምነቱ ኣሎኒ ሕጂ ግን ጸሎት ቅዱስ ጴጥሮስ ኣይኅደግኪ ኢልካ ጥራይ መርቐኒ ኢላ ዝገጠማ ከቢድ ፈተነታት ኵሉ በብሓደ ኣዘንተወትሉ።

18. ሓዋርያ ጴጥሮስ ድማ እቲ ኵሉ ዝነገረቶ ተረዲእዎ ነቲ ወዲ (ረድኡ) ኣክልሚጦስ ኣክልሚጦስ ኢሉ ጸዊዑ ምስ ኣዲኡን ኃውን ኣራኸቦም (ኣንቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ በላ። ነቲ ወዳ ድማ እንሃ ኣዴኻ በሎ)። ብታሕጓስ ዝኣክል ኣብ ትሕቲ እግሪ ቅዱስ ጴጥሮስ ወደቐት ኣንቃዕሪራ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣመስገነት ምስዚ ኣተሓኂዙ ቅዱስ ጴጥሮስ ሕጂ ናብ ዓድኹም ተመለሱ። ኣቦኹም ቀውስጦስ ከኣ ካብቲ ንጉሥ ጸዊዕዎ ዝነበረ ብሰላም ክመጸኩም እዩ። ብዛዕባ እቲ ኅዉ (ኅወ ኣቦኹም) ቅር ከይብለኩም ከኣ ሞይቱ እዩ፡ ሰይጣን ዘይብሉ መንገዲ ኢኹም እትኸዱ ዘሎኹም ኢሉ ባሪኹ ኣፋነዎም። ንሱ ግና ንዘይኣመኑ ከእምን ኣብታ ዓዲ ተረፈ።

19. ሰበይቲ ቀውስጦስ ድማ ምስ ክልተ ደቃ ናብ ዓዶም ሮሜ ምስ ኣተወት ድኅሪ 13 መዓልቲ መርዚ ዘለዎ ማይ ሰትዮም ክልቲኦም ደቃ ብሓደ ጊዜ ሞቱ ንሳ ድማ ካብ ባሕሪ ኣውጺኡናስ ናብ ገዛና ምስ ኣቶና ሞይትኩም እንዳበለት ብዙኅ በኸየትሎም። ነገር ግን ኣነ እውን እግዚኣብሔር ባዕሉ ስለዝወሰደኩም የመስግኖ እምበር ኣየምርርን እየ በለት።





20. ነቶም ደቃ ድማ ማይ ሓጺባ ብንጹሕ ጨርቂ ገኒዛ ኣብ ውሽጢ ገዝኣ መዓዛ ዘለዎ ኣእትያ ኣቐመጠቶም። ቀውስጦስ ሰብኣያ ድማ ድኅሪ 3 ዓመት ንዓዱ ኪኣቱ ከሎ እቶም ደቂ ዓዱ ኣቀጺልቲ ኂዞም ክቕበልዎ ወጹ፡ እቶም ደቁ ድማ ኣቦኦም ካብ መገሻ ክምለስ ከሎ 2 ፀዓዱ ኣፍራስ ሠሪሮም ፃዕዳ ክዳውንቲ ተኸዲኖም ወርቅን ብሩርን ዝተሸለመ ናይ ክብሪ ልብሰ ግርማ ጌሮም ዝቕበልዎ ልማድ ስለዝነበሮም ምስቶም ዝቕበልዎ ዝነበሩ ደቂ ዓዱ ምስ ሰኣኖም ናብ ገዝኡ ኣትዩ ንኣክሮስያ ሰበይቱ ደቀይ ደኣ ኣበይ ኣለው ኢሉ ሓተታ ንሳ ድማ በቲ ቃል ወንጌል ክንፍጽም ኢልና ንብረትና ንድኻታት ዝሃብናዮ ስለ ዘይተካእናዮ ክምልማዶም ልብሰ ግርማ ብዘይምርካቦም ክዳን ከምጽኡ እንዳኅብተይ ሰዲደዮም ኣሎኹ ኢላ ድራር ኣቕረበትሉ።

21. ንሱ ግን ገጽ ደቀይ ከይርኣኹ ኣይበልዕንየ ኢሉ መሓለ። ንሳ ከኣ እትብሎ ምኽንያት ምስ ተወድአ፡ እምበኣርከስ ሓንቲ ነገር ክነግረካ እየ እሞ ተቐበለኒ ኪዳን ድማ እተወለይ እሞ ከቕርበልካ በለቶ። ንሱ ድማ ዝኽእሎ ደኣ ይኹን እምበር ሕራይ ኢሉ ኪዳን ኣተወላ። እምበኣርከስ ንሸኻ ንመገሻ ምስ ከድካ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ዕንቈ ባሕሪዩ ብሓደራ ኣቐሚጡለይሲ ምስ ተመልሰ፡ እታ ዘቐመጥክለይ ኣቕሓ ሃብኒ ምስ በለኒ፡ኣነ ንኣይ ስለዝተመኼኽዋ፡ ኣየቐመጥካለይን ኢለ ኪሒደዮ። እዚ ክብለካ ከሎኹ ግን እታ ኣቕሐ ብለይቲ እተብርህ ንብረት ስለዝኾነት እየ ዝተመኼኹዋ።

22. ንሸኻኸ ብሓሳብካ እንታይ ትብል በለቶ፡ ንሱ ድማ ገንዘብ ሰብ ዚደሊ ዓቢይ ኃጢኣት ምኳኑ ኣይትፈልጥንዶ ኢኺ ኢሉ መልሲ ሃባ። ንሳ ከኣ እምነቱ ምስ ኣረጋገጸት ኢዱ ኂዛ ኣብቲ ሬሳ ደቆም ዘለዎ ኣእትያ ኣርኣያቶ። ንሱ ድማ ናይ ክልተ ደቁ ሬሳ ብምርኣዩ ኣዝዩ በኸየ። ምእባድ እውን ኣበያ፡ እቲ በዓል ዕንቊ ባሕሪ እንተዝመጽእ ምሃብኩዎ ኔረ እንዶ ኣይበልካንን ሕጂ እውን ነፍሶም ጥራይ እያ ተፈልያቶም ዘላ እምበር ምሉእ ኣካላቶም ምስኦም እዩ ዘሎ እታ ዕንቈ ባሕሪ ዝበልኩኻ ድማ ነዚኣ እያ። ሕጂ ግን ኅዘንና ከርሕቐልና ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ንግበር በለቶ።

23. ብድኅርዚ ኀቢሮም ጸሎት ምስ ገበሩ ብሩህ ደመና ዓ ሰሎም ካብቲ ደመና ድማ ቀውስጦስ ቀውስጦስ ንሸኻትኩም ቃል ጴጥሮስ ስለ ዝተቐበልኩም ከምኡ እውን ብዝገጠመኩም ከቢድ ፈተነታት ደኸኹን ብሞት ክልተ ደቅኹም እምነትኩም ስለዘየጕደልኩም ደቅኹም ብሕይወቶም ከረክበኩም እየ። እንደገና ቀልጢፍኩም ብስም እግዚኣብሔር፡ ኣምላኽ ጴጥሮስ ናብ ሃገረ ሮሜ ዝኣተወ ኢልኩም ጸልዩ። እዚ ድማ ክእለት ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ እዩ ኢልኩም ጸልዩ በሎም። ንሳቶም ድማ ብሓደ ልቢ ኮይኖም ጸለዩ።

24. እግዚኣብሔር ከኣ እምነቶም ርእዩ ኘኽልቲኦም ደቆም ካብ ሞት ኣተንሥኦሎም፡ እቶም ክልተ ወለዲ ድማ በዚ ዝተገብረሎም ተኣምራት ንእግዚኣብሔር እንዳኣመስገኑ ንቅዱስ ጴጥሮስ እንዳዘከሩን ምውታት ዘተንሥእ ሕሙማት ዝፍውስ ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሔር ይመስገን እናበሉ ናብ ኵለን ኣውራጃታትን ወረዳታትን ግብሪ እግዚኣብሔር ገለጹ። በቲ እግዚኣብሔር ብናይ ቅዱስ ጴጥሮስ ሓዋርያ ምኽንያት ዝገበረሎም ዝሰምዑ ብዙኃት እውን ኣመኑ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ንኣክልሚጦስ ጵጵስና፡ ንኣክናስዮስ ድማ ዲቁና ሸሞም።



# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ቅዱስ ጴጥሮስ ለይትን መዓልትን ምእመናን እንዳ ኣስተምሃረ ንእግዚኣብሔር እንዳኣመስገነ ናብ ሮምያ ክቕመጥ እንከሎ ኣሕዛብ ናብ ዘለዎ እናመጹ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ይኣምኑ ነበሩ። ፅንዓት ሃይማኖቶም ምስ ረኣየ ከኣ ኣቡኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን ዘይኃደገ ነኣይ ኣይበቅዕን እዩ ኢሉ ከስተምህር ከሎ ዝሰምዓ 4 ኣንስቲ ዝነበረን ሥጋዊ ተግባረን ገዲፈን ምስ ሰዓባኦ ብኻልእ ነገር ዝፈልጠን ዝነበረ ኣክርጶስ (ናይታ ሃገር መኰንን) ክምለሳኦ ልኡኻት ሰደደለን (ለኣኸለን) እንተኾነ ዕርፊ ጊዜ ንድኅሪት ዚሓርስ የልቦን ዚብል ቃል ወንጌል ጊዘን ንድኅሪት ግልጽ ከይበላ፡ ደድኅሪ እግሪ ጴጥሮስ ስለዝሰዓማ እቲ መኰንን እኩይ ድሌቱ ካብ ምፍጻም ኢዱ ኣጣቂዑ ተረፈ።

2. ከምኡ እውን ቃል ቅዱስ ጴጥሮስ ዝማረኻ ሰበይቲ ዓርኩ ንኣክርጶስ (ሰበይቲ ኣልታብዮስ) ንሰብኣያ ኀዲጋ ብእምነት ኢየሱስ ናዝራዊ ንጴጥሮስ ሰዓበቶ። ሰብኣያ ድማ ሰበይቱ ከምዝጠለመቶ ስለዝሰምዓ፡ ሎምስ ከኣ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ዝፈላሊ ሰብ መጺኡና ወይጉድ፡ ሎምስ ከኣ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ዝፈላልዩ ኣለው ክብሉ ንሰምዕ ኔርና ሕጂ ከኣ ናብ ነፍስና በጺሑ እንዳበለ ናብ ገዛእ ሃገር ከይዱ ምስዚ ጴጥሮስ ዝበሃል ክርስቲያናዊ ዳንየኒ፡ እንተደኣ ዘይዳናኻኒ ግን ባዕለይ ክፈርድ እየ ዝብል ጥርዓን ኣቕረበሉ።

3. ኣክርጶስ ድማ እዚ ሕማም እዝስ ናብ በይኘኻ ጥራይ ዘይኮነ ነዓና እውን ከይተረፈ ካብ ድሌትና ፈላልዩና ኣሎ በሎ። ኣልታብዮስ ከኣ እንታይ ደኣ ትጽበየሉ ኣሎኻ ጊዝካ ክትቀትሎ እንድዩ ዝግብኣካ እዚ ሰብ እዚ እኳ መሠርዩ እዩ። እንተ ደኣ ቀልጢፍካ ከምዚ እንብሎ ዘሎና ጌርና እሞ ኣንስትና ክነምልስ ንክእል ኢና። ድሌትና ክንገብር እውን ሥልጣን ኣሎና በሎ። እዚ ነገር እዚ ድማ ናብ ኣክስትያና (ሰበይቲ ኣቤት በሃሊ) ስለዝበጽሐ ናብ ቅዱስ

ጴጥሮስ ልኢኻ ሎሚምሸት ካብዛ ዓዲ ግዒዝካ እንተዘይ ኀዲርካ ተሓሲቡካ ዘሎ ናብ ጸላኢኻ ይዐል ኢላ ለኣኸትሉ። 2ቆረ.11፥32

4. ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ነገራ ተቐቢሉ መታን ብኸዓኡ ከይፈልጡዎ ኑቲ ቶኸዲኑዎ ዝነበረ ክዳውንቲ ኣውጺኡ መጠምጠሚኡ ከይተረፈ ለዊጡ ካብታ ዓዲ ክወጽእ ክደሊ ከሎ ጐይታ በቲ ጴጥሮስ ዝፈልጦ መልክዑ ተራእዮዎ፥ ናበይደኣ ቸኺይድ ኣሎኻ? ኢሉ ጴጥሮስ ንጐይታ ስለ ዝተወከሶ ጐይታ ክስቀል ንሮምያ ገጸይ እኺይድ ኣሎኹ በሎ። ጴጥሮስ ከኣ ትሰቀልኑ ዳግመ እግዚእየ ጐይታይ ካልኣይዶ ክትስቀል ደሊኻ? በሎ። ቅዱስ ጴጥሮስ ግን ጐይታ ኪዓርግ ከሎ ንሸኻ ግዳ ስዓበኒ ኢሉዎ ዝነበረ ትዝ ስለዝበሎ፥ ንሮማ ተመሊሱ እቲ ኩሉ ዝገጠሞ ነገራት ንፈተውቱ ገለጸሎም። ዮሓ.13፥36 ዮሓ.21፥18-22 ተመል.።

5. እቶም ምእመናን ድማ ክፍለየና ግዲ እዩ ኢሎም ስለ ዝሠግኡ ድማ ንሱ ቃል ሃይማኖት እንዳመሃሮም ምስኦም ክቕመጥ ብዙኅ ለመንዎ። ንሱ ግን ብሕይወት እንተጸኒሐ ፍቓዱ እዩ፥ ብሞት እንተወሰደኒ ከኣ ምስኡ ንምንባር ስለ ዝኾነስ ደስ እዩ ዝብለኒ በሎም። ኣብ መንግኡ ኣክርጶስ ወተሓደራቱ ልኢኹ፥ ንጴጥሮስ ከምጽኡሉ ኣዘዘ። ምስ ኣምጽኡሉ ድማ እቶም ሰዓብቲ ጴጥሮስ ምንተ እኩየ ገብረ ዝብእሲ እዚ ሰብ እዚ እንታይ ክፍኣት ገበረ? ካብ ኣፉኸ እንታይ ሕማቕ ቃል ወጺቶ እስኪ ንገረና እንተደኣ ዘይነጊርካና ቅድሚ ንሸኻ ንጴጥሮስ ምቕታልካ ነዛ ዓዲ እዚኣ ብሓዊ ከነንድዳ ኢና፥ እንዳበሉ ንኣክርጶስ ዓይኑ ከንቀሩዎ ደለዩ።

6. ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ነቶም ሰዓብቱ ትብዓቶምን ፅንዓት ሃይማኖቶምን ርእዩ እዚ ዚስዕብ ቃል ምዕዳን ኣስምዮም። ዝመሃርኩኹም ኮነ እግዚኣብሔር ብኢደይ ዝገበሮ ተኣም ራትን ሕማማት ክርስቶስን ዘክሩ ኣይትረስዑ። ንኩሉ ከከም ግብሩ ንጻድቃን ኸኸፍሎም፥ ንኃጥኣን ድማ ክፈድዮም ክመጽእ ከምዝኾነ እመኑ፥ ኣይትጠራጠሩ በሎም። ብዛዕባ ናይ ኣክርጶስ ተግባር ድማ ኣይትገደሱሉ ምኽንያት ናይ ኣቡኡ ሰይጣን ልኡኽ ስለዝኾነ ሥርሑ እዩ ዝፈጸመ። ዮሓ.8፥44





በዚ ምኽንያት እዚ እቲ ናባይ (ኣብ ልዕለይ) ክፍጸም ዝተመደበ ዘበለ ነገር ኩሉ ከይተፈጸመ ስለ ዘይተርፍ፥ ናብ መስቀል ምድያብ ዝህከዮ ነገር የብለይን እንዳ በለ ረቂቕ ምሥጢር ዝሓዘለ መፈክር እንዳ ኣስምዓ ነቶም ክሳብ ዕለተ ሞቱ ዝስዕብዎ ዝነበሩ ምእመናን ብናይ ክርስቶስ እምነት ፀኒዖም ክነብሩን ክጋደሉን ምዒዱ ክፋነዎም ከሎ ናሁ ዛቲ ሰዓት ተፍጻሜታ ለሕይወትየ።

7. እንሆ እዛ ሰዓት እዚኣ ናይ ሕይወተይ መወዳእታኣ እያ እሞ ንክርስቶስ እትፈልጡዎ ዘበልኩም ኹልኹም ኣዒንትኹም ካብ ኩፉእ ክትመልሱ ሓደራ እብለኩም ኣሎኹ ኢሉ ገጹ ካብቶም ምእመናን ናብቶም ዓቀይቶት (ወተሓደራት) ምልስ ኣቢሉ፥ ከምታ ዝተኣዘዝኩምዋ ፈጽሙ። ኣነ ድማ ብምርጫይ (ድሌተይ) ርእሰይ ንታሕቲ እግረይ ንላዕሊ ጌርኩም ክትሰቕሉኒ ኣመልክተልኩም ኣሎኹ በሎም። 2ጴጥ.1፥14

8. ንሳቶም ከኣ ከምታ ብድሌቱ ዝተማሕጸኖም ማለት ርእሱ ንታሕቲ እግሩ ንላዕሊ ጌሮም ንቍልቍል ሰቐልዎ። ነፍሱ ከኣ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት፥ እዚ ስቅለት እዚ ድማ ብስቕለት ምስ ጐይታኡ ከይመዓራረ ኢሉ ዝመረያ ትሕትና ከም ዝኾነ ዘየጠራጥር እዩ። መዓልቲ ዕረፍቱ ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቕሰ ሓምሌ 5/61 ዓ.ም. እዩ። ጸሓፊኡ ሉቃስ ስንክሳር 22 ጥቅምቲ ተመልከት።

በረኸት ቅዱሳን ሓዋርያት ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



*“እንሆ እዛ ሰዓት እዚኣ ናይ ሕይወተይ መወዳእታ ስለ ዝኾነት፣ ኣብ መስቀል ምድያብ ኣይክህከን ኢየ።”*





ክቡራን ምእመናን ዕረፍቲ ኣዕማደ ቤተ ክርስቲያን ጴጥሮስን ጳውሎስን ብሓደ መዓልትን ዓመተ ምሕረትን ከምዝኾነ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ የተኣማምን። ዲዮ.28፡17-21 ተመ።

ሰላም ለጴጥሮስ ወለ ጳውሎስ ሱታፉ።
እም ሥራሐ ዓለም ክቡድ እለ ኣዕረፉ።
ኣልባስ መንግሥት ሠናየ እንዘ ይትዐፀፉ።
ኅበ ተርኅወ ገነት ወኅበ ዕፍረታት ተነጽፉ።
ቅድመ ኣሕቲ ወለት ኅቡረ ኃለፉ።

ሰላም ለከ ለጴጥሮስ ተልሚድ።
ዘኢያቅበፀከ ተስፋ ነገር ኑፋቄ ወካሕድ።
እንዘ ትረውፅ ጥቡዐ ለመልእክተ ክርስቶስ ወልድ።
ኣመ ለሊከ ወሬዛ ትቀንት በእድ።
ወኣመ ልኅቀ ኣቅነተከ ባዕድ። <u>ዮሓ.21፡18</u>
<u>(ስንክሳር 5 ሓምሌ ተመልከት)</u>

# ምዕራፍ 2
# ገድለ እንድርያስ ሓዋርያ

ቅዱስ እንድርያስ ቅድም ናይ ዮሓንስ መጥምቅ ረድኢ ዝነበረ ክኸውን እንከሎ ትርጉም ስሙ ድማ ተባዕ ለመስቀል በኵረ ሓዋርያት ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ሮቤል ሃገረ ስብከቱ ልድያ ቀጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕረፍቱ 4 ታሕሣሥ 60 ዓ.ም.።

1. ቅዱስ ሓዋርያ እንድርያስ ንሃገረ ስብከቱ ልድያ ክብገስ እንከሎ ንፊልሞና ረድኡ ኣኸቲሉ ናብታ ሃገር ምስ በጽሐ ኣብኣ ዝነበሩ ሕዝቢ ፍርቆም ብቐዳማይ ስብከት ጴጥሮስ ዝኣመኑን ዘይኣመኑን ስለዝነበሩዎ ሓዋርያ እንድርያስ ኣብቲ ምእመናን ዘሥርሕዎ ቤተ ክርስቲያን ኪኣቱ ከሎ እቶም ኣመንቲ ኣቀጺልቲ ጊዜም ብኽብሪ ተቐበልዎ።

2. ኣንድርያስ ሓዋርያ ድማ ኣብቲ መንበረ ጵጵስና ተቐሚጡ ሃሌ ሉያ (ቅድሚ ዓለም ዝነበረን ዘሎን ዝነበርን) ዝብል ምስጋና ከመስግኑን ክዝምሩን ኣዘዞም እሞ ኵሎም ኣመስገኑ ነቲ ምስጋና ዝሰምዑ ካህናት ጣዖት ግና እዚ ምስጋና እንሰምዖ ዘሎና ናብ ዓድና ክስማዕ ኣይንደልዮን ኢና። መንከእዩ ከምዚ ዝገብር ዘሎ? ኢሎም ንሓድሕዶም ተዘራረቡ።

3. ካብቶም ንእድርያስ ዝረኣይዎ፣ ናይ ክርስቶስ ሰዓቢ እየ በሃሊ እንድርያስ ዝበሃል እዩ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኮይኑ ነዞም ኣማልኽትናን ምኵራብናን ክነድጉ ንሕዝብና ዘእምን ዘሎ ኢሎም ገለጹሎም። ነዚ ምስ ሰምዑ ድማ ካህናተ ጣዖት ኣሰይፍቶም ተዓጢቖም ኣብቲ እንድርያስ ዝነበሮ ቤተ ክርስቲያን ከይዶም።

4. ሓዋርያት ዝሰብክዎ ክሰምዑ ጽን እንተበሉ ድማ፣ ረድኡ ፊልሞና፣ ናይ ኣሕዛብ ኣማልኽቲ ብወርቅን ብሩርን ዝተሠርሑ ሥራሓት ደቂ ሰብ፣ ኣፍ ከለዎም ኣይዛረቡን ዓይኒ ከለዎም ኣይርእዩን እዝኒ ከለዎም ኣይሰምዑን ኣፍንጫ ከለዎም ኣየሽትቱን ኢድ ከለዎም ኣይድህሰሱን እግሪ ከለዎም ኣይከዱን ጕረሮ ከለዎም ኣየስተንፍሱን። መዝ.113፥4-8።





5. እቶም ዝሠርሕዎም ከምኦም ይኾኑ፣ ማለት ምሉእ ኣካላት ከለዎም ከምዘይብሎም ይኾኑ እናበለ ክስተምህር ከሎ ሰምዕዎ። በቲ ምዑዝ ስብከቱ ተሳሒቦም ድማ ነቲ ንሓዋርያት ክቈርጹሉ ዝሓሰቡ ኣሰይፍቲ ኣውዲቖም ንፍሊሞና ንሓዋርያት ክቈርጹሉ ዝሓሰቡ ኣሰይፍቲ ኣውዲቖም ንፍሊሞና

ንሓዋርያት ክቈርጹሉ ዝሓሰቡ ኣሰይፍቲ ኣውዲቖም ንፍሊሞና ኣብ ትሕቲ እግሩ ሰገዱሉ፣ ቅዱስ እንድርያስ ድማ ተግባሮም ተዓዚቡ ቅድሚ ሎሚ እዞም ክርስቲያን ዘበሉ ቤተክርስቲያን ተሳሊሞም ንገዝኦም ክምለሱ ከለው ከይለግብኹም ኢልኩም ትሃድሙ ኔርኩም፣ ሕጂ ደኣ ከመይ ኢልኩም ናብ ዘለውዎ መጺእኩም ክሳብ ናብ እግሪ ፊልሞና ምስጋድ በጺሕኩም? እስኪ ናይ ልብኹም ንገሩኒ ኢሉ ሓተቶም።

6. ንሳቶም ድማ እዞም መጺእና ዘሎና 50 ዕጡቓት እንብዛ ንኣማልኽትና ትጸርፉ እንተኮይንኩም ነዞም ኣብዛ ቤተ ክርስቲያን ዘሎኹም ኻዅልኹም ክንቀትለኩም ኢልና ኢና መጺእና ኔርና እንተኾነ ናይ እዚ ረድእኻ ቃል ምስ ማረኸና ልብና ናብ ስብከቱ ዘምቢሉ። ስለዚ ንሸኻ ከምቶም ምሂርካ ናብ ኣምላኽካ ዘቕረብካዮም ሕዝቢ ቁጸረና በልዎ። ሉቃ፥3፥7።

7. ሓዋርያ እንድርያስ ድማ ብናይ ፊልሞና ጣዕሚ ስብከት ከም ዝተመልሱ ተረዲኡ ካብቲ ተቐሚጡዎ ዝነበረ ቦታ ተንሢኡ ንፊልሞና ብኽሳዱ ሒዙ ርእሱ እንዳሰዓመ መንፈስ ቅዱስ ናብኻ ኀዲሩ ዝተዛረቦ ቃል ሓቂ እዩ። ቃልካ ጥዑም ኣሕዛብ ናብኻ ይእከቡ፣ ብሓቂ መድኃን ነፍሳት ተባሂልካ ክትጽዋዕ ይግባእ እናበለ ኣብ ቅድሚ ኵሎም ኣሕዛብ ኣመስገኖ። ፊልሞና ቍ.7።

8. እንዳ ኣመስገነ ክስዕሞ ከሎ ዝረኣዩ ኣሕዛብ ከኣ ንፊልሞና ናብኡ እናቐረቡ ሰገዱሉን ሰላምታ ኣቕረቡሉን፣ በዚ ነገር እዚ እንድርያስ ፅንዓት ሃይማኖቶም ርእዩ 4 ሽሕን 4 ሚእትን ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠመቖም። ማር፥16፥15።

9. ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ኣርድእቲ ክርስቶስ ዘምጽኡሎም ሕሙማትን ድኑሳትን ኣሕውዮም ምውታት ኣተንሢኦም ብእምነቶም ክፀንዑ ምዒዶም ስብከቶም ንምቕጻል ናብተን ዘይበጽሕወን ዓድታት ተፋንዮሙዎም ከዱ።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ እንድርያስ ናብ ሃገረ ስብከቱ ልድያ ዝርከባ እስካትያ ኣርጋንያኖስ ሱቁል ሃገር እልዋን ዝተባህላ ምስ በጽሓ፣ ኣብ መጀመርያ ስብከቱ ጐይታ ኣቡኡን ኣዲኡን ኣኃዋቱን ገዲፉ ዘይሰዓበኒ ከገልገለኒ ኣይክእልን እዩ ኢሉ ዝተዛረቦ ቃል ወንጌል ገለጸሎም።

2. እቶም ሰብ እታ ሃገር ግን ከስተምህርን ተኣምራት ክገብርን ብምርኣዮም ተቈጢዖም ንተኣከብ ቃልና ድማ ሓደ ይኹን። ንሕና ኮነ ኣቦታትና ዘይሰማዕናዮ ሓዲሽ እምነት ኣምጺኡ ኣማልኽትና ሕግናንዶ ከጥፍኣልና መጺኡ! ብስብከቱ እውን ናብ እምነቱ ዘእተዎም፣ ካብ ወገንና ኣለው ተበሃሃሉ።

3. ካብቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ግን ሓደ ለባም ተረኺቡ ቅድሚ ክፉእ ነገር ምፍጻምና ግን እንተንመያየጠሉ ምሓሸ ምኽንያቱ ድማ ብዙኃት ኣመንቲ ኣስዒቡ ስለዘሎ ንሕና እንገብሮ ጥራይ ኣይንርአ በሎም። ብድኅሪ እዛ ምኽሪ እዚኣ ድማ ዝኣምንዎም ዓበይቲ ዓዲ ሽማግሌታታ ለኣኹሉ እሞ ቅዱስ እንድርያስ ብብሩህ ገጽ ተቐበሎም። ንሳቶም እውን ነቲ ምኽንያት መምጽኢኦም ከይተዛረቡ ኣንታ ዓቢይ ሰብ ይቕረ በለልና ገጽካ ምስረኣና እቲ ኮነ ኢልና ሓሲብናዮ ዝመጻእና ክፍኣት ካብ ልብና ፈጺሙ ርሒቑ።

4. ንሸኻ ድማ ንድኅነትና ከም ዝመጻእካ ሕጂ ተረዲኡና ስለዚ ሰዓብትኻ ክንከውን ካባኻ ኣይንፍለን ኢና ስለ ዝበልዎ ብእምነት ክርስቶስ ፀኒዕኩም ንበሩ ኢሉ ባሪኹ ነናብ ቦታኦም ክምለሱ ፈቐደሎም እቶም ዝለኣኹዎም ምስ ሰምዑ ግን ኣብቲ እንድርያስ ዘለዎ ቦታ ኻኺድ እሞ ካልኣይ ጊዜ ናብዛ ዓድና ከይምለስ ብሓዊ ነንድዶ ኢሎም ናብቲ እንድርያስ ዘለዎ ቦታ በጽሑ። ንሱ ድማ ብሰላም ተቐቢሉ ቅኑዕ ምኽሪ መኸሮም።





5. ቀጺሉ ድማ ነዚ ሕጂ ዘምጻኩም ክፍኣት ገዲፍኩም እንተሰዓብኩሙኒ ጽቡቕ እንተደኣ እከይኩም ዘይገዲፍኩም ግና፣ ንእግዚኣብሔር ለሚነ ነታ ነኣይ ዝሓሰብኩምዋ ነገር ሓዊ ናብ ርእሰኹም ተመሊሳ ከምእትጐድኣኩም ኣይት ስሓቱ፣ ኢሉ ብትብዓት መለሰሎም። ንሳቶም ግና ተቐዳዲሞም ንእኡን ንጐይታን ክጸርፉ ስለዝጀመሩ ነኣይሲ ዝበሉ ይበሉኒ ጸርፎም ልምዲ ወሲደሉ እየ፣ ንጐይታኸ እንታይ መላዕ ልቶም ኮይኑ እዩ ኢሉ እንዳኣስተንተነ ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ኃጢኣቱ ኣይኅደገሉን እዩ፣ ዝበሎ ኣምላኻዊ ቃል ብምጥቃስ ጸሎት ስለዝገበረ ካብ ሰማይ ሓዊ ወሪዱ ነቶም ተቓወምቲ ሰብ ሃገር ኣንዲዱ ኣጥፍኦም። ዘፍ.19፡24።

6. ክፉእካ ዘይረኣየ ጽቡቕካ ነይፈልጥ ከምዝበሃል ከኣ፣ ዜና ተኣምራቱ ናብ ኵለን እተን ኣውራጃታት ምስ በጽሐ፣ እቶም ብስብከቱ ከይኣመኑ ዝጸንሑ እታ ሓዊ ዘየርከበ ትሎም ሰባት ነዚ ሰብ እዚ ስቅ ኢልና እንተርኢናዮ ብሥራይ ከጥፍኣና እዩ፣ እንደገናውን ኣንስትናን ሰብኡትናን ከፈላልየና እዩ ኢሎም ጸዊዖም ናብኦም ኣቕረቡዎ። ተኀባቢሮም ድማ ብእማንን በትርን ደብዲቦም ክዳኑ ገፊፎም ኣብ ፈቐዶ መንገዲ ኣዘሩዎ።

7. ክሳብ እቲ ናይ ሞት ፍርዲ ዝውስኑሉ ድማ ክዳኑ ገፊፎም ጥራዩ ናብ ዋና ቤት ማእሠርቲ ኣእተውዎ። ናይታ ሃገር ልምዲ ድማ ክቐትልዎ ንዝደለዩ ብስቕለት ወይ ብዳርባ እምኒ ይሙት ኢሎም እዮም ዝውስኑሉ፣ ሓዋርያ እንድርያስ ግን ምንምእኳ እንተተኣሠረ ቃል እግዚኣብሔር ስለዘይእሠር፣ ከምታ ቀዳመይቲ ጸሎቱ ጌይሩ ነቶም ዘሸግሩዎ ዝነበሩ ካብ ሰማይ ሓዊ ወሪዱ ከንድዶም ጸለየ። እንተኾነ ጐይታ ተገሊጹ ምስቶም ከማኻ ዝበሉ ነኣይ ዘሥመሩኒ ናብ መንግሥተ ሰማያት (ገነት) እተግዕዘሉ ጊዜ ስለዝበጽሐ ተጋድሎኻ ድማ ስለዝፈጸምካን ኣይትቈጣዕ ኢሉ ኣጸናንዮ።

8. ቅዱስ ሓዋርያ እንድርያስ ድማ ናይ ሞት ፅዋኡ ንምቕባል እናተጸበየ ክሎ ንመዓት እምበር ንምሕረት ዘይለኣኹ ዓቀ ይቶት ካብ ቤት ማእሠርቲ ኣውጺኦም ናብ መስቀል ሰቐልዎ።

ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ክሳብ እትፍለ ከኣ ብዳርባ እምኒ ኣቒስልዎ። ብድኅርዚ ምእመናን ካብ መስቀል ኣውሪዶም ብኽብሪ ቀበርዎ።

በረኸት ቅዱሳን ሓዋርያት ምስ ኵልና ይኹን። ኣሜን።



"ብዙኅት ኣመንቲ ኣስዒቡ ስለ ዘሎ፡ እንገብሮ ጥራይ ኣይንርአ።"

ሰላም ለከ ረድእ ኢየሱስ ኬንያ።
እንተ ሰበከ ወንጌለ በኒቆድያ።
አዜምር ለከ በሃሌ ሉያ።
ኣንቅሓኒ እምሃኬትየ እንድርያስ ሓዋርያ።
በከመ ዕበይከ ነቅሓት እሞታ ልድያ።
ስንክሳር 4 ታሕሣሥ ተመልከት።



# ምዕራፍ 3

## ገድለ ያዕቆብ ወልደ ዘብዴዎስ

ያዕቆብ ማለት ኣኀዜ ሠከና ኣዕቃጺ (ኣሳናኻሊ) ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ይሁዳ ሃገረ ስብከቱ እስያ (ዓዲ እንድርያስን ኀዉ ንዮሓንስን) ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕ ረፍቱ 17 ሚያዝያ 44 ዓ.ም.።

1. ሓዋርያ ያዕቆብ ንሃገረ ስብከቱ ቅድሚ ምብጋሱ ጐይታ ንቅዱስ ጴጥሮስ በታ ኣቐዲሙ ትፈትወኒ እንተደኣ ኰይንካ ኣባጊዔይ ሓሉ እናበለ ደጋጊሙ ኣመልኪቱሉ ብዝነበረ መሠረት ንያዕቆብ ጥራይ ዘይኮነስ ንኵሎም ሓዋርያት ዕን ጨይቶም ናብ ዝበጽሓቶም ከብጽሖም ተነጊሩዎ ስለዝነበረ ኀቢሮም ብሓደ እናኸዱ ከለው ጐይታ ኣብ መንገዲ (ኣብ ቅድሚኦም) ጸኒሑ፡ ኣብዚ ዓለም እትደኽምዎ ኵሉ ድኻምኩም ክንዲ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ መንግሥተ ሰማያት እትውዕልዋ ኣይትኸውንን እያ፡ ኢሉ ኣፀናንዮም። ሮሜ.8፡18።

2. ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን ያዕቆብን ድማ ናብ ናይ ያዕቆብ ሃገረ ስብከት ምስ ተበገሱ፡ ሓደ ዓይነስውር ኣብ መንገዲ እናለመነ እንከሎ፡ ክልቲኦም ሓዋርያት በታ ዝልምነላ ዝነበረ ቦታ ከምዝኀልፉ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝገለጸሉ፡ ዓው ኢሉ ኣርድእተ ክርስቶስ ኣዒንተይ ብርሃን መታን ኪርእያስ ጸጋኹም ግዳ ሃቡኒ? ኢሉ ለመኖም፡ ደርገፍገፍ እናበለ ድማ ደድኅሪኦም ሰዓቦም።

3. ኣርድዕተ ክርስቶስ ድማ ካብ ናቶም ክብሪ ናይ ብጻዮም ክብሪ ስለዘቐድሙ ሓዋርያ ያዕቆብ ንቅዱስ ጴጥሮስ እዚ ኪፍወስ ዚደሊ ዘሎ ዓይነ ስውር ደድኅሬና ይስዕብ ስለ ዘሎ፡ ፈውሶ ኢሉ ኣመልከተሉ። ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ካብ ናተይ ዘይንእስ ሥልጣን ስለዘሎካ ናብ ሃገረ ስብከትካ ንሸኻ ክትፍውስ ስለዝግባእ፡ ንሸኻ ደኣ ፈውሶ በሎ። ሓዋርያ ያዕቆብ ከኣ በል ኪምሰለለይ መርቐኒ ስለዝበሎ ከኣ ቅዱስ ጴጥሮስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኢድካ ይፈውሶ ኢሉ

መረቐ፡ ያዕቆብ ድማ ሕየው በእንተ ስሙ ለኢየሱስ ኢሉ ጸልዩ ኣሕወዮ። ማቴ፡17፡20።

4. ያዕቆብ ግን ኣቐዲሙ ምስ ፈወስናዮ ከይጠልመና ኢሉ ግዲ ጠርጢሩዎ ኮይኑ፡ ኣሕውዩኒ ኢልካስ ለሚንካ፡ በዚ ብኃይሊ ኣምላኽና እንገብረልካ ጸሎት ተመሲሉልና እንተ ሓወኻኸ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስዶ ትኣምን ኢኻ? ኢሉዎ ስለዝነበረ፡ ንሱ ድማ ወዮ ዓይኒ ረኺበ፡ እወ እኣምን ኢሉ ኣታኣማሚኑዎ ስለዝጸንሐ፡ ያዕቆብ ብስም ኢየሱስ ናዝራዊ ተፈወስ ኢሉ፡ ሉፍ በለሉ እሞ ክልቲኤን ኣዒንቱ ቋሕ ኢለን ብርሃን ረያ። ንሱ እውን ውዕሉ ከየፍረሰ ብስም ኢየሱስ ናዝራዊ ኣሚኑ ተጠመቐ። ዮሓ.9፡7።

5. እዚ ብሓዋርያት ዝተገብረ መንክራት ዝረኣዩ ሕዝቢ ከኣ ፍርቆም ብሓዋርያት ክኣምኑ ከለው እቶም ፍርቆም ግን ደይ ብሥራይ እዩ ፈዊሱዎ ስለዝበሉ ናብ ክልተ ተጉጃጀሉ። እቶም ብሥራይ እዩ ፈዊሱዎ ዝበሉ ድማ ከሲሶም ናብ ኣሕሉቆም ኣብጽሕዎ። ሓደ ካብኦም ድማ ካባይ ዝመጻእኩምከ ኢኹም እናበለ ብዙኅ ኣጨነቐሎም።

6. ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ካብቲ ክትገብሮ እትደሊ ደኣ ዓዲ ኣይትውዓል እምበር ንሕናስ ደቂ መዛሙርቲ ኢየሱስ ኢና ኢሉ ብድፍረት መለሰሉ። እቶም ነባሮ መኳንንቲ ግን ስም ኢየሱስ ምስተላዕለ ኵሎም ክዳውንቶም ቀደዱ። ማቴ.26፡25 ቀጺሎም ከኣ እቶም ካብ ኢየሩሳሌም ኣትኒዞም ብስም ኢየሱስ ዝሰብኩ ከም ዘለው እኮ ሰሚዕና ኔርና ኢና፡ ናባና ከኣ በጺሖም? ተበሃሃሉ፡ ጴጥሮስን ያዕቆብን ድማ ክዳውንቶም ክቐዱ ምስ ረኣይዎም ተገረሙ እንደገና ድማ እቶም ኣረማውያን መኳንንቲ ኣብ ክሳውዲ ሓዋርያት ገመድ ጌሮም ናብ መንገዲ ከዙርዎም ወዓሉ።

7. ኣብዚ ግን ሓዋርያት ሥልጣኖም ገሊጾም ማለት ናይቶም ብገመድ ኣሢሮም ኣብ ፈቐዶ መንገዲ ክስሕብዎም ዝወዓሉ ዓቀይቶት ኣእዳው ለመሳ። ኵናት ዘይወዓለ ይሃጥር ከምዝበሃል ድማ እቶም ውሽጡ ዘይፈለጡ ኣዘዝቶም መኳንንቲ ስለምንታይ ከም ዝኣዘዝናኩም ዘይተዝሩዎም ኢሎም ተቖጥዕ ዎም።





እቶም ዓቀይቶት ድማ ኣእዳውና ለሚሱስ ከመይ ጌርና ክንስሕቦም በልዎም። እቶም ገና ዘይተረድኦም መኳንንት ድማ መሠርያን እዮም እንዶግዳ ኣይበልናኩምን ኢሎም ሓመይዎም።

8. እቶም ልኡኻት ዓቀይቶት ግን ትእዛዝ መኳንንቶም ዘየድኅኖም ምኳኑ ምስ ተረድኡ ኣርድእተ ክርስቶስ ይቐረ በሉልና ፈውሱና ኢሎም ለመንዎም። ጴጥሮስን ያዕቆብን ድማ ናብቶም እኩባት ሰባት ቀሪቦም ንሕና ንበዓል ክፉእ ግብሪ ክፉእ ክንፈዲ ስለዘይተኣዘዝና ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ድኂንኩም ከም ቀደምኩም ጥዑያት ኩኑ ኢሎም ካብቲ ለሚሰሙዎ ዝነበሩ ኣጥዓይዎም።

9. ንሳቶም ድማ እንቋዕደኣ ተፈወስና እምበር ኢሎም ዝተገብረሎም ድኅነት ከይረስዑ ብዘይካ ኣምላኽ ሓዋርያት ካልእ ኣምላኽ የልቦን ኢሎም ኣመኑ፡ እቶም ብጐኒ ኮይኖም ዝዕዘቡ ዝነበሩ እውን መለበሚ ኣይግበርካ መለበሚ ኣይኸላእካ ኢሎም ኣመኑ።

10. ካብቶም ከይኣመኑ ዝተረፉ ውሑዳት ሰባት ወዲ ሓደ መኰንን ክልተ ኣእጋሩ ለሚሰን ዝነበራ ሥራሖም ተዓዚቡ ነዚ ሕሙም ወደይ እንተዘሕውየለይሲ ብኣምላኾም ምኣመንኩ ኢሉ ብሰብ ጌሩ ነቲ ሕሙም ወዱ ናብ ሓዋርያት ሰደዶ (ኣፋነዎ) ቅዱስን ሓዋርያት ድማ እቲ ልሙድ ጸሎቶም ኣብጺሖም ነቲ ሕሙም ንጊዜኡ ፈወስዎ። ኣብ ማእከል እቶም እኩባት ሰባት ከኣ ብእግሩ ተዘዋወረ።

11. እቶም ብዓይኖም ዝረኣዩ ድማ ኵሎም ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ ሓዋርያት ካልእ ኣምላኽ ፍጹም የልቦን ኢሎም ኣመኑ። እቲ ወዱ ዝሓወየሉ መኰንን ከኣ ብፍላይ ኣብ ሓዋርያት ቀሪቡ ሰገደሎም። ነቲ ብጸሎቶም ዝሓወየሉ ወዱ ናብ ኣዲኡ ሰዲዱ ድማ ናብ ገዝኡ ከይዶም እንጌራ ክምገቡ ለመኖም። ኣዲኡ ድማ ንወዳ ብሕሙሙ ሰዲዳቶ ብኽልተ ኣእጋሩ ዲር-ዲር እናበለ ምስ መጽአ፡ ሓዋርያት ከምዝፈወስዎ ድማ ምስ ነገራ ዋሕድ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እሉ ዕደው እለ ኣድኃንዎ ለወልድየ፡ ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ እዚኣቶም ንወደይ ዘድኀንዎ ካልእ ኣምላኽ የልቦን ኢላ ገጾም ከይረኣየት

ብግብሮም ጥራይ ኣመንትሎም። ንቤታ ክመጹላ ድማ ነቲ ዝሓወየ ወዳ ለኣኸትሎም። ንሳቶም ድማ መጸዋዕታኦም እኽቢሮም ከድዋ። ግሓ.16፡14።

12. ናይ ሓዋርያት ተኣምራት ፈቒድካ ስለ ዘይውዳእ ከኣ ናብቲ ክምስሑሉ ዝተዓደሙሉ ገዛ ዝምለኹ ዝነበሩ ጣዖታት ስለዝጸንሕዎም ኣብ ኣፍደጊኡ ምስበጽሑ እቶም ጣዖታት ንሰኻ እንተዘይትደፍኣኒ መን መጽደፈኒ ዘይተብል ኢድ ሓዋርያት ብእኩባተን ዝተንከዮም ወይ ዝደፍኦም ዘይብሎም ቍልቍል ርእሶም እናተደፍኡ ወዲቆም ተሠባበሩ። እቶም ሰብ ገዛ ድማ ነዚ ተወሳኺ ተኣምር ብምርኣዮም ንእምነቶም እምነት ወሰኹሉ።

13. ዘሎ ንብረቶም ናብ እግሪ ሓዋርያት ኣቕሪቦም ድማ ንድኻታት ሃቡልና በልዎም። ያዕቆብ ሓዋርያ ግን ባዕልኻ ዓድሎ ኢሉ ኣፍቀደሉ እሞ እቲ ቴዎፍሎስ መኰንን ድማ ነቲ ዝቐረቦ ሃብቱ ብምሉኡ ንድኻታት ዓደሎ። ብድኅሪ ምምጋቦም ድማ ንእኡን ቤተሰቡን ከጥምቖዎም ለመኖም። እሞ ንዕኡን ሰበይቱን ወዱን (ንሠለስቲኦም) ኣብ ቤቶም ዝጸንሑ 30 ሰባትን ጸጋ ጥምቀት ሃቡዎም (ሃብተ መንፈስቅዱ)

14. ብድኅርዚ ቅዱሳን ሓዋርያት ኣብ ዘይበጽሑወን ዓዲ ከስተምህሩ ካብታ ዝነበሩዋ ዓዲ ወጺኦም ናብ ሓንቲ መኳንንት ዘውግዑላ ዓዲ ኣትዮም ጐይታ ካብ ፅንሱቱ ክሳብ ዕርገቱ ዝገበሮን ኣታዓባብያኡን ሕማሙን ስቕለቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ካልኣይ ምፅኣቱን ሓደ ብሓደ ምስ ነገሩዎም እቶም ኣብታ ቦታ ዝነበሩ ኵሎም ኣመኑን ተጠመቑን።

15. ቅዱሳን ሓዋርያት ድማ እምነቶም ርዕዮም ኤጺስቆጶሳትን ካህናትን ሸሙሎም። ቤተ ክርስቲያን ክሠርሑ ድማ ኣዘዙዎም። ብእምነቶም ተሓጒሸም ከኣ ነቶም ምእመናን ተፋነውዎም፡ ሓዋርያ ያዕቆብ ድማ ናብቶም ዝርዋን ዝበሃሉ ዓሌት ከደ።





# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ ያዕቆብ ነቶም ዝቐደሙ እምነትን ጥምቀትን ካብ 12 ነገድ (ዓ ድኅሪ ምሃቡ ናብቶም እምነት ዘይብሎም ሌት) ዝውለዱ ዝርዋን ዝበሃሉ ከይዱ ጐይታ ዝገበሮ ኵሉ ካብ ፅንሲ ጀሚሩ ዝገበሮ ተኣምርን ቀጺሉ ዝመሃሮ ትምህርትን ዝፈጸሞ ተኣምራትን ምስመሃሮም፡ ኣብ ርእሲ እቲ ገባር ናይ ሄሮድስ ምንባሮም ነፍሲ ወከፎም ዝምልኽዎም ጣዖታት ከኣ ነበሩዎም። ምስ ካልእ ዘየራኽብ ቋንቋ እውን ነበሮም።

2. ያዕቆብ ሓዋርያ ድማ ብዘይካ ምስቶም ብጾቱ ሓዋርያት ዝተቐበሎ (ዝተገልጸሉ) 72 ቋንቋ ናይ እንስሳን ኣራዊትን ኣዕዋፍ ሰማይን ከይተረፈ ፍሉይ ውህብቶ ስለዝነበሮ በብቋንቋኦም ቃለ ሃይማኖት ኣረድኦም። 1ቆረ.12፡14 ግሓ.2፡1-13፡ ኢዩኤል 2፡28። ጉባኤኡ ዘርጊሑ ወንጌል እናሰበኸ ከሎ ድማ ዝወሃብ እንተደኣ ረኺብኩም ኸኣ ንምድራውያን ነገሥታት ዝምልኽዎም ጣዖታት ዘይኮነ ንድኻታት ደኣ መጽውቱ፡ ምኽንያቱ ንዳኅራይ ንሳቶም እዮም ናብ ቤቶም ዝቕበሉኹም እምበር ንነገሥታት ምሃብ ከምዘየድኅነኩም ፍለጡ፡ ኢሉ ሰቢኹ ምስ ኣረድኦም ኣሚኖም ተጠመቑሉ። ሉቃ፡16፡9 ሚራክ፡12፡4-5።

3. 7ይ ሄሮድስ ግና ነዚ እምነትን ጥምቀትን እዚ ምስ ሰምዔ ሎምስ ከኣ ንኔሮን ንጉሠ ነገሥትን ነኣይ ንሄሮድስ፡ ንጉሥ ኣይትገብሩ ዚብል ሰባኺ መጺኡና፡ ሕጂ ኣምጽኡለይ ኢሉ ኣዚዙ እቶም ዝተላእኩ ወታሓደራቱ ኂዞም ኣምጽኡሉ። ኣብ ቅድሚኡ ጠጠው ኣቢሉ ድማ፡ እንታይ እዩ ፍጥረትካ ብመንከ ኢኻ እትኣምን? ወሃ ዘይኅፍር ብግብሩ ንሞት ዝጽውዕ እንዳበለ ናይ ንዕቀት ሕቶ ኣቕረበሉ።

4. ቅዱስ ያዕቆብ ድማ ንዝቐረቦ ሕቶ ክምልሽ እንክሎ፡ እምበኣርከስ ኣነ በቲ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ፍጥረት ሥልጣን ዘለዎ እግዚኣብሔር ኢየ ዝኣምን፡ ከምኡ እውን ንሰኻ ኮነ ኔሮን ካብቲ ፍጥረት ስለዘይትፍለዩ ናባኻትኩም እውን ከይተረፈ ሥልጣን ዘለዎ ኣምላኽ እየ ዝኣምን፡ ኢሉ መልሲ

ስለዝሃቦ ሄሮድስ ተቖጢዑ ካብዛ ሕጂ ዝተዛረብካያ ዘረባ ንላዕሊ ኣብ ምድጋም ኣየብጽሓካን እየ ኢሉ ሰይፉ መዚዙ ክሳዱ ቆረጾ። ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት። ምእመናን ድማ ናብ በጥቂ ዘማማርቂ እትበሃል ቦታ ጸግዒ ቤተመቅደስ ቀበርዎ። ግሓ. 12፡2

በረኸት ቅዱሳን ሓዋርያት ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



*ከምዛ ኣብ ቅድመይ ዝተዛረብካያ ኣብ ምድጋም ኣየብጽሓካን ኢየ”*



ገድለ ያእቆብ ወ/ዘብዴዎስ ሓዋርያ

ሰላም እብል ለሓዋርያ ፍንወ
እኅወ ወንጌላዊ ዮሓንስ እንዘ ይሄሉ ሕያወ
ኣህጉራተ ይስብክ ጊዜ ኣንሶሰወ
ድምፀ ኣራዊት ወዘኣዕዋፍ ንቃወ
በመንፈስ ቅዱስ ያዕቆብ ለበወ
ስንክሳር 17 ሚያዝያ ተመልከት።

# ምዕራፍ 4
# ገድለ ዮሓንስ ሓዋርያ

1. ዮሓንስ ማለት ትርጉም ስሙ ከም ቀዳማይ ዮሓንስ መጥምቅ ፍጹም ሓጐስ ርኅራኄ ማለት እዩ። ወይከውነከ ትፍሥሕተ ወሐሤተ ከምዝበሎ ሉቃ.1፥14 ሓዋርያ ዮሓንስ ቅድሚ ብክርስቶስ ምጽውዑ ናይ ዮሓንስ መጥምቅ ረድኢ ብምንባሩ ምስ ካልኣዩ እንድርያስ ብመምህሮም ተላኢኾም ንሸኻ ዲኻ እትመጽእ ወይሲ ካልእ እንጽበዮ ኣሎ ኢልኩም ሕተትዎ ተባሂሎም ንክርስቶስ ዝሓተቶ እዚ ሓዋርያ እዚ እዩ። ማቴ..11፥1ሻ ሉቃ.7፥18።

2. ዮሓንስ ነገዱ ካብ ይሁዳ ሃገረ ስብከቱ እስያ ኮይኑ ብቋንቋ ዮናኒ ወንጌል ዝጸሓፈሉ ዘመን ድኅሪ ዕርገት ጐይታ 30 ዓመት 63 ዓ.ም. ቍጽሩ ምስ 12 ሓዋርያት፣ ብጐይታ ኪጽዋዕ እንከሎ ኣስታት ወዲ 26 ዓመት ኔሩ። ስለዚ ምስ ጐይታኡ 3 ዓመትን 3 ወርኅን ክነብር ከሎ ብድኅሪ ዕርገት ጐይታ 70 ዓመት ስለዝመሃረ ዕድሚኡ 99 ዓመት ይኸውን ኣሎ። ቅዱሳን ሓዋርያት ንስብከት ወንጌል ዕንጨይቲ ውድቅ ምስ ገበሩ እስያ በጽሓቶ። ንሳ ድማ ናይቶም 7 ዮናናውያን ሃገር ክትከውን ከላ፣ ዋና ከተማኣ ኤፌሶን እያ። ሕጂ ቱርኪ ተባሂላ ትጽዋዕ ኣላ። ናብኣ ኣትዩ ወንጌል ምስ ሰበኸላ፣ ካብቶም ኣብኣ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኣይሁድን ኣረሚንን ውሑዳት ቃሉ ተቐበሉ።

3. ብድኅሪኡ ድማ ቅዱስ ጳውሎስ ናብኣ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ብዙኅት ኣእመነ። መሠረቱ ግን ዱር ቀስቂሱ ዝሰበኸላ ዮሓንስ ክኸውኑ እንከሎ ኣብ ደሴተ ፍጥሞ ማሕዩር ተባሂሉ ተኣሲሩ ከሎ በታ ኣቐዲሙ ዝፈልጣን ዝሰበኸላን ቃል እግዚኣብሔር ስለዘይእሠር ነዚ እትርእዮን እትሰምዖን ዘሎኻ ጽሒፍካ ናብ 7 ናይ እስያ ኣብያተ ክርስቲያናት ለኣኽለን ኢሉ መንፈስ ቅዱስ ኣተሓሳሰቦን ኣዘዞን። ራዕ.1፥11 ኣቐዲሙ ንኤፌሶን ዮሓንስ ሰቢኹላ ከም ዝነበረ ዘረድእ ድማ ወነበሩ በውስተታ ኣይሁድ ወኣረሚ ኅቡረ ወንዳጣን እምኔሆሙ ኣምኑ በስብከቱ ለዮሓንስ ሓዋርያ ወንጌላዊ ዚብል ኣብነት ይርከብ። (መቅድም መልእኽቲ ኤፌሶን ተመ.)





4. ቅዱሳን ሓዋርያት ብድኅሪ ኣብ ደብረ ዘይት ምእካቦም ኣብታ መንጎ እግሪ ጐቦ ደብረ ዘይትን ኢየሩሳሌምን እትርከብ ስንጭሮ፣ ጌተሰማኒ ተኣኪቦም ከለው ቅዱስ ጴጥሮስ ተንሢኡ ጐይታና ዝበለና ክንዝንግዕ ስለ ዘይግባኣና ንስብከተ ወንጌል መደብ ጌርና ዕንጨይቲ ውድቕ ንግበር ኢሉ መምርሒ ቃል ሂቡ ኣነቓቕሖም። ማር.16፥15።

5. ምስ ዘረባኡ ኣተኅሒዞም ዕንጨይቲ ውድቅ ምስ ገበሩ ከኣ ንዮሓንስ ሃገረ እስያ ከይዱ የሥተምህር እትብል ዕድል በጽሓቶ። ንጊዚኡ ግን ናይ ምድፍናቅ ምልክት ስለ ዘርእየ ቅዱስ ጴጥሮስ በታ ሓደራ ዝተቐበላ ብዝያዳ ኣጸናንዖ እሞ ከም ብጾቱ ናብ ዕንጨይቱ ዚሃበቶ እስያ ተበገሰ። ብመሠረት ስምምዖምን ትእዛዝ ጐይታን ከኣ ሓደ ረድኢ ኣብሮኮሮስ መደቡሉ እሞ ኅቢሮም መንገዶም ቀጸሉ ዮሓ.21፥5-16 ካብ ኢየሩሳሌም ምስ ተበገሱ ድማ ብመርከብ ባሕሪ ክኸዱ ከለው እታ ዝተሳተፈሩላ መርከብ ተሰብረቶም፣ ዓቢይ ጸገም ገጠሞም።

6. እቶም ምስኦም ዝነበሩ ነጋዶ ዘሎ ንብረቶም ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ኣብሮኮሮስ ድማ በታ ዝተሰብረት መርከብ ምስኣም ብብዙኅ ሽግር ናብ ወደብ በጽሑ። ናብ ባሕሪ ዝጠሓለ (ዝተረፈ) ከይህልዎም ድማ ንሓድሕዶም እንተ ተረኣኣዩ ብዘይካ ሓደ ዮሓንስ ኵሎም ብደኅን ተረኽቡ (ወጹ)።

7. እንተኾነ ተረካቢ ይዓድዮ ከም ዚበሃል እቶም ነጋዶ ንኣብሮኮሮስ ብጻይካ ኣበይ ኣሎ? ግብሩ ፈሊጡ እኮ እዩ ተንቢኡ ዘሎ ወይ እዚ መሠርዩ ኵሉ ንብረትና ናብ ባሕሪ ከምዝድርበ ዘግበርኩም እኮ ንሱን ንሸኻን ኢኹም እናበሉ ብምእሣርን ብምፍርራሕን እናኣሣቀዩ ዓሌትካ ትጥፉእ ካበይ ዓሌትከ ኢኻ? መንከ ትበሃል እስከ ከይተቐተልካ ስምካ ንገረና እናበሉ ብዙኅ ምስ ኣሸገሩዎ ዓሌቱን እምነቱን ገለጸሎም።

8. ብድኅርዚ ካብኦም ተፈላልዩ መንገዲ ሠለስተ መዓልቲ ብእግሪ ከይዱ ናብ ወሰን ባሕሪ ኮፍ ኢሉ ከሎ፣ ዮሓንስ ብባሕሪ ማዕበል እናተደፍአ ናብቲ ኣብሮኮሮስ ዘለዎ ወሰን

ባሕሪ ኣብጽሖ እሞ ኣብሮኮሮስ ብኢዱ ጊዜ ስሒቡ ኣውጽኦ ክሳድ ንኽሳድ ተታኃሒዞም ድማ በኸዩ። ኣብሮኮርስ ቡቲ ብነጋዶ ዝገጠሞ ሽግር ኲሉ ኣዘንተወሉ፡ ዮሓንስ ከኣ 40 መዓልትን 40 ለይትን ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ከም ዝጸንሐ ንኣብሮኮሮስ ገለጸሉ። ኀቢሮም ድማ ንኤፌሶን እናኸዱ ካብታ ሃገር መጀመርያ እትርከብ ዓዲ ማኅደረ ኣርዳሚስ ዝተባህለት በጽሑ።

9. ኣብቲ ቦታ ድማ ናይ ኣስቆሪዶስ ዝተባህለ መኰንን ቤት ሕፅቦ ሥራሕ ኣካያዲት ሮምና እትበሃል (ብኃይሊ እትምካሕ) ጸንሓቶም። ኣቐዲማ ድማ ንዮሓንስ ኣብዚ ቤት ሕጽቦይዶ ትሠርሕ ኢላ ሓተተቶ፡ ንኣብሮኮሮስውን ከምኡ ጠየቐቶም ንሳቶም ከኣ ንክሠርሑ ፍቓደኛታት ምዃኖም ምስ ኣረጋገጹላ ኣብ ዝመደበትሎም ሥራሓት ክሠርሑ ጀመሩ። እንተኾነ ዮሓንስ ነቲ ዝተዋህቦ ሥራሕ ስለዘይከኣሎ፡ ኣንታ ሃካይ ባርያ ኲሉ ሰብ ፈሊጡካ እናበለት ብጽፍዒትን ብእምንን ጌራ ብማህረምቲ ኣቍሰለቶ። በዚ እውን ኣይተ ወሰነትን ኣብ ዝረኸበቶ ናብ ገጹ ጡፍ ትብለሉን ትሳቅዮን ነበረት። በቲ ናብ ልዕሊ ዮሓንስ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዒ ከኣ ኣብሮኮሮስ ረድኡ ይርኢ ስለዝነበረ፡ ዝገብሮ ደኣ ኣይነበሮን እምበር ብዙኅ ይኃዝንን ይጕህን ነበረ።

10. ሓደ መዓልቲ ድማ ክልቲኦም ቁሩብ ዕላል ጊዞም ግዲ ጸኒሖም ኮይኖም ከየስተውዓሉላ ብቅድሚኦም ምስ ሓለፈት ንምንታይ ተንሚእካ ዘይትሰግደለይ ኢላ ጸረፈቶ። ዮሓንስ ግን ነቲ ጸርፊ ልምዲ ግዲ ወሲዱሉ ኮይኑ ኣየጕሃዮን። ኣብ መንጎዚ፡ ኣጋጣሚ ነታ ዋና ቤት ሕጽቦ ወዳ፡ ወዲ 12 ዓመት ስለዝሞተ እቶም ሰራሕተኛታት ብዙሕ እናተጨነቑ ላዕልን ታሕትን በሉ። ብፍላይ ድማ ሮምና ሞይቱ ምስ ረኣየቶ ክዳና ቀደደት ጸጉሪ ርእሳውን ነጸየት። እቲ ወዲ ክመውት ከሎ ኣቡኡ ስለዘይነበረ ድማ፡ ሞት ወዱስ ንኣቡኡ ከመይ ገይረ እየ ዝነግሮ እናበለት ተሸ ገረት። ነቶም እተምልኾም ኣማልኽቲ ጠየት ድማ ኣቡኡ ከይሰምዔ ከሎ ኩተንሥኡላ ኣእወየትሎም። ነገር ግን ካብቲ ዳዊት ዝበሎ ኣይሓለፈን እዝኒ ከለዎም ምስማዕ ስለዝ ኣበይዋ ናታቶም





ሕርቕርቕት ተረካቢ ይዓድዩ ከምዝበሃል ናብ ዮሓንስ ከይዳ ኣንታ ጠንቋሊ ንሸካ ኣብዚ ኣሊኻ እምበር ካብ መዓስከ ኣማልኽተይ ምስማዕ ይኣብዩኒ እናበለት ማር ክሳዕ ዝብሎ ጕንዲ እዝኑ ጸፍዓቶ።

11. ዮሓንስ ግን ጽፍዒቱ ውሕጥ ኣቢሉ ወይ ጉድ ኣተንስኡለይ ከኣ ምበለትና እምበር ምጽፋዕከ ምስ ምንታይ ይቕጸር፡ በለ። ንቓሉ ከምሓሶት ቈጺራ ድማ ሰብዶ ምስ ሞተ ይትንሥእ እዩ? እዚ እዩ ቀዳማይ ሓሶትካ ኢላ፡ ክትደግም ምስ ሃቀነት፡ ሓዋርያ ዮሓንስ ጸሎት ገይሩ ነቲ ምዉት ኣተንሥኦ፡ እዚ ተኣምራትዚ ምስ ረኣየት ግና ብስምባደ ልባ ጠፍኣ እሞ ዮሓንስ ባረኹ ልባ መለሰላ።

12. ንሳ ድማ በቲ ከይፈለጠቶ፡ ኣብ ልዕሊኡ እትፍጽሞ ዝነበረት ግፍዒ ዘኪራ ብሕፍረት ገጹ ንምርኣይ ሰኣነት። ጽንሕ ኢላ ግን እንታዋይ ዲኻ? መንከ ትበሃል? ክትነግረኒ እልምነካ ኣሎኹ ኢላ ለመነቶ፤ መሊሳ ድማ እግዚኣብሔር ዲኻ ወይስ ወዲ እግዚኣብሔር? ኢላ ሕቶ ምስ ኣብዝኃትሉ ሓዋርያ ክርስቶስ ምዃኑ ገለጸላ። ንሳ ድማ እምበኣርከስ በቲ ኹሉ ኣብ ልዕሌኻ ዝገበርኩዎ በደላት ይትረፍ ገዲፈልኪ ክትብለኒ እልምነካ ኣሎኹ ኢላ ለመነቶ።

13. ሓዋርያ ዮሓንስ ድማ እምበኣርከስ ካብ ተዓረቕናስ ኢሉ ሥርዩት ሂቡ ብኣብን ብወልድን ብመንፈስ ቅዱስን እመኒ ኢሉ ኣእሚኑ ኣጠመቓ ብድሕርዚ ብዙሕ ጽልኢ ብዙሕ ፍቕሪ ይወልድ ከምዝበሃል ጽንዓት ሃይማኖታ ርእዩ እምነ ቀሲስ ለኅሪት ወለእግዚእት ወለደቂቃ ለእንተ ኣነ ኣፈቅራ ኢሉ ኣብ 2ይ መልእኽቱ ኣመስጊኑ ጽሒፉላ ከምዘሎ ናይ ቤተክርስቲያን ኃላፊት ገይሩ ሸይምዋ። 2ዮሓ.1፥5።

ብድኅርዚ ነቲ ዮሓንስ ዘተንሥኦ ኣቡኡ ዲዮስቆሪዶስ ዝተባህለ ሰብኣይ ናይ ወዱ ሞት ብወረ ሰሚዑ ብስምባድ ሞተ፡ ጥዑም ጥዑም ጥዒሙዎ ድማ እቲ ካብ ሞት ዝተንሥአ ወዱ፡ ብዘይካኡ ዘተንሥኦ የልቦን ኢሉ ናብ ዮሓንስ ከይዱ ከምቲ ንዓይ ካብ ሞት ዘተንሣእካኒ ሕጂ ድማ ኣቦይ ስለዝሞተ ኩተተንሥኦልና ኢሉ ለመኖ፡ ዮሓንስ ድማ ናብኡ ከይዱ ጸሎት ገይሩ ብኢዱ ጊዙ ብስም ኢየሱስ ተንሥእ ኢሉ ኣተንሥኦ።

14. ዲዮስቆሪዶስ ድማ ምስ ተንሥአ ምስ ኵሎም ቤተ ሰቡ ብጐይታ ኣሚኑ ተጠመቐ። ዘሎ ንብረቶም ከኣ ንድኻታት ዓደልዎ። እቶም ኣረማውያን ግን ንሓዋርያ ዮሓንስ ስለዝቐንኡሉ ብዳርባ እምኒ ክንቀትሎ ኢና ኢሎም ኣእማን ደርበዩሉ።ነገር ግን እቲ ናብ ዮሓንስ ገጹ ዝድርበ ዝነበረ ኣእማን ተመሊሱ ናብ ጣያታቶም ስለዝወደቐ እቶም ጣያታቶም ኵሎም ተሰባበሩ።

15. ብድሕርዚ ዮሓንስ ጽንዓት ልቦም ምስ ረኣየ ጸሎት ገበረ እሞ እቶም ተረርቲ ልቢ ዝኾኑ (ዘበሉ) ክልተ ሚእቲ ሰባት ናብ ምድሪ እናወደቑ ብሓደ ጊዜ ሞቱ። እቶም ሰብ ከይ፡ብለና እምበር ብእኡ ምኣመንና ኢሎም ብልቦም ዝሓስቡ ዝነበሩ ግን ኵሎም ነዞም ሞይቶም ዘለው ደኣ ኣተንሥኣልና እምበር ብኣምላኽካ ንኣምን ኢሎም ምስለመንዎ፣ ኣንቱም ከም ፈርኦን ተረርቲ ልቢ (ዘጽ.7፥14) ምውታትኩምሲ ክትንሥኡ እዮም ኢሉ ኣዒንቱ ንሰማይ ቋሕ ኣቢሉ ጐይታይን ኣምላኸይን ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ሕያው እግዚኣብሔር እዞም ምውታት ዘለው ብስምካ መታን ክኣምኑ ብዕቤት ክብርኻ እልምነካ ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ እቶም ክልተ ሚእቲ ምውታት ተንሢኦም ናብ ዮሓንስ ቀሪቦም ሰገዱሉ።

16. ቀጺሎም ድማ ኣንታ ሕያዋይ ጓሳ እንታይ ክንገብር ትደሊ ኣዝዘና በልዎ። ንሱ ድማ ስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣፍሊጡ ክገብርዎ ዝግብኦም ኣረድኦም።ብድሕርዚ ካብቲ ዓዲ ክወጽእ ክደሊ ከሎ ሓንቲ ሰበይቲ መጺኣ ሓደ ወደይ ስለዝሓመመኒ ኩተሕውየለይ እልምነካ ኣሎኹ ኢላ ለመነቶ። ምስኡ ከኣ ውሰኽ ኣቢላ በዚ እትገብረሉ ፈውሲ እንተዳኣ ተመሲሉሉ ወደይ ሓውዩ ኸኣ ኣነን ኣቡኡን ብኣምላኽካ ክንኣምን ኢና ኢላ ውዕል ዝሓዘለ ልማኖ ኣቕረበትሉ።

17. ዮሓንስ ድማ ኣብቲ ሕሙማት ዘለውዎ ቤት ከይዱ በቲ ልሙድን ዘየዳግምን ጸሎቱ ጸልዩ ነቲ ሕሙም ኣሕወዮ ከምዝበለቶ ከኣ ንሳን በዓል ቤታን ኣመኑን ተጠመቑን እቶም ኣማዕድዮም ዝርእዩ ዝነበሩ ጸላእቲ ጽቡቕ ኣይሁድ ግን ሰይፎም መዚዞም ስለዝመጽዎ ንግዚኡ ኣስቆሪዶስ ስለዘድሓኖ ካብታ ኣይሁድ ዘለውላ ቦታ ኣልጊሱ ኻሪት ሃገር ናብ እትበሃል ዓዲ ገዓዙ። ማቴ.10፥23።





ኣብኡ ከኣ 12 ዓመታት ዝኣክል ለሚሱ ዝነበረ ሰብ ረኺቦም ፈወሰዎ፣ ነዚ ኹሉ ዝርኢ ዝነበረ ሰይጣን ድማ ብዙኃት ጸላእቲ የላዓዕለሉ ነበረ እንተኾነ ሮምናን ዲዮስቆሪዶስን ደኣ ይከላኸሉሎም ነይሮም እምበር ኣብ ልዕሊኦም ዘየቕረቡሎም ፈተናታት ኣይነበረን።

18. ኣብ መጨረሽታ ድማ ካብቶም ኣይሁድ ዝተዋጽኡ ኣብ እንዳ ዲዮስቆሪዶስ (ሹመኛ እታ ሃገር) መጺኦም ነዞም ጠንቌልቲ ዮሓንስን ኣብሮኮሮስን ኣብ ገዛኻ ከተቐምጦም ኣይግብኣካን እዩ። እንተደኣ ካብዚ ሃገር ዘየውጺእካዮም ድማ ንገዛኻ ብሓዊ ከነንድዶ ኢና። ንዓኻን ቤተሰብካን ድማ ብቕትለት ክንደልየኩም ኢና ኢሎም ኣፈራርህዎም። ዮሓንስ ግን ነዚ ኵሉ ጠንቂ ዘለዓዕለሎም ዝነበረ ኣብ ጣኦቶም ዝኀደረ ሰይጣን ምኳኑ ይፈልጥ ስለዝነበረ ንዲዮስቆሪዶስ ምንም ጥፍኣት ከምዘይበጽሖ ኣጸናንዮ።

19. ቅዱስ ዮሓንስ ምንምኳ ንዲዮስቆሪዶስ እንተኣጸናንዮ ንርእሱ ካብ ፈተና ናይ ኣይሁድ ክእለ ፍቓዱ ስለዘይነበረ ኂዞም ናብ ምኵራቦም ኣብጽሕዎ። ኣብ ውሽጢ ምኵራብ ድማ ከም ሓደ በዓል ማሕድሮ ካህን ብርቀት ኣብኡ ዝነብር ዝነበረ ሰይጣን ከምዘሎ ስለዝፈለጠ እምብኣርከስ ክሳዕቲ ዝደሌኹምዎ እትገብሩ ሓንሳዕ ሕደጉኒ ስራሕ ኣሎኒ ኢሉ ናብ ኣምላኽ ጸሎቱ ኣቕረበሞ፣ እቲ ምኽራብ ፈረሰ እቲ ሰይጣን ድማ ሰፈር ምስ ሰኣነ ወጸ፣ ኣብዚ ቤት ምኽራብ ክንደይ ዓመታት ጌርካ? ተባሂሉ ብኣፍ ዮሓንስ ሕቶ ቀረቦ እሞ፣ 49 ዓመታት ከምዝተቐመጠ ኣመነሉ። ኣብ መንጎ 49 ዓመታት ከኣ ክንደይ ሰብ ከምዝስሓተ ኣንበብቲ ኣይስሕትዎን። ቅዱስ ሓዋርያ ድማ ካብዛ ሃገርዚኣ ሕጂ ክትወጽእ ብስም ኢየሱስ ናዝራዊ ኣዚዝካ ኣሎኹ። ኢሉ ካብታ ሃገር ኣውጽኦ እቶም ደቂ እታ ሃገር ግን ምኽራብና ኣፍሪሱ ነቲ ድላይና ዝገብረልና ዝነበረ ድማ ኣጥፊኡልና እናበሉ ለይትን መዓልትን ይኸስዎ ነበሩ።

# ምስክርነት ፍልሰቱ

1. ሓዋርያ ዮሓንስ በታ ዕንጨይቱ ዝበጽሓቶ መሠረት ኣብታ ኣምልኮ ጣኦት ዝበዝሓ ናይ እስያ ዋና ከተማ ኤፌሶን ኣትዩ ብስብከቱ ነቶም ጣኦታት ኣጥፊኡ ቍጽሪ ዘይብሉ ተኣምራት ገበረ። ነታ ብርስሓት ሓጢኣትን ኣምልኾ ጣዖትን ኣኽፊኣ ዝነበረት ሃገር ካብ ኣምልኮ ጣዖት ናብ ኣምልኾ እግዚኣብሔር መሊሱ ቅድስት ሃገር ኣጸውዓ። ግሓ.19፥17።

2. ነቲ ምኹራብ ጣኦት ኣጋንንቲ ዝዕንድሩሉ ዝነበሩ ቦታ ከኣ ባሪኹን ቀዲሱን ቤተ ክርስቲያን ኣሥርሓሉ ካብቶም ሰብ ሃገር ኣመንቲ ድማ ጳጳሳትን ካህናትን ዲያቆናትን ሸመሎም። ብድኅርዚ ኵሎም ብጾቱ ሓዋርያት ከከምዕ ድሎም ዝሃቦም ናይ ሞት ጽዋዕ ክቕበሉ ከለው ሓዋርያ ዮሓንስ ብድኅሪኦም ክሳዕ መንግሥቲ ዱማትያኖስ ጸኒሑ ዕ ድሚኡ ካብ እርገት ጐይታና ክሳዕ እለተ ፍልሰቱ 70 (ሰብዓ) ዓመት ስለዝገበረ ሸምጊሉ ነበረ።

3. ሓዋርያ ዮሓንስ ከምቶም ካልኦት ብጾቱ ሓዋርያት ብዙኅ ሥቓይ ኣይረኸበን ብንጽሕናኡን ንእስነቱን ጐይታ ብዙሕ የፍቅሮ ብምንባሩ ኣብ ጐኑ ተቐሚጡ እውን መን ከምዘትኅዘ ዝሓተቶ ንሱ እዩ። ከምኡውን ተረፈ ወንጌል ምኻኑ ዝእመነሉ ተኣምረ ኢየሱስ ንሱ ከምዝጸሓፎ፥ ወዮሓንስኒ ይቤ ኣነ ጸሓፍኩ ዘንተ መጽሓፈ ዘኣርኣየኒ ኣምላኪየ ዘኢተጽሕፈ ውስተ ወንጌል ይብል። ማኅተም ተኣምረ ኢየሱስ ገጽ 40 ተመ. ዮሓ፥21-25። ስለዚ ካብ ኵሉ ዝረቀቐን ዝተፈልየን ምስጢራትን ዝጸሓፈ እዚ ሓዋርያን ወንጌላዊን እዩ።

4. ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሔር ካብዚ ዓለምዚ ከዕርፎ ምስ ደለየ ድማ ደስ ስለዝበሎ ንእግዚኣብሔር ናይ መወዳእታ ምስጋና ኣመስገኖ ቃል ፈነውኡ ድማ ንሕዝቢ ኣኪቡ ብእምነቶም ክጸንዑ መሃሮም፥ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ድማ ንሰማይ እናጠመተ ጸሎተ ፈተቶ ኅብስትን ወይንን ብምዕራግ ንርእሱን ነቶም ሥጋን ደምን ንምቕባል ብቕዓት ዘለዎም ኣቍረቦም።





5. እቶም ህዝቢ ነናብ ቤቶም ምስ ከዱ ድማ ነቶም ምስኡ ዘለው በሉ ጕድጓድ ኰዓቱ ኢሉ ኣዘዞም ንሳቶም ከኣ ትእዛዙ ፈጸሙ ማለት ጕድጓድ ኰዓቱ። ክዳውንቱ ቀንጢጡ ከኣ ናብቲ መቃብር ኣቐመጦ። ካልእ ሃሪ ግምጃ (ልብሰ መንግሥቲ) ዝመስል ተኸዲኑ ኸኣ ኣብቲ ማእከል መቓብር ኮይኑ ነዊሕ ጸሎት ገበረ።

ኣብ መወዳእታ ጸሎቱ ድማ ከምቲ ጐይታ ንሓዋርያት ክሳዕ መወዳእታ ካባኹም ኣይፍለን እየ ዝበሎም ንስ ኣይፈሌኹም ድሌትኩም ይሃብኩም ኣነ ግን ካብ ሎሚ መዓ ልቲ ብኣካለ ሥጋ ምሳኹም ኣይነብርን እየ፥ እናበለ ዘረብኡ ምስ ፈጸመ፥ ኣብሮኮሮስን ኣብኡ ዝነበሩ ኣመንትን ንዮሓንስ ኢዱን እግሩን ስዒሞም መሪር ብኽያት እናበኸዩ ናብቲ ውሽጢ መቓብር ገዲፎምዎ ከዱ።

6. ናብቲ ዓዲ ኣትዮም ድማ እቲ ዮሓንስ ዝገበሮ ነገራት ነገርዎም። እቶም ኣመንቲ ከኣ ንግዚኡ ናብታ መቓብር ዮሓንስ እናጐየዩ ምስ ከዱ፥ እታ መቓብር ከምዘይተኳዕተት ኮይና ኣብ ልዕሊኣ ድማ ክዳውንቱን ኣሳእኑን ተነቢሩ ረኸቡዎ። ኣብሮኮሮስን እቶም ምስኡ ዝመጹ ኣመንትን ድማ ንዝግብኦ ጸጋ እትህብ ንእትፈትዎ ዮሓንስ ካብ ሞት እተተንሥእ እግዚኣብሔር ተመስገን እናበሉ ንእግዚኣብሔር ኣመስጊኖም ነናብ ቤቶም ተመልሱ። ዮሐ.11፥43። ነቲ ጐይታ ንዮሓንስ ኣይትመውትን ኢኻ ኢልዎ ኢሎም ሓዋርያት ዘዕለልዋ መወስኽታ/መረጋገጺ ተረኸበ። ዮሓ.21፥23 ማቴ.16፥28።

ጸሓፊኡ ኣብሮኮሮስ ረድኡ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



"ኣነ ካብ ሎሚ መዓልቲ ብኣካለ ሥጋ ምሳኹም ኣይነብርን ኢየ።"

ሰላም ለዮሓንስ ዘተለዓለ መጠኑ
በነሚአ ጸጋ ወክብር እንተ ኢተውሀበ ለካልአኑ
ዘሥጋ ወደም እንዘ ውእግቱ ኣኮኑ
አመ ሰዓሞ ኣፉሁ ወኣመ አርፈቆ በሕፅኑ
ለነደ መለኮት መፍርህ ኢውዕየ በርስኑ

ስንክሳር ፬ ጥሪ ተመልከ።



# ምዕራፍ 5

## ገድለ ፊልጶስ ሓዋርያ

ፊልጶስ ማለት ፈታው ኣኅዋት ኣኃዜ ኵናት ሥውር ቦታ ገራሕ ኣፍራስ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ዛብሎን ሃገረ ስብከቱ ኣፍራቂያ ዕረፍቱ 18 ኅዳር ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዮሓ.1፥43-48።

1. ኣቦታትና ቅዱሳን ሓዋርያት ብድኅሪ ዕርገት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ደብረዘይት ተኣኪቦም ነንሓድሕዶም ቃል እግዚኣብሔር ኣልዒሎም እንዳኣመስገኑ ከለው ጐይታ ተገሊጹ ሰላም ነኣታትኩም ይኹን ዝተፈተኹም ደቂ መዛሙርተይ ኢሉ ሰላምታኡ ምስ ኣቕረበሎም፥ ቅጽል ኣቢሉ ንምንታይ ደኣ ኣብዚ እትነብሩ ወንጌለይ ከተስተ ምህሩ ናብ ዓለም ዘይትኸዱ? ሕጂ እውን ንስብከተ ወንጌል ክጥዕመኩም ንዓለም ናብ 12 መዲብኩም ዕንጨይቲ ኣዋድቑ። እሞ ናብ ዘዝበጽሓኩም ሃገረ ስብከትኩም ኬድኩም ኣስተምህሩ።

2. ኣነ እውን ክሳብ መወዳእታ ምሳኹም ኣሎኹ። ኣሜን እብለክሙ እስመ አስብክሙ ዓቢይ በሰማያት ወትረስኡ ሕማመክሙ ኢሉዎም ንሰማያት ዓረገ። (ማቴ.28፥20 ሮሜ.8፥18)።ብድኅርዚ ዕንጨይቲ ውድቕ ከይገበሩ ኣብ ጌተሰማኒ ተኣኪቦም ከለው ጴጥሮስ ተንሢኡ ጐይታና ዝበለና ክንዝንግዕ ስለዘይግባኣና ዕንጨይቲ ውድቕ ንግበር ምስ በሎም ዕንጨይቲ ኣዋዲቖም ንቅዱስ ሓዋርያ ፊልጶስ ኣፍራቂያ በጽሓቶ።

3. ብቅዱስ ጴጥሮስ ተሠንዩ ድማ ኀቢሮም ናብ ሃገር ስብከቱ ብግስ ምስ በሉ መንፈስ ርኩስ ዝኀደሮ ሰብ ኣብ ቅድሚኦም ተገቲሩ ናብዛ ሃገር እዚኣ ክትኣትው ሰቕ ኢለ ኣይርእየኩምን እየ ኢሉ ዓገቶም። ቅዱስ ጴጥሮስ ግን ነቲ ኀዲሩዎ ዝነበረ ጋኔን ገሚጹ ካብኡ ኣውጽኦ እሞ እቲ ሰብኣይ ብትምህርቶም ኣሚኑ ሰዓቦም።

4. ነቶም ዘይኣመኑ ድማ እንተ ከምዚ ከማይ ድኅነት ነፍሰኹም ትደልዩ ኮይኖኹም ንዑናይ ምሳይ ኢሉ ጌዝዎም ናብ ሓዋርያት ዘለውዎ ኣብጽሖም። ሓዋርያ ፊልጶስ ድማ ነቶም ሓደስቲ ኣመንቲ ኣማልኽትኹም ብዙኃት ከም ዝጸንሑ ፍሉጥ እዩ። እንተኾነ ብፍላይ ናትኩም ኣምላኽከ ስሙ መን ይበሃል? በሎም።

5. ንሳቶም ድማ ብምስሊ ንሥሪ ዝተሠርሐ ብወርቂ ዝተለበጠ ኢና እነምልኽ ኢሎም መለሲ ሃብዎ። ሓዋርያ ፊልጶስ ድማ ሓቂ ተዛሪብኩም እምበኣር ክንላለስ ኬድኩም ኣምጽእዎ ጽቡቕ ሌላ ይግበረልና በሎም። መዝ.67፥13።

6. ንሳቶም ከኣ ብቕንዕና ከምጽእዎ ምስ ከዱ እቶም ብስሞም ዝነግዱ ዝነበሩ ካህናት ጣዖት ነዞም ረዳእትና ምባል ኅዲኅም ነዞም ረዳእትኹም ከተጥፍእዎም ኢልኩምሲ ክትወስድዎም መጺእኩም፥ ክንደይ ሰብ እባ ጥቕሙ ዘይፈልጥ ኣሎ እዩ ኢሎም ኣበርቲዖም ተቓወምዎም። ግሓ.16፥19።

7. መቸም ይውሕዱ ደኣ እምበር ለባማት ስለዘይሰኣኑ ካብቶም እኩባት ሕዝቢ ካብ ናታትኩም ቃል ምቕባል ናይ ኣርድእተ ክርስቶስ ቃል ምቕባል ይሓይሽ። ስለዚ ኣምላኽ እናበልና ብዙኅ ዓመታት ዝተታለልናሉ ሰብ ዝሠርሖ፥ ዘይርኢ ዘይሰምዕ ዘይከይድ ኢሎም ካብቲ ከቢሩሉ ዝነበረ ቦታ ተሸኪሞም ከምጽእዎ ከለው ወዮ ደኣ ከምቲ ዝበልዎ ኰይኑ ክሰምዮም ኣይከኣለን እምበር ኣንታ መታለሊ እንዳበሉ እውን ይጸርፍዎ ኔሮም።

8. ኣብ ቅድሚ ቅዱሳን ሓዋርያት ምስ ኣብጽሕዎ ድማ እቶም ጥቕሞም ዝተረፎም ካህናት ጣዖት ደድኅሪኦም መጺኦም ንሓዋርያት ንምንታይ ብሥራይኩም ጌርኩም ንሕዝብና ተታልሉዎም ኣሎኹም እንዳበሉ (ከይቀደሙና ክንቅድሞም ኢሎም) ጸርፍን ድፍረትን ዝገደፉሎም የብሎምን።

9. ቅዱስ ሓዋርያ ፊልጶስ ግን በቲ ካብ ጐይትኡ ዝተቐበሎ ሥልጣን ኣብ ልዕሊ እቶም ካህናተ ጣዖት ካብ ሰማይ ሓዊ ወሪዱ ክኽቦም ጸሎት ገበረሞ፥ ብፍላይ ነቶም ካህናት ጣዖት ሓዊ ምስ ከበቦም፥ ከምዚ እትገብር ኣይመሰለናን ኢሎም ምሕረት ክግበረሎም ናብ ሓዋርያ ፊልጶስ ኣእወዩ።





10. ሓዋርያ ፊልጶስ ድማ ቅድሚ እዚ ውግእ እንተመጻኩም ናብዞም ኣማልኽትና እትብልዎም ትጠርዑ ኔርኩም ሕጂ ደኣ ናብዞም ዘይትጠርዑ (ዘይተእውዩ)? እሞ እንታይ ኮይንኩም ናብኦም ዘይትጠርዑ (ዘይተእውዩ)? እሞ እንታይ ኮይንኩም ኢሉ ወቐሶም።ኣብዚ መንገዲ እዚ ቅዱስ ንሳቶም ዘይረድእኹም ኢሉ ወቐሶም።ኣብዚ መንገዲ እዚ ቅዱስ ጴጥሮስ ብሕርቃን ተንሢኡ ነቲ ጣዖቶም ናብቲ ከቢቡዎም ዝነበረ ሓዊ ደርበዮ።

11. እቲ ናይ ወርቂ ምስሊ ድማ ንኣርድእተ ክርስቶስ፥ መሓሩኒ ደኣ እምበር ኣይተጥፍኡኒ፥ እዞም ሰብ እዛ ዓዲ እዚኣ እዮም ካብ መሬት ዝሠርሑኒ ኣነ ከኣ ኣይበልዕ ኣይሰቲ ሕጂ እውን እታ ናባኹም ኅዲራ ዘላ ኃይሊ እያ እተዛርበኒ ዘርባዕባዕ እተብለኒ ዘላ እንዳበለ ብቋንቋ ሰብ ተዛረቦም። ማቴ.8፥39 ኦሪ. ዘኍ.22፥28።

12. እቶም ብሓዊ ተኸቢቦም ዝነበሩ ካህናተ ጣዖት ድማ ካብዚ ከቢቡና ዘሎ ሓዊ ጥራይ ኣድኅኑና እምበር ብኣምላኽኩም ንኣምን ስለዝበልዎም እምበኣርከስ እምነት ይቐድም ምሕረት ይኩተል ኢሉ፥ ብኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከምዝኣምኑ ገለጸሎም እሞ ብሠላሴ ኣመኑ።

13. ብድኅርዚ እቲ ሓዊ ናብቲ ዝመጾ ተመልሰ። ሓዋርያ ፊልጶስ ከኣ ድልየቱ ምስ ተፈጸመሉ ወይ ሠመረሉ ኣብቲ ኃጢኣት በዚኅዎ ዝነበረ ጽድቂ ይብዝኅዮ ኢሉ፥ ኣብቲ ቦታ ቤተ ክርስቲያን ሥርሑ ኢሉ ኣዘዞም። ንሳቶም ድማ ብዘይግብብዝና ክሠርሑ ከለው፥ እቲ ንመሥርሕ ቤተክርስትያን ይበቕዕ እዩ ኢሎም ዓይኒ ዘውደቑሉ ኣዕማን ብጸሎትን ሥልጣን ፊልጶስ ሓዋርያን ባዕሉ እንዳ ኣንከራረወ ኣብቲ መሥርሕ ቤተ ክርስቲያን ዝተባህለ ቦታ ይእከብ ነበረ። ሉቃ.19፥40 ማቴ.17፥20።

14. ብተወሳኺ እቶም ሕዝቢ፥ ነዚ ተኣምራት እዚ ምስ ረኣዩ ብዘይካ ኣምላኽ ጴጥሮስን ፊልጶስን ካልእ ኣምላኽ የልቦን እናበሉ ኣመስገኑ። ቅዱስ ሓዋርያ ፊልጶስ ድማ ዓቢይን ንእሽቶን ቆልዓን ሰበይትን ዓቕሞም ብዝፈቕዶ ኣገልግሎቶም ከወፍዩ ኣተሓሳሰቦም።

15. ኣብ መንገዚ ጐይታ ብዘይፈልጥዎ መልክዕ ቀይሑ ሰብኣይ መሲሉ ንሓዋርያት ተራእዮም። ንሱ ምኟኑ ምስ ተረድኦም ድማ ናብ ካልእ ዓዲ ከይዶም ከስተምህሩ ነገሮም።

በቲ ምስ ጐይታ ተራኺቦም ምዝርራቦም ከኣ መልክዕ ገጾም
ከም ፀሓይ ከብርህ ስለዝረኣዩ እቶም ሕዝቢ ክርስቲያን ደስ
ኢሉዎም ብእምነት ሓዋርያት ፀኒዖም ቀጥ በሉ።

16. ብድኅርዚ ክልቲኦም ጴጥሮስን ፊልጶስን ሓዋርያት
ኣብታ ሓዳስ ዝተሓንጸት ቤተክርስቲያን ኰይኖም ፊልጶስ
መጽሓፈ ነቢያት እናኣንበበ ጴጥሮስ እናተርጐመ ኣስተም
ሃሩዎም። ካብቶም ኣሚኖም ቃል እግዚኣብሔር ዝሰምዑ
ዝነበሩ ምእመናን ሕዝቢ ከኣ ኤጲስቆጶሳትን ካህናትን
ዲያቆናትን ሸሙሎም። በዚ ነገር እዚ ሓዋርያት ኣመንቲ
ኣፍርዮም ኣብ ግብሪ ስለዘውዓሉ እቶም ሕዝቢ በቲ ብቅዱሳን
ሓዋርያት ዝተገብረሎም እምነትን ድኅነትን ተደሲቶም ብሰላም
ተፋነውዎም።





# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ ፊልጶስ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ሃገረ ስብከቱ ኣፍራቅያ ስለዝኾነ ናብኡ ኣትዩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ፅንሱ ጀሚሩ ዝገበሮ ተኣምራት ዘስተምሃሮ ትምህርትን ምስ ነገሮም፡ እዚ ደኣ እንታዋይ እዩ ብዘይካ ሎሚ እኳ ክጽዋዕ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን እናበሉ ብተቓውሞ ጠመትዎ።

2. ሓዋርያ ፊልጶስ ግን ወዮ ደኣ ኣብ ዘየድኅኑኹም ጸኒሑ እምነትኩም እምበር፡ ንሱስ እዚ ኣነ ብስሙ ዝምህረሉ ዘሎኹ ኢየሱስ ዝበሃል እዩ። ንሱ ከኣ ነዚ ኵሉ ፍጥረታት ዝፈጠረ ክኸውን እንከሎ፡ ንዝኣምኖ ድማ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ዝዕ ድል እዩ፡ ኢሉ ኣረድኦም። ዮሓ፡6፡47።

3. እቶም ሕዝቢ ቃል ሓዋርያ ፊልጶስ ክቕበሉ ከም ዝደለዩ ዝፈለጠ ሰይጣን ኣብ ልቦም ስለዝኅደረ ግን ግልብጥ ኢሎም ኣብ ልዕሊ ሓዋርያ ፊልጶስ ተላዒሎም ኣሒሮም ክቐትልዎ መደቡ። እዚ ተግባር እዚ ድማ ዝገብሩዎ እምበር ዘወርዶም ከምዘይፈልጡ የረድእ።

4. ብድኅርዚ እቶም ክኅዝዎ ኢሎም ኣእዳዎም ዝዘርግሑ ዘበሉ ኣዒንቶም ተሠወረ። እቶም ኣብ ምትኅዝ ሓዋርያ ፊልጶስ ዘይተኻፈሉ ሕዝቢ ግን መለበሚ ብምርካቦም ተቐላ ጢፎም ካብ ኣምልኾ ጣዖት ናብ ኣምልኾ እግዚኣብሔር ተመልሱ።

5. ኑቶም ንፊልጶስ ዝኣሠርዎ ድማ ኣብ ክንዲ ናብ ኣምልኾ እግዚኣብሔር ዝመለሰናስ ክትኣሥርዎን ክትኅዝዎን ኢሎም ካብ ኢዶም መንዚዖም ካብ ማእሠርቱ ፈቲሖም ወሰድዎ። ሓዋርያ ፊልጶስ ድማ ምስቲ ካብ ማእሠርቲ ምፍታሑ ኣተሐኒዙ ስብኩተ ወንጌሉ እንዳኣካየደ እንከሎ በቢዓይኑቱ ሕማማት ዝኅደሮም ቀረቡዎን ኣቕረቡሉን እሞ ንኵሎም ፈወሶም።

6. እቶም ዝተፈወሱ ይትረፍ ዓይኖም ዝረኣዩ እውን ኵሎም ቅድሚኡ ዘምልኽዎም ዝነበሩ ጣዖታት እናኅደጉ ብክርስቶስ ኣመኑ። እቶም ሓደ ክልተ ካብ እምነት ክርስቶስ ዝተረፉ ግን እዚ ሰብዚ ሰቕ ኢልና እንተረኣናዮ ንዓና ከይተረፈ ናብ

ኣምልኾቱ ኣእትዩ ከስሕተና እዩ ኢሎም ዘተዩ። በዚ ኵሉ ምኽንያት ቀልጢፍና እንተ ዘይቀቲልናዮ ኣየንብረናን እዩ ኢሎም ርእሱ ንታሕቲ እግሩ ንላዕሊ ጌሮም ሰቐልዎ፡ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ክሳብ እትፍለ ድማ ብስቓዩ እንከሎ ብዳርባ እምኒ ይቐጥቅጥዎ ነበሩ። በዚ ተግባር እዚ ድማ ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት። ማቴ.27፡50።

7. እንደገና ኸኣ ነዚ ሰብዚ ብስቕለት ሞት ኣይኣኽሎን እዩ እሞ ብሓዊ ደኣ ነንድዶ ኢሎም ሓዊ ኣናኺሶም ኣጒዱ፡ እንተኾነ እግዚኣብሔር ድልየቶም ቅድሚ ምፍጻሞም መልኣኹ ልኢኹ ንሥጋ ፊልጶስ እንዳረኣይዎ ንሰማይ ኣዕረጉ፡ ንሶም ኣብ ዘይበጽሕዎ ቅዱስ ቦታ ኣንበሮ። እቶም ሓዊ ዝኣጎዱ ድማ ጥራይ ኢዶም ምስ ተረፉ፡ ሰብኡቶምን ኣንስቶምን ዋሕድ እግዚኣብሔር ኣምላኩ ለፊልጶስ ሓዋርያ ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ ሓዋርያ ፊልጶስ ካልእ ኣምላኽ የልቦን ኢሎም ሓደ ከይተረፈ ብምሉኦም ኣመኑ።

8. በዚ እምነት እዚ ምኽንያት ድማ እንደገና ሥጋ ፊልጶስ ሓዋርያ ካብ ዘለዎ ኣምጺኡ ክህቦም ጸሎት ስለዝገበሩ እግዚኣብሔር እምነቶም ርእዩ ቦቲ ዝወሰዶ መልኣኽ ጌሩ ኣምጺኡ ኣረከቦም። በዚ ዝተገብረሎም ተሓጒሾም ድማ ሥጋ ፊልጶስ ተረኪቦም ናብታ ዝዓረፈላ ዓዶም ወሲዶም ብምዑዝ ሽታን ክብርን ጊዜም ኣብ ዝበለጸ ሳንዱቕ ኣእትዮም ኣብ መካነ መቃብር ኣንበርዎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።







“ቀልጢፍና እንተዘይቀቲልናዮ ብሰላም ኣየንብረናን ኢዩ።”

ሰላም ለፊልጶስ ጽዑረ ሥጋ በመቅሠፍት
ወለኤላውትሮስ ርጉዝ በብልሐ ኵናት
ምስለኣንትያ ይባኡ ኀበ ተርኀወ ገነት
ያሩጸኒ መዓዛሆሙ ወጼናሆሙ ዕፍረት
ለዝ ሓዋርያ ወለዝ ሰማዕት።
ስንክሳር 18 ኅዳር ተመልከ

# ምዕራፍ 6

# ገድለ በርተሎሜዎስ ሓዋርያ

በርተሎሜዎስ ማለት ወዲ ኃይሊ ወዲ የማን ማለት እዩ፡ ነገዱ ካብ ንፍታሌም ሃገረ ስብከቱ እልዋሕ ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ንዓለም ናብ 12 መዲቦም ዕንጨይቲ ውድቕ ምስ ገበሩ እዛ ዝተጠቅሰት ሃገር ንበርተሎሜዎስ ስለዝበጽሓቶ ከምቲ ልሙድ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣሠንይዎ ናብታ ሃገር ክኸዱ ከለው ናብ ዓዲ ኣቢሉ ዝኸይድ • ሓደ በዓል ኣግማል ሰብኣይ ረኺቦም ናብታ ቅድሚኦም ዝነበረት ዓዲ ከብጽሖም ለመንዎ።

2. ንሱ ድማ እንታይ ደኣ እትሸጡዎ ንብረት ኣብ ኢድኩም ዘይትዝኩም ስለዝበሎም ንሕናስ ነጋዶ ኣይኮንናን ብስም ኢየሱስ ናዝራዊ ወንጌል ንምምሃር እዩ ኣምጺኡና ዘሎ ኢሎም መልሲ ምስ ኀቡዎ፡ ንሱ ግን ወይለይ ካብቶም ብስም ኢየሱስ ዘስተምህሩ መሲሎም ንሕዝቢ ዘስሕቱ ካብ ምድሪ ይሁዳ ዝበቁሉ ኣለዉ ዝበሃሉ ዲኹም? ኣነ እውን ከምተን ካልኦት ኣንስቲ ዝገብራኦ ሰበይተይ ቃልኩም ሰሚዓ ደቃ ገዲፋትለይ ከይትስዕበኩም እፈርህ እየ፡ ነገርኩም ደስ ኣይበለንን በሎም።

3. በዚ ነገርዚ ናብታ ዝበልዎ ዓዲ ክመርሖም ፍቓደኛ ከምዘይኮነ ስለ ዝተረድእዎ፡ በል ደኅን ኢሎም፡ ንበይኖም ካብኡ ፍንትት ኢሎም ዝምለሱ መሲሎም ሰገጥ በሉ። ክልቲኦም ድማ ነታ ዓዲ ከመይ ጌሮም ከምዝኣትውዋ መኺሮም ተኸዲኖምዎ ዝነበሩ ለዊጦም ካልእ መጠምጠሚያ ጌሮም ካልኦት ሰባት መሲሎም ቅድሚ እቲ በዓል ኣግማል ንጽናሓዮ ኢሎም ተሰማምዑ፡ ነዛ ምኽሪ እዚኣ ድማ ዘምጽኣ በርተሎሜዎስ እዩ፡ ነታ ቀዳመይቲ ሕቶኦም ተመሳሳሊት ጌሮም ሓተቱዎ።





4. ንሱ ድማ ሕራይ ኢሉ ግና ክመርሓኩም ከሎኹ ብዛዕባ ምንታይ ኢኹም ናብኡ ትኸዱ ዘሎኹም በሎም። ቅዱሳን ሓዋርያት ከኣ ኣቐዲሞም እዚ ሰብ እዚ ሓታቲ ስለዝኾነ ሕጂ እንተሓተተና ንኣይ ከምትሸጠኒ ደኣ ግለጸሉ ኢሉ በርተሎሜዎስ ንጴጥሮስ ኣማኺሩዎ ስለዝጸንሐ፡ ቅዱስ ጴጥሮስ፡ ነዚ ባርያይ ክሸጠ እየ ዝኸይድ ዘሎኹ በሎ። እቲ በዓል ኣግማል ድማ ኣነ ኸኣ ባርያ እንተረኸብኩ እየ ከናዲ ቀንየ ዛቲ ዕለት ሠናይት ይእተ ኢሉ ኣግማሉ ኣምበርኪኹ ኣደቂሱ እዛ መዓልቲ እዚኣ ብርኽቲ እያ ኢሉ ኣመስጊኑ በል እስኪ ባርያኻኸ እንታይ እንታይ እዩ ፍልጠቱ? ኢሉ ንቅዱስ ጴጥሮስ ስለዝተወከሰ ምትካል ወይንን ምፍራዩን እዩ ክእለቱ በሎ።

5. እቲ ደላይ ድማ ኣነ እውን ከማኡ ዝፍልጠቱ ባርያ እዩ ዘድልየኒ ኢሉ ብዙኅ ተሓጕሰ በል እስኪ ብዛዕባ ዋጋኡኸ ክንደይ ኢኻ እትብሎ በሎ፡ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ 30 ቅርሺ እዩ በሎ፡ ንሱ እውን ዕጻይ ምጻይ ከይበለ ብእኡን ተሰማሚዑ 30 ቅርሺ ንጴጥሮስ ሃቦ። ጴጥሮስ ድማ ትቕብል ኣቢሉ ናብ ጁባ በርተሎሜዎስ ኣእትው ኣቢሉ ንቅድሜኻ ዝረኸብካዮም ስኡናት ሃቦ በሎ። ነቲ ዝተሻየጠ ድማ በል ሓደራ ዝብለካስ ነዚ ተሸይጥካዮ ዘሎኻ ባርያ ጽቡቕ ጌርካ ደኣ ኣነናባብሮ (ኀዞ) ማለት ከቢድ ጾር ኣይተሸክሞ ምኽንያቱ ንዳኅራዩ ከሓጉሰካ እዩ።

6. ካብ ኵሉ ድማ ዋጋ የውጽኣለይ እዩ ኢልካ ጊዚያዊ መክሰብ ደሊኻ ናብ ካልእ ሰብ ከይትሸጦ ሓደራ ኢሉ ተላበዎ፡ በርተሎሜዎስ ድማ ጐይታኡ ተኸቲሉ መንገዶም ቀጸሉ፡ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ካብኦም ተፈልዩ ተረፈ። እቲ በዓል ኣግማልን በርተሎሜዎስን ግን ኣቒራጭ ክሓፅረልና ኢሎም ማይ ዘይርከቦ ምድረ በዳ እንዳኸዱ ከለው እተን ኣግማል ብማይ ጽምኢ ኵለን ሞታ። እቲ ዋና ኣግማልን ምስኡ ዝነበሩ ከብከብቲ ኣግማሉን ድማ እዚ ኵሉ ዝረኸበና እኮ በዚ ቅርሱስ ባርያ እዚ እዩ። ጥዑይ እንተዝኸውን መኣስ ካብ ዓዱ ምወጸ ክሳብ ኣብዚ መወዳእታ መሬትሲ ምበጽሐ፡ እንዳበሉ ንበርተሎሜዎስ ኣላገቡሉ።

በርተሎሜዎስ ግን ብልቡ ሕጂ ኢና ዝተራኸብና ኢሉ
መእተዊ ምስ ረኸበ ጸሎት ጌሩ ነተን ዝሞታ ኣግማል
ኵለን ኣተንሥአን። ስን 19 ኅዳር ተመ.።

7. መንገዶም እናቀጸሉ ከለው ድማ ሓደ ክልተ ዒንቱ
ዝየረ ሰብ ረኺቡ ብስም ኢየሱስ ናዝራዊ ርአ ኢሉ ኣብ
ቅድሚ እቶም ሕሱም ቅርሱስ ባርያ እናበሉ ዘዋርዱዎን
ዘላግጹሉን ዝነበሩ ከብከብቲ ኣግማልን ዋናአንን ኣሕወዮ።
ኣብቲ ዓዲ ምስ ኣተው ድማ እቲ ዋና ኣግማል ፈተውቱ
ጸዊዑ ረኣዩ እሞ ናይ ወይኒ ኣታኽልተኛ ኢለ ተሻይጠዮስ
ዓበይቲ ተኣምራት ጌሩ። ሕጅስ ነዚ ሰብ እዚ ከመይ ጌረ
ከመኅድሮ (ክኅዞ) ይግብኣኒ ይመስለኩም ከተማኽሩኒ ኢየ
ዝጸዋዕኩኹም ኢሉ ገለጸሎም። ንሳቶም ከኣ ከም ብዕራይ
ዕዳጋ ሥርሑ ንቕድም ረኣዮ ዝኽእል እንተኾይኑ ትኅዞ
ዘይኽእል እንተኾይኑ ከኣ ትሸጦ ኢሎም ኣማኽርዎ።

8. ዋና በዓል ወይኒ ድማ ናይቶም ኣብ ግራቱ ዝሠርሑ
ኣታኽልተኛታት ሓለቓ ጌሩ ናብቲ ቦታ ወይኑ ሰደዶ።
በርተሎሜዎስ ከኣ መዓልቲ ናብቲ ግራት ወይኒ ይውዕል
ኣማስያኡ ናብቲ ዓዲ ኣትዩ ይኅድር ነበረ። ከምዚ ኢሉ
40 መዓልቲ ገበረ። ነቶም ሕዝቢ ምእማኖም ምስትምሃር
ስለዝኣበዩ ከኣ ጐይታ መንገዲ ክነብረሉ ኢሉ ጸሎት
ገበረ እሞ ብኢዱ ተኣምራት ክገብር ፈቐደሉ። ብድኅርዚ
ወዮ በዓል ወይኒ ኵነታት ሠራሕተኛታቱን ወይኑን ንምፍላጥ
ናብቲ ቦታ ኣታኽልቱ ምስ ከደ በርተሎሜዎስ ኣብ
ቅድሚኦም ፈልሲ ወይኒ ተኺሉ ኣለምሊሙ ኣፍርዩን
ኣርኣዮም። ንሳቶም ድማ በቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝተገብረ
ተኣምራት ተገሪሞም ናብ እግሩ ወዲቖም ካብዞም
ኣማልኽትስ መኖም ኢኻ ንገረና ግዳ እቲ ካብ ሰማይ ናብ
ምድሪ ዝወረደ ኣምላኽ ዝብልዎ ዲኻ? ወይ ድማ ቆሮኖስ
(ጣዖት) ኢኻ? ግለጸልና እሞ ዝደሌኻዮ ቃሕ ዝብለካ
ክንገብረልካ በልዎ።





9. በርተሎሜዎስ ከኣ ሓዋርያ ክርስቶስ ምዃኑ ጥራይ
ኣረድኦም። ብድኅርዚ ኵሉ ድማ ነቲ በዓል ወይኒ ተመን
ናኺስዎ ስለዝሞተ በርተሎሜዎስ ጸልዩ ካብ ሞት ኣተንሥኦ፣
ብሓዋርያ ክርስቶስ ብዙኅ ተኣምራት ምስረኣየ ከኣ <u>ተሻየጥኩ</u>
<u>ኣምላከ እንዘ እሃሊ ሰብኣ ወተሳየጥኩ ሊቀ እንዘ እሄሊ</u>
<u>ገብረ</u> ሰብ ክደሊ ኣምላኽ ባርያ ክደሊ ድማ ሊቅ ተሻይጠ
በለ። ናብ በርተሎሜዎስ ቀሪቡ ኢሉ ድማ እቲ ኣነ ካብ
ሞት ክትንሥእ ክሎኹ ምሳካ ዝረኣኹዎስ መን እዩ? ክትነግረኒ
ብስም ኣምላኽካ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣማሕፅነካ ኣሎኹ።
እንተደኣ ነጊርካኒ ከኣ ዝደለኻዮ ኣዝዘኒ እሞ ክፍጸመልካ እየ
ማለት ናብቲ ኣታኽልቲ ወይነይ ቤተክርስቲያን ክሠርሕ
እየ። ምኽንያቱ ድማ ንእግዚኣብሔር መጀመርያ ዝፈለጥኩዎ
ናብዚ ቦታ ወይነይ እየ። ናብኣ ሞይተ ካብኣ ከኣ ተንሢአ
በሎ።

10. እቲ ምስ ሓዋርያት በርተሎሜዎስ ኮይኑ ዝተራዕዮ ከኣ
ጐይታ ኢየሱስ ሎዩ። በዚ ነገራት እዚ ቅዱስ በርተሎሜዎስ
ልመና እቲ በዓል ወይኒ ተቐቢሉ ነቲ ወይኒ ናብ ካልእ
ቦታ ከግዕዝዎ ናብቲ ቦታ ወይኒ ድማ ቤተክርስቲያን
ክሓንጹ ምስ ሓናጺ ተሰማሚዖም ብጽቡቕ ሥርሐት ተሓኒጾ
ድማ ነቶም ኣመንቲ ናብታ ሓዳስ ቤተክርስቲያን ንኵሎም
ኣጠመቖም። በርተሎሜዎስ ድማ ካብቲ ባዕሉ ተኺሉ ዘፍረየ
ወይንን ስርናይን ባሪኹን ቀዲሱን ነቶም ዝተጠምቁ ቅዱስ
ሥጋኡን ደሙን ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣቍረቦም። ማቴ.26፡26።

11. ነቲ በዓል ወይኒ ክህነት፣ ነቶም ካልኦት ዲቁና ሸይሙ
ወንጌል እንዳመሃሮምን ሕሙማቶም እንዳፈወሰን ሠለስተ
ወርኂ ምስኦም ተቐመጠ፤ ብድኅርኡ ናብ ዘይበጽሖ ሃገር
ቃል ወንጌል ክነግር (ክምህር) ካብኦም ክፍለ ከሎ፣ እቶም
ሕዝቢ ብዘይካ ኣምላኽካ ካልእ ኣምላኽ የልቦን እናበሉ
እምነቶም ብምግላጽ ብሰላም ኣፋነውዎ። ካብታ ሃገር እልዋሕ
ወጺኡ ድማ ናብ ሃገረ ኒቆኒኖስ ከደ።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ በርተሎሜዎስ ናብታ ኒቆኒኖስ እትበሃል ሃገርእስማኦፌንን ኒኢንዶስን ዝበሃላ ኣብ ወሰን ባሕሪ ዝተሓንጸ ዓበይቲ ዓድታት ምስ በጽሐ ዓንቀጽ ብፁዓን ኣስተምሃረ። እቶም ሕዝቢ ድማ እቲ ካብ ሓዋርያ በርተሎሜዎስ ዝሰምዕዎ ቃል ወንጌል መዓር ኰይኑ ስለዝመቀሮም ብሙሉኦቶም ብክርስቶስ ኣመኑ።

2. እንተኾነ ከምቲ ምስላ ኣቦታት ጒሒላ ወዲ ዓዲ ከሎ ደምበ ኣይትዕጾ ከምዝበሃል ስብከት በርተሎሜዎስን እምነት እቶም ሕዝብን ዝረኣየ ሓደ ሰብ ናብ ኣክርጾስ ዝበሃል ናይታ ሃገር ንጉሥ ከይዱ ዓዲ ክዝመትዶ ዓይንኻ ይዕመት እንታይ ትገብር ኣሎካ? ብዘይካ ኣነን ንስኻን እንተ ዘይኮይንና ኵሉ ሕዝቢ ብናይ ሓደ ዘይረብሕ ሰብ ስብከት ተታሊሎም ኣሚኖም እዮም ኢሉ ነገሮ። ንሱ ድማ ወታሓደራት ልኢኹ ናብኡ ኣቕረቦ። ዮሓ.11፥48።

3. ከምዚ ኢሉ ከኣ ሓተቶ፥ ንስኻ ዲኻ ንኣንስቲ ካብ ሰብኡተን ንሰብኡት ድማ ካብ ኣንስቶም እንዳፈላሌኻ ናብ እምነትካ እተእትዎም ዘሎኻ? ኣንታ መሠርዪ ኢሉ ብቊጥዓ ገንሖ፥ በርተሎሜዎስ ግና መሠርዪ ከምዘይኮነ መልሲ ሃበ። ብወሪኡ ጸጊቡ ስለዝጸንሐ ኸኣ ካብ ቅድመይ ኣርኅቑዎ ኢሉ ኣዘዘ። ብኣጋጣሚ ድማ ሓደ ሰብ ኣዒንቱ ዝየረ ኢዱ ዝለመሰትን ረከበ እሞ ካብቲ ንጉሥ ከይረኀቐ ከሎ፥ጸሎት ጌሩ ፈወሶ። እቲ ጌና ናብ እምነት ዘይቀረበ ንጉሥ ግን ነቲ በርተሎሜዎስ ኣብ ቅድሚኡ ዝገበሮ ተኣምር ርእዩ ኣብ ክንዲ ዝኣምን <u>ለእመ ነበረ ዝንቱ ረድዕ ውስተ በሓውርቲነ ሕያው ውእቱ ያገብኣነ ውስተ ሃይማኖቱ።</u> ግሓ.26፥28።

4. እዚ ረድኢ እዚ እንተደኣ ኣብዚ ኣውራጃና ቀንዩ ኢሉ ናብ እምነቱ ከምዘእትወና ኣየጠራጥርን እዩ። ስለዚ ካብ ኵሉ ዝሓሸሰ ምቕታሉ ጥራይ እዩ በለ። ከምታ ዝተመነየሉ ንሞት ምስ ወሰኑሉ ከኣ እቶም ወተሓደራቱ ሥርሑን ተኣምራቱን ርዕዮም ብስም ኢየሱስ ኣሚኖም ስለዝነበሩ እምነቶም ቈንጢያቶም እምበኣርከስ ካብ ኣዘዝካናስ ካብዚ ዓዲ ኣውጺእና ክንሰዶ ፍቐደልና ኢሎም ለመንዎ።





ንሱ ግን ንነገሮም ዋጋ ክህቦ ኣይከኣለን። ኣብዚ መንጎ እዚ በርተሎሜዎስ መሊቑ ከይዱ ወንጌል ክስተምህር ከሎ ሓደ ካብቶም ዘይኣመኑ ስለዝረኸቦ ናብቲ ንጉሥ ኣክርጾስ ከይዱ ወዮ ሓዋርያ ዝብልዎ ደኣ ጉባዔኡ ዘርጊሑ ወንጌል እንድዩ ዝምህር ዘሎ ኢሉ ነገሮ። ኣክርጾስ ድማ በሉ ሕጂ ኬድኩም እግሩን ኢዱን ኣሢርኩም ኣሠሩ ከይርከብ ናብ ባሕሪ ደርብይዎ ኢሉ ጥብቂ ትእዛዝ ሃቦም።

5 ነቶም ዝተመዘዙ ወታሓደራት ድማ ናብቲ ወንጌል ዝሰብከሉ ዝነበረ ቦታ ካብ ሕሙማት ኣጋንንቲ ከውጽእ ጸንሖም። ገጾም ምስ ረኣየ ድማ ንዕኡ ንምኀዝ ከምዝመጹ ተረዲኡ ብብሩህ ገጽን ለውሃትን ተቐበሎም፤ ብኣቀባብላኡ እናተገረሙ ከኣ ንሕና ልኡኻት ንጉሥ ስለዝኾንና ክንወስደካ ኢና መጺእና ዘሎና፥ ክትሰዕበና ናብ ንጉሥ ክንወስደካ በልዎ እሞ ተተኃኒዞም ናብቲ ንጉሥ ከዱ።

6 ኣክርጾስ ንጉሥ ምስ ረኣዮ <u>ኣንተኑ ዘሆካ ለሃገር ወኵሉ ኣድያሚሃ</u> ነዛ ዓዲ እዚኣን ኣውራጃታታን እትህውኽ ዘሎኻ ንስኻ ዲኻ? ኣንስትና እውን ከይተረፈ ኣጥፊእካልና ዘሎኻ? ኢሉ ብቊጥዓ ምስ ተቐበሎ፥ በርተሎሜዎስ ጐይታይ ኣነስ ሃገር ኣይህውኽ ኣንስቲ ካብ ሰብኡተን ኣይፈላሊ እንታይ ደኣ እግዚኣብሔር ንዝኣመኖ ጸጋኡ ኪህቦ እንተደለየ ነቲ ቃል ወንጌሉ ናብ ልቡ የኅድረሉ እሞ ዝበለጸ ጸጋ መንግሥተ ሰማያት ንምርካብ ኢሎም ብእኡ ኣሚኖም ናይ እዚ ኃላፊ ናብራ ዓለም ይገድፉ። ሽው እቲ ሕዝቢ እታ ለይተይ ምርርቲ ስለዝኾነት ብዘይገበርኩዎ በርተሎሜዎስ ገቢርዎ ይብሉኒ፥ ገባሪኡስ ኣይፈለጥዎን ደኣ እምበር ካልእ እዩ። ከይትነግሩለይ ደኣ እምበር ኢሉ ከኣ ሓበሬታ ሃቦም። ማቴ.5.3-10።

7 ሕጂ እውን እንተኾነ ንስኻ ነዚ ኃላፊ መንግሥትኻ ኀዲግካ እንተስዒብካዮ ጸጋኡ ክኅድረልካ ይክእል እዩ ኢሉ ስለዝተዘረቦ፥ ከየውዓልኩም ከየኀደርኩም ሕጂ ወሲድኩም ናብ ማቕ ኣእቲኹም መታን ከጥሕሎ ድማ ሕጻ ወሲኽኩም (ጸብለል ክብል ከይርእ) ናብ ባሕሪ ደርብይዎ ኢሉ ናይ

መወዳእታ ፅኑዕ ትእዛዝ ኣስምዖም። እቶም ልኡካት ድማ ከምዝተኣዘዙዎ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። በዚ ድማ ሰማዕትነቱ ፈጸመ። እንተኾነ ሓደ ሓዋርያ ድራር ዓሣ ከይኑ ክተርፍ ዘይፈቅድ ጐይታ፣ ኣዛዚ ባሕሪ ከም ምኳኑ መጠን እታ ባሕሪ ብጐይታኣ ተኣዚዛ እናደፍኣት ናብ ወሰን ባሕሪ ኣብጺሐ ኀደገቶ እሞ ዝረኣይዎ ምእመናን (ክርስቶሳውያን) ሬሳኡ ኣልዒሎም ኣብ ዝግባእ መካነ መቃብር ቀበሩዎ።

ጸሎቱን በረኸቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



"ኣብ ማቅ ኣእቲኹም ናብ ባሕሪ ደርብዩዎ።"





ሰላም ለበርተሎሜዎስ ዘጠብለልዎ በሠቅ
ኣመ ወገርዎ ሎቱ ውስተ ባሕር ዕሙቅ
ቅድመ ጉቡዓን ሕዝብ ትእምርተ ዝንቱ ጻድቅ
ኣስተርአየ ውስተ ኣዴሁ ዘምስለ ፍሬ ዕፉቅ
እምጕንደ ሓረግ ዘወይን ዘተመትረ ዓፅቅ
ዮሓ.15፥5

# ምዕራፍ 7

# ገድለ ቶማስ ሓዋርያ

ቶማስ ማለት ፀሓይ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ኣሴር፡ ሃገረ ስብከቱ ህንደኬ፡ ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕረፍቱ ግንቦት 26/66 ዓ.ም.።

1. ሓዋርያት ንስብከተ ወንጌል ዕንጨይቲ ውድቕ ምስ ገበሩ ንሓዋርያ ቶማስ ሃገረ ህንደኬ ስለዝበጽሐቶ እቶም ሰብ እታ ሃገር ተረርቲ ልቢ ምኳኖም ብጥንተ ስብከቱ ይፈልጦም ስለዝነበረ ነታ ዕንጨይቲ ዝበጽሓቶ ንጊዚኡ ኣይ ተሓጎሰላን፡ ዝኾነ ኮይኑ ግን ምምሕያሽ ስለዘይነበረ ረዲ ሙዋ፡ (ናተይ ኢሉ ተቐቢሉዋ)።

2. ቅዱስ ጴጥሮስ ከሠንዮ ድማ ኣመልከተሉ። ኃቢሮም ክብገሱ ከለው ከኣ ንእግረ መንገዶም ንማትያስ ናብ ሃገረ ስብከቱ ፋርስ ከብጽሕዎ ኂዞምዎ ከዱ። ማዕከሊት ናብ እትበሃል ዓዲ ምስ በጽሑ ከኣ፡ ቶማስ ንጴጥሮስ እዛ ዓዲ እዚኣ ቅድሚ ሎሚ ብቐዳማይ ስብከትና በጺሕናያ ዝነበርና ዓዲ ስለዝኾነት ኣቲና ወንጌል ንስበኸላ በሎ እሞ፡ ስብከቶም ጅምር ምስ ኣበሉ፡ ሓደ ናይ ንጉሥ ኣገልጋሊ ቆንጥቆሮስ ዝበሃል ረከቦም።ካብ ሠለስቲኦም ሓደ ባርያ ክዕድግ ደልዩ ድማ ንጴጥሮስ ተወከሶ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ንሕና ንርእስና ናይ ሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበሃል ባሮት ኢና።

3. ግድን እንተደኣ ኢልካ ግን ካባታትና ሓደ ዝመረፅካዮ ክንሸጠልካ ንኽእል ኢና በሎ። ዋጋ ዕዳጋ ጌሮም ድማ ንቅዱስ ቶማስ ብ3 ልጥረ ወርቅ ሸጡሉ። እተን ናይ መሸጣ ገንዘብ ግን ንድኻታት ክኾና ጕይታን ሓዋርያትን ተሰማምዑለን። ቶማስ ድማ ንጴጥሮስን ማትያስን ሰላምታ ሂቡ ተፋነዎም። ቶማስ ነቲ ዝተሻየጦ ጕይትኡ እናተኸተለ መንገዶም እናኸዱ ከለው ድማ እንታይ ክእለት ሥራሓት ከምዘለዎ እቲ ሰብ ንቅዱስ ቶማስ ሓተቶ። ቅዱስ ቶማስ ድማ ምንዳቕ ምጽራብ ምሕናጽ ቤተ ምኵራብ ሕሙማት ምፍዋስ ምጽሓፍ እኽእል ኢሉ ክእለቱ ገለጸሉ። ማቴ.10፡7





4. ንሱ ድማ ከምዚ ናትካ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ንንጉሥና የድልዮ እዩ ኢሉ ናብ ንጉሦም ኣብጽሖ። እቲ ንጉሥ ድማ ሞያኡ ምስተረድአ ሓደ ሰብ ጸዊዑ፡ ዓቢይ ገዛ ይሥራሓለይ፡ ዝኣክል ገንዘብ ድማ ሃብዎ ኢሉ ናብ ሉክዮስ ዝተባህለ መኰንን ሰደዶ። ሉክዮስ ድማ መልእኽቲ ተቐቢሉ ገንዘብ ሂቡ ናብ ገዝኡ ኣእትዩ ንሰበይቱ እዚ ሰብ እዚ ከም ባርያ (ግዙዕ) ዘይኮነ ከም ፈላጣት ቄጺርኪ ረኣይዮ፡ ከምኡ እውን ናብ ዘይምልከቶ ሥራሕ ኣእቲኺ ከይተሥርሕዮ ኢሉዋ ናብቲ ንጉሥ ዘለዎ ዓዲ ተመልሰ።

5. ሓዋርያ ቶማስ ድማ ምስታ ሰበይቲ እቲ መኰንን ኣርሰንዋ ዝተባህለት ዕላል ምስ ጀመሩ ቃል ወንጌል ከነግራ በቢቑሩብ ጀመረ።ሓደ መዓልቲ ከኣ እዚ ገዛኹምሲ እንታይ እዩ ክብድ ዝብለኒ (ዝጸዓነኒ) ገለ ደኣ ዓይኒ ከለዎም ዘይር ዕዩ እዝኒ ከለዎም ዘይሰምዑ ኣብ ጊዜ ሽግርኩም ዘይረድኡኹም ኣማልኽቲ ከይህልውኹም? እንተ ድኣ ሃልዮሙኹም ከኣ ኩተርእይኒ ፍቓድኪ ይኹን ኢሉ ለመና እሞ፡ ሕራይ ኢላ ናብቲ ንሳቶም ዘለውዎ መሪሓ ወሲዳ ኣርኣየቶ። ብኽብሪ ተነቢሮም ድማ ረኸቦም። ሓዋርያ ቶማስ ድማ ዓይኑ ጽቕጥ ኣቢሉ ምስ ረኣዮም፡ኣፉ ከይከፈተ ንስቶሙ ወኢትሕንጾሙ ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ እቲ ቀሪቡ ዝሰምዖ ኣምላኹ ጸሎቱ ሰሚዑ እቶም ጣዖታት ከካብ መናብሮም ቁልቁል ኣፎም እናተደፍኡ ወዲቖም ተሠባበሩ። መዝ.27፡5።

6. እቶም ናብኦም ኃዲሮም ክንሠርሓልኩም ክንገብረልኩም ዝብሉዎም ዝነበሩ ኣጋንንቲ ድማ ግብርና ተፈሊጡ ሓሣርና በጺሑ ብዘይካ ኢየሱስ ክርስቶስ ካልእ ኣምላኽ የልቦን ኣብ ምባል በጽሑ። ግሓ.19፡15። ኣርሰንዋ ግን በቲ ዝረኣየቶ ተኣምራት ገሪሙዋ፡ ንሸኻ ዲኻ ኢየሱስ ወይሲ እዚ ሕጂ ክትጽሊ ከሎኻ ትጽውዖ ዝነበርካ እዩ? ስም ኢየሱስ ኩተል ዕል ከሎኻ እኮ እዩ እዚ ቤተ ጣዖትናን ኣማልኽትናን ዝተሰባበሩ። ስለዚ ምሳኻ ዘሎ ኃይሊ ከይንባእካ ግለጸለይ እንታይ እዩ? ወእምዛቲ ሰዓት ጠፍአ ኣምልኮ ኣማልክት እምቤትየ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ንጣዖት ምምላኽ ካብ ገዛይ ፈጺሙ ጠፊኡ ኢላ እምነታ ብግህዶ ኣረጋገጸትሉ። ስን.26 ግንቦት 1 ሓምለ ተመ.።

7. ቅዱስ ሓዋርያ ቶማስ ድማ እምነታ ርእዩ፡ ነኣኣን ኣብ ቤታ ዝነበሩ ሰባትን ብስም ሥላሴ ኣጠመቖም። ግሓ.16፡32 ኣብቲ ቦታ ድማ ሓንካሳትን ጸማማትን ዕውራትን ፈዊሱ ዘይሰማዕኩም እንተሃሎኹም ብዘይዋጋ ክትፍወሱ ንዑ እናበለ ገለጸሎም። ምስኣም ድማ ናብታ ዓዲ 4 ዓመት ተቐመጠ። እቲ ሉክዮስ መኰንን ድማ ድኅሪ ነዊሕ መዓልቲ ናብ ዓዱ ምስ ተመልሰ ናብ ገዝኡ ብዙኅ ለውጢ ጸንሖ ሰበይቱ ሃይማኖታ ለዊጣ ቶማስ ክሠርሖ ዝተባህለ ገዛ ከይተሠርሐ ጸንሐ፡ በዚ ብዙኅ ዕግርግር ጌሩ ንምቕታሉ እውን ሓቀነ።

8. ንዓቀይቱ ድማ ሕጂ ኬድኩም ቆርበቱ ቀሊጥኩም (ገፈፍኩም) ኣምጽኡለይ ኢሉ ለኣኾም። እንተኾነ እቶም ዝተላእኩ ካብቶም ቶማስ ካብ ሕማሞም ዝፈወሶም ስለዝኾኑ እዚ ኣረማዊ መኰንን ንሕስያ የብሉን መዓቱ ከውርደልና እዩ ኣብ ልዕሊ ካብ ሕማምና ዝፈወሰና ቅዱስ ሰብ ኢድና እንተደኣ ኣንቢርና ከኣ ኣምላኹ ድላዩ ስለዝገበረሉ ዝገደደ መዓት ከውርደልና እዩ እናበሉ ክጭነቑ ከለው ስለዝሰምዖም ዝረኣዮምን ቅዱስ ቶማስ ንሽኻትኩም እዙዛት ስለዝኾንኩም ዘምጻኣኩም ፈጽሙ በሎም። ንሳቶም ድማ ከም ዝተኣዘዝዎ ቆርበቱ ቀለጥዎ።

9. እዚ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያ ቶማስ ክፍጸም ከሎ ሰበይቲ ሉክዮስ ብመስኮት ገዝኣ ኮይና ክትርኢ እንከላ ብስምባደ ዝኣክል ካብቲ ዝነበረቶ ደርቢ ብመስኮት ጸዲፋ ሞተት፡ ወዮ ሥራሕ ኣይትኽእልን ተባሂሉ ዝተዋረደ ቶማስ ሥራሕ ረኺቡ ኣብ ልዕሊ እታ ዝሞተት ሰበይቲ ሉክዮስ ኮይኑ ጸሎት ጌሩ ኣተንሥኣ። ሉክዮስ ድማ ትንሣኤ ሰበይቱ ርዕዩ ብቓል ሓዋርያ ቶማስ ኣሚኑ ተጠሚቑ ሥጋኡን ደሙን ተቐበለ። ቶማስ ድማ ሥርሑ ምስኣቕንዔ፡ ንቆንጣርያ እትበሃል ዓዲ ክኸይድ ከሎ ገንዘብ ምኹራብ በሊዕኩም ተባሂሎም 7 ደቁ ዝተቐትሉዎ ሰብኣይ ረከበ። ምኽንያቱ መቕተሊኦም ድማ ሓቲቱ ምስፈለጠ እምበኣርከስ ሕጂ ኣነ ጸሎት ጌረ እንተ ኣተንሣእኩዎም እታ ለይተይ ምርርቲ ስለዝኾነት ብሥራዩ ኣተንሢኡዎም ክብሉኒ እዮም።





10. ሕጂ ግን ንሽኻ ካብዛ ቁራጽ ሥጋይ ኊዝካ ኪድ እሞ ናብ 7 ደቓኽ ዝተቐብሩላ መቃብር (ደቓኽ ዘለውዋ) በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኢልካ ኣቐምጣ እሞ ኵሎም ደቓኽ ካብ ሞቶም ክትንሥኡልካ እዮም ኢሉ ቁራጽ ሥጋኡ ሂቡ ሰደዶ። እቲ ኣቦኦም ድማ ከምታ ቶማስ ዝማኸሮ ገበረ እሞ፡ ከምታ ቶማስ ዝበሎ 7 ደቁን ቅድሚ ደቁ ዝሞቱ ካልኦትን ሕይወት ጐረቤት ለጊቡዎም ብኅብረት ተንሥኡ፡ እቶም ዝተንሥኡ 12 ሰባት ድማ ናብ ቶማስ ከይዶም እናሰገዱ ብስም ኣምላኽ ከጥምቖም ለመንዎ እሞ ልመናኦም ተቐቢሉ ፈጸመሎም። ግብ.19፡12።

11. ነዚ ተኣምራት እዚ ክግበር ከሎ ከይኣመነ ዝጸንሐ ሓደ ንጣዖት ዝወሃብ መባዕ ዝምገብ ዝነበረ ናብ ሓዋርያ ቶማስ ቀሪቡ ብናይመን ፍቓድ ኢኻ እተስሕት ዘሎኻ ብስም እቲ ኢየሱስ እትብልዎ እንተኮይንካ ንሕና ንፈልጥ ኢና ንርእሱ እኳ ካብ ሞት ከድኅን ኣይከኣለን እዞም ሰብ እዛ ዓዲ እዚኣ ድማ ከምቶም ንሽኻ እተጋግዮም ዘሎኻ ዓሻታት ኣይኮኑን ለባማት እዮም። ሕጂ ግን ኣቱም ሕዝቢ ሓሓንቲ እምኒ ደርብዩሉ እሞ ክሞተልና እዩ ስለዝበሎም፡ እምኒ ከልዕሉ ኢሎም ኵሎም ድንን ምስ በሉ ኣእዳዎም ለሚሰን ምንቅስቓስ ኣብያኦም። ንሳቶም ግን ንጊዚኡ ናሁ ኣእመርነ ከመ ኣልቦ ኣምላኽ ዘእንበለ ኣምላክከ፡ እነሆ ብዘካ ኣምላኻካ ካልእ ኣምላኽ ከምዘየልቦ ፈሊጥና ሕጂ፡ ንኣምላኽካ ለምነልና ኢሎም ለመንዎ።

12. ንሱ ድማ ጸሎት ጌሩ ከም ቀደሞም ኣጥዓዮም፡ እቲ ካህን ጣዖት ግን ስም እግዚኣብሔር ኣልዒሉ ስለዝተጻረፈ ኅዲግ ሰማይ ኅዲግ ምድሪ ጌሩ ንፉስ ኣንጠልጠሎ፡ እኣምን እኣምን ከኣ ኣበሎ። ማቴ.12፡31 ነቲ ዝተገብረ ተኣምራት ዝረኣዩ ሕዝቢ ድማ ብቓል ሓዋርያት ኣሚኖም ተጠመቑ ናብቲ ጣዖት ኣቐሚጠሙሉ ዝነበሩ ቦታ ኸኣ ቤተ ክርስቲያን ሓነጹ። ቅዱስ ቶማስ ድማ ነቶም ደቂ እቲ ኣረጋዊ ጀ፟ቲኦም ካህናት ነቲ ዝኣመነ ካህን ድማ ኤጲስቆጶስ ሸይሙ ናብ ካልእ ዓዲ ክኸይድ ምስ መደበ ጐይታ ተገሊጹ ብጾቱ ሓዋርያ ናብ ዘለውዎ ቦታ ክበጽሕ ደመና ኣዘዘሉ። እታ ዝተኣዘዘት ደመና ድማ ናብ ደብረ ነያኣናዲን እትበሃል ሓዋርያት ዝቕመጡላ ኣብጽሓቶ።

13. ናብኡ ድማ ኵሎም ሓዋርያት ቅድስትን ድንግል ማርያምን ቅዱስ ንዋይ ኅሩይ ጳውሎስን ብሓደ ተኣኪቦም ጸንሕዎ ብሓደ ኮይኖም ከኣ ንእግዚኣብሔር እናኣመስገኑ 80 መዓልቲ ናብታ ቦታ ተቐመጡ። ግሓ.1፥13-15።

## ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ ቶማስ ናብታ ዕንጨይቲ ዝሃበቶ ሃገረ ህንደኬ ብዙኃት ምእመናን ካብ ኣምልኽ ጣኦት ናብ ኣምልኾት እግዚኣብሔር ስለዝመለሰ፡ ሉክዮስ ዝተባህለ መኮንን፡ እንተደኣ እዚ ሰብ እዚ ናብ ሃገርና ክቕመጥ ስቕ ኢልና ርኢናዮ ንሕዝብና ናብ ኣምልኾቱ ከእትዎም እዩ፡ ኢሉ ኣዚዙ ቆርበቱ ገፊፎም ሑጻ መሊኦም ተሰከሞ ኢሎም ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እንዳ ኣዛወርዎ ከለው፡ ኣብ ቅድሚኡ ዝገጠሙዎ ሕሙማት ምሕዋይን ምውታት ምትንሣእ ሥርሑ ኣይገደፈን። ምዕ፥14 ቍ.9 ተመልከት።

2. ኣቐዲሙ ከምዝተጠቕሰ ሓዋርያ ቶማስ ካብታ ዝነበራ ንመቄዶንያ ክኸይድ ከሎ ናብ መንገዲ ጐይታ ስለዝረኸቦ ቈርበቱ ከምቀደሙ ተመልሰሉ። ናብ መቄዶንያ ምስኣተወ ድማ ከም ሓድሽ ስብከተ ወንጌሉ ስለዝቐጸለ፡ እቶም ሰብ እታ ዓዲ ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣእተውዎ። ሰበይቲ እቲ ንጉሥ ጥርጥባንያንን ኻሉ መምህርናን ብዙኅት ምእመናን ኣኸቲለን ደድኅሪኡ ናብቲ ቤት ማእሠርቲ በጽሐ። እቲ ናይ ቤት ማእሠርቲ ማዕጾ ድማ ዝኸፈቶ ዘይብሉ ባዕሉ ተራሕወለን እሞ ንቅዱስ ቶማስ ኣዘራረባኦ። ግሓ.12፥6-9።

3. ቅዱስ ቶማስ ድማ ንኣመንቱን ደለይቱን ኣመስጊኑን ኣጸናኒዑን ጐይታ ካብዛ ኃላፊት ዓለም እዚኣ ናብታ ዘይትኃልፍ መንግሥቱ ከግዕዝኒ ስለዝኾነ፡ እዛ ሎሚ ዘስተምህራ ዘሎኹ ቃል ወንጌል ናይ መወዳእታይ እያ። ገድለይ ፈጺመ መልእኽተይ ኣብጺሐ እየ በሎም። ሓዋርያ ቶማስ ነቶም ክበጽሑዎ ዝመጹ ቃልን ማዕዳን ብምሃብ ካብኦም ብሰላም ተፋንዩ ናብታ ቤት ማእሠርቱ ተመልሰ። እቶም ሓለውቲ ማዕጾ ግን እዚ ሰብ እዚ ናይ ቤት ማእሠርቲ ዚኣክል ማዕጾ ባዕሉ ዝረሓወሉን ዚዕጸወሉን መሠርይ ክኸውን ኣለዎ። ኢሎም ንጽባሒቱ ናብቲ ንጉሥ ከይዶም ሰበይቱን





ኻሉን ዝመርሕዎም ንቶማስ ከምዝበጽሑዎን ምስኡ እውን ከምዝተዛራረቡን 2 ጊዜ እውን ክኣቱን ክወጽእን ከምዝተራእየ ሰበይቶኻን ኻልካን ድማ ብምሥጢር ምስኡ እናተራኸባ ከምዝኸዳ ርግጸኛታት ኢና።

4. ስለዚ ንሕና እዚ ሰብ እዚ ዘለዎ ቤት ማእሠርቲ ክንሕሉ ስለዘይንኽእል ካብዚ ሥራሕ እዚ ኣፉንወና ኢሎም ኣመልከቱሉ። ንሱ ድማ ነቲ ቤት ማእሠርቲ መፍትሑን ማኅተሙን ርእዩ እዚ ዝበልኩምዎ ቃል ሓሶት እዩ። ምኽንያቱ እቲ መፍትሑን ማኅተሙን ከምቀደሙ ኮይኑ ረኺበዮ እየ በሎም፡ እንተኾነ ነቲ ነገር ብማሕላ ስለ ዝደገፍዎ በሉ እስኪ ካብቲ ቤት ማእሠርቲ ኣውጺእኩም ናባይ ኣቕርቡለይ ስለ ዝበሎም ኣቕረቡሉ።

5. እቲ ንጉሥ ምስትዮስ ድማ ምስ ረኣዮ ባርያ ዲኻ ጐይታ ኢሉ ሓተቶ። ሓዋርያ ቶማስ ድማ ናይቲ ናትካ ሥልጣን ዘይበጽሖ ኢየሱስ ክርስቶስ ባርያ ኢየ ኢሉ መለሰሉ፡ እቲ ንጉሥ ግን ዘይተጸበዮ ደረቕ መልሲ ብምስማዑ ተቈጢዑ በል እስኪ ካብ ዓድኻ ናብዚ መምጽኢኻ እንታይ እዩ? ግሓ፥17፥6 ምስ በሎ ድማ፡ ነዚ ሕዝቢ እዚ ካብ ኣምልኾ ጣዖት ናብ ኣምልኾ እግዚኣብሔር ንምምላስ እየ ተላኢኸ መጺአ ዘሎኹ በሎ። ዘረባኦም ክቀባበሎ ብዘይምክኣሎም ከኣ ምስትዮስ ሕጂ ብሥራይካ እዚ ኵሉ ሕዝቢ ስለዝፈለጠካ ነኣኻ ቀቲለ ትምህርትኻ ድማ ሥሩን መሠረቱን ካብዚ ሃገር ከምዝጠፍእ ክገብር እየ ኢሉ ፈከረሉ።

6. ሓዋርያ ቶማስ ድማ ሓንቲኣ ቸኹን ኢሉ ግብረይሲ ድኅሪ ሞተይ ኣጸቢቑ ከሥፋሕፍሕ እዩ ኢሉ ኣብ ኣፉ መለሰሉ። ገድ. ጳው.24፥7። እቲ ንጉሥ ቀልጢፉ ከምቲ ዝፈከሮ ንሞት ዘይመወሃቢኡ ግና ብዙኃት መኳንንትን ዓበይቲ ሃገርን ብስብከት ቶማስ ኣሚኖም ስለዝነበሩ እንታይኮን ይብሉኒ ይኾኑ ዝብል ጥርጠራ ስለ ዘኅደረ እዩ ኣማስያኡ ግን ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ምቕታሉ ምጥዓም ምስ ሰኣኖ 12 ዕጡቓት ዓቀይቶት ልኢኹ 2 ምዕራፍ ዝኣክል ኣርሒቕኩም ወሲድኩም ቕተልዎ ኢሉ ኣዚዙ ሰደዶም።

7. ቅዱስ ቶማስ ድማ ናብቲ ንሞት ዝተመደበሉ ቦታ ምስ በጽሐ ቅድሚ ሞቱ ነዊሕ ጸሎትን ምስጋናን ናብ ኣምላኹ ኣቕረበ። ነቶም ወታሓደራት (ልኡኻት) ድማ ሕጂ እታ ዝተኣዘዝኩምዎ ነገር ፈጽምዎ በሎም። እሞ ካብቶም ዝተመደቡ 12 ወታሓደራት 4 ወታሓደራት ኵናቶም ወርዊሮም ወጊኦም ኣውደቕዎ። ነፍሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት፣ ዜና ቤተ ክርስትያን ገጽ 152-153 ተመልከት። እቶም ምእመናን ግን ብንጹሕ ዓለባ ገኒዞም ቀዳሞት ነገሥታት ኣብ ዝቕበሩሉ ዝነበሩ መካነ መቃብር ቀበርዎ። ካብቶም ዝቐበርዎ ምእመናን ሱቍራ ኣውስያ ዝበሃሉ ናብቲ መቓብር ስለዝተረፉ እቶም ካልኦት ነናብ ገዝኦም ምስ ተመለሱ ሽዑ መዓልቲ ንጊዙኡ ቶማስ ተገሊጹ ንምንታይ ናብዚ ተሪፍኩም ነኣይሲ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታይ ተቀቢሉኒ እዩ ሕያው እየ እምበር ምውት ኣይኮንኩን። ካብዚ ቦታ መቓብር እዚ ድማ ተንሚኢ እየ። ሉቃ.24፥5።

8. ንዳኅረዋይ ጊዜ እውን ንሸኻትኩም ኣነ ናብ ዘሎኹዎ ክትመጹ ኢኹም ኢሉ ነታ ነኣኻትኩም ዝተቐበለ (ዝሰዓበ) ነኣይ ተቐበለ እትብል ቃል ጐይታ ነቶም ሰዓብቲ ሓዋርያት ንሕና ናብ ዘሎናዮ ንሸኻትኩም ክትመጹና ኢኹም ማለቱ ንጊዘኡ ናብ ገነት ንደኅራዩ ድማ ናብ መንግሥተ ሰማያት ማለቱ ስለዝኾነ ኣቐዲሙ ነቶም ክሳብ ዕለተ ሞቱ ብእግርን ብግብርን ዝሰዓቡዎ ዓቢይ ብሥራት ኣስምዮም።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።







*“ሎሚ መዓልቲ ዝምህራ ዘሎኹ ቃል ወንጌል ናይ መወዳእታይ ኢያ።”*

ሰላም ለቶማስ እንተ ደለዎ ይግሥሶ
ለርጉዝ በግዕ ድኅረ ተንሥአ ደቂሶ
በኣንቅሖ ሙታን ሰብእ ወነፍሰ ሕሙማን ለፈውሶ
እንሶሰወ ውስተ ኵለሄ ወነገደ መርሶ
በኣምሳለ ፅፍነት እንዘ ይጸውር ማዕሶ

ስንክሳር 26 ግንቦትን 1 ሐምለን ተመልከት

# ምዕራፍ 8
# ገድል ማቴዎስ ሓዋርያ

ማቴዎስ ማለት ኀሩይ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ይሳኮር ሃገረ ስብከቱ ብሔረ ካህናት ብቋንቋ ዕብራይስጥ ወንጌል ዝጸሓፈሉ ብድኅሪ ዕርገት ጐይታ 8 ዓመት 41 ዓ.ም. ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕረፍቱ 12 ጥቅምት ማቴ.9፥9።

1. ማቴዎስ ሓዋርያ ቅድሚ ናብ ሃገረ ስብከቱ ምኻዱ ናብ ፋራኩሙኖስ (ሕጉሳት) ዝተባህሉ እንዳ ተመላለሰ ከስተምህር ቀንዩ ክምለስ ከሎ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን እንድርያስን ከኣ ሃገረ ፅርዕ ኣስተምሂሮም ክምለሱ እንከለው ኣብ መንገዲ ተራኺቦም ናይ ናፍቖት ሰላምታ ምስ ተወሃሃቡ ካበይ ትመጽእ ኣሎኻ በልዎ። ንሱ ድማ ካብ ፋራኩሙኖስ ከምዝመጸ ገለጸሎም። ንሳቶም እውን ካብ ፅርዕ ከምዝመጹ ነገሩዎ።

2. ከምዚ ኢሎም እውን ወግዒ ጀመሩ ማቴዎስ ኣብቲ ዝቐኔኹዎ ዓዲ ወንጌል ከስተምህር ኢሉ፥ ስም ኢየሱስ ክርስቶስ እንተገለጽኩሎም፥ እዚ እትሰብከሉ ዘሎኻ ጐይታ ብሰብ ዘይኮነ ባዕሉ ሰንበት ሰንበት እንዳመጸ ስለዘስተምህረና ዘሎስ ንፈልጦ ኢና። ክትኣምን እኳ ጽባሕ ሰንበት ክመጽእ እዩ በሉኒ።

3. ጐይታ ድማ ከም ልማዱ ብሩህ ደመና ተሸፊኑ ወሪዱ ሠለስተ መዓልቲ ወንጌል እንዳ ኣስተምሃረ ምስኦም ቀነየ። ብድኅርዚ ንሰማይ ምስዓረገ እቶም ሰብ እታ ዓዲ ኣይፈለጥካን ዲኻ ንሕና ደኣ ካብቶም እግዚኣብሔር ምድረ ርስት ዘእተዎም ነገድ (ዓሌት) ኢና።

4/5. ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ነቶም ሄሮድስ ዝቐተሎም 144 ሽሕ ሕጻናት እንዳኣኸተለ ይመጸና እዩ። ንሕና ወርቅን ብሩርን ኣይንደልን ሥጋ ኣይበልዕን ወይኒ ኣይንሰትን በኾሪ ውላድና ንቤተ ክርስቲያን ከገልግል ንህቦ። ማይና ድማ ካብ ገነት ዝወሓዘ እዩ። ካብኡ ኢና እንሰትን እንጥቀምን። ዘፍ.2፥11-14። ራዕ.14፥1-3።





እንኽደና ክዳን ሰብ ዘይፈተሎ እዩ። ኣብ ዓድና ሓሶት የልቦን ሓደ ሰብኣይ ክልተ ኣንስቲ ኣየእቱን እዩ። ውላድ ቅድሚ ወላዲኡ ኣይመውትን። ንእሽቶ ቅድሚ ዓቢ ኣይዛረብን ኣናብስቲ ምሳና ይውዕሉ ይኃድሩ፥ ኣይፃብኡናን ንፋስ ክነፍስ ከሎ ናይ ገነት መዓዛ ነሽትት ብርቱዕ ቁርን ሃሩርን የብልናን ጽቡቕ ንፋስ ጥራይ እዩ ዝነፍስና፥ ኢሎም ገሊጾሙለይ ኢሉ ካብኦም ዝሰምየን ዝረኣዮን ዘበለ ኵሉ ነገሮም።

6. ነዚ ነገር እዚ ከኣ ሓዋርያ ዮሓንስ ናብ ራዕዩ 16፥12 ወየብስ ማዩ ከመ ትደሎ ፍኖቶሙ ለነገሥት እለ እምነ ምሥራቀ ፀሓይ፥ ከም ዝብል፥ ነቢይ ዳዊት ኣብ መዝ.24፥9 ወይኤምሮሙ ፍኖተ ለልቡባን ።ዝበሎን መምህራን መጽሓፍ ከምዚ ቀጺሉ ዝንበብ መብርሂ ሂቦሙሉ ኣለው።

7. ደቂ ኬሪቢ ዝበሃሉ ካብ ሥጋ ምብላዕ ወይኒ ምስታይ ተኸልኪሎም ይነብሩ ነበሩ። ምርኮ ምስ በጽሐ (ጐይታ) እግዚኣብሔር ንኤርምያስ ደቂ ኬሬቢ ፍለየለይ ስለዝበሎ ፈለየሉ።

8. ጐይታ ድማ ብደመና ሰማይ ጌይሩ ናብ ብሔረ ኣዛፍ (ብሔር ዕረፍት ብሔረ ብፁዓን) ኣብጺሑ ፈነዎም። ዕዝራ ሱቱ 12 ፥40–45 ተመ። ዕድሚኦም ሓደ ሽሕ ዓመት እዩ። ኣብ መንጎ ሽሕ ዓመት ሠለስተ ውሉድ ይወልዱ። እቲ ሓደ ንቤተ ክርስቲያን መብፅዓ ይህብዎ እቶም ክልተ ድማ ነቦኦምን ኣዲኦምን እናኣገልገሉ ዘርኢ ይኾኑዎም ክሞቱ ከለው ድማ መቓብሮም ባዕሎም ኲዒቶም ምስ ቤተሰቦም ተፋንዮም ይሞቱ ኢሎም ምስ እዚ ናይ ማቴዎስ ሓዋርያ ቃል ስብከት ኣታኃሒዞም ተረኺሙዎ ኣለው። ማቴዎስ ብኣካል ከም ዝበጽሖም እውን ገሊጾምዎ ኣለው። 1መቃ.6፥5-11።

9. ከምኡ እውን ብድኅሪ ማቴዎስ ሓዋርያ ዘሲማስ ዝተባህለ ባሕታዊ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ኣእዋም ተገጣጢሞሙሉ ንብሔረ ብፁዓን ምስ ኣተወ፥ እቶም ብፁዓን ኣቦታት ዘገልግልዎ 2ተ ኣርድዕት ሂቦም ምስ ኣነባበርዎ። ነቶም ኣርድእቱ ነኣይ ኪበጽሑ ሰባት እንተመጹ፥ ሥርሓይ ከየፍትሑኒ ደቂሱ ኣሎ ደኣ በሉለይ በሎም።

ብፀዓን ኣቦታት እውን ጋሻ ምሕታት መንፈሳዊ ልማድ ስለዝጸንሑም፡ ናብ ዝዕረፈሉ ቦታ ከይዶም ንገሩልና ስለ ዝበሉዎም ከምታ ኣይትንገሩለይ ደቂሱ ኣሎ ደኣ በሉለይ ዝበሎም ደቂስ ኣሎኹ ኢሉኩም በልዎም። ስንክሳር ሚያዝያ 9 ተመልከት።

10. ንሳቶም ግን እቲ ዘረባ ስለ ዘይኣመኑሉ ናብ ዓድና ጸሊ እናዮን ኀዲግናዮን ዝመጻእናስ ኣብዚ ሓሶት ኪምህረልና መጺኡ ኢሎም ውጸልና ኢሎም ስለዝገደድዎ፡ ኪወጽእ እንከሎ ፍቕሪ ስለዝጐደሎ፡ እቲ ኣዕዋም ተፈላልዩ ምኀላፍ ስለዚኾልኦ ተመሊሱ ይቕረ በሉለይ፡ ኢሉ ኣብ እግሮም ምስ ወደቐ፡ እቲ ተፈላልዩ ምሕላፍ ከሊእዎ ዝነበረ ኣዕዋም ከምታ ኪኣቱ እንከሎ ዝገጠመሉ፡ ብተኣምራት ገጢሞሙሉ ወጺኡ ከደ። መዝ.24፡9 ዘጸ.15፡8 ዕዝ.ሱቱ.12፡40-45 ብጥብቂ ተመልከት።

11. ኣብ መወዳእታ ዘመን ከኣ እቶም ብሕይወት ዝጸንሑ ብፁዓን ኣቦታት እቲ ምውት ባሕሪ ከምቲ ነቦታቶም እሥራኤል ባሕረ ኤርትራ ኣብ ክልተ ቶኺፈሉ ዘንለፎም ቶኺፈሉ ኩነልፎም እዩ እሞ ነቲ ካብ ባሕረ (ኢየሩሳሌም) ክወጽእ ከሎ ዮሓንስ ኣርዌ ዘወጽአ እምነ ባሕር ዝበሎ፡ ንሓሳዌ መሲሕ ንሸኻ ሓሳዊ መሲሕ ኢኻ እምበር ክርስቶስ ኣይኮንካን ኢሎም ኣብ ቅድሚ ሰብ ክነቕፍዎ እዮም። በዛ ዘረባ እዚኣ ድማ ሰማዕ ትነቶም ኣብ ማእከል ኢየሩሳሌም ክፍጽሙ እዮም። ወከዐዉ ደሞሙ ከመ ማይ፡ ዓውዳ ለኢየሩሳሌም፡ ዝብል ትንቢት ሽዑ ክፍጸም እዩ። ዝተጠቕሱ መጻሕፍቲ ንመልከት። ራእ.11፡7፤ 13፡1-5 16፡12፡ 14፡4 መዝ.78፡1-3።

12. ጴጥሮስን እንድርያስን ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘውግዕዎ እናኣዘንተወሎም ከሎ ጐይታ ብኣካለ ሥጋ ስለዝመጾም ቅዱስ ጴጥሮስ እምበኣርከስ ካብ መጻእካናስ ሕጂ ስብኩተ ወንጌልና በየን ከምእንቕጽል መምርሒ ሃበና ኢሉ ስለ ዘመልከተሉ ጴጥሮስን እንድርያስን ንሃገረ ምስያ ማቴዎስ ንሃገረ ካህናት ከይዶም ከስተምህሩ መምርሒ ሃቦም። ናብታ ዘዝበሎም ኀኸኸዱ ከኣ ከምዚ ንክቡር ሰብ (በዓል ሥልጣን) ፍልይቲ ኣይሮፕላን እትምደበሉ እሞ ናብ ዝደለዮ ሃገር እተብጽሖ ብደማና ያይሩ ኣፋነዎም።





13. ቅዱስ ማቴዎስ ናብታ ዝኸዳ ዝነበረ ሃገረ ስብኩቱ ከኣቱ ቁሩብ ምስ ተረፈቶ ጐይታ ሓደ ጐበዝ ኃላው ኣባጊዕ መሲሉ ረከቦ እሞ ንማቴዎስ ክዳንካን ዕጥቕኻን ከምዞም ደቂ ዓዲ እዚኣ ስለዘይኮነ ኣብ ዓዶም ኣየእትውኻን እዮም እሞ ከምኦም መሲልካ ክትኣቱ ይሕሸካ ስለዝበሎ፡ ከምለስ ሓሰበ። እንተኾነ ጐይታ ምዃኑ ገለጸሉን ኣረድኦን ከምኡ እውን ብዙኀ ፈተነታት ከምዝገጥሞን መጨረሻ ግን ዓወት ከምዘለዎ ገለጸሉ።

14. ቅዱስ ማቴዎስ ድማ ናብታ ዓዲ እትው ምስ በለ፡ ስብከተ ወንጌሉ ቅድሚ ምጅማሩ ሓደ ሰብ ረኺቡ ኣምላኽኩም ኣበይ ኣሎ? እንታይ እንታይ ኢሉኺ ይምህረኩም? ኾኽፈልጥ ኢለ እየ መጺኣ ዘሎኹ ኢሉ ተወከሶ፡ ወዮ ገርሃኛ ሰብኣይ ከኣ እምበኣር ኣምላኽና ኣይምህረናን እዩ። እቲ እነቕርበሉ መባዕ እኳ መን ከምዝበልዖ ኣይንፈልጥን ኢና ኢሉ መልሲ ሃቦ።

15. እዞም ኣማልኽትኹምከ ዓቢይን ንዕሽቶንዶ ኣለዎም? መልሲ እወ ኣጽሎን ዝበሃል ዓቢ ኣሎ በሎ። ሓዋርያ ማቴዎስ ድማ መእተዊ ደኣ እንቋዕ ረኸብኩ እምበር ምስኡ ክዛረብ እደሊ ኢየ እሞ ነቲ ኣርሚስ ዝተባህለ ካህነ ጣዖት ረኺቡ ክዛረቦ ከሎ ብፍላይ ብዛዕባ ኣጽሎን ክዛረቦ ከሎ ነቲ ካህን ጸጋ እግዚኣብሔር ኀደሮ እሞ ንማቴዎስ ኣምላኽካኸ ከመይ ዝበለ እዩ? ኢሉ ሕቶ ኣብዝኃሉ፡ እንደገና እውን ዓ ድኻኸ ኣበይ እዩ? ኢሉ ደጋጊሙ ምስ ሓተቶ ዓደይ ብርሃን እምበር ጸልማት ዘይብሉ ሓቀኛ እምበር ሓሳዊ ዘይብሉ ፍቕሪ እምበር ጽልኢ ዘይብሉ ህድኣት እምበር ክርክር ዘይብሉ እዩ ዓደይ በሎ።

16. እቶም ናብኡ ዝነበሩ ሕዝቢ ድማ ሞተ ነፍሲ የብሎምን ኣይሞቱን እዮም። መደቀሲት ጻድቃን እያ ኢሉ ገለጸሉ። (እዚ ኵሉ ምልክት ከኣ ናይ መንግሥተ ሰማያት እዩ ዘምልክት)። ማቴዎስ ድማ ነቲ ካህን መሊሱ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ ራዕ.21፡23-27 ንኣምላኽኩም ንሸኻ ካብ ኮንካ ቀረባ ኣገልጋሊኡስ እንታይ እንታይ ተቕርበሉ? በሎ። ንሱ ድማ እሓጽቦ ናይ መዓርግ ክዳኑ እኸድኖ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ድማ የጋዓዕዞ በሎ።

17. ቅዱስ ማቴዎስ ድማ እንታይ ትብል ኣሎኻ? እግረ ከለዎስ ዘይከይድ ድዩ ኣምላኽኩም? እንታይ ክገብረልኩም ደኣ ተምልኽዎ ኣምላኽና ደኣ ካብኡ እንተ ዘይደሊና ካባና ዝደልዮ ነገር መዓዝኣልይዎ ኢሉ ገለጸሉ። መዝ.49፥9-13። ብድኅርዚ ማቴዎስ ምስ ዘረባኡ ኣታኅሒዙ ጸሎተ ሕሊና ስለዘብጽሐ ኣጽሎንን ሰዓብቱን ዝተንከየም ወይ ዝደፍኦም ዘይብሎም ከካብ መቐመጢኦም (መናብርቶም) ትኽስ ከምዝበለ ቆልዓ ንቕድሚኦም እናተደፍኡ ወዲቖም ተሠባበሩ። 1ሳሙ.5፥4።

18. ማቴዎስ ድማ ንኣርሚስ ካህን ጸዊዑ በል ረኣዮምሞ ኣማልኽትኻ ኮይኖምዎ ዘለው፤ ኢሉ ነቶም ዝተሰባበሩ ጣዖታት ኣርኣዮ። ኣርሚስ ድማ ነቲ ኩሉ ነገራት ርእዩ ብፍላይ ነቲ ናይ ኣጽሎን ስብርባር ኣካላቱ ብእግሩ ጌሩ እንዳቀልዐ ተላገጸሉ። ንቅዱስ ማቴዎስ ድማ ብተግባሩ ስለዝተሓጐሰሉ ብሓደ እንጌራ ክንበልዕሲ ገዛይ እንዶ ግዳ እተወለይ ኢሉ ለሚኑ ወሰዶ። ማቴ.10፥40።

19. ማቴዎስ ድማ ምስኡ ከይዱ መኣዲ ምስ ቀረበ እምበኣር ቅድሚ ምብላዕና ክባርኽልና ንኣጽሎን እንዶግዳ ጸውዓዮ ኢሉ ተዋዘዮ። ኣርሚስ ድማ ብህይወቱ ከሎ ዘይገበሮስ ብሞቱ? ኢሉ ብልቡ ከም ዝቐበጸ ኣረጋገጸሉ። ሓዋርያ ማቴዎስ ድማ ጸሎተ ማዕድ ገበረ እሞ፤ ብብርሃን ሻሽ ዝተሸፈነ ሠለስተ እንጌራን ወይንን ካብ ሰማይ ወረደሎም። ቅዱስ ማቴዎስ ነዚ መኣዲ እዚ ብዘይእምነትን ጥምቀትን ሥግኡን ደሙን ምቕባል ክትጥዕሞ ስለ ዘይግባእ ንቕድም እዚ ዚብለካ ፈጽም ስለዝበሎ፤ ቃሉ ብምቕባል ኣመነን ተጠመቐን፤ ሥግዑን ደሙን ድማ ተቐበለ። ዮሓ.21፥9 1ነገ.19፥5-7።

20. ብድኅርዚ ኀቢሮም ተመገብዎ ነቲ ኣጽሎን ዝነበሮ ቦታ ድማ ብእምንን ሓመድን ደበይዎ ካብዚ ቀጺሎም ማቴዎስን ኣርሚስን እንዳኣርሚስ ከይዶም ንቤተሰብ ኣርሚስ ኣጠመቕዎም። ብድኅሪ እዚ ኩሉ እቲ ንጉሥ እታ ዓዲ ነቶም ጣዖታት ክሰግድ ኢሉ ናብ ምኩራቦም እንተኸደ ተዓጽዩ ስለዝጸንሖ ንኣርሚስ ጸዊዑ ንምንታይ ቤተ ምኩራብ ዓጺኻ ንኣጽሎን ደፊንካዮ ኢሉ ብሓንቲ እግሩ ጠጠው ኣበሎ።





ኣርሚስ ድማ ነቲ ንጉሥ ናብቲ ጣዖታት ዝተሰባበርዎ ቦታ ኣእትዩ ኣርኣዮ፤ ምኽንያት መሰበሪኦም ምስ ገለጸሉ ድማ እቲ ንጉሥ ንማቴዎስ ኣርሚስን ኣሢሮም ናብ መንገዲ ከንስስዎም ኣዚዙ ከብቅዕ እንደገና ድማ ብሕይወቶም ከለው ናብ ሓዊ ኣእትዮም ከንድድዎም ነቶም ዓቀይቶቱ ዝተላእኩ ትእዛዝ ሃቦም።

21. እንተኾነ እቲ ትእዛዝ ንጉሥ ኣብ ግብሪ ከይውዕል ኣብ መንገሎ ኣመንቲ ክርስቶስን ሰዓብቲ ኣጽሎንን ክርክር ስለዝተላዕለ ንጊዚኡ ክፍጸም ኣይተኻእለን። ሽዑ ድማ ወዲ እቲ ንጉሥ ስለዝሞተ ቅዱስ ማቴዎስ (መታዓረቒት ክትኮኖ ግዲ ደልዩ ኮይኑ) እንዳ እቲ ንጉሥ ከይዱ ነቲ ንጉሥ ወድኻ ሞይቱኒ ጉሂኻ ኣሎኻ እንታይ ኣጕሃየካ ኣጽሎን ኩተንሥእልካ ዘይትጽውዖ በሎ።

22. እቲ ንጉሥ ድማ ካብ ኣማልኽቲዶ ምዉት ዘተንሥእ ኣሎ እዩ? በሎ። ማቴዎስ ድማ እወ ኢየሱስ ዚበሃል እኳ ኣሎ በሎ። እቲ ንጉሥ ድማ ንወደይ ዘሕዊ ኣምላኽ እንተድኣ ረኺበስ ኣነ እኳ ብእኡ ኣሚነ ነቶም ጣዖታት ኣየምልኾምን እየ ኢሉ ዘይትልወጥ ቃል ኣተወሉ። በዚ ምትእምማን እዚ ድማ እቲ ኣብ መንገኦም ኮይኑ ሰይጣን ዘምበድብዳ ዝነበረት ጽልኢ ካብ ምዝሓል ናብ በረድ ተለወጠት።

23. ቅዱስ ማቴዎስ ድማ በታ ጐይታ ሕሙማት ፈውሱ ምውታት ኣተንሥኡ ኢሉ ዝሃቦ ሥልጣን ተኣማሚኑ ኣብ ርእሲ እቲ ዝሞተ ወዲ ንጉሥ ደው ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ፤ ንጊዚኡ ኣተንሥኦ። እቲ ዝተንሥአ ወዲ ንጉሥ ድማ ንማቴዎስ ከጠምቖ ለመኖ። ኣቡኡ ድማ ከም ቃሉ ንርእሱን ቤተሰቡን ደቂ እታ ዓድን ብምሉኦም ክጥመቁ ዓዋጅ ኣንገረ። ኩሎም ድማ ኣመኑን ተጠመቑን። ማቴ.10፥8።

24. ካብዚ ቀጺሉ እቲ ንጉሥ ነቲ ስብርባር ናይ ጣዖታት ናብቲ ንማቴዎስን ኣርሚስን ከነዱሉ ተባሂሉ ዝተኣጐደ ሓዊ ኣእትዩ ኣንደዶም እስከሬን ኣጽሎን ድማ ሓሪሩ ሓመድ ኮነ፤ እምነት ናይቲ ንጉሥ ድማ በዚ ኣጸቢቓ ተጋህደት።

ብድኅርዚ ኵሉ ተግባር ድማ እቲ ንጉሥ እምነት ጕይታ ስለዝመቀሮ ነቲ ምኵራብ ጣዖት ዝነበረ ኣፍረሱ ቤተ ክርስቲያን ሠርሑሉ። ሓዋርያ ማቴዎስ ከኣ ፅንዓት ሃይማኖቶም ምስ ኣረጋገጸ፡ ስብከተ ወንጌል ኣብ ዘይበጽሖም ከብጽሕ ብሰላም ተፋነዎም።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ቅዱስ ሓዋርያ ማቴዎስ ካብ ሃገረ ስብከቱ ብሒረ ካህናት ምስ ተመልሰ ናብ ኢየሩሳሌም ተመሊሱ ብቋንቋ ዕብራይስጥ ወንጌል ጽሒፉ፡ ንኢፓይነጌ እትበሃል ሃገር ከይዱ በቲ ዝጸሓፎ ወንጌል ጌሩ ምሂሩ ኣእመኖም። ካብኣ ቀጺሉ በርትያ ናብ እትበሃል ሃገር ከይዱ ድማ ናይ ክርስቶስ ልደቱን ጥምቀቱን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ካልኣይ ምፅኣቱን ነገሮም (ኣስተምሃሮም)።

2. ከምኡ እውን ናብ ቤት ማእሠርቲ ዚርከቡ እሡራት ከይኣመኑ ከይተርፉ ኢሉ ተማቢጡ እናኣተወ ምሂሩ ኣእመኖም። 1፡ቆረ፡9፡26 ተርጓሚ ተመ.። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ድማ ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣትዩ እሡራት እናኣጸናንዔ ሕሙማት እናፈወሰ ከሎ ብዕዳ (ገንዘብ) ተኣሲሩ ናይ ሞት ፍርዲ ዝጽበ ዝነበረ ሰብ ረኺቡ ምኽንያት መእሠሪኡ ሓተቶ። ንሱ ድማ ኣቆስጠስ ዝበሃል ሃብታም ክሰግደሉ ኢሉ ኣለቂሑኒ ዝነበረ ገንዘብ ብባሕሪ ክንከይድ ከሎና ማዕበል ተላዒሉ ኣብ ባሕሪ ስለዝጠሓለ፡ ዝህቦ ስለዘሰኣንኩ ከሲሱ ኣእሲሩኒ ናይ ሞት ፍርደይ እጽበ ኣለኹ በሎ። ማቴ. 18፡28-31 ቅዱስ ሓዋርያ ድማ በለስኪ ካብዚ ገጢሙካ ዘሎ ጸገም ነጻ እንተ ኣውጻእኩኻ ናብ እምነተይ ዶ ምኣተኻ በሎ። ንሱ ድማ እንታይ ደኣ ከመኽኒ እወ እኣምን ኢሉ ኣረጋገጸሉ። (በዚ ነገር እዚ ሓዋርያት ንእምነት ብሕይወት ይሻየጥዎ ከም ዝነበሩ እዩ ዘረዳኣና በሎ። ሓዋርያ ማቴዎስ ድማ እምበኣር ከስ ኝኸት መውት ኢሎም ካብ ቤት ማእሠርቲ ኣውጺኦም ምስቲ በዓል ገንዘብ ከራኽቡኻ እዮም እሞ ንሓንቲ መዓልቲ ቈጸራ ኪህቡኻ ለምኖም ንሱ ድማ ሕራይ ኪብለካ እዩ ኢሉ መኸሮ።





3. እቲ እሡር ከኣ ከምታ ዝመኸሮ ጌሩ ቈጸራ ለሚኑ ተፈቒዱሉ ብዋሕስ ወጸ። ትኽ ኢሉ ድማ ማቴዎስ ናብ ዘለዎ ከደ። ሓዋርያ ማቴዎስ ከኣ በል የማን ጸጋም ከይበልካ ናብታ እተን ገንዘብ ዝጠሓላኣ ቦታ (ባሕሪ) ኪድ እሞ እተን ገንዘብካ ብምሉኣተን ክትረኽበን ኢኻ ኢሉ መሪቑ ኣፋነዎ። ከም ቃል ሓዋርያ ድማ ነተን ገንዘብ ረከበን፡ ምስኡ ከየቖነየን ድማ ቀልጢፉ ንዋንአን እንካ እንተበሎ ካበይ ደኣ ረኺብካየን ገለ መንደቕ ኣፍሪስካዶ ካብ ገሊኦም ሠሪቕካ ኣምጺእካዮ? ኰይንካ እምበር ናብ ባሕሪ ዝኣቶ ክርክብስ ይትረፍ ኣብ ካልእ ዝወደቐ እኳ ኣይርከብን እዩ በሎ።

4. ናብ ቀላይ ዝኣተወ ረኺብና ክብሉ እውን ሰሚዕናን ኢናን ኣይንፈልጥን በሎ። ገንዘብ ሕሱም ስለዝኰነ ግን ሠሪቕካ ዘምጻእካዮ ስለዝኰነ ኣይቅበለካን ኢየ ኢሉ ምቕባል ኣይኣበየንን ተቐበለን ደኣ። እዚ ካብ ሞት ነጻ ዝወጸ እሡር ድማ ከምታ ምስ ሓዋርያ ማቴዎስ ዝተሰማምዓ ቃል ብስም ኢየሱስ ኣሚኑ ተጠመቐ። ነዛ ጕዳይ እዚኣ ውድእ ከብሉ ከለው ከኣ ሓደ ልኡኽ ሰይጣን መጺኡ፡ ስምዑ ሕዝቢ ሮማ እዚ ብስም ዘይንፈልጦ ዝምህረና ዘሎ ስቕ ኢልና እንተደኣ ርኢናዮ ዓድና ክጽይቐልና እዩ። ስለዚ ኣንታ ኣቆስጠስ መኰንን ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሕካ ዝግበር ግበሮ በሎ። ንሱ ድማ ናብቲ ንጉሥ ኣታኃላለፎ።

5. እቲ ንጉሥ ድማ ንመክሰሲኡ ከይመርመረ ወተሓደራቱ ጸዊዑ ሕጂ ኬድኩም ክሳዱ ቆሪጽኩም ንኣሞራታት ክኸውን ደርብይዎ ኢሉ ፅኑዕ ትእዛዝ ኣዘዞም። እቶም ወታደራቱ ድማ ከምቲ ዝተኣዘዝዎ ንቅዱስ ማቴዎስ ኂዞም ክሳዱ ቆሪጾም ደርበይዎ። ክልተ ዓበይቲ ምእመናን መጺኦም ከኣ ነታ ዝተቆርጸት ርእሱ ናብ ክሳዱ ኣቕሪቦም ብንጹሕ ዓለባ ገኒዞም ናብ መቓብር ኣቦታቱ ቀበርዎ። እቲ ብጸሎት ቅዱስ ማቴዎስ ካብ ሞት ዝተንሥአ ሰብኣይ ድማ ብናይ ማቴዎስ ሓዋርያ ቅትለት ብዙኅ ስለ ዝጎዘነ ሠለስተ መዓልቲ ብፅኑዕ ሓሚሙ ኣብ 12 መዓልቱ ብሞት ሰዓበ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



"ቀለብ ኣሞራታት ክኸውን ክሳዱ ቆሪጽኩም ደርብይዎ።"

ሰላም ለማቴዎስ ዘበደመና ተመጥቀ
ኅሩያን ይርኣይ ወብጹዓን ደቂቀ
ወያሰስል እምሰብእ ምንዳቤ ወጻዕቀ።
በሥልጣነ ቃሉ ኣዘዘ ማዕምቀ።
ከመ ያውጽእሎቱ ዘተሰጥመ ወርቀ
ስንክሳር 12 ጥቅምት ተመልከት።



# ምዕራፍ 9

# ገድለ ሓዋርያ ያዕቆብ ወልደእልፍዮስ

ያዕቆብ ማለት ትርጉሙ ከም ቀዳማይ ያዕቆብ ወ/ዘብዴዎስ ኮይኑ ነገዱ ካብ ጋድ ሃገረ ስብከቱ ኢየሩሳሌም ዕረፍቱ የካቲት 10 ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት።

1. ሓዋርያ ያዕቆብ ምንም እኳ ናብቲ ዕንጨይቲ ውድቕ ክገብሩ ከለው ኢየሩሳሌም ከም ዝበጽሓቶ እንተ ዘይተገልጸ ስብከተ ወንጌል ዝጀመረላ ኢየሩሳሌም ከም ዝኾነት ተፈሊጡ ኣሎ።

2. ስለዚ ሓዋርያ ያዕቆብ ስብከተ ወንጌሉ ካብ ማእከል ኢየሩሳሌም ክጅምር ከሎ ኣብ ምኲራብ ኣይሁድ (ቤት ጸሎት) ኣትዩ ስገጥ ከይበለ ናይ እግዚኣብሔር ወልድ ኣምላክነትን ብመልክዕና ሰብ ንፍጠር ካብ ዝበሉ ሓደ ከምዝኾነ፡ ንሱ ናብ ማሕፀን ቅድስቲ ድንግል ማርያም 9 ወርሓን 5 መዓልትን ከም ዝተጾረን ድንግል ማርያም ዝወለደቶ ንሱ እግዚኣብሔር ከምዝኾነን ነቶም ዘይድፈሩ ኣይሁድ ከይፈርሄ ቃል ቅዱስ ወንጌል ንባቡን ትርጉሙን ገሊጹ መሃሮም። ዮሓ.1፡1-5።

3. ምስዚ ኣተሓሒዙ ከኣ ናይ ክርስቶስ ልደቱን ጥምቀቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ረቂቕ ምሥጢረ መለኮቱን ካልኣይ መጺኡ ከከም ግብሩ ከም ዝፈርድን ምስ ኣረድኦም ኣብ ኢድ ጸላዕቱ ዝወድቀላ ሰዓት በጽሐት።

## ምስክርነት ዕረፍቱ

1. እቲ ናብ ኣይሁድ ኅዲሩ ንገይታ ጸላእቲ ዘለዓለ ሰይጣን፡ ነቶም ምኽንያት መኸሰሲ ጫፍ ነገር እንተረኸቡሉ ኢሎም ጽን ኢሎም ክሰምዑ ዝጸንሑ ሕዝቢ ቀሳቒሱ ከም ዝጥዕሞም ጌሮም ነቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉሥ ቀላውዴዎስ ዝበሃልሓደ ዘይንፈልጦ ሰብ ኣብ ኣውራጃናን ወረዳናን እናተዘዋወረ ኣነ ባርያ ኢየሱስ ክርስቶስ እየ፡ ንምድራዊ

ንጉሥኩም ኣይትገዝኡ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ንጉሥኩም፣ እንዳበለ ንሃገርና ከጥፍእን ንሕዝብና ኬጋግን ኮነ ኢሉ ዝመጸ እዩ ኢሎም ናብቲ ንጉሥ ኣመልከቱሉ።

2. እቲ ንጉሦም ቀላውዴዎስ ድማ ገጽ ንገጽ ኣረኣዕዩ፣ ቃል ክልቲኦም ሰብ ነገር ሰሚዑ ዝውስን ወይ ክሓቶስ ይትረፍ ካብ ኣፉ ክረኽቦ ከይበለ ወይዚ ደፋር በሉ ገጹ ከይርኣኹ ብዳርባ ዕምኒ ቅተልዎ ኢሉ ፍርዱ ሃበ። ነቢይ ዳዊት ብዛዕባ እዚ ከምዚ ዓይነት እዚ ብእምኒ ዝሞቱ ቅዱሳን ሓዋርያት ክጠቅስ ከሎ ከመ ኳሄላ ኮንኩዎሙ ለብዙኃን ኢሉ ዝተነበዮ ንኽፍጸም ከሰስቱ ብዘይ ሓንቲ መዓልቲ ቈጸራ ነገሮም ስለዝሰለጦም ነቲ ንጉሥ እንዳኣመስገኑ ንሓዋርያ ያዕቆብ ከም ዝተኣዘዝዎ ብዳርባ እምኒ ቀተልዎ። ማቴ.10፥18 መዝ.70፥7 ግሓ.1፥8።

3. ብድኅርዚ ኸኣ እቶም ከሰስቱ እንቋዕ ደኣ ቀተልናዮ እምበር ሕጅስ ሞት ከም ኣዳም ኢሎም ፋሕ ምስ በሉ፣ እቶም ምእመናን መጺኦም ከምቲ ንእስጢፋኖስ ብጻዩ ዝተገብረሉ ኀዘኑሉን ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤተ መቅደስ ኢየሩሳሌም ቀበርዎን።

በረከቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።







“ወይዚ ደፋር ገጹ ከይርኤኩ ብዳርባ እምኒ ቅተልዎ።”

ሰላም እብል ዕፍረተ ስሙ ፅዑጠ
እምብዝኃ ገድሉ እንዘ እነግር ኅዳጠ
ኣሠረ ክርስቶስ ይትሉ ኣመ ዮስጠስ ተፈልጠ
መንገለ ወልዱ ወብእሲቱ ገጾ ኢሜጠ
እምፍቅረ ዘመድ ካዕበ ልቦ ኢሦጠ።
ስንክሳር 10 የካቲት ተመልከት።

# ምዕራፍ 10

# ገድለ ታዴዎስ ሓዋርያ

ታዴዎስ ማለት ካህነ ኣምላኽ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ዮሴፍ ሃገረ ስብከቱ ሶርያ ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ዕረፍቱ ሓምለ 2።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ናብ ደብረዘይት ተኣኪቦም ዕንጨይቲ ውድቐ ምስገበሩ ንታዴዎስ ሓዋርያ ንሃገረ ሶርያ ክሰብኽ ዕንጨይቱ በጽሓቶ።

2. በዚ መሠረት ድማ ንቅዱስ ጴጥሮስ ኣሠንየኒ ኢሉ ኀቢሮም እናኸዱ ከለው ሓደ ሓረስታይ ሰብኣይ ረኺቦም እንጌራ እንተሎካ እንዶ ግዳ ሀበና በልዎ ንሱ ድማ ሕጂ ንጊዚኡ ምሳይ የብለይን እንተኾነ ንሽኻትኩም ምስዞም ኣቡዑረይ እሞ ጽንሑለይ ንገዛይ ከይደ ከምጽኣልኩም ኢሉዎም ንገዝኡ ከደ።

3. ንሳቶም ድማ እዚ ሰብዚ ምእንታና የማን ጸጋም ክብል ንምሥራሕ ጊዜ ከኀልፎ እዩ እዞም ኣቡዑር ድማ ናቱ ከይኾኑ ናይ ልማኖ እዮም፣ ነጊሩና ከኣ እዩ። ስለዚ ክሳብ ንሱ ከይዱ ዝምለስ ክንሓርሰሉን ክንዘርኣሉን ዘይንጸንሕ ተባሃሂሎም ታዴዎስ እናሓረሰ ጴጥሮስ እናዘርአ ነታ ግራት ወዲኦም ኣብቀሎም ኣፍርዮም ኣሰዊቶም ኣጽንሑሉ።

4. እቲ ዋና ግራት ምስ መጸ ድማ ግራቱ ተሓሪሳ ተዘሪአ በቘላ ሰዊታ ጸንሐቶ። ነዚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ተኣምራት ብምርኣዩ ብምግራም፣ ንሽኻትኩምሲ እንታዎት ኢኹም? ኣማልኽቲ ዲኹም? እናበለ ኣብ እግሮም ወዲቑ እቲ ኣነ ክገብሮ ዚግባኣኒ ንገሩኒ እሞ ክሰዕበኩም በሎም።

5. ቅዱሳን ሓዋርያት ድማ ንቅድም ነዞም ኣቡዑር ልማኖ ኣብጽሓዮም ስለዝበልዎ ከብጽሖም ክኸይድ ከሎ ካብቲ ሰዊት ጎዞ ስለዝኸደ ናብ መንገዲ ዝረኸቡዎ ሰባት ኣብ ዘይእዋኑ እዚ ሰዊት ስርናይ እዚ ካበይ ረኺብካ ኣምጺእካዮ? እናበሉ ምኅላፍ መንገዲ ከልእዎ። ንሱ ግን ነቶም ኣቡዑር





ልማኖ ንዋንኦም ሂቡ መቐመጢ ንሓዋርያት ዝኸውን ቦታ ኀኺዳሉ ይህወኽ ስለዝነበረ መልሲ ከይሃቦም ንገዝኡ ኣተወ።

6. እታ ነገር ሰዊት ግን ፈኺም እናበለት ናብ መኳንንቲ እታ ሃገር (ዓዲ) በጽሐት እሞ ጸዊዖም ሓተትዎን ኣፈራርህዎን። በል ብትኽክል ኣዘንትወልና ገሊጽካ እንተ ዘይነገርካና ክንቀትለካ ኢና በልዎ። ንሱ ድማ ከይወሰኸን ከይነከየን ነገሮም ንሳቶም ግን እዞም ሰባት እዚኦም ንርእዮም ኣሎና መሠርያን እዮም። ስለዚ ንዓድና ኣትዮም ክምህሩ ስቅ ኢልና ክንርእዮም የብልናን ተበሃሃሉ።

7. ካብኣታቶም ግና ፍርቆም እዞም ሰባት እዚኣቶም ተቓዳዲምና እንተደኣ ቀቲልናዮም እቲ ኣምላኾም ዝደለይዎ እዩ ዝገብረሎም ስለዝበሃል ሓዊ ወይ ድማ ማየ ኣይኂ ኣውሪዱም ከየጥፍኡና ክንሓስበሉ ኣሎና ዝብሉ ተረኽቡ።

8. በዛ ዳኀረወይቲ ዘረባ ድማ ብቕትለት ዘይኮነ ብኻልእ መንገዲ ክከላኸሉዎም መደቡ፣ ማለት ኣርድእተ ክርስቶስ ምዝማው እዮም ዝጸልኡ ስለዝበሃል ሓንቲ ዘማዊት ሰበይቲ ብዘይ ክዳን ጥራይ ነፍሳ ጌርና ኣብዛ በሪ ናይ ዓድና ኣብ ልዕል ዝበለ ቦታ ሰቒልና ነጽንሓሎም እሞ ምስ ረኣይዋ ንድኀሪት ክምለሱልና እዮም ኢሎም ምስታ ዘማዊት ውዕል ገበሩ፣ ንሳ ድማ ከም ውዕላ ገበረት፣ ማለት ጽያፍ ተግባራት ክትገብር ተራእየት።

9. ቅዱሳን ሓዋርያት ድማ እቲ ትንቢት ንክፍጸም ለይኮኑ ከመ ጸበል ዘቅድመ ገጸ ነፋስ ወመልእከ እግዚኣብሔር ለይሳቅዮሙ ዝበሎ ነቢየ እግዚኣብሔር ዳዊት መቕድም ጸሎቶም ኣብጺሖም ቅዱስ ሚካኤል ካብቲ ዘላቶ ቦታ ኣል ዒሉ ኀዲግ ሰማይ ኀዲግ ምድሪ ክሰቕላ ናብ ጕይታ ጸለዩ እሞ እቲ ዝጸለይዎ ዝገብረሎም ኣምላኽ ንቅዱስ ሚካኤል ልኢኹ ብጸጕሪ ርእሳ ኣብ ኀዋኀው ኣንጠልጠላ።

10. ንሳ ድማ ኣንቱም ናብዛ ኾሉ ፈተን እዚ ዘእቶኹሙኒ ክምሕሩኒ ንሓዋርያት ለምኑለይ በለቶም። ሓዋርያት ድማ ነቶም ናብ ልቢ እቶም ሰባት ኣትዮም ዘጋግይዎም ዝነበሩ ኣጋንንቲ ገሚጸም ኣርሒቖም ንኩሎም ኣእሚኖም ኣጠሚቖም ነታ ሰቕልቲ ሰበይቲ ድማ ምሕረት ገበሩላ።

11. በቲ ዝተገብረሎም ምሕረት ንሳን ንሳቶምን ኣሚኖም ምስ ተጠምቁ፡ ቅዱሳን ሓዋርያት ቤተ ክርስቲያን ሠሪሖም ነታ ሰበይቲ ኣገልጋሊት ቤተክርስቲያን፡ ካብቶም ዝኣመኑ ሕዝቢ ድማ ዲያቆናትን ካህናትን ጳጳሳትን ሸሙሎም፡ ብድኅርዚ ድማ ሓደ ሃብታም ናብ ሓዋርያት ከይዱ ሕይወት ክረክብሲ እንታይ ክገብር ኢሉ ሓተቶም።

12. ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ዓሠርተ ቃላት ኣንቢቡ እዚኣን ሓሉ በሎ። ንሱ ድማ ነዚን ዝበልካኒ እንተ ሓሎኹወንከ ኸማካትኩምዶ ተኣምራት ክገብር እኽእል እየ በሎ፡ ቅዱስ ታዴዎስ ከኣ እንታይ ድዩ ሥራሕካ ሰበይትኸ ኣላትካዶ? ኢሉ ስለዝሓተቶ ሰበንይቲ የብለይን፡ ሥርሐይ ግን ጽርበት እዩ፡ ብዙኅ ገንዘብ ድማ ኣሎኒ፡ ዝደሌኹምዎ (ዝድልየኩም) ድማ ንገሩኒ ክህበኩም በሎም። ግሓ.8፡18-።

13. ቅዱስ ጴጥሮስ እምበኣርከስ ዘሎ ሃብትኻ ንድኻታት ሂብካ መንን በሎ። ንሱ ግን ገቢረ ተኣምራት ብገንዘብ ስለ ዘይሸጠሉ ጉህዩ ስለዝነበረ ሃብተይ ኣጥፊእኩም ኣብ ፈተነ ከተእትውኒ ኢሉ ተቐጢዑ ንጴጥሮስ ዝረኸበ መሲሉዎ ንታዴዎስ ብጐረርኡ ሓነቖ። ግሓ.19፡16። ታዴዎስ ድማ ጐይታ እኳ ከምዚ ናትካ ዝኣመሰለ ስለ ዝረኸበ እዩ ሃብታም መንግሥተ ሰማያት ካብ ዝኣቱ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክኃልፍ ይቐልል ዝበለ ኢሉ ወቐሶ።

14. ንሱ ድማ ከም እንደ ገና ብጐረርኡ ሓኒቑ ክቐትሎ ደለየ። ቅዱስ ጴጥሮስ ግን ንምንታይ ሓዋርያ ክርስቶስ ከምዚ ጌርካ እትሓንቖ ኢሉ ገንሖ። ኣብ መንገቦ እዚ ሓደ ሰብ ገመሉ ኂዙ ብቕድሚኦም ክኅልፍ ርእዮም ናብኦም ጸውዕዎ። ንሠራሕ መርፍእ ድማ መርፍእ ክሰደሎም ሰብ ለኣኹሉ። ማቴ.19፡24።

15. እቲ ሰራሕ መርፍእ ድማ ኣቐድም ኣቢሉ ነቲ ነገር ሰሚዕ ዎ ስለዝጸንሐ ዓይኑ ኣግፊሕ ኣቢሉ ንጊዚኡ ሠሪሑ ሰደደሎም ንሳቶም ግን ነቲ ሃብታም ምኽንያት ከይኮኖ ግዲ ኢሎም ኮይኖም ምንም ዓይኒ መርፍእ እንተገፍሐ ገመል ክኅልፍ ስለዘይከእል ከምቲ ልክዑ ጌርካ ደኣ ለኣኽልና ኢሎም መለሰሉ።





16. ንሱ ድማ ከም ኵሉ ዓይኒ መራፍእ ጌሩ ሠሪሑ ሰደደሎም እሞ ቅዱሳን ሓዋርያት እቲ ልሙድ ጸሎቶም ኣብጺሖም ነቲ በዓል ገመል ምስ ገመሉ በታ ጸባብ ዓይኒ መርፍእ ሠለስተ ጊዜ ኣታሓላለፍዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ነቲ ተኣምራት ምስ ረኣየ፡ እተን ዝፈጸመን ድፍረት ዘኪሩ ክዳኑ እንዳቀደደ ኣብ ትሕቲ እግሪ ሓዋርያት ወዲቑ ምሕረት ክግበረሉ ሓተተ፡ ንጊዚኡ ድማ ምሕረት ተጌሩሉ ኣሚኑ ተጠምቀ።

## ምርስክርነት ዕረፍቱ

ብድኅርዚ ሓዋርያ ታዴዎስ እምነቶም ምስ ኣረጋገጸ፡ ናብ ካልእ ዓዲ ክኸይድ ከሎ እቶም ሰብ ሃገር ብሰላም ኣፋነውዎ። ሓዋርያ ታዴዎስ ድማ ናብ ፍልእዋን እትበሃል ምድረ ይሁዳ ምስ ከደ፡ ጥዑም ድቃስ ወሲድዎ እንከሎ ብሰላም ዓረፈ።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን
ይኹን ኣሜን።



"ዐይኒ መርፍእ እንተገፍሐ እኳ ገመል ከኀልፍ ኣይኽእልን ኢዩ።"

ሰላም ለታዴዎስ ምንዳቤ ሕንቀት ዘተወክፈ
እንበይነ ጥሪቱ ወብዕሉ እመ ባዕለ ዘለፈ
ለትውልድ ደኃሪ እስከ ተኣምሩ ተጽሕፈ
ሰቀለ ብእሲተ በነፋስ ዘትዜሙ ዘልፈ
በስቍረተ መርፍእ ካዕበ ገመለ ኣኀለፈ።

ስንክሳር 2 ሐምለ ተመልከት



# ምዕራፍ 11
# ገድለ ናትናኤል ሓዋርያ

ናትናኤል ማለት ቀናዒ ለሕገ ኣምላኩ ተንኰል ዘይብሉ ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ዳን ሃገረ ስብከቱ ሰማርያ፣ ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት፣ ዕረፍቱ 10 ሓምለ 106 ዓ.ም. ምሉእ ዕድሚኡ 120 ዓመት።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ኣብ ደብረ ዘይት ድኅሪ ምእካቦም ኻልኣይ ጊዜ ናብ ጌቴሴማኒ ተኣኪቦም ዕንጨይቲ ውድቐ ምስ ገበሩ፣ ንናትናኤል ሃገረ ሰማርያ በጽሓቶ። ጐይታ ምስኦም ስለዝነበረ ድማ ቅዱስ ጴጥሮስ ናብ ሃገረ ስብከቱ ከብጽሖ ኣዘዘሉ። ቅድሚ ምብጋሶም ድማ ጐይታ ንናትናኤል ድኅሪ ዕረፍቲ ያዕቆብ እኍሁ ንኢየሩሳሌም ተመሊስካ ኤጲስቆጶስ ክትሸየም ኢኻ። ከምቲ ንሱ ዘገልገሎ ድማ ከተገልግል ኢኻ ኢሉ ኻኹሎም ባሪኹዎም ንሰማይ ዓረገ። ሉቃ.24፥50።

2. ቅዱስ ጴጥሮስን ናትናኤልን ድማ ንሰማርያ ምስ ከዱ ናትናኤል ናብ ኣኼባኦም ኣትዩ ቃል ወንጌል ሰበኸሎም። እቶም ሰብ እታ ሃገር ድማ እንታይ ሓድሽ ዘይንፈልጦ ትምህርቲ ኣምጽኣልና ኢሎም ወቕዕዎ። ካብኣታቶም ግን ውሑድ ዝበሉ ኣመኑሉ።

3. ንሱ በቲ ዝወቕዕዎ ከይሰምበደ ሠለስተ መዓልቲ ኣልጊቡ ወንጌል ኣስተምሃሮም። ኣብ መንጐዚ ድማ ወዲ እቲ ሊቀ ጉባኤ ያዕቆብ ዝተባህለ ስለ ዝሞተ ኣቡኡ ናብ ናትናኤል ከይዱ ወደይ ስለ ዝሞተኒ ኣድኅነለይ ግዳ ኢሉ ለመኖ፣ ብዛዕባ ናይ ወድኻ ሞትሲ ኑቲ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ ክንልምነሉ ኢና። እንተኾነ ግዳ ለሚንና እንተ ተመሲሉልና ወድኻ ሓውዩልካስ በቲ ዘተንሥኦ ኢየሱስዶ ትኣምን ኢኻ? በሎ። ንሱ ሊቀ ጉባኤ ድማ ወዮ ንዝሞተ ወደይ ዘሕዊ ኣምላኽ ረኺበስ ክጠልም (ምእማን ክኣቢ) ክኣምን እየ በሎ።

4. ቅዱስ ናትናኤል ድማ ገጹ ንምብራቅ ኣቢሉ እናጠመተ ኣብ ርእሲ እቲ ምዉት ኰይኑ፣ እዞም ዘይኣመኑ ዘለዉ

መታን ብኣኻ ክኣምኑ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተንሥእ ኢሉ ኣተንሥኦ። ምስ ኣተንሥኦ ድማ ዝበልያ እንጌራ ክቕርቡሉ ኣዘዞም እቲ ካብ ሞት ዝተንሥአ ምስ ኣቡኡን ናብኡ ተኣኪቦም ነቶም ተኣምር ዝረኣዩን ኵሎም ኣሚኖም ተጠሚቖም ሥጋኡን ደሙን ተቐበሉ። ዮሓ.6፥42-46።

5. ብድኅርዚ ድማ ቤተ ክርስቲያን ክሓንጹ ፈቐደሎም ንሊቀ ጉባኤ ቀርንልዮስ ኤጲስቆጾስ ሸይሙ ነቶም ካልኦት ዲቁናን ክህነትን ሃቦም። ወንጌል ጽሒፉ እውን ኣረከቦም። እቲ ጐይታ ብድኅሪ ያዕቆብ እኁሁ ንኢየሩሳሌም ተመሊስካ ኤጲስቆጾስ ክትሸየም ኢኻ ኢሉዎ ዝነበረ ስለ ዝበጽሐ ድማ ያዕቆብ ዓሪፉ ናትናኤል ንኢየሩሳሌም ተመልሰ።

እቶም ብናይ ሞት ያዕቆብ ኀዘን ናብ ኢየሩሳሌም ተኣኪቦም ዝነበሩ ኣርድእት (ሃዋርያት) ድማ ንናትናኤል ኣብ ኢዱን እግሩን ወዲቖም ለሚኖም ናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጾስ ገይሮም ሸምዎ።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ናትናኤል ሓዋርያ ብኤጲስቆጾስነት ብዙኅ ዓመታት ናብታ ዘይትከኣል ዓዲ ኢየሩሳሌም ስለዝተቐመጠ ብዙኅት ሰባት ኣእመነን ኣጠመቐን 4ተ ኣቢያተ ክርስቲያናት እውን ኣሕነጸ። ብድኅርዚ ዕድሚኡ 120 ዓመት ምስኮነ ነተን ዘሕነጸን ኣቢያተ ክርስቲያናት፡-

ሀ. ብስም ኢየሱስ
ለ. ብስም እግዝእትነ ማርያም
ሐ. ብስም ቅዱስ ሚካኤል
መ. ብስም ቅዱሳን ሓዋርያት ሰመየን።

2. ካብዚ ቀጺሉ እምነት ክርስትና ኣሥፋሕፍሐ እምነት ኦሪት (ኣይሁድ) እናወደቐ ስለዝኸደ ከኣ ናብ እንድርያስ ዝተባህለ ንጉሥ ከሲሶም ኣቕረቡዎ።





እቲ ንጉሥ ድማ ገጹ ምስ ረኣየ ኣንታ መሠርዪ ነዛ ዓዲዶ ክትህውኻ መጺእካ፡ ኢሉ ተቖጢዑ ኣዋረዶ። ቅዱስ ናትናኤል ድማ ተመሳሲሉ ክነብር ስለዘይደሊ ነታ ክገብራ ዝሓሰበ ፈትየ ዝኣቶኹዋ ስለዝኾነት ዝፈርሆ ነገር የብለይን ግዲ ኢሉ ኮይኑ፡ ኵነታቱ ርእይ ኣቢሉ ይእዜስ እፈቅድ እክዓው ደምየ በእንተ ስሙ ለኢየሱስ ኢሉ ነቲ ንጉሥ ኣንታ ኣብዲ ኣዕምሮ ዘይብሉ እንታይከ እዩ በደሉ ኢልካ ከይሓተትካስ ናይ ሞት ፍርዲ ክትህብ ተዳሊኻ፡ ኢሉ ኣብ ቅድሚ እቲ እኩብ ሕዝቢ ኣዋረዶን ኣሕፈሮን። ሢራ.11፥7።

3. እቲ ኣረመኔ ንጉሥ ከኣ ኣብ ርእሲ እቲ ካብ ከስሱቱ ዝሰምዖ ክሲ ኣብ ቅድሚ ፈተውቱን ጸላዕቱን ስለዘዋረዶን ካብ ቃሉ ዝሰምዖ ውርደትን ዘኪሩ፡ ሕጂ ካብ ቅድመይ ወሲድኩም ገሪፍኩም ናብ መስቀል ስቐልዎ ኢሉ ፈሪዱ ንወታሓደራቱ ኣዘዙ ሃቦም፡ እቶም ዝተኣዘዙ ወታሓደራት ድማ ከም ዝተኣዘዝዎ ገሪፎም ሰቐልዎ። ሰማዕትነቱ በዚ ተፈጸመ።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



“ሎሚ ብስም ኢየሱስ ደመይ ከፍስስ ኢየ።”

ሰላም ለከ ናትናኤል ዘቃና
እሥራኤላዊ ንጹሐ ሕሊና
ሓዋርያ ሓዲስ ሠናየ ርስዕና
በረከትከ ለሕዝብከ መንገለ ይትፌቀድ ፍና
ከመ ዝናማተ ይክአ ደመና።
ስንክሳር 10 ሓምለ ተመልከት።



# ምዕራፍ 12
# ገድለ ማትያስ ሓዋርያ

ማትያስ ማለት ፀሓይ፣ መተካእታ፣ ጸጋ እግዚኣብሔር ማለት እዩ። ነገዱ ካብ ዳን ሃገረ ስብከቱ ሃገረ በላዕተ ሰብእ (እስኩቴስ ራሻ) ዕረፍቱ 8 መጋቢት ቍጽሩ ካብ 12 ሓዋርያት ግሓ.1፡26።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ናብ ደብረ ዘይት ድኅሪ ምእካቦም 2ይ ኣብ ጌተሰማኒ ተኣኪቦም ዕንጨይቲ ውድቕ ምስ ገበሩ ንማትያስ ሃገረ በላዕተ ሰብእ በጽሓቶ፣ ነታ ዕድሉ ዝሃበቶ ድማ ክበልዑኒ እዮም ከይበለ በታ ጐይታ ናብ ማዕከል ተኺሉ እልእከኩም ኣሎኹ ዝበላ ቃል ብምዝካር ተፀናኒዑ ናብታ ሃገር ከደ።

2. ማትያስ ሓዋርያ ናብታ መጀመሪያ ዝኣተዋ ዓዲ ንጊዙኡ ስብከቱ ስለዝጀመረ ብጊዚያዊ ሥራይ ተዓዊቶም 2ተ ኣዒንቱ ኣዒሮም ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣእተውዎ። ማትያስ ድማ ኣዒንቱ ክጥዕያሉ ናብቲ ዝለኣኾ እግዚኣብሔር ጸሎት ገበረ እሞ ክልቲኤን ኣዒንቱ ከም ቀደመን ጥዕየን ረኣያ፣ ጐይታ ከኣ ተገሊጹ በዚ ወረዱካ ዘሎ ማዕሠርቲ ፅናዕ ካብ ኵሉ ድማ ከድኅንካ እየ ኢሉ ንኸውጽኦ ንእንድርያስ ሓዋርያ ሰደደሉ። ስን 29 ሐምለ ተም. ስን. 21 ጥቅምት ተመ.።
3. ከምኡ እውን ንእንድርያስ ክሰደሉ ከሎ ብዛዕባ ራሕቂ መንገዲ ከይትጭነቅ ናብኡ እትኸይድ መርከብ ክትረክብ ኢኻ። ንማትያስ ሓሪዶም ንኽበልዕዎ ኣሚሮምዎ ስለዘለው ንኽሕረድ ድማ 3 መዓልቲ ጥራይ ተሪፉናኦ ስለዘለዋ ሕጂ ኪድ በሎ። እንድርያስ ድማ ብግሥ ምስ በለ ሓለቓ መርከብ ረኺቡ እዛ መርከብኩም ናበይ እያ እትኸይድ ኢሉ ተወከሶ፣ ንሱ ድማ ናብ ሃገረ በላዕተ ሰብእ በሎ።

4. እንድርያስ ድማ ሰብ ካብኣ ይሃድም ንሸኻትኩም ከኣ ናብኣ ትኸዱ? እንተኾነ ግዳ ገንዘብ ዋጋ መሥሪሪ የብልናን እምበር ምሳኹም ግዳ ናብዛ መርከብኩም ተማልኡና ኢሉ

ነቲ ሓለቓ መርከብ (ኃላፊ) ለመኖ። እቲ ሓለቓ መርከብ ዝመስል ዝነበረ ግን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ብድኅሪ ብዙኅ ምጥይያቅ እውን ወረ ካብቶም ገንዘብ ዝኸፍሉስ ንሸኻትኩም እኳ ትሕሹና በሎ። ቅጽል ኣቢሉ ከኣ በሉ ከይተበገስና ከሎና እንጌራ ተመገቡ ኢሉ ነቶም መራሕቲ መርከብ መሲሎም ዝሠርሑ ዝነበሩ (2 መላእኽቲ) መኣዲ ከቕርቡሎም ኣዘዞም እሞ ከም ትእዛዙ መኣዲ ኣቕሪቦም መገብዎም።

5. መንገዶም እናኸዱ ከለው ድማ ሓዋርያት ምኳኖም ገለጹሉ ምስ እንድርያስ ድማ 2 ንዑሳን ኣርድእት ነበሩ። ንጐይታ ከይፈለጥዎ ናብ ወደብ እቲ ባሕሪ በጽሑ። እንድርያስ ሓዋርያ ግን እቲ ሓለቓ መርከብ ኰይኑ ክርእዮን ከዛረቦን ዝነበረ ሽዑ ፈለጠ/ኣለለዮ። ከምዚ ከኣ በለ ኮንኩ ንቡረ ምስለ እግዚእየ ዛቲ ዕለት ቡርክት ሳዕሌየ ኢሉ ኣመስገነ እንድርያስ ድማ ነቶም ኣርድእቲ እዚ ኵሉ ጽቡቕ ጌሩልና ኢልና ከነመስግኖን ክዛረበናን ዝወዓለስ እምበር ጐይታ እዩ ኢሉ ገለጸሎም። ዘፍ፡18፡27።

6. ንሳቶም ድማ ብግዲኦም እቲ ንሸኻ ጸሎት እናገበርካ ከሎኻ ንሕና ድማ ደቂስና ከሎና ፀዓዱ ኣሞራታት (መላእኽቲ) ኣብ ልዕሌና እናዞሩ ናብ ገነት ኣእትዮሙና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ናብ መንበር ተቐሚጡ መላእኽቲ ከቢቦሙዎ ነኣኻትኩም ን12 ሓዋርያት ከኣ 12 መላእክቲ ከቢቦምኹም ርኢና ኢሎም ነገርዎ በዚ ነገር እዚ ድማ እንድርያስ ብዙኅ ተሓጐሰ።

7. ምስ ክልተ ኣርድእቱ ኰይኑ ከኣ ናብቲ ማትያስ ተኣሲሩሉ ዝነበረ ቤት ማእሠርቲ ከዱ እቲ ቤት ማእሠርቲ ብኸንደይ ፅኑዕ መፍትሕ ተዓፅዩ ዝነበረ ድፍእ እንተበልዎ ተኸፍተሎም። ምስ ማትያስ ተራኺቦም ድማ ተዛራረቡ ሓዋርያ ማትያስ ድማ ነቲ ናቱ ካብ ቤት ማእሠርቲ ምውጻእ ትኑዝ ጌሩ በሉ ነዞም በቢሓደ ክብልዑ ተባሂሉም ተኣሲሮም ዘለው 123 ሰባት ንኽወጹ ጸሎት ንግበረሎም ኢሉዎም ጸልዮም ኣውጽእዎም። ግሓ.12፡7።





8. ነቶም 2 ኣርድእተ እንድርያስ ሮፎስን እስክንድሮስን ከኣ ደመና መጺኣ ጴጥሮስ ናብ ዘለዎ ቦታ ኣብጽሓቶም፡ እንድርያስን ማትያስን ድማ ወታሓደራት መጺኦም ሃለዋት ቤት ማእሠርቲ ክሳብ ዝፈልጡ ካብ መሬት ልዕል ኢሎም ተፈልዮም (ናብ ጠፈር) ከይናም ተጸበይዎም። ነቶም ክሕረዱ ዝተመደቡ ዝወሰዱ ልኡኻት ወታሓደራት ምስ መጹ፡ እቲ ቤት ማእሠርቲ ተኸፊቱ ጋሕ ኢሉ እቶም ሓለውቲ 7 ወታሓደራት ድማ ዛሕዛሕ ኢሎም ሞይቶም ምስ ጸንሕዎም፡ ንድኅሪት ተመሊሶም ናይቲ ቤት ማእሠርቲ ምኽፋቱን፡ ናይቶም ሓለውቲ ሞትን ንመኳንንቶም ኣርድእዎም።

9. እቶም 123 ንኽብልዑ ናብ ቤት ማእሠርቲ ኵይናም መዓልቲ ሞቶም ዝጸበዩ ዝነበሩ ሰባት ካብ ቤት ማእሠርቲ ምስ ወጹ እቶም ክወስድዎም ዝመጹ ዓቀይቶት ከይበላዕና ከመይ ጌርና ደኣ ክንውዕል ኢና? ምውታትዶ ክንበልዕ ወይሲ ዓበይቲ ዓዲ ኣኪብና ዕንጨይቲ ውድቕ ጌርና ዕ ንጨይቲ ዝበጽሓቶ ሓሪድና ተመጊብና ክንውዕል ኢሎም ነቶም መኳንንቶም ኣመልከቱሎም። ንጊዚኡ ምውታት ክበልዑ ምስ ተሰማምዑ ግን መምተሪ ካራታቶም ኊዞም ተቐራረቡ። ኣብዚ መንጐዚ እንድርያስ ስለዝረኣዮም ጸሎት ገበረ እሞ እተን ካራታት ኊዘን ዝነበራ ኣእዳዎም ምንቅስቓስ ኣበያኦም (ለመሰ)።

10. እቶም ናይ ምውታት ጥብሖት ክበልዑ ዝጽበዩ ዝነበሩ መኳንንቶም ድማ ጠምዮም ነዚ ተግባር እዚ ዝገብሩዎ ዘለው እኮ እቶም ነቶም ንቐለብና ኢልና ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣቐሚጥናዮም ዝነበርና 123 እሡራት ካብ ቤት ማእሠርቲ ዘውጽኡ መሠርያን ጠንቈልቲ እዮም እናበሉ ብኽያት ቈልዑ በኸዩ። ኣዝዩ ጥሜት ምስ ፀንየም ድማ ካብ ኵልና ብጥሜት እንመውትሲ ናይዛ ዓዲ ዓበይቲ ኣኪብና ዕንጨይቲ ውድቕ ንግበረሎም እሞ ዕንጨይቶም ዝበጽሓቶም በብሓደ እናውጻእና ክንበልዖም ኢሎም ዕንጨይቲ ኣዋዲቖም ን7 ሰባት በጽሓቶም።

11. ካብኦም ድማ ሓደ ጨካን ወላዲ ስለዝነበረ ወደይ ኣሎኒ እሞ ኣብ ክንዳይ ንዕኡ ሓረድኩም ብልዑ፡ ነኣይ ግን ኅደጉኒ በሎም። እቲ ወዱ ድማ ዝርንርሓሉ መሲሉዎ ኣቦይ መዓረይ ኣነ ንእሽቶይ ስለ ዝኾንኩ ክሳብቲ ንሸኻ በጺሕካዮ ዘሎኻ ዕድመ ዝበጽሕ ኅደገኒ እንዶ? በሎ። እቲ ጨካን ወላዲ ግን ክሰምዖ ኣይደለየን። በዚ ነገርዚ ድማ ኣኅሊፉ ኣወፈዮ። እንድርያስ ሓዋርያ ግን ነዚ ተግባር እዚ ምስ ረኣየ ምውታት ክይበልዑ ጸሎት ጌረ ዝሰማዕካኒ ኣምላኽ ሕጂ እውን እዞም ብሕይወት ዘለው ክይሕረዱ ጸሎተይ ስምዓኒ ኢሉ ጸሎት ገበረ። እሞ እተን ተሳሒለን ዝተቐረባ ካራታት ንጊዚኡ ከም ስምዒ መኸኻ።

12. እቶም ተጸበይቲ ሥጋ ድማ ከም እንደገና ኣምሪሮም በኸዩ። እንድርያስን ማትያስን ድማ ካብቲ ዝቐነይዎ ጠፈር ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ናብ ምድሪ ወረዱ። እቶም ኣረማውያን ድማ እንቋዕ ደኣ ናብ ኢድና ወደቑ እምበር ካብቲ ዝገበሩና ዝገድድ ክንገብሮም ኢና ኢሎም ብገመድ ኣሲሮም ናብታ ዓዲ እናኣንተቱ ደሞም ዛሕዛሕ እናበለ ኣዞሩዎም፡ እዚ ኣይኣኽሎምን እዩ ኢሎም ድማ ናብ ፅኑዕ ቤት ማእሠርቲ ኣእትዮም ኃያላት ሓለውቲ ገበሩሎም።

13. ቅዱሳን ሓዋርያት ግን ደሞም እናወሓዘ ከሎ ነዚ ኣብዛ ዓዲ እዚኣ ዘሎ ጣዖት ኣጥፊእካ ነዞም ሕዝቢ እምነትካ ሂብካ ምሕረትካ ኣውርደሎም ዝብል ጸሎት ገበሩ። ኣብቲ ተኣሲሮሙሉ ዝነበሩ ቁሊሕ እንተ በሉ ድማ ምስሊ ጣዖት ስለዝረኣዩ ካብኻ ማየ-ኣይኅ ወጺኡ ነዛ ሃገር እዚኣ ይምላኣያ ኢሎም ብትዕምርቲ መስቀል ዓተቡዎ እሞ ካብቶም ሰባት ሓደ ወጺኡ ዝድኅን ከይርከብ ከኣ ቅዱስ ሚካኤል ክዓግቶም ጸሎት ገበሩ። ከም ልመናኦም ሠሚሩሎም ከኣ ማየ-ኣይኂ ወሪዱ ነታ ዓዲ ክሳብ ዓንቀራ መልኣ። ነቶም ሰብ እታ ዓዲ ድማ ክሳብ ክሳውዶም ወሓጦም። ራዕ.11፡5።

14. ድኅሪ ምውሓጦም ግን እዚ ኵሉ ወሪዱና ዘሎ እኮ በቶም 2 ዝገፋዕናዮም ሰባት እዩ። ስለዚ መታን ክንመሓር ብኣምላኾም ንእመን፡ ኢሎም ብምሉኦም ኣመኑ።





እንደርያስ ሓዋርያ ድማ እምነቶም ምስ ረኣየ ነቲ ውሒጡዎም ዝነበረ ማየ-ኣይኂ ብመስቀሉ ባረኹ ጠጠው ኣበሎ። ካብቶም ዝደኀኑ ደቂ ዓዲ 7 ሰባት ናብቲ ሓዋርያት ዘለውዎ ቦታ ብምኻድ እዚ ሕዝቢ እዚ ብኣምላኽኩም ኣሚኑ እዩ ኢሎም ነገሩዎም። ሓዋርያ እንድርያስ ድማ እቲ ንሓደ ወዱ ንማሕረዲ ኣኅሊፉ ዝሀበ ምስኦም ስለዝረኣዮ እዚ ማየ-ኣይኂ ክሳብ ፈጺሙ ናብ ዝነበሮ ተመሊሱ ዝሓድእ ማለት ዝዝሕል ናብቲ ሰብ እትሓርዱሉ ዝነበርኩም ቦታ ንዑናይ ኅለፉ በልዎም። ሓዋርያት ድማ ደድኅሪኦም ሰዓቡዎም።

15. ናብቲ ዝተባህለ ቦታ ምስ በጽሑ ድማ ቅዱሳን ሓዋርያት ጸሎት ገበሩ እሞ ነቶም ብዘይካ ምሕራድ ሰብ ካልእ ሥራሕ ዘይነበሮም 7 ሰባትን ንወዱ ንማሕረዲ ኣኅሊፉ ዝሃበን ምድሪ ተኸፊታ ወሓጠቶም፡ ብድኅርዚ ሓዋርያት እንደገና ጥዑይ ማይ ክዘንም ጸሎት ገበሩ እሞ ጥዑይ (ጽሩይ) ማይ ዘነመ። እቶም ብማየ-ኣይኅ ዝሞቱ ኵሎም ድማ ተንሥኡ። በዚ ነገር እዚ ሓዋርያት ኣብ ልዕሊ ክይኣመኑ ዝጸንሑ ዘርዕይዎ ዝነበሩ መንክራት ናብ እምነት ክርስቶስ መቃራረቢ ደኣ እምበር ናይ ጭከና ክምዘይኮነ እዚ ክረደኣና ይኽእል።

16. በዚ ዝተገልጸ ተኣምራት ድማ እቶም ብሕይወቶም ዝጸንሑን ካብ ሞት ዝተንሥኡን ብሓደ ኮይኖም ናብታ ደም እንድርያስን ማትያስን (ሓዋርያት) ዝፈሰሳ ዓዲ ቤተክርስቲያን ሓነጹላ፡ ነቶም ደቂ ዓዲ ኵሎም ድማ ኣጠሚቆም ሥግኡን ደሙን ሂቦም ሕሙማቶም ፈዊሶም ብእምነቶም ክፀንዑ ንደቆም ደቂ ደቆም ቃል ወንጌል ክነግሩ መኸሩዎም። ነታ ምብላዕ ሰብ ዝነበረትኩም ልማድ ገዲፍኩም ድማ ሰብ ዝበልዖ ጥራይ ክትበልዑ ሓደራ ንብለኩም ኣሎና በልዎም። (ዘሌ.11፡3 ፍጻሜ)።

17. ቅዱሳን ሓዋርያት ካብቲ ዓዲ ክወጹ ከለው እቶም ሰብ እታ ዓዲ ሓደስቲ ኣመንቲ ስለዝኾንና እግሪ ክተትክሉና ምሳና እንተትቕንዩልና ዝሓሸ ኔሩ ኢሎም ለመንዎም። ነዚ ልመና ሓደስቲ ኣመንቲ ድማ ጕይታ ልመናኦም ክፍጸመሎም

ቅዱሳን ሓዋርያት ሓደ ሰሙን ምስኦም ክቅንዩ፣ ነቶም 8 ሰባት ምድሪ ኣፉ ከፊታ ዝወሓጠቶም ድማ ምሕረት ክገብሩሎም ጸዊዑ ነገሮም። ቅዱሳን ሓዋርያት ድማ ኣብ ልቦም ስለዝጸንሐ ቀልጢፎም ጸሎት ገበሩ እሞ ኣተንሥእዎም፣ እቶም ዝተንሥኡ ድማ ናብ እምነት ብጾቶም ስዒቦም ቃል ወንጌል ተቐበሉ።

18. ኣዕማደ ቤተክርስቲያን ሓዋርያት ኣስተምህሮኦም ምስ ኣተኻኸሉ ነቶም ኵሎም ኣመንቲ ብሰላም ተፋነውዎም። ሥራሕ ስብከተ ወንጌሎም ንምቕጻል ድማ ናብ ዘይበጽሕዎ ክበጽሑ ካብታ ዓዲ ወጺኦም ከዱ።

## ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ማትያስ ሓዋርያ ናይ ይሁዳ መተካእታ ኮይኑ ምስ 12 ሓዋርያት ስለዝተቑጽረ ዕንጨይቱ ንሃገረ በላዕተ ሰብ ስለዝበጽሓቶ ምስ ሓዋርያ እንድርያስ ብኅብረት ስብከተ ወንጌሉ ኣብ ዝብጻሕ ምስ ኣብጽሐ ኣብ እዋን ዕረፍቱ ንደማስቆ ሶርያ ከደ። ኣብ መጀመሪያ ስብከቱ፣ ነቶም ሰብ እታ ዓዲ ከስተምህሮም እንከሎ ንምንታይ እግዚኣብሔር ዝኣከል ፈጣሪ ገዲፍኩም ንፍጡር እምኒ እተምልኹ? ሕጂ እውን ዘረባይ ሰሚዕኩም ናብ ሰማይን ምድርን ኵሉ ፍጥረትን ዝፈጠረ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእማን እዩ ዝጠቕመኩም ኢሉ ሰበኸሎም።

2. እቶም ብጕኒ ኮይኖም ጽን ዝብሉ ዝነበሩ ደቂ ዓዲ ድማ እዚኦም ደኣ ካብቶም 12 ሰባት ንዓለም ክህውኹዋ ዝተላእኩ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ዝፈላልዩ ዕሉላት መሠርያን እንድዮም ንኹዞም ንኹዞም ኢሎም ተቐዳዲሞም ንማትያስ ኂዞም ኣ- ፅኒዖም ኣሠሩዎ።ብድኅርዚ ድማ ምእሣር ጥራይ ኣይኣኽሎን እዩ ኢሎም ኣብ ሓዲግ ዓራት ሓዊን ኣቐሚጦም ብትሕቲኡ ሓዊ ኣጕዶም ገዲፎሙዎ ከዱ። እንተኾነ ኣብ ሳልሥቱ መጺኦም ሕጅስ ሓሪሩ ሓመድ ሓሙኹሽቲ ኮይኑ ክጸንሓና





እዩ ኢሎም መጺኦም እንተ ረኣይዎ፣ ሥግኡስ ይትረፍ ክዳኑ እኳ ከይተንከዮ ቁሊሕሊሕ ክብል ረኸቡዎ።

3. ካባታቶም ነዚ ተኣምራትዚ ምስ ረኣዩ ኣመኑ። ንሱ ግን ን318 መዓልታት ዝኣክል ናብታ ዝኣሠሩዎ ዓራት ሓዊን ቀነየ፣ እቲ ንማትያስ ከንድዶ ተባሂሉ ዝተኣጕደ ሓዊ ድማ ከይጠፍኣ 25 መዓልቲ ቀነየ። እቶም ከም ወርቂ ክፍትንዎ ዝቐነዩ ምንም ከንድዶ ስለዘይከኣለ ከም ሓደ ሕጻን ድማ መልክዑ ተሓዲሱ ተኰሊዑ ብምርኣዮም ካብቲ ነበልባል ሓዊ ኣውጽእዎ። ዳንኤል 3፡26።

4. ብድኅርዚ ኵሎም ብዘይካ ሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማይ ይኹን ኣብ ምድሪ ካልእ ኣምላኽ የልቦን ኢሎም ኣመኑ። ማትያስ ከኣ ነቲ ኵሉ ኣብ ልዕሊኡ ዝፈጸምዎ ክፍኣት ኅድገት ጌሩ እምነቶም ብምቕባል እምበኣርከስ እምነትኩም መታን ፍጹም ክኸውን ኣማልኽትኹም ዘለውዎ ምኵራብ ምስ ትኅዝትኡ ናብ ባሕሪ ደርብዩዎ ስለዝበሎም ከም ዝበሎም ናብ ባሕሪ ደርበይዎ።

5. ማትያስ ሓዋርያ ድማ ናብታ ዓዲ ቤተ ክርስቲያን ኣሕኒጹ ነቶም ኣመንቲ ኵሎም ናብታ ዝተሓንጸት ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን። ኣጠሚቑ ካብኦም ብሰላም ተፋንዩ ፍልዕ ዋን ናብ እትበሃል ዓዲ ምስ ከደ ብሽምግልና ዓረፈ።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



"እምነትኩም ፍጹም መታን ክኸውን፣
ንጣኦታትኩም ናብ ባሕሪ ደርብይዎም።"

ሰላም እብል ለዘተኀርየ ወተፈቅረህየንተ ይሁዳ
ይትኀለቍ ምስለ ሓዋርያት ኅቡረ
ከዊና ማትያስ በላዕለ እኩያን ኄረ።
ሥጋሁ ቅዱስ መጠዎሙ ወደሞ ክቡረ
ህየንተ ዝንቱ ሤሰይዎ ከመ ላሕም ሣዕረ።
ስንክሳር 8 መጋቢት ተመልከት



# ምዕራፍ 13
# ገድለ ጳውሎስ ሓዋርያ

ሓዋርያ ጳውሎስ ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ 5 ዓመት ተወሊዱ፣ ኣብ 37 ዓ.ም. ወዲ 32 ዓመት ኪኸውን ከሎ፣ ብክርስቶስ ኣሚኑ ብሓናንያ ተጠሚቑ። ንጊዜኡ ድማ ስብከተ ወንጌል ብደማስቆ ጀሚሩ ን42 ዓመት ኣስተምሂሩ። ኣብ 74 ዕ ድሚኡ 5 ሓምለ 61 ዓ.ም. ሰማዕትነቱ ኣብ ሮሜያ ፈጸመ።

## ትርጕም ስሙ

ሀ- ብብሉይ ዝተጸውዓሉ ስም ሳውል እዩ፣ ትርጕሙ ከኣ ውሁብ ሃብተ እግዚኣብሔር ፈዳይ ሕነ ማለት እዩ።

ለ- ብሓዲስ ዝተጸውዐሉ ድማ ጳውሎስ ኪኸውን እንከሎ፣ ትርጕሙ ብርሃን ማለት እዩ። በዚ ስም እዚ መጸዊዒኡ ድማ ሠርግዮስ ዝተባህለ ሹም ናይ በርያሱስ ዓይኒ ከጥፍእ ናቱ ዓይኒ ልቦናኡ ብትምህርቱ ከብርህ ምስ ረኣየ ንኣይ ኣቦይን ኣደይን ጳውሎስ (ብርሃን) ኢሎም ስም ኣውጺኦሙለይ እዚ ስም እዚ ድማ ብትምህርትኻ ዓይኒ ልቦና እተብርህ ንስኻ ስለዝኾንካ ጳውሎስ ምባልሲ ንኣኻ እዩ ዚግባእ ኢሉ ዘበርከተሉ ስም እዩ፣ ከምኡ እውን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ ካልኦት ልሣነ ዕፍረት ምዑዘ ልሣን መርሀ ዕውራት ኢሎም ዚቐጽሉሉ ቅፅል መጸውዒ ኣለዎ፣ ጐይታ ግን ኣቐዲሙ ምሩፅ ኣቕሓ ኢሉ ኣጠሚቑዎ ሰምይዎ ኔሩ። ግሓ.13፥47፣ ግሓ.9፥3-19 ግሓ.26፥18።

## ብክርስቶስ መእመኒኡ ምኽንያት፣

1. ቅዱስ ጳውሎስ ሕይወትየስ ኀልቀት ወበሕይወተ ክርስቶስ ሀሎኩ፣ ኣብ ምባል ከይበጽሐ እንከሎ ብክርስቶስ ንዝኣመኑ ከእሥር ንደማስቆ ክኸይድ ከሎ ከምቲ ዓሞፅ ነቢይ ኣብ ትንቢቱ እግዚኣብሔር ምሥጢሩ ንነቢያት ከይነገረ ዝገበሮ

ነገር ኣይነበሮን ዝበሎ መንፈስ እግዚኣብሔር ናብ ኢሳይያስ ነቢይ ጎዲሩ ክዛረብ ከሎ ረሰይኩከ ብርሃኖሙ ለኣሕዛብ ከመትኩኖሙ ሕይወቶሙ እስከ ኣጽናፈ ምድር ክሳብ ጫፍ ምድር ንዘለው ኣሕዛብ ናይ ሕይወቶም ድኅነት ምእንቲ ክትኸውን መምህሮም ገበርኩኻ ዝበሎ ቃል ኣብ ጳውሎስ ኪፍጽሞ ክደሊ እንከሎ ጐይታ ብጕርሑ ጳውሎስ ብገርሁ ኣብ መንገዲ ደማስቆ ምስ ተራኸቡ፣ ተቐይሙ ዝጸንሐ ጐይታ ብናይ ክብሩ ብርሃን (መብረቕ) ጌሩ ስለዝገሰጾ፣ ሳውል ናብ ምድሪ ወዲቑ እንዳኣንገርገረ ከሎ፣ ሳውል! ንምንታይ እተሳጉጐኒ? ዝብል ቃል ካብ ሰማይ ድምጺ ሰምዐ እሞ፣ መን ኢኻ ንሰኻ በለ፣ ጐይታ ድማ ኣነ ኢየሱስ ናዝራዊ እየ ኣብ ልዕሊ ብልሒ ሰይፊ እንተረገጽካ ንርእሰኻ እዩ ዚጐድኣካ በሎ። ሳውልውን ኣብታ ሰዓት እቲኣ ከይተጠራጠረ ነታ ቀዳመይቲ ኦሪታዊት ልሳኑ ኣልዝብ ኣቢሉ፣እምበኣርከስ ክገብሮ ዝግባኣኒ ንገረኒ ኣብ ምባል በጽሐ። ጐይታ ድማ ካብ ሕጂ ምሩፅ ኣቕሓ ጌረካ እየ እሞ ንነገሥተ ኣሕዛብን ደቂ እሥራኤልን ወንጌለይ መሃር ኢሉ ምስ ገለጸሉ ናብ ሓናንያ ከይዱ ብክርስቶስ ኣሚኑ ተጠመቐ። ግሓ.9፣18፤ 9.3-9።

2. ንጊዙኡ ድማ ደቂ ማኅበሩ ዝነበሩ ኣይሁድ ገለ ከይብሉኒ ከይበለ ዓይኑ ሰም ኣቢሉ ኣብታ ዋና ከተማ ሶርያ ደማስቆ ዝርከባ ናይ ኣይሁድ ቤተ ጸሎት እናኣተወ ኢየሱስ ወዲ ሕያው እግዚኣብሔር እዩ ኢሉ መስከረ። ኣብ መንግሎ ኣስተምህሮኡ ድማ ንሓዋርያነት ትበቅዕ ኢኻ ኢሉ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ዘፅንዓኒ እግዚኣብሔር ኣመስግን ኣሎኹ። ከይኣመንኩ ከሎኹ ብዘይ ፍልጠት ስለዝገበርኩዎ ድማ ምሕረት ገበረለይ እናበለ ኣመስገነ። (1ጢሞ.1፣12-13 ገላ.1፣13 ዓሞፅ 12፣7 ኢሳ.49፣5-7) ተልእኮ ሓዋርያ ጳውሎስ ብሰፊሑ ናብ መልእኽታቱን ግብረ ሓዋርያትን ስለዝተገልጸ ምድጋሙ ዘድሊ ኣይመስልን። ብሓጺሩ ግን ቅዱስ ጳውሎስ 42 ዓመታት ድኅሪ ወንጌል ምስትምሃሩ ካብዛ ዓለም እዚኣ ዝግዕዘላ ዕዋን ቅርብ ቅርብ እናበለት ምስ መጸት ከምዚ ዚስዕብ ቃል ፈነዋ ተዛረበ።





## ቃል ፈነዋ ኅሩይ ጳውሎስ

1. ንዋይ ኅሩይ ጳውሎስ ነቶም ትምህርተ ወንጌል ንምስማዕ ከቢቦሙዎ ዝነበሩ ምእመናን ብሃይማኖቶም ክፀንዑ ሓደራ እናበለ ከባራትዮም ከሎ ሕይወተይ ኣብዚ ሕጂ ተዘርጊሑ ዝጽበየኒ ዘሎ ናይ ሞት መጻወድያ ተታኂዘ ኩተርፍ ዘይኮንኩስ ንዘለዓለም ሕያው እየ። ዮሓ.10፣28።

2. ኣነ ኣገልግሎተይ ክሳብ ዚፍጽምን እቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝሀበኒ ዕዮ ክሳብ ዝውድእን ንሕይወተይ ኣይንሕፋን እየ፣ ከም ክብርቲ ጌረ እውን ኣይርእያን እየ፣ ኣገልግሎተይ ድማ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ ምስባኽ እዩ እናበለ ገጹ ናብ ኔሮን ምልስ ኣቢሉ ክሳደይ ኪቖርጹ እንተደኣ ትእዝዝ ኮይንካ እውን ብድኅሪ ምቍራጽ ርእሰይ እንደገና ክርእ እየ፣ ሕያው እምበር ምውት ኣይኮንኩን ኢሉ ብቖራፅነት ተዛረቦ።

3. ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን ድኅሪ ሰማዕ ትነቶም ሕይወት ለቢሶም ናይ ብርሃን ኣክሊል ናብ ርእሶም ደፊኦም ኣልባስ መንግሥት ዝመስል ተጐናጺፎም ምግላጾም ምስቶም ኣብ መዓልቲ ስቕለት ጐይታ ተንሢኦም ብድኅሪ ትንሳኤ ዝተራእዩ ንምቍጻሮም ዘተኣማምን ደኣ እምበር ዘጣራጥር ኣይኮነን። 2ጢሞ.4፣7 ዮሓ.14፣18 ዮሓ.11፣25። ጨካን ኔሮን ግን ወተሓደራቱ ጸዊዑ ቀልጢፎም ክሳዱ ኪቖርጽዎ ኣዘዘ ፊሲጦስን ሊቆስን ዝተባህሉ ልኡኻቱ ናብ መቕተሊ ቦታ ኪወስድዎ ከለው እዚ ኵሉ መከራ እትቕበሉሉ ዘሎኹም ኣምላኽና እትብልዎ ደኣ ኣበይ ኣሎ? ነዚ ዘይከውን ድዩ? እናበሉ የላግፁሉ ነበሩ። ቅዱስ ጳውሎስ ግን ኣንቱም ስሕተት ዝተቐነተኩም ሕጂ እውን እንተትምለሱ ምሓሸኩም፣ መሊስኩም ድማ ንጉሥኩም ደኣ ኣበይ ኣሎ? ትብሉ ኣሎኹም፣ ኣይትተሃወኹ ደኣ እምበር ንሱስ ከይበልኩምዎ ኪመጸኩም እዩ ኢሉ ዕለተ ሞቶም ሓበረሎም።

4. ንሳቶም ግን ዘረባኡ ስለዝተረድኦም ንሓድሕዶም ትጥምምት ኣቢሎም ኣብ እምነትካ ክንኣቱ ነኣኻ ድማ ናብ ዝደሌኻዮ ክትከይድ ክንፍንወካ ናብ ምባል በጽሑ። ቅዱስ ጳውሎስ

ግን ኣነ ከይቅተል ኢለ ካብ ኢድኩም እንተፈኖኹሙኒ ካብ ሥልጣን እግዚኣብሔር ዝኀባኣሉ ቦታ የብለይን። ከምኡ እውን በዚ ሕጂ ተዳልዩለይ ዘሎ ፅዋዕ ሞት ሞይትካ ዝትረፍ እንተ ዝኸውን ክነብር ኢለ ምሳኹም ስምምዕ ጌረ ምኸድኩ ኔረ፡ ነገር ግን ንናይዚ ዓለም እዚ ሞት ደስ እናበለኒ እየ ዝቕበሎ በሎም።

5. እቶም ሹመኛታት ንጉሥ ድማ ስማዕ እስኪ ምስ ሞትካ ብሕይወት ክነብር እየ ማለትካስ እዚ እትዛረቦ ዘሎኻ እምበርዶ ትፈልጦ ኣሎኻ? ድኅሪ ሞት ሕይወት ኣሎ ማለትካስ ዘይእመን እዩ በልዎ። ከምዚ ኢሎም እናተኻትዑ ከለው ከኣ ሞት ጳውሎስ ክብሠር ክጽበ ዝጸንሐ ኔሮን ስለዝደንጎዩ ወተሓደራቱ ጸዊዑ ሕጂ ኬድኩም ሞት ጳውሎስ ኣረጋጊጽኩም ምጽኡ፡ ኢሉ ዝለኣኾም ወተሓደራት ደበኽ በሉ።

6. ቅዱስ ጳውሎስ ግን ዝመጸ እንተ መጸ ልቡን ቀልቡን ነታ ዝጽበያ ዝነበረ ሰማያዊት ኣክሊል ንምጭባጥ ኣንቃዕ ሪሩ ንሰማይ ይጥምት ስለ ዝነበረ፡ ነታ ብልሒ ሰይፊ ርእሰኻ ኣድንን እትብል ትእዛዝ ሰይፊ ክትቃላጠፊሉ ሓረር ይብል ነበረ።

## ምስክርነት ዕረፍተ

1. ቅዱስ ጳውሎስ ነቶም ልኡኻት ንጉሥ ምስ ረኣዮም ዝመሳሰሎም ነገር ስለዘይብሉ ብኣንጻሩ ብእግዚኣብሔር ኪኣምኑ ኣረድኦም። ንሳቶም ግን ልቦም ተሪሩ ስለዝነበረ፡ ንሸኻ ሕጂ ሕጂ ክትመውት ኢኻ እንተድኣ ተንሢእካ ከኣ ትንሣኤኻ ምስረኣና ንኣምን በልዎ። ካብኡ ተፈልዮም ከኣ ናብቲ ንጉሥ ከይዶም እዚ መስሓቲ ሥርሑ ኣይኀደገን ዘሎ፡ ሕጂ እውን ነቶም መዋዕልትኻ ኪስጠስን ሊቆስን ከይተረፈ እምነቱ ከረድኦም ከሎ ረኺብናዮ በልዎ።

2. ሓፀይ ኔሮን ድማ ትቕብል ኣቢሉ ወረ ጽንሕ ኢሉስ ካልእ ክገብር እዩ ኢሉ፡ ሓደ ሰያፊ ጸዊዑ ሕጂ ክሳዱ ቁረጾ ኢሉ





ወተሓደር ሰደደሉ። ቅዱስ ጳውሎስ ግን ኣቐድም ኣቢሉ እመሰዐ ዐመፅኩ ወቦ እኩየ ዘገበርኩ በዘ እመውት ኢይትሃከይ መዊተ ኢሉ ናይ ሥጋ ሞት ከም ዘየፍርሆ ደው ኢሉ ሰቢኹሉ ስለዝነበረ፡ ነቲ ሰይፊ ዓቲሩ ዝመጸ ወተሓደር ነዚኣ ደሊኻ ዲኻ መጺእኻ? ኢሉ ክሳዱ ምስ ኣቕንዓሉ ሓደ ሰዓት ዚኣክል ወስ ከይበለ ጸንሐ፡ ምኽንያቱ ድማ ደንጊጹሉ ዘይኮነስ፡ እቲ ሰያፊ ወተሓደር ከይፈለጣ ዝጸንሐት ደም ብዝሒ ስለዝተሳዕለቶ፡ ኢዱ ቀጥቀጥ እናበለት ምእዛዝ ስለዝኣበየቶ እዩ። (ገድለ ያዕቆብ ወ/ዘብድዮስ፡ ገ. ማቴዎስ፡ ገ. ሉቃስ፡ ተመልከት)

3. ሰምዕትነቱ እትፍጸመላ ሰዓት ምስ በጽሓት ሉቃ.22፡53 ግን ኢድ እቲ ሰያፊ ቀጥ ስለዝበለት ክሳዱ ቈረጾ። ካብ ክሳድ ቅዱስ ጳውሎስ ድማ ጸባን ደምን ወጺኡ ነቲ ሰያፊ ለኸዮ። እቲ ሰያፊ ከኣ ዝረኣዮ ኵሉ ነቲ ንጉሥ ምስ መኳንንቱ ነገሮም። በታ ዕለት እቲኣ ሰዓት 8 ናይ ንጉሆ ምስ ኮነ ከኣ፡ ኔሮን ኣብ ዘለዎ ከይዱ ኣነ ጳውሎስ ንሸኻ ዘቕተልካኒ እየ፡ ሞይተ ዝተረፍኩ ከይመስለካ እኜኹ ኣይሞትኩን፡ ካብ ወገንካ ከኣ ብዙኃት ኣብ ስም ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእሚነ እየ። ስን. የካቲት፡ 25 ተመ.።

4. ንሸኻ ግን ናይ ብዙኃን ጻድቃን ደም ስለዘፍሰስካ ድኅሪ ቊሩብ መዓልቲ ከቢድ መከራ ኪበጽሓካ እዩ ኢሉዎ ተሰወረ። ንጽባሒቱ ድማ ካብቶም ብክርስቶስ ስም ዘኣመኑ 5 ዝኾኑ ሰባት ናብ መቓብር ቅዱስ ጳውሎስ ምስ ከዱ፡ ሉቃስን ቲቶን ኣብ ማዕከሎም ድማ ቅዱስ ጳውሎስ ጠጠው ኢሎም ኪጽልዩ ጸንሕዎም። ሉቃስን ቲቶን ድማ ነቶም ሓደስቲ ኣመንቲ ምስ ረኣይዎም ፈርሁ።

5. እቶም ሓደስቲ ኣመንቲ ግን ንሕናስ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነገረና ቃል ሃይማኖት ክትነግሩና ኢልና ኢና መጺእና እምበር ብኻልእ ክፍኣት ኣይመጻእናን ኢሎም ስለዘረድእዎም ግን ቅዱሳን ሓዋርያት ሉቃስን ቲቶን ኣስፊሖም ቃል ወንጌል ገለጹሎም። ጸሓፊኡ ሉቃስ ስን.22 ጥቅምቲ ተመልከት።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



"ድሕሪ ሞተይ ክርአ ኢየ ትብልሲ ኣሎኻ፣ ንሕና ኸኣ ትንሳኤኻ ምስ ረአና ብኣምላኽካ ንኣምን።"

ሰላም ለጳውሎስ ሃይማኖተ ክርስቶስ ዘአግሐደ
ኣመ ኣቀኈሰልዎ በሰይፍ ወመተርዎ ክሳደ
ከመ ያግብእ ሕዝበ ህየንተ ቀዳሚ ሰደደ
በላዕለ ኣብዳን ተመሰለ ኣብደ
ወለኣይሁድኒ ኮኖሙ ኣይሁደ

ሰላም ለጴጥሮስ ወለጳውሎስ ሱታፉ
እም ሥራሐ ዓለም ክቡድ ዕለ ኣዕረፉ
ኣልባሰ መንግሥት ሠናየ እንዘ ይትዓፀፉ
ኀበ ተርኂወ ገነት ወኀበ ዕፍረታት ተነፅፉ
ቅድመ ኣሐቲ ወለት ኀቡረ ኃለፉ።



# ምዕራፍ 14
# ገድለ ማርቆስ ሓዋርያ

ማርቆስ ማለት፣ ማሳ፣ ንህቢ፣ ኣንበሳ፣ ካህን፣ ልኡኽ ማለት እዩ። ሃገረ ስብከቱ ግብፅ ብቋንቋ ሮማይስጥ ወንጌል ዝጸሓፈሉ ድኅሪ ዕርገት ጐይታ 11 ዓመት 44 ዓ.ም. ቊጽሩ ምስ 72 ኣርድእት ሉቃ.10፥1 ዕረፍቱ 30 ሚያዝያ 66 ዓ.ም.።

1. ሓዋርያ ማርቆስ ነታ ብዕጫ ውድቕ ዝበዝሓቶ ግብፅ ደስ ኢላቶ ተቐበላ። ናብኣ ምስ ከደ ድማ ነቶም ምስልን ኣማልኽትን ከምልኹ ምኩራብ ጣዖት ክሠርሑሎምን ዝጸንሕዎ ንሉንያን ወርቅያን ጣዕንቄን ገዲፉ ናብታ ኣዝማዱ ዝርከቡላ ባርቃ እትበሃል ዓዲ ኣትዩ።

2. ንጊዚኡ ቃል ወንጌል ነገሮም። ብዙኅ ተኣምራት ከኣ ገበረ ካብ ሕሙማት ኣጋንንት ኣውጺኡ ሕሙማት ፈወሰ። ጽሙማት ኣስምዔ። በዚ መንክራት እዚ ድማ እቶም ጣዖት ዘምልኹ ዝነበሩ ምስልታቶም እናሠባበሩ ብክርስቶስ ነኣምን ኢሎም ብኢድ ቅዱስ ማርቆስ ሓዋርያ ተጠመቑ። ንጊዚኡ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ተገሊጹ ንእስክንድርያ ከይዱ ወንጌል ክሰብኽ ኣመልከተሉ። ቅዱስ ማርቆስ ድማ ምስቶም ምእመናን ተፋንዩ ከደ።

3. ንእስክንድርያ ምስ ከደ ንቅድም ሓደ ሰፋይ ኣሳእን ሰብ ረኺቡ ምሂሩ ምስ ኵሎም ቤተሰቡ ኣእሚኑ ኣጠመቖም። ኣመንቲ ስለዝበዝኁ ከኣ እቶም ሰብ እታ ሃገር እዚ ናብ ዓድና መጺኡ ዘሎ ገሊላዊ ነዞም ኣማልኽትና መባዕ ከይወሃቡ እንዳከልከለ ኣምልኾኦም ከልኪሉዎም ኢሎም ንኽቐትልዎ ክሲ መሥረቱሉ። ሓዋርያ ማርቆስ ግን ምኽሮም ፈሊጡ ንኣትያናስ ዝተባህለ ኤጲስቆጶስ ንምልዮስን ቆርዮስን ሞሪስን ዝተባህሉ ድማ ክህነት ሸይሙ ካልኦት 7 መዓርገ ዲቁና ኂቡ 12 ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ሸመሎም።

4. ካብኡ ቀጺሉ ናብታ ቅድም ዝነበራ በርቃ እትበሃል ዓዲ ተመሊሱ ኤጲስቆጶሳት ሸመሎም እንደገና ከኣ ንእስክንድርያ ምስተመልሰ ኣመንቲ በዚሖምን በርቲዖምን ጸንሕዎ እሞ፣ ናብ ወሰን ባሕሪ ቤተክርስቲያን ኣሥርሐሎም።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ናይ ቅዱስ ማርቆስ ካልኣይ ንእስክንድርያ ምምላሱ ዝሰምዑ መምለኽቲ ጣዖት ጎኒዞም ናብ ፈቐዶ መንገዲ ከም ሰራው ኣጓስሥዎ። መሊሶም ድማ ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣእተውዎ። እንተኾነ ኣብቲ ቤተ ማእሠርቲ መልኣከ እግዚኣብሔር እንዳመጸ የፅናንዖ ነበረ። ግሓ.12፥7። እቶም ከሰስቱ ድማ ከም እንደገና ካብ ቤት ማእሠርቲ ኣውጺኦም ኣብ መንገዲ ጓሰስዎ።

2. ብድኅርዚ ደሙ ወዲኡ ኣዕረፈ። እቶም ዝጓስስዎ ዝነበሩ ሙማቱ ምስ ፈለጡ ከኣ ምእመናን መጺኦም መታን ከይቀብሩዎ (ኣሠሩ ከይርከብ) ሓዊ ነንድዶ ኢሎም መደብ ምስ ኣውጽኡ፣ ንጊዚኡ በታ ዝዓረፉላ ዕለት ወጊሓ ክሳብ እትዓርብ ብርቱዕ ቁርን በረድን ነጉድን ክወርድ ወዓለ።

3. በቲ ዝወረደ መዓት ድማ ብዙኅት ዓበይቲ ዓዲ ሞቱ፣ እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ ከኣ ተበታቲኖም ጠፍኡ። እዚ ኵሉ መንክራት ክግበር ከሎ፣ ብወሰን ኮይኖም ዝርእዩ ዝነበሩ ምእመናን ግን ንሥጋ ቅዱስ ማርቆስ ግቡእ ጸሎት ጌሮም ብንጹሕ ዓለባ ገኒዞም ኣብ ምብራቕ እታ ዓዲ ቀበርዎ።

ጸሎቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን
ይኹን ኣሜን።







*“ምእመናን (ቀበርቲ) መታን ከይረክቡ፡ብሐዊ ነንድዶ።”*

ሰላም ለማርቆስ ለማርያም ዕጓላ
ዘስሓብዎ በሓብል ውስተ ዐፀደ ላሕም ከመዳቤላ
አመ አውዕዮቶ ፈቀዱ ለእሳት በነበልባላ።
ዝናም ወኣስሐትያ ኣጥፍኡ ማዕበላ።
ወመብረቅኒ ለሥጋሁ ከለላ።
ስንክሳር 30 ሚያዝያ ተመልከት።

# ምዕራፍ 15

# ገድለ ሉቃስ ሓዋርያ

ሉቃስ ማለት ነፀብራቕ ብርሃን ዓቃቤ ሥራይ (ሓኪም) መሠረት፡ ተንሣኢ ማለት እዩ። ትውልዱ ኣንጾኪያዊ (ድልማጥያ) ብቋንቋ ዮናኒ ወንጌል ዝጸሓፈሉ ዘመን ድኅሪ ዕርገት ጐይታ 21 ዓመት 54 ዓ.ም. ቍጽሩ ካብ 72 ኣርድእት ዕረፍቱ 22 ጥቅምት ምሉእ ዕድሚኡ 84 ዓመት።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ዕንጨይቲ ውድቕ ኣብ ዝገበሩሉ መዓልቲ ንቅዱስ ጴጥሮስ ሮምያ ስለዝበጽሓቶ ቲቶ ካብ ገሊላ ሉቃስ ካብ ድልማጥያ ናብኡ ከዱ። ኔሮን ንቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ምስ ኣቕተሎም ሉቃስ ካብታ ኔሮን ዝቕመጠላ ዝነበረ ከተማ ተኣልዩ ወሰን ወሰን እናበለ ኣብተን ኣውራጃታት ሮምያ የስተምህር ነበረ። ማተ.10፡23 ቈላ.4፡14።

2. ብስብከተ ወንጌሉ ድማ ብዙኅት ስለዝኣመኑ፡ ሕሙማት ዕውራት ሓንካሳት ለምጻማት ካልእ በቢዓይነቱ ሕማም ዝኃዞምን ናብኡ እናቐረቡ ተፈወሱ። በዚ ተኣምርዚ ድማ ኵሎም ተጠመቑ፡ ንሱ ድማ ብዝኆምን እምነቶምን ርእዩ ቤተክርስቲያንን መካነ ምእመናንን ኣሥርሓሎም። እንተኾነ ንሓደ ገባር ሠናይ ጸላኢ ስለዘይሰኣን እቶም ካብ ናይ ቤተ ምኵራብ ጣዖት ዝውሃብ መባዕ ተመጊቦም ዝናበሩ ዝነበሩ ካህናተ ኣይሁድ ዘለውዎም ናብ ምኵራብ ተኣኪቦም ነቶም ኣማልኽቶም ሽሊሞም ዓበይቲ ዓዲ ጸዊዖም ኣኼባ ገበሩ።

3. እቲ ኣኼባኦም ድማ ብዛዕባ ሉቃስ ስለዝነበረ፡ ኣብ ምጅማር ዘረባኦም በሉ ሕጂ መኣከቢና ኣይትስሕትዎን ትኾኑ ብዛዕባ እዚ ሉቃስ ዝብልዎ ክኸውን ከሎ፡ሓደ ዘረድእ ደው ኢሉ ክዛረብን ከረድእን ዝኽእል ሰብ ወዳእ-ነገር ዝኾነና ንምረጽ ኢሎም ስለዝተሰማምዑ፡ ተዛሪቡ ዘየዳግም ሓደ ኪላስ ሰሰሰ ኸኣኢ ካህናት መሪጾም ኣተንሥኡ። ንሱ ድማ ከምዚ ዚስዕብ መግለጺ ገበረሎም።





ክኢላ ሰብ ካብቶም 12 ሓዋርያትን 72 ኣርድእትን ኣብዚ ሃገርና ኣትዮም ንብዙኃት ሰባት ናብ እምነቶም ኣእትዮም ከም ዘለው እሙን ነገር እዩ። ስለዚ ስቕ ኢልና ከይንርእዮም ትምህርቶም ቅኑዕ ኣይኮነን። በቲ ትምህርቶም ቅኑዕ ዘይምኧኑ እኳ ኔሮን ንጉሥ ካብኣታቶም ዝቐተለሎም ኣለው።

4. እዚ ሕጂ መልዓል ዘረባ ኮይኑና ዘሎ። ድማ ሉቃስ ዝተባህለ ሓዋርያ ብጸቱ ክቕተሉ ከለው ተኀቢኡ ግዲ ተሪፉ ኮይኑ እምበር ሞት ኣይምተረፎን ኔሩ። ሕጂ ግን እዚ ኵሉ ዝገብር ዘሎ ንሱ ሉቃስ ስለ ዝኾነ፡ ዝገበርና ክንገብሮ ኣሎና ኢሉ ነቶም እኩባት ሰባት እወ እወ ሓቁ ኣበሎም። (ድኅሪ ለባም ኣይትመድር ከምዝብሉ ገበሮም)

5. ኣብዚ መንገo እዚ ንሓድሕዶም ክረዳድኡ ኢሎም እዚ ሉቃስ ዝበሃል ሰብ ብስም ኢየሱስ ዝሰብኽ ዘሎ ኢሎም ስም ኢየሱስ ኣልዕል ኩብሉ እንከለው ጣዖታቶም ካብ መናብሮም እንዳተነጸሉ ነቲ ንኽብሮም ተባሂሉ ጋሪዱዎም ዝነበረ መጋረጃ ተተነጺፎም ወዲቖም ተሰባበሩ። እቶም መልዓልቲ ነገር ግን ኣብ ክንዲ ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝተገብረ ተኣምር ርእዮም ዚኣምኑ ናብ ኔሮን ከይዶም ካብቶም ኣርድእተ ክርስቶስ ኢና ዝብሉ ሓደ ሉቃስ ዝተባህለ ብሥራዩ ጌሩ ነዞም ኣማልኽትና ሠባቢሩዎም ኢሎም ነገሩዎ።

6. ንጉሥ ኔሮን ድማ ነቶም ብስም ኢየሱስ ዝሰብኩ ደኣ ቀቲለ ወዲአዮም እንድየ ምናልባት ከኣ ሉቃስ ዝበሃል እንተ ኮይኑ እንድዒ በለ እሞ ካብቶም ወረ ዘብጽሑ ሓደ ትቕብል ኣቢሉ፡ እወ ጐይታይ ንሱ እዩ ኢሉ መልኣሉ። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ከይሓፈረ ናብ ዓድና መጺኡስ ዕውራትን ሓንካሳትን ጸማማትን ከይተረፈ የሕዊ ኣሎ ኢሉ ከይተፈለጠ ነታ ሕሙማት ፈዊሱ እትብል ዝተዋህበቶ ሥልጣኑ ብምሕሳው ኣምሲሉ መስከረሉ። ማቴ.10፡8።

7. ጸላእ ሠናይ ኔሮን ድማ፡ ኣስናኑ እናሓርቀመ መዝ.110፡10። ከንፈሩ እናናኸሰ ሕጂ ኬድኩም ኀዝኩም ኣምጽኡለይ ኢሉ 200 ወታሓደራት ምስ ሓለቓኦም ሰደደሉ። ሉቃስ ግን ኣቐዲሙ እዚ ከምዝመጾ ስለዝፈለጠ ነተን መጻሕፍቱ ኵለንኣኪቡ ንሲላሥ ኅቢኡ ኣረከቦ። ብድኅርዚ ንጊዚኡ

እቶም ወታሓደራት ኔሮን መጺኦም ንሉቃስ ጊዜም ናብ ኔሮን ኣብጽሕዎ። ኔሮን ድማ ርእዩ ምስ ኣበሎ ንሰኻ ዲኻ ብትምህርትኻ ንሃገርና እተጥፍእ ዘሎኻ? ብሥራይካ ድማ ንኣማልኽትና ሥልጣን እትኽልኦም ዘሎኻ? ኢሉ እንዳ ኣፈራርሐ ሓተቶ።

8. ሉቃስ ድማ እንተ ሥራይ ዝብልዎ ኣይፈልጥን እየ። ብስም ኢየሱስ ዝደሌኹዎ ክገብር ስለዝተፈቐደለይ እዋ ዝገበርኩዎ ገይረዮ ኣሎኹ በሎ። እቶም ልኡኻት ኣቐድም ኣቢሎም ስም ኢየሱስ ክዝክር ከሎ እዮም ኣማልኽትና ዝተሰባበሩ ኢሎም ነጊሮምዎ ስለዝጸንሑ ድማ ንሉቃስ ክሓቶ ከሎ ሉቃ.10፥9 ተቐዳዲሙ <u>ኢትዝክር ስሞ በውስተ መንበረ መንግሥትየ።</u> እዛ ኢየሱስ እትበሃል ስም ናብዛ መንበረ መንግሥተይ (ዙፋነይ) ከሎኻ ኣይተልዕለለይ በሎ። ግሓ.4፥17-18።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. እቶም እንታይኮን ይፈርዶ ይኸውን ኢሎም ጽን ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ድማ ካብዛ ዓድና ጥራይ ኣውጽኣልና ኢሎም ጫው ጫው በሉ። ንሱ ኔሮን ግን ካብዛ ዓዲ እዚኣ እንተ ኣውጻእናዮስ ደይ ናብ ካልእ ከይዱ ክሰብኽ እዩ። ዝሓሸትሲ ነታ ኢየሱስ ወንጌል እናበለት እትጽሕፍ የማነይቲ ኢዱ ደኣ ምቁራጽ ትበልጽ ኢሉ ኣዚዙ ኣቍረጾ።

2. ሓዋርያ ሉቃስ ድማ ብድኅሪ ምቍራጽ ኢዱ፥እዞም ምቍራጽ ኢደይ ዝረኣዩ ኣሕዛብ እቲ ዘድኅን ኣምላኽ ኣሎና ዝብልዎስ ኣበይ ደኣ ኣሎ? እንተደኣ ኣልዩስ ንመዓ ስ ደኣ ክኾኖም እዩ? ሥልጣኑ መታን ከይብሉስ፣ ነዛ ዝተቈርጸት ኢደይ ከምቀደማ (ጥዕይቲ) ክትገብራ እልምነካ ኣሎኹ፣ ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ፣ ጥዕያ ከም ቀደማ ኮነትሉ። መዝ.78፥10





3. ኔሮን ኮነ ሰዓብቱ ግን ብሥራዩ እምበር ብቲ ዝተዋህበ ኃይሊ እግዚኣብሔር ከም ዝተገብረ ክኣምኑሉ ኣይከኣሉን። ኣናጦሊ ዝተባህለ መኰንን ግን ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝተገብረ ተኣምራት ምስረኣየ ንሱን 267 ሠራሕተኛታቱን ከይተ ጠራጠሩ ንጊዚኡ ተረዲኦም ብክርስቶስ ኣመኑ። ናይ ፈርያን እምቢትነት ኣባልገ ዝኈዘቶ ኔሮን ግን ኣብ ክንዲ እምነት እቲ መኰንን ርእዩ ዚሰሓብ፣ ነቶም ዝኣመኑን ሉቃስን ብሓንቲ መዓልቲ ማለት ጥቕምቲ 22 ንሞት ፈረዶም።

4. ብፍላይ ድማ ንሉቃስ በታ መዓልቲ እቲኣ ብሰይፊ ክሳዱ ይቈረጽ ኢሉ ኣዘዘ። ብሓደ ሰያፊ ተሰይፉ ድማ ዓ ረፈ። እንደገና ድማ ኣሠሩ ከይርከብን ከይዝከርን ኢሎም ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። እንተኾነ ብትእዛዝ እቲ ንባሕርን ቀላያትን ዝእዝዝ እግዚኣብሔር ማዕበል ኣላዒሉ ካብቲ ዝተደርበዮ እናደፍአ ናብ ወሰን ባሕሪ ስለዘውጽኦ በረኸት ሓዋርያት ተኻፈል ዝበሎ ሰብ ረኺቡዎ ብንጹሕ ዓለባ ገኒዙ ናብ ናይ ምእመናን ዝቐበሩሉ መካነ መቃብር ቀበሮ።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።



<u>"ኢየሱስ ወንጌል እናበለት እትጽሕፍ የማነይቲ ኢዱ ምቁራጽ ይሐይሽ።"</u>

ሰላም ለክሙ ማኅበራነ ሉቃስ ፍንው
ክልኤ ምእት ስሳ ወሰብኣቱ እደው
ምቱራን በሰይፍ ኣምሳለ ዕፀው
ለሲላሥ ሰዓሞ ኣረጋዊ ልብው
ዘመጻሕፍቲሁ ተወክፈ በንጹሕ ኣእዳው።
ስንክሳር 22 ጥቅምት ተመልከት።



# ምዕራፍ 16

# ገድለ ያዕቆብ ሓዋርያ

## (ኀዊ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ)

ያዕቆብ ማለት ትርጕሙ ከም ቀዳማይ ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስ ኮይኑ ሃገረ ስብከቱ ኢየሩሳሌምን ኣውራጃታታን ቍጽሩ ካብ 72 ኣርድእት። ዕረፍቱ ሓምሌ 18/106 ዓ.ም. ዕድሚኡ 120 ዓመት፣ ኀዊ ጐይታ መበሊኡ ኣዲኡ ብሕጻንነቱ ምስ ሞተት ማርያም ድንግል ወሲዳ ምስ ጐይታ ስለ ዘዕበየቶ፣ ኀዊ ጐይታና ተባህለ፣ ከምኡ እውን ብሥጋ ዝምድናኦም ከምዚ ዚስዕብ ስለዝኾነን እዩ።




ማቴ.1፤15-16 (ስንክሳር 18 ሓምለ ተመልከት) ሓዋርያ መበሊኡ ድማ ወንጌል ስለዘስተምሃረ ክኸውን እንከሎ ያዕ ቆብ ወዲ ዮሴፍ ጸራቢ ካብ ኣኅዋቱ ሕሣሥልደ ንፁሕ ድንግል ምኺኑ ጽሑፍ ነጊሩሉ ኣሎ።

1. ቅዱሳን ሓዋርያት ንዓለም ወንጌል ከሥተምህሩ ነናብ ሃገረ ስብከቶም ክኸዱ ዕንጨይቲ ውድቅ ምስ ገበሩ ንያዕቆብ ኢየሩሳሌም ስለ ዝበጽሓቶ ናይ ቀደም ተንኰሎም ዘኪሩ ካብ

ንኣይሁድ ምስትምሃርሲ ነቶም ንእግዚኣብሔር ዘይፈልጥዎ ምሂረ ናብ እምነትካ ምእታዎም እኳ ምቐለለኒ ኢሉ ንክርስቶስ ኣመልከተሉ። ጐይታ ግን ናብ ዕንጨይትኻ ዝበጽሓትካ ኪድ እሞ ቃልካ ተቐባልነት ክረክብ እዩ። ናብኣ ድማ ኤጺስቆጶስ ክትሸየም ኢኻ፡ ዕረፍትኻ ድማ ናብኣ እዩ ኢሉ ኣፀናንዮ። ብድኅርዚ ቃል ጐይታኡ ተቐቢሉ ሓዋርያት ናብ ደብረ ዘይት ተኣኪቦም ከለው ናብ ልዕሊኡ ኣዕዳዎም ዘርጊሖም ኣምላክ ኣኅዜ ኵሉ ስምዐነ ወኀቦ ኀይለ ለያዕቆብ ኢሎም ጸሎት ጌሮም ኤጺስቆጶስ ሸይሞም ካብ ደብረ ዘይት ንኢየሩሳሌም ኣብጽሕዎ።

2. ንጊዜኡ ድማ ስብከተ ወንጌሉ ምስ ጀመረ፡ ስለዝተመሰለሉ ንብዙኅት ኣእመነ፡ እንተኾነ ጐይታ ኣቐዲሙ ብስመይ ስለዝተጸዋዕኩም ብስመይ ስለዘስተምሃርኩም ብዙኃት ክጸልኡኹም እዮም ኢሉ ከምዝገለጸሎም፡ ጸላእቲ ምስ ተላዕልዎ ካብ ኢየሩሳሌም ወጺኡ ኣብ ከባቢኡ ምስ ገዓዘ፡ ሓደ ሽማግለ ሰብ ረኪቡ ናብ ገዛኻ እንዶ ግዳ ኣቐንየኒ በሎ። እቲ ሽማግለ ድማ ንገዝኡ ክወስዶ ፍቓደኛ ኮይኑ ኀቢሮም ክኸዱ እንከለው፡ ጋኔን ዝኀደሮ ሰብ ኣብ መንገዲ ረኸቦም እሞ እቲ ኣብቲ ሰብ ኃዲሩ ዝነበረ ጋኔን ተቐዳዲሙ እንታይ ጌረ እየ ኣብ ዘሎኹዎ ቦታ መጺእካ እትህውኸኒ በሎ። ያዕቆብ ሓዋርያ ግን ብጸሎት ገሥጾ እሞ ካብቲ ሰብ ወጺኡ ከም ትኪ በነነ። ማቴ.8፥5-13።

3. እቲ ምስኡ ዝጸንሐ ሽማግለ ሰብኣይ ከኣ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝተገብረ ተኣምር ርእዩ ኣነስ ከም ኵሉ ተራ ሰብ መሲልካኒ ደኣ እየ ገዛይ ክትቅኒ ሕራይ ዝበልኩኻ እምበር ከምዚ ዝተዓዘብኩኻስ ንኣኻ ዝኸውን (ዘጽልል) ገዛ የብለይን፡ ነኣኻ ዝበቅዕ ገዛ እንተረኸብካ ደኣ ኣናዲ ኢሉ ብትሕትና ተዛረቦ።

4. እንተኾነ ግዳ ኣነ ክገብሮ ዝግበኣኒ ንገረኒ (ኣዝዘኒ) ኢሉ ኣብ ትሕቲ እግሩ ወዲቑ ለመኖ። ያዕቆብ ሓዋርያ ድማ ናብ ገዝኡ ኣትዩ ቃል ወንጌል ምሂሩ ምስ ኵሎም ቤተ ሰቡ ኣእሚኑ ኣጠመቖም። እምነት ናይቶም ዝተጠምቁ





ዝረኣዩ ሕዝቢ ድማ ሕሙማቶም ሓዚሎም እንዳመጹ ኣብ ትሕቲ ሓዋርያ ያዕቆብ ኣቐረቡዎም። ንኵሎም ድማ ፈወሶም።

5. ካብቶም ኣሚኖም ዝተጠምቁ ሕዝቢ ድማ ካህናትን ዲያቆናትን ሸይሙ ወንጌል ጽሒፉ ኣረከቦም። ኣብቲ ኣውራጃ ኢየሩሳሌም ብድኅሪ ምምሃሩ ድማ ንኢየሩሳሌም ተመልሰ።

## ምስክርነት ዕረፍቱ

1. እቶም ናብ ኢየሩሳሌም ኮይኖም ዝጽበይዎ ዝነበሩ ምእመናን ከኣ ምምጽኡ ሰሚዖም እንቋዕ ብደኃን ተመለስካና እናበሉ ንእግዚኣብሔር እንዳኣመስገኑ ናብ ዘለዎ እናኸዱ ይበጽሕዎ ነበሩ።

2. ሓዋርያ ክርስቶስ ያዕቆብ ከኣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ኣብ መወዳእታ ኣገልግሎቱ ጐይታ ናብኡ ኃዲሩ ዝገበሮ መንክራት ዝረኣዩ ሕዝቢ እንዳኣመኑ ተጠምቁሉ። ብድኅርዚ ስብከተ ወንጌል ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሑ ምስ ፈጸመ፡ ሓምለ 18 ብሽምግልና ብሰላም ኣዕረፈ።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።



*<u>“ታራ ሰብ መሲልካኒ ደኣ እየ እምበር፣ ኣብ ቤተይ ክትኣቱ ብቕዓት የብለይን።” ማቴ.8፡8</u>*

ሰላም ለያዕቆብ በኀበ ማርያም ዘተሓፅነ
ዕጓለ ማውታ እምእሙ እምጣነ ውእቱ ኮነ
ዝንቱ ጻድቅ እኁወ እግዚእነ
ኢያብኣ ውስተ ኣፉሁ ሥጋ ወወይነ
ወኢገብረ ሎቱ ክልኤተ ክዳነ።
ስንክሳር 18 ሓምሌ ተመልከት



# ምዕራፍ 17
# ገድለ ዲዮናስዮስ ሓዋርያ

1. ቅዱስ ዲዮናስዮስ ትውልዱ ዕርዓዊ ቀዳማይ ሥርሑ ፍልስፍና ኮይኑ ኣብ ዋና ከተማ ኣቴና ብጥበቡን ብሥፍሃት ኣዕምሮኡን ኣዝዩ ጽውዕ ነበረ። ምኽንያት መጸውዒሉ ድማ ናይቶም መሳፍንትን ጠቢባንን ሊቃውንትን እታ ሃገር ዋና ኣማኻርን ሓለቓን ስለዝኾነ እዩ።

2. ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ እቶም ሊቃውንቲ ናይታ ዓዲ ኣብ መኣከቢኦም ኣርዮስፋጎስ (መካነ ጠቢባን ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ንምምርማር ጥበብ ተኣኪቦም ከለው ዲዮናስዮስ ኣብ ማእከሎም ከሎ ፀሓይ ጸልመተ ምድሪ ኣንቀጥቀጠ። ማቴ.27፡45።

3. እቶም መሳፍትን ጠቢባንን ሕዝብን ፈርሁን ኣንቀጥቀጡን፣ ነገሩ ንምሕታት ድማ ናብ ዲዮናስዮስ ቅርብ ኢሎም እዚ እንርዕዮን እንሰምዖን ዘሎና ማለት ምጽልማት ፀሓይን ምንቅጥቃጥ ምድርንሲ እንታይ ይመስለካ? ኢሎም ሓተትዎ። ዘካ.14፡6-8። ንሱ ድማ መጽሓፍ ፍልስፍናኡ እናተመልከተ እንሆ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ እልመክኑን (ትርጕሙ ኀቡዕ ኣምላኽ) ካብ ሰማይ ወሪዱስ ወገኑ ብጽልኢ ተላዒ ሎሙዎ ኢሉ ገለጸሎም።

4. ብድኅርዚ ቅዱስ ጳውሎስ ድኅሪ ስቅለት ጐይታ 14 ዓመት ንፅርዒ (ግሪክ ወሪዱ) ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ርደቱን ትስብዕቱን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብኅቱም ድንግልና ምላዱን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ካልኣይ ምምጽኡን ምስ ሰበኸሎም፣ እቶም ሰብ እታ ሃገር ተኣኪቦም መጺኦም ናብ ዲዮናስዮስ ከይዶም ሓደ ዘይንፈልጦ ሰብ መጺኡ ሓድሽ ትምህርቲ ይምህር ኣሎ ኢሎም ነገሩዎ።

5. ዲዮስዮስ ድማ ናብኡ ከምዝቐርብ ጌሩ ንቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ። እዚ ንስኻ እትሰብኮ ዘሎኻ ሓድሽ ትምህርቲ ንሕና ኮነ ኣቦታትና ዘይንፈልጦ እዩ። እንተኾነ ብዛዕባኡ ዶ ከተረድኣኒ ምኽኣልካ ኢሉ ሓተቶ።ግሓ.17፡16-22።

6. ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዝሸኾረ ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ፡ እወ ኣነ ብኻልእ ሥርሓይ ኣብዚ ኣደባባይኩም ክመላለስ ከሎኹ ኣብ ልዕሊ ቤት ጣዖትኩም ኣምላኽ ኣልመክሩን (ትርጕሙ ኅቡዕ ኣምላኽ ካብ ሰማይ ወረደ) ዝብል ስለዝንበብኩ እምነት ናይዚ ዓዲ እዝን ስብኩተይን ሓደ ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ ኣነ እውን ንእኡ ንምንጋር ስለዝመጸእኩ እናኣስተምሃርኩ ከሎኹ ጸዊያም ናብኻ ኣቕሪቦሙኒ ኣለው በሎ።

7. ዲዮናስዮስ ድማ በታ ክርስቶስ ዝተሰቕለላ ዕለት ዝተገብረ መንክራት ብጸሓፊኡ ሱሲፎስ ጌሩ ኣብ ባሕሪ መዝገቡ ኣጽሒፉዎ ስለ ዝጸንሐ ነቲ ጽሑፍ እናተመልከተ በታ መዓልቲ ስቕለት መድኅን ክርስቶስ ዝተገብረ ተኣምራትከ ኵሉዶ ከተረድኣኒ ምኽኣልካ? ኢሉ እንደገና ሓተቶ።

ቅዱስ ጳውሎስ እወ ዕለቱ ዓርቢ ወርኁ መጋቢት 27 ሰዓቱ ፈረቓ መዓልቲ ኔሩ ኢሉ ገለጸሉ። ዲዮናስዮስ ድማ ምስቲ ኣመዝጊቡዎ ዝጸንሐ ጽሑፍ እንተኣነፃጸሮ ትኽክል ኮይኑ ስለዝረኸቦ ክልቲኦም ተረዳዲኦም ተኣማመኑሉ።

8. በዚ ርዱእ ምኽንያት እዚ ድማ ዲዮናስዮስ ብምሉእ ልቡ ምስ ብዙኅት ሰዓብቱን ሰበይቱ ደማርስን ኣሚኖም ሰዓብዎ። ነዚ እምነት እዚ ድማ ሉቃስ ሓዋርያ ወቦ ዕደው እለ ኣምኑ ወተለውዎ ወኣሓዱ እምኔሆሙ፡ ዲዮናስዮስ ዝበሎ ግሓ፡17፡34 ካብቶም ኣሚኖም ዝሰዓብዎ ሓደ ዲዮናስዮስ እዩ፡ ኢሉ ጠቒስዎ ኣሎ። ኣብቲ ቅንያት እቲ ድማ ብዘይካ እዞም ሉቃስ ዝጠቐሶም።

9. ስብከተ ቅዱስ ጳውሎስ ዝሰምዑ ኵሎም ብክርስቶስ ኣሚኖም ብኢድ ቅዱስ ጳውሎስ ተጠመቑ። ካብዚ ቀጺሉ ቅዱስ ጳውሎስ ፅንዓት ሃይማኖቶም ርእዩ፡ ንዲዮናስዮስ መዓርገ ኤጲስቆጶስነት ሸሞ (ሸመሎም) ቅዱስ ዲዮናስዮስ ድኅሪ ሹመቱ ጐይታ ናብ ኵሉ ዓለም ኬድኩም (ዜርኩም) ወንጌል ንገሩ ዝበሎ ዕርፊ ዓፅኒዑ ኣሠር ቅዱሳን ሓዋርያት እናተኸተለ ክሳብ መወዳእታ ምዕራብ ሃገራት እናተዘዋወረ ቃል ወንጌል መሃረ።





10. ንብዙኅት ኣሕዛብን ኣረማውያንን ከኣ ኣእመነን ኣጠመቐን። ብፍላይ ከኣ ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ኣብ ዝተሰውኡላ ዕለት ኣብታ ብደመ ቅዱሳን ዝተላዕጠጠት ሮሜያ ብምንባሩ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ነገራት ኵሉ መዝጊቡዎ ስለዝጸንሐ ኣዕማደ ቤተክርስቲያን ጴጥሮስን ጳውሎስን ሓምሌ 5/61 ዓ.ም. ኔሮን ምስ ኣቕተሎም ዝረኣዮ መንክራትን ብሕይወቶም ከለው ዘበርከትዎ ቃል ወንጌል ዝገልጽ ኣብዚ ዚስዕብ ምዕራፍ እንሆ።

# መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ ሓዋርያ

1. እቲ ካብ ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን እንሰምዖ ዝነበርና መጽሓፍቲ ነቢያትን ሓዲሳትን ትርጕሙ ንምፍላጥ ንሮምያ እኻኸዶ ዝነበርና ካብ ሎሚ ንሮሜያ ኣይኻኸይድን ኢና፡ ምኽንያቱ ትርጕም መጻሕፍቲ ንምርዳእ ጳውሎስ ናብ ዘለዎ ኻኺድ እንብሎ ዝነበርና ኣቋረፁ እዩ። እዚ ሓቀኛ መምህር ጉባኤኡ ንመንኮን ኅዲጉሉ ይኸውን? ኢየሩሳሌም ንክርስቶስ ብምቕባላ ሮሜያ ድማ ንጴጥሮስን ጳውሎስን ብምቕባላ ተመዓራርየን እናበለ የደንቕ።

2. ከምዚ ማለቱ ግን ከምቲ ጐይታ ኢየሩሳሌም ኢየሩሳሌም ንነቢያት እትቐትልዮም ንሓዋርያት እትጭፍጭፍዮም ወይለኺ ኢሉ ርእሱ ዝነቕነቐላ ደኣ እያ። እትመሰል እምበር ከምቲ ጋሻ ኮይነ ዝተቐበልኩሙኒ ኢሉ ዘመስግኖም ሰባት ከምዘይኮነ ፍሉጥ እዩ። ራዕ.18፡24 ዲዮናስዮስ ዝረእዮ ክምስክር እንከሎ ኸኣ፤ ጢሞቴዎስ ኃወይ እዞም ክልተ ኣርድዕቲ ክርስቶስ ዝዓረፉላ ሎሚ ዕለት ዝረኣኹዎ ዓቢይ ተኣምር ኣሎ። ንሱ ድማ ብድኅሪ ምፍጻም ስምዕትነቶም ናብ ኣፍደገ ሮሜያ ክልቲኦም ኢድ ንኢድ ተታኃሒዞም ክዳን ነገሥታት ተኸዲኖም ኣብ ርእሶም ዘውዲ ደፊኦም ናይቲ ዘውዲ ብርሃን ነፀብራቕ ድማ ከም ፀሓይ ከብርህ ከሎ ብዓይነይ ርእየዮ። ከምዚ ክብለካ ከሎኹ ከኣ፡ ኣነ በይነይ ጥራይ ዘይኮንኩስ ሓንቲ

ሉቅያ እትብሃል ዘመድ ኔሮን ክርስትና ካብ ቅዱስ ጳውሎስ ዝረኸበት እውን ከምዚ ኣነ ዝሬኤኹዎ ርእያ እያ። (ስንክሳር 25 የካቲት) ተመልከት።

3. እቶም ዘይኣመኑ ኣረማውያን ከኣ ንቅዱስ ጳውሎስ ክቐትልዎ ኢሎም ካብታ ቲኣሚሩላ ዝነበረ ቤት ማእሠርቲ ንኣደባባይ ክወስድዎ ከለው ነታ ዘመድ ኔሮን ኣብ መንገዲ ምስረኣያ፡ እዛ ሻሽኪ (መጐልበቢትኪ) ግዳ ሃብኒ እሞ በዚ ክምለስ ከሎኹ ክህበኪ እየ ኢሉ ለመና፡ ንሳውን ሃበቶ፡ ናብቲ ስምዕትነቱ ዝፍጸመላ ቦታ ምስ በጽሐ ብትዕግሥቲ ርእሱ ነቲ ሰያፊ ኣድነነሉ። ካብታ ጓል ዘመድ ኔሮን ዝወሰዳ ሻሽ ጌሩ ድማ ገጹ ሸፈነ እቶም ወተሓደራት ከኣ ከምዝተኣዘዙዎ ብሰይፊ ክሳዱ ቆረጽዎ።

4. ካብቲ መቕተሊ ቦታ ክምለሱ ከለው ከኣ እታ ንቅዱስ ጳውሎስ ሻሽ ኣለቂሓቶ ዝነበረት ጓል ነቶም ሰየፍቲ ንመምህር ሕጊ ጳውሎስ ደኣ ናበይ ጎዲግኩምዎ መጺእኩም? ኢላ ሓተተቶም። ንሳቶም ድማ ወይ ንሸኺ እትገብሪ ናበይ ክህሉ ዲኺ እትደልይዮ ንሱስ ናብቲ ዝተቐትሎ ቦታ ጎዲግናዮ መጺእና እታ ካባኺ ዝወሰደ ሻሽ ከኣ ገጹ ሸፊኑላ ኣሎ በልዋ።ንሳ ግን ነቲ ዝረኣየቶ ተኣምራት መዛረቢ መእተዊ ኪኾና ኢላ እያ ዝሓተተቶም እምበር ዘለዎ ጠፊኡዋስ ከረድእዋ ኢላ ዝሓተተቶም ከምዘይኮነ በዚ ኣብ ታሕቲ ዝግለጽ ቃላት ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

5. እታ በላሕ ጓል ከምቲ ንዕኡ ዝገበሩዎ ክሰይፉኒ እዮም ከይበለት <u>በኣማን ሓሰውክሙ እንትሙ እስመ ሓሳዊ ውእቱ ኣቡክሙ</u> ከምቲ ሓሳዊ ኣቦኹም ሰይጣን (ኔሮን) ደኣ ሓሳውቲ ኮይንኩም እምበር ጴጥሮስን ጳውሎስንሲ ሕጂ ቀቅድሜኹም ብኣይ ኃሊፎም (ብቕድመይ) ዮሓ.8፥44 ወዮ ደኣ ዘይትርድኡ ኮይንኩም እምበር ንኽርዳኣኩም እኳ ክዳውንቲ ነገሥታት ተኸዲኖም ክትጥምቶ ዘይትኽእል ዘውዲ ብርሃን ናብ ርእሶም ደፊኦም ኔሮም። እንተደኣ ኣስተውዒልኩም ኮይንኩም ቅዱስ ጳውሎስ ንሕጂ ሻሽኪ ሃብኒ እሞ በዚ ኣቢለ ክምለስ ከሎኹ ክህበኪ እየ ኢሉኒ ሂበዮስ ንሱ ድማ ከምታ ዝበላ ክምለስ ከሎ፡





ሂቡኒ፡ ክትኣምኑ ከኣ እንሃትልኩም ኢላ ዘርጊሓ ኣርኣየቶም። ወዮ ደኣ ከምቲ ዝበለቶም ዘይርድኡ ኮይኖም እምበር ክምለስ ከሎኹ ክህበኪ እየ ማለቱ ድኅሪ ሞቱ ከምዝርአ ንኽረድእ ብሓበሬታ ተረዲኣቶ ክትጸንሕ ዝተዛረባ እዩ ዝመስል። ቅዱስ ጳውሎስ በቶም ሰየፍቱ ተዓጅቡ ናብቲ ዝስየፈሉ ቦታ ክኸይድ ከሎ ነታ ዘመድ ኔሮን ክርስቲያናዊት ሻሽኪ ግዳ ሃብኒ ክምለስ ከሎኹ ክህበኪ እየ ማለቱ ነቲ ኵሉ ዝረኣየቶ ምስክርነት ኮይኑ ንኽድግፉ ኢሉ ዝለመና ከምዝኾነ የተኣማምን። እቶም ሰየፍቱ እውን በታ ጓል ኣቢሎም ኪምለሱ ከለው ንመምህረ ሕግ ጳውሎስ ደኣ ናበይ ሓዲግኩምዎ መጺእኩም ኢላ ምስ ሓተተቶም ናብቲ መቕተሊ ቦታ ሓዲግናዮ መጺእና፡ እታ ካባኺ ዝለመና ሻሽኪ ድማ ርእሱ ሸፊኑላ ኣሎ በልዋ።

6. ንሳ ኸኣ ዓይኖም ርእዮም ክኣምኑ ኢላ <u>ወነያ ይእቲ ዛቲ ውቅያ እንተ ነሥኣ ጳውሎስ</u> እታ ጳውሎስ ወሲዱዋ ዝነበረ ሻሻይ እንሃትልኩም ኢላ ብኢዳ ኣልዒላ ዘርጊሓ ምስ ኣርኣየቶም ልክዕ ንሳ ምዃና ርእዮም ኣመኑላ።

7. በዚ ኵሉ ተኣማሚኖም ከኣ ብዘይ ውዓል ኀደር ንጊዜኡ ብዘይካ ኣምላኽ ጴጥሮስን ጳውሎስን ካልእ ኣምላኽ ፍጹም የልቦን ኢሎም ንጊዜኡ ናብቲ ሉቃስን ቲቶን ተኣልዮሙዎ ዝነበሩ ቦታ ከይዶም እምነቶም ኣረጋጊጾም ተጠመቑ። ገድለ ሉቃ.26፥1-2 ተመልከት። እዚ ኵሉ ኪፍጸም ከሎ ዐይኑ ዝገጠመሉ ዲዮናስዮስ ከኣ ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ናብታ ልዕልትን ክብርትን ዝኾነት መካነ ገነት ብምግዓዞም ጳውሎስ ንናይ ምብራቕ ፋሕ ዝበሉ ምእመናን ኣካቢ (ሓብሓቢ) ጴጥሮስ ሃይማኖት ዝቕልብ ሕጂ ክርከቡ ብዘይምኽኣሎም ዝፍውሶም ዝሰኣኑ ሕሙማት ወይልኦም እናበለ የደንቅ። ሓምለ 5፥64 ዓ.ም። ተጻሕፈ።

ስለዚ በዚ ዲዮናስዮስን እታ ክርስትና ካብ ቅዱስ ጳውሎስ ዝተቐበለት ጓልን ዝተዋህበ ምስክርነት መሠረት ዕረፍቲ ጴጥሮስን ጳውሎስን ብሓደ መዓልቲ ሓምለ 5 61 ዓ.ም. ምዃኑ የተኣማምን።

# ምስክርነት ዕረፍቱ

1. ሓዋርያ ዲዮናስዮስ ስብከተ ወንጌል ከካይድ እንከሎ ብዙኅ ተኣምራት እናገበረ ድርሳናት እናጸሓፈ የእምንን የጠምቕን ነበረ። እንተኾነ ሓዋርያዊ ተልእኾኡ ኣብ ምዝዛም ክበጽሕ ከሎ ኣብ መንገ ኣገልግሎቱ ከሓዲ ንጉሥ ዱማትያኖስ በታ ንኵሎም ሓዋርያት ዘቕተለት ምኽንያት (ማለት ንምንታይ ወንጌል መሃርካ ኢሉ) ብ 6 ጥቅምቲ ኣሰየፎ። ቅዱሳን ዝገብርዎ ተኣምራት ግን ብሕይወቶም ከለው ጥራይ ዘይኮነስ ብድኅሪ ሞቶም እውን ሓዋርያዊ ሥልጣኖም ህልው ስለዝኾነ ንኽፍለጥ ሓዋርያ ዲዮናስዮስ ብድኅሪ ሰማዕትነቱ (ምስያፍ ክሳዱ) ነታ ምትርቲ ርእሱ ድንን ኢሉ ብኢዱ ኣልዒሉ ክልተ ምዕራፍ ብእግሩ ተዘዋወረ ወመዊቶ ጻድቅ ይኴንን ረሲዓነ ከምዝብል። ጥበብ 4፡14።

2. እዚ ፍልይ ዝበለ ተኣምራት እዚ ድማ ብሕይወቱ ከሎ ፈርያናውያን ኮይኖም ካብ ምእማን ልቦም ዘፅንዑ ስለ ዘይሰኣኑ ነዚ ሓድሽ ተኣምር ብምርኣይ ናብ እምነት ክርስቶስ ንምስሓብ ዝተኸሥተ መንክራት እዩ ዝመስል። 2ነገ.4፡32-37።

በረኸቱን ረድኤቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።







"ስብከተ ወንጌለይ እኳ እንተ ዘይተቀበልኩም ድኅሪ ሰማእትነተይ ዝግበር ተኣምራት ርኢኹም እመኑ።"
ዮሓ.10፡38

ሰላም ለዲዮናስዮስ ሱታፌ ብፁዕ እንጦና።
ኤጲስቆጶስ ዘሀገረ ባና።
እንከሩ ፈድፋደ ወተደሙ ሰብአ ኣቲና
ለበድን ሥጋከ በጊዜ ነፀሩ ይምና
በጸዊረ ምትርት ርእስ እንዘ ተሓውር በፍና፤
ሰንክሳር 25 የካቲት ተመልከት

# ናይ ቅዱሳን ሓዋርያት
## መዓልቲ ዕረፍቶም ብሓጺሩ ዚገልጽ

| | | |
|---|---|---|
| ብስቕለት ሰማዕትነቶም ዝፈጸሙ | | |
| 1 | ቅዱስ ጴጥሮስ ንቁልቁል | ሓምለ 5/61 ዓ.ም |
| 2 | ቅዱስ ፊልጶስ ንቍልቁል | ኅዳር 18 |
| 3 | ቅዱስ እንድርያስ ንላዕሊ | ታሕሣሥ 4/60 ዓ.ም |
| 4 | ቅዱስ ናትናኤል ንላዕሊ | ሓምለ 10 |
| ብሰይፊ ሰማዕትነቶም ዝፈጸሙ | | |
| 1 | ቅዱስ ያዕቆብ ወ/ዘብዴዎስ | ሚያዝያ 17/44ዓ.ም. |
| 2 | ቅዱስ ማቴዎስ | ጥቅምት 12 |
| 3 | ቅዱስ ጳውሎስ | ሓምለ 5/61 ዓ.ም. |
| 4 | ቅዱስ ሉቃስ | ጥቅምት 22 |
| ብዝተፈላለየ ግፍዒ ሰማዕትነቶም ዝፈጸሙ | | |
| 1 | ቅዱስ በርተሎሜዎስ ናብ ባሕሪ ብምድርባይ | መስከረም 1 |
| 2 | ቅዱስ ቶማስ ብኹናት ምጋእ | ግንቦት 26/66 ዓ.ም. |
| 3 | ቅዱስ ያዕቆብ ወ/እልፍዮስ ብዓርባ እምኒ | የካቲት 10 |
| 4 | ቅዱስ ማርቆስ ብምጕሳሥ | ሚያዝያ 30/68 ዓ.ም. |
| ብሽምግልና ዝዓረፉ | | |
| 1 | ቅዱስ ዮሓንስ | ጥር 4/103 ዓ.ም. |
| 2 | ቅዱስ ታዴዎስ | ሓምለ 2 |
| 3 | ቅዱስ ማትያስ | መጋቢት 8 |
| 4 | ቅዱል ያዕቆብ እኁሁ | ሓምለ 18/106 ዓ.ም. |



# ታሪኽ 72 ኣርድእት

መድኃን ክርስቶስ ን12 ቅዱስን ሓዋርያት ናብኡ ጸዊዑ (ኣቕሪቡ) ክልእኮምን ትእዛዝ ክህቦምን እንከሎ ኣስማቶም ጠቒሱዎ ኣሎ። ትምህርቱ ንምሃብ ካብ ደብረ ዘይት ንቤተ መቅደስ ካብ ኢየሩሳሌም ንምድሪ ይሁዳን ንገሊላን ክመላለስ ከሎ መልክዑን ተኣምራቱን ንምርኣይ ትምህርቱ ንምስማዕ ኅብስቲ ኣበርኪቱ ኩብልዐና እዩ ዚብሉን ብጊዚያዊነት ይስዕብዎ ኔሮም። ኣማስያኡም ግን ነናብ ገዝኦም ይኸዱ ከምዝነበሩ መጻሕፍቲ ይገልጹ። ዮሓ.6፥2-12 መዝ.44፥2 ማቴ.14፥14-26 ኮይኑ ግን እዞም ዝተጠቕሱ 72 ኣርድእት መዓልትን ለይትን ካብኡ ዘይፍለዩ ናብ ዝወዓሎ ዝውዕሉ ናብ ዝኀደሮ ዝኀድሩ ትምህርቱን ተኣምራቱን ሃብተ መንፈስ ቅዱስን ዝተዋህቦም፣ ደቂ ወንጌል እዮም። ግሓ.2፥1-4 ሉቃ.10፥1 ነዞም ኣርድእት ውሕድ ዝበሉ ወንጌላውያን ክጠቕስዎም እንከለው ቅዱስ ጳውሎስ ናብ መልእኽታቱ ዘኪርዎም ኣሎ። ሉቃስ እውን ናብቲ መቐጸልታ ወንጌሉ ዝጸሓፎ ግብረ ሓዋርያት ጠቒሱዎም፤ ዳኅረዎት ሊቃውንት እውን ኣሓዱ እም ፸ወ፪ቱ ኣርድእት እናበሉ ናብ መዓልቲ ዕረፍቶም ዘኪሮምዎም ኣለዉ።

# ናይ ተደላይነቶም ምኽንያት

መድኃን ክርስቶስ ናብ ጥንተ ስብከቱ ን12 ሓዋርያት ጸዊዑ ናብ ልዕሊ ርኹሳን መናፍስት ሥልጣን ሂቡ ናብቲ ንሱ ዝበጽሖ ከተማን ሥፍራን ከይዶም ክሰብኩ ኪልእኮም እንከሎ መታን ክረዳድኡ በብክልተ ለኣኾም። ማር፥6፥7። ጊዜ ከይወሰደ ከኣ 72 ሰባት መሪፁ እኸሉ ብዙኅ ዓየይቱ ግን ሒደት ስለዝኾኑ ማለት ደለይቲ ትምህርቲ ወንጌል ብዙኅት መምህራኑ ግና ሒደት ስለዝኾኑ፣ መምህራን ጌረ እልእከኩም ኣለኹ ኢሉ ለኣኾም።

ዋሕዲ መምህራን መጥቀሲኡ ድማ ቀዳማይ ቃል ኣዋዲ ዮውሃንስ ተነስሑን እመኑን እናበለ፡ ቃጭሉ ዝድውል ዝነበረ ሓደ ንበይኑ ስለዝነበረ ን12 ሓዋርያትን 72 ኣርድእትን ኣከታቲሉ መሪፁ ብወንጌል ኣዋሒዱ ለኣኾም። በዞም ዝመረጾም ብዝሖም ስለዘየዕገቦ ድማ ካብ ሽዑ ጀሚሩ መምሃራን የድልዩኒ ኣለዉ እንዳበለ ይጽውዕን ይቈጽርን ስለዘሎ እዩ። በዚ ምኽንያት እቲ መጸዋዕታ ገደብ ስለዘይብሉ ሰሚዓ ዘይተስቅጥ እዝኒ ዘላቶ ነዚ ሰሚዑ ኣነ ኣለኹ ይበል። ብዓ ይኒ ዘይረአ መስቀሉ ኸኣ የልዕል። ማቴ.10፡38 ኢሳ.6፡9 ማቴ.13፡23 ግሓ.3፡23።

ስለዚ መንገዲ ወንጌል ኣቐድም ኣቢሉ ብዮሓንስ፡ ቀጺሉ ከኣ በዞም ኣዕሩኽቲ ጐይታ ስለዝተጸርገልና ንመላለስሉ። በዚ ዝተገልጸ ምኽንያት ናይ 12 ሓዋርያት ዜና ገድሎም ከም ዝተገልጸ ናይ 72 ኣርድእት ድማ ስሞምን ዝርከቡሉ ዝርዝር ኣስማቶምን ካብ መጻሕፍቲ ብዝረኸብናዮ መሠረት ንጠቕሶ ኣሎና።





# ናይ 72 ኣርድእት ኣስማቶምን ዝጠቕሱዎም መጻሕፍትን

| ተ.ቁ | ኣስማቶም | ዝጠቅስዎም መጽሓፍቲ | ዕለት ዕረፍቶም ስንክሳር ዝጠቅሶም |
|---|---|---|---|
| | ኣብ ወንጌል ዝርከቡ | | |
| 1 | ዮሴፍ | ዮሓ.19፡30 | ነሓሰ 1 |
| 2 | ማርቆስ | ወንጌላዊ | ሚያዝያ 30 |
| 3 | ሉቃስ | ወንጌላዊ | ጥቅምቲ 22 |
| 4 | ዘኬዎስ | ሉቃ.19፡2 | |
| 5 | ኒቆዲሞስ | ዮሓ.19፡39፤ 3፡1 | ነሓሰ 1 |
| 6 | ማልኮስ | ዮሓ.18፡10 | ጳጉሜ 1 |
| | ኣብ ግብሪ ሓዋርያት ዝርከቡ | | |
| 7 | እስጢፋኖስ | ግሓ.6፡5 | ጥሪ 1 |
| 8 | ፊልጶስ | ” ” | ጥቅምቲ 14 |
| 9 | ጰርኮሮስ | ” ” | |
| 10 | ኒቃሮና | ” ” | |
| 11 | ጢሞና | ” ” | ጥሪ 26 |
| 12 | ጰርሜና | ” ” | |
| 13 | ኒቆላዎስ | | |
| 14 | ጳውሎስ | ግሓ.9፡1 | ሓምለ 5 |
| 15 | ሓናንያ | ግሓ.9፡10 | ጥቅምቲ 14 |
| 16 | ቆርነሌዎስ | ግሓ.10፡1 | ሕዳር 23 |
| 17 | ኣጋቦስ | ግሓ.11፡23 | የካቲት 4 |
| 18 | ሲላስ | ግሓ.15፡22 | ጥቅምቲ 15 |
| 19 | በርናባስ | ግሓ.15፡22 | ታሕሳስ |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 20 | ይሁዳ ወ/ዮሴፍ | ግሓ.15፡32 | ሰነ 25 |
| 21 | ጢሞቴዎስ | ግሓ.16፡2 | |
| 22 | ዲዮናስዮስ | ግሓ.17፡34 | ጥቅምቲ 6 |
| 23 | ኣቂላ | ግሓ.18፡2 | |
| 24 | ሶስቴንስ | ግሓ.18፡17 | |
| 25 | ኢዮስጦስ | ግሓ.18፡7 | |
| 26 | ቀርስጶስ | ግሓ.18፡8 | |
| 27 | ኣጵሎስ | ግሓ.18፡24 | |
| 28 | ኣርስጥሮኮስ | ግሓ.9፡29 | |
| 29 | ሱሲ-ጴጥሮስ | ግሓ.20፡4 | |
| 30 | ሲኖድስ | ግሓ.24፡4 | ሕዳር 24 |
| 31 | ጋይዮስ | ግሓ.24፡4 | |
| 32 | ምናሶን | ግሓ.21፡16 | |
| 33 | ገማልያል | ግሓ.22፡3 | |
| | ኣብ መልእኽቲ ሮሜ ዝርከቡ | | |
| 34 | ኤጼኔጦን | ሮሜ.16፡3-15 | |
| 35 | እንድራኒቆን | " | ግንቦት 22 |
| 36 | ጵልያጦን | " | ግንቦት 16 |
| 37 | ኡርባኖን | " | |
| 38 | ስንጣክን | " | |
| 39 | ኤጤሌን | " | |
| 40 | ጢሪፊሞና | " | |
| 41 | ጢሮፎሞስ | " | |
| 42 | ሩፎን | " | |
| 43 | ኣስቀሪጦን | " | |
| 44 | ኣፍልስንጳ | " | |
| 45 | ሄርሜን | " | |
| 46 | ጳጥሩባን | " | |
| 47 | ሄርማን | " | |
| 48 | ፊሎጎን | " | |
| 49 | ዩልያን | " | ግንቦት 23 |
| 50 | ኔሪያ | " | |





| | | | |
|---|---|---|---|
| 51 | ኢያሶን | | ግንቦት 3 |
| 52 | ኣርስጦስ | | ሚያዝያ 29 |
| 53 | ቁኣስጥሮስ | | |
| | ኣብ መልእክታት ዝርከቡ | | |
| 54 | ቲቶ | መልእኽቱ ተመ. | ጳጉሜን 1 |
| 55 | ፊልሞና | መልእኽቱ ተመ. | ሕዳር 27 |
| 56 | ቀሌምንጦስ | ፊልጵ.4፡3 | ሕዳር 29 |
| 57 | ያዕቆብ እኑሁ | ገላ.1፡19 | ሓምለ 18 |
| 58 | ኣፍሮዲጡ | ፊልጵ.4፡18 | |
| 59 | ኤጳፍራ | ቈላ.1፡7 | |
| 60 | ኣክርጳ | ቈላ.4፡17 | |
| 61 | ስልዋኖስ | 2ይ ተሰ.1፡1 | |
| 62 | ኣውግሎስ | 2ይ ጢሞ.4፡21 | |
| 63 | ጢኪቆስ | 2ይ ጢሞ.4፡12 | ግንቦት |
| 64 | ሄኔሲፎሩ | 2ይ ጢሞ.1፡16 | |
| 65 | ኣናሲሞስ | ቈላ.4፡9 | የካቲት 21 |
| | ኣብ ስንክሳር ዝርከቡ | | |
| 66 | ጢባርዮስ | | መስከረም 20 |
| 67 | ብድራጦስ | | መስከረም 24 |
| 68 | ኣግናጥዮስ | | ጥቅምቲ 26 |
| 69 | ኣብሮኮሮስ | | ጥሪ 20 |
| 70 | ኣንሲፎሮስ | | መጋቢት 25 |
| 71 | ኣልምጵያስ | | ሓምለ 6 |
| 72 | ቆሮስ | | ግንቦት 30 |

በረኸቶምን ረድኤቶምን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

# ታሪኽ 36 ቅዱሳት ኣንስት

ቅዱሳት ኣንስት እናተባህላ መድኀኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ዘለናዮ ዓለም እናተዘዋወረ ክምህርን ክሰብኽን እንከሎ ካብቶም ዚተፈላለየ ጥቕሚ ንምርካብ ማእለያ ዘይብሎም ዚስዕብዎ ዚነበሩ ብፍላይ ምስ 12 ሐዋርያትን 72 ኣርድእትን ካብ እግሪ ጎይታ ከይተፈለያ ዚስዕበኦን ብግብሪ ዘሥመረኦን 36 ቅዱሳት ኣንስት ኢየን። ብዝያዳ ኸኣ ኣብቲ ቁጽሪ ዘይብሉ ዚስዕቦ ዚነበረ ሕዝቢ ዚዘንም ዚነበረ ቅዱስ ቃላት ነብሱ ከድሕና ዚደሊ ይስዓበኒ ዚብል ዚማረኽን ኪኾና እንክለዋ ንዚሓመማ እንዳፈወሰ፡ እኩይ ኣጋንንቲ ንዝሓደርወን እናሕወየ፡ ኀጢኣተን እናሐደገ ኣምሳኻዊ ተኣምራት ብምራእይ ብፍጹም ልበን ዚሰዓበኦ እየን። መምሪሒኦን ድማ ዕርፊ ሒዝካ ንድሕሪት ኣይሕረስን ኢዩ ዚብል ነበረ። ሉቃ.8፡1-2፤ 9፡24-62። ማቴ.28፡1-8።

## ሙሉእ ነጻ ሕክምና ዘጎደረለን እምነት

<u>እብን ዘመነንዋ ነደቅት</u> ተባሂሉ ዝተነግረሉ መድኃኔ ዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ንሕሙማት ዘሕውየሉ ዚነበረ ጊዜ ምናልባት እዚ ኣነ ዚገብረልክን ዘለኹ መድኀኒት እንተ ዘይጠቐመክን ምስ ወዳእክንኦ ተመለሳኒ ዘየብል ስለዝኾነ ጎደሎ ዘይብሉ ምሉእ መንፈስ ቅዱስ ምስ ብጾተን ተዐዲለን ኣገልጊለናሉ ኢየን። ግሓ.1፡14፤ 2፡1-5። ነዚ ዚተጠቕሰ ህያብ ጸጋ ዘብቅዐ ዕድል ድማ ነቢዩ ኢዮኤል "<u>ኣብ ልዕሊ ደቕኹም ሕዋርያት ኣዋልድኩም ቅዱሳት ኣንስት ወራዙትኩም ኣርድእት መንፈሰይ ክኸዑ ኢየ።</u>" ዝበሎ ትንቢት ኣብዚ ተፈጸመ። ብሰንሰለታዊ ትንቢት ዚተረኽባ ቅዱሳት ኣንስት ድማ መጸዋዕ ተኣን ኣኽቢረን ሰዓት ከየሕለፋ ኣብ ዳስ መርዓዊ ክርስቶስ ዝዘመራ ሕሩያት ኣንስት ኢየን። ማቴ.25፡10። ስለዚ እግዚ ኣብሔር ሐደ ዚገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ ካብ ዚብል ኣምሳኻዊ ቃል ብምልዕዓል ናይዘን ቅዱሳት ኣንስት ዝርዝር ስመን ምስ ናይ ሐዋርያት ታሪኽ ገድሎም ዚነግር መጽሓፈ ጼው እንተ ተሓትመስ፡ <u>ናሁ ሰናይ ወናሁ አደም ሶበ ይሄልዉ ኣንው ኀቡረ።</u>





ነዚ ዚተባህለ ትንቢት ስለዝተቐበላ ምስዚ ካልኣይ ኘኸሕተም ተፈቂዶሉ ዘሎ መጸሓፈ ጼው ተታኀሒዙ ኘኸነተም ኣስማተንን ዚጠቕሰወን መጸሕፍትን ዝርዝር ተዳልዩ እነሆ።

## ዝርዝር ኣስማተንን ዚጠቅሱወን መጸሕፍትን

| ተ.ቁ | ኣብ ወንጌል ዝርከባ | | |
|---|---|---|---|
| 1 | ማርያም መግደላዊት | ማቴ.28፡1 | ነሓሰ 6 |
| 2 | ማርያም ኣደ ያዕ/ዮሓ | ማር.16፡1 | |
| 3 | ሐማት ጴጥሮስ | ማቴ.8፡14 | |
| 4 | ከንኣናዊት ሰበይቲ | ማቴ.15፡22 | |
| 5 | ሰሎሜ | ማር.16፡1 | ግን. 25 |
| 6 | ማርያም ኣደ ዮሳ | ማር.15፡47 | |
| 7 | ማርያም ኀጥእት | ሉቃ.7፡37 | |
| 8 | ዮሐና ብእሲተ ኩዛ | ሉቃ.8፡4 | |
| 9 | ሶስና | ሉቃ.8፡2-3 | |
| 10 | ጫፍ ክዳኑ ተንኪያ ዝሐወየት | ሉቃ.8፡43 | |
| 11 | 18 ዓመት ተደኒሳ ዝሐወየት | ሉቃ.13፡13 | |
| 12 | ማርታ | ዮሓ.12፡2-3 | ሰነ 30 |
| 13 | ማርያም ሐብቲ ኣልኣዛር | ዮሓ.11፡19 | ሰነ 30 |
| 14 | ሳምራዊት | ዮሓ.4፡7 | |
| 15 | ማርያም ሰበይቲ ቀልዮጵ | ዮሓ.19፡25 | |
| | ኣብ ግብሪ ሐዋርያት ዝርከባ | | |
| 16 | ሩዴ | ግሓ.12፡13 | |
| 17 | ማርያም ኣደ ማርቆስ | ግሓ.12፡12 | |
| 18-21 | 4 ኣዋልድ ፊልጶስ | ግሓ.21፡9 | |
| | ኣብ ካልእ ዝርከባ | | |
| 22 | ጵርስቅላ | ሮሜ.16፡3 | |
| 23 | ሎይድ | 2ጢሞ.1፡5 | |
| 24 | ኤውኒቄ | ” | |
| 25 | ቤርዜሊ | መቅድም መ. ኪዳን | |
| 26 | ቤርዜላ | ” | |
| 27 | ሜልቴዲ | ” | |
| 28 | ሜልቴዳ | ቅዳሴ ማርያም | |
| 29 | ኣደ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ | | |
| 30 | ጠርሴዳ | ሮሜ.16፡12 | |
| 31 | ኣልንጦን | ሮሜ.16፡15 | |

ኣስማተን ዚተረኽበ እዘን ዚተጠቕሳ ኪኾና እንከለዋ ነተን ኣስማተን ዘይተረኽበ ኸአ ወካልአትሂ ብዙኀት ኣንስት እለ ተልእካሁ በንዋዮን ብገንዘበን ዘገልገላአ ብዙኀት ኣንስት ምስኡ ነይረን፡ ኢሉ ነጊሩለን ኣሎ። ሉቃስ 8፡2-3፤ 24፡1 ተመልከት።

## ኣስማትን ዕለተ ዕረፍትን
## ዓበይቲ ነቢያት

1. ኢሳይያስ. . . . . . . . . መስከረም 6
2. ኤርምያስ. . . . . . . . . . . . ግንቦት 5
3. ሕዝቅኤል . . . . . . . . . . . ሚያዝያ 5
4. ዳንኤል . . . . . . . . . . . . መጋቢት 23
5. ሆሴዕ. . . . . . . . . . . . . የካቲቲ 26
6. ዓሞጽ. . . . . . . . . . . . . ዕጸጉሜን 5
7. ሚኪያስ. . . . . . . . . . . . ነሓሴ 22
8. ኢዩኤል. . . . . . . . . . . . ጥቅምት 21
9. ኣብድዩ. . . . . . . . . . . . ኅዳር 23
10. ዮናስ. . . . . . . . . . . . . መስከረ 25
11. ናሆም. . . . . . . . . . . . . ታሕሣሥ 5
12. ዕንባቆም. . . . . . . . . . . . ግንቦት 24
13. ሰፎኒያስ. . . . . . . . . . . . ሓምለ 4
14. ሐጌ. . . . . . . . . . . . . . ታሕሣሥ 20
15. ዘካርያስ. . . . . . . . . . . . የካቲት 15
16. ሚልክያስ. . . . . . . . . . . ነሐሴ 30

ናብዚ ዘይተጠቕሱ ንምፍላጥ ብሉይ ኪዳን ንመልከት። ዮሐ.4፡36-38። ራእ.21፡5።



## ሓድነት ነቢያትን ሓዋርያትን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኢድ ዘፍቅሮ ወደ መዝሙሩ ኣብ ዘጽሓፎ ወንጌሉ ወዝንቱ ነገር ቃለ ጽድቅ እሙን ውእቱ ከመ ካልእ ዘይዘርእ ወካልእ ዘየኣርር፡ ሓደ ዝዘርእ ሓደ ከኣ ዝዓጽድ ኪህሉ ሓቅን እሙንን ነገር እዩ፡ ኢሉ ዝጠቐሶ፡ ዘራእን ዓጻድን ህላዌኦም ከምዘይረሓኀቕ፡ እዞም ብሓረስቶት ዝተመሰሉ ነቢያት፡ ሓዋርያት ድማ ምንም እኳ ወንጌላዊ ኦሪት ወነብያት እስከ ዮሓንስ ተነበዩ፡ ኦሪትን ነቢያትን ክሳብ ጊዜ ዮሓንስ ኣስተምሃሩ ኢሉ እንተጠቀሰ፡ ከምቲ ዮሓንስ መጥምቕ ገጽ ጐይትኡ ምስረኣየ ወፍሥሓ ዚኣየሰ ናሁ ተሰልጠት ወእንትኣሁሰ ትበዝኀ፡ ኢሉ ከብቅዕ ትምህርቱ ግን ዘየቋረጸ ኦሪትን ነበያትን ድማ ሥልጣን ኣስተምህሮና ክሳብ ዮሓንስ መጥምቕ እዩ ከይበሉ፡ ኣብ ሓንቲ መኣዲ ክርስቶስ ስለዝተሠርዑ፡ ዝኽሮም ኣብዚ ገድለ ሓዋርያት እዚ ኽኽነመዝግቦ ተደላዪ ኮይኑ ረኺብናዮ ኣሎና። ምኽንያት ተደላይነቱ ድማ እግዚኣብሔር ሓደ ዝገበሮ ሰብ ክፈልዮ ስለዘይክእል እዩ። ማቴ.19።

ስለዚ እዞም ዘራእቲ ነቢያትን ዐፀድቲ ሓዋርያትን ድማ ኣብ ሓደ ኣካል ስለዝተጠምሩ ኣብ ሓደ ርእሲ ዘሎ ኣካል ሓደ ተባሂሉ ከም ዝጽዋዕ፡ ርክቦም ብምእማን ኣስማቶምን ዕለተ ዕረፍቶምን እንሆ ንዝክሮ ኣሎና።

## ሰማእትነት ዮሐንስ መጥምቕ

ኣብ ርእሰ መጽሓፍ ወንጌል ከምዝተመዝገበ፡ ዮሐንስ መጥምቅ ኣብ መወዳእታ ስብከቱ ሄሮድስ ንሰበይቲ ኀዉፊሊጶስ ስለዘእተወ ርእዩ ከምዘይረኣየ ስቕ ከይብል ከኣ ዓይኑ ክገብረሉ ስለዘይከኣለ፡ ሰበይቲ ኀውካ ከተእቱ ኣይግበኣካን እዩ፡ ኢሉ ስለዝገዘቶ፡ ኣበይ ዝነበረ ደፋር ደኣ እዩ እዚኸ ንበዓል ሥልጣን ዝግዝት ኢሉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕኖ።

እዚ ግዚያዊ ብይን እዚ ድማ ንሄሮድያዳን ንጓላን መምከሪ ዕድል ኮነን። ማለት ኣደ ንጓላ ሄሮድስ ዝተወልደሉ መዓልቲ ኣብ ዘኽብረሉ ዕለት፡ ሄሮድስ ልቡ ክሳብ ዝጠፍኦ

ክትስዕስዕሉ ኢኺ እሞ ደስ ምስ በሎ ዝዛረቦ ክትሰምዒ ኢኺ፣ እንተደኣ ዝደለኽዮ ክትወስዲ ወይ ክገብረልኪ ቃል ይኣትወልኪ ኣለኹ ዚብል ቃል ሞሊቋቶ፣ ገለ ከይመለስኪ ናባይ ተመለሲ እሞ እቲ ዝበሃል ኃቢርና መኺርና እንህቦ መልሲ ርእሲ ዮሐንስ ኣቍሪጽካ ሃበና ምባል እንተዘይኮይኑ ካልእ ብድኅሪኡ ስለዘይንስእኖ ኵሉ ገዲፍኪ ከምኡ ጥራይ በልዮ፣ ኢላ ስለ ኣቐዲማ ዝመኸረታ፣ በቲ ሳዕስዒት ጓል ሄሮድያዳ፣ ሄሮድስ ካብቲ ዝተቐመጠሉ መንበር ክወድቕ ክሳብ ዝደሊ ተሓጒሱ ዝደለየቶ ክትረክብ ኣብ ቅድሚ መኳንንትን ዓበይትን መሓለላ። ማሕልኡ ከየጉደለ ከኣ ርእሲ ዮሐንስ ክትህበኒ ስለዝበለቶ ኣዚዙ ኣውሃባ። ርእሲ ዮሐንስ ኣብ ኢድ ኣደን ጓልን ምስበጽሐት ድማ ብዝኅዝኦ ነገር እናገላበጣ ኣንቲ ንንጉሥን ንግሥትን፣ ዘይትሓፍሪ ዝነበርኪ መልሓስ ሕጂ ደኣ እወ ዘይትምልሲ፣ ተዓ ፂፍኪዶ? እናበላ ከላግጻሉ እንከለዋ፣ ኵሉ ዝከኣሎ መድኅን ነታ ርእሲ ዮሐንስ ሕይወት ስኵዑ ኣክናፍ ኣብቀ፦ሉ ከም እትበርር ገበራ። ንሳ እታ ርእሲ ዮሐንስ እውን ዝተገብረላ ከይረስዔት ጕይትኣ ኣብ ዘለዎ ደብረ ዘይቲ ከይዳ ሰገደትሉ እሞ፤ ከም ዘላቶ ከተስተምህር ፈቒዱላ ብዙኅ ዓመታት ኣስተምሂራ ከኣ ዓረፈት። ዜና ቤተ ክርስቲያን ተመልከት። ማቴ.18፡18፤ 14፡12።

# ዛንታ ሄሮድያዳን ጓላን

ሀ. ኣደን ጓልንከ በዚ ዝፈጸማኦ ግፍዒ ከምይ ኮና ኢሎም ዚሓቱ ኪርከቡ ስለዝኽእሉ እሙናት ሊቃውንቲ ከም ዘዘንተዉልና፣ ኣባሓጒኤን ዝኾነን ኣይተ ቆሬ ዝበሃሉ ምስ ብዙኃት ቤተ-ሰቦም ዘመን ኣምጽኦ ፈውሲ ዘይብሉ ሕማም ተላገብ ሓሚሞም ዝብል መልእኽቲ መጺኡወን ብኣፈርክቡ ተጸዊዔን ተታኅሒዘን ምስከዳ ኣይተመልሳን ኢሎም ገሊጾሙልና። ዘኍል.16፡28፤ ዘዳ.28፡38።





ለ. ርግጸኛ መታን ክኾነልና ኢልና ድማ ኻልኣት ዓበይቲ ሓቲትና ቅድሚ ኅዝኤን ክንኃልፍ እንክሎና ክልቲኤን ኣደን ጓልን ተመራሪሐን ክወጻ ገጢመናና ናበይ ደኣ ነቒልክን? ኢልናየን ናይቲ ሰንካም ደም ሸቲቱናስ ነፍስና ከም ገለ ጌሩና፣ ማይ ጸሎት ክንሕጸብ ንባሕሪ ኤርትራ ኻኸይድ ኣሎና። ከምዚ እትርእዩና ዘለኹም፣ ስለዝተሃወኽና ከም ንቡር እውን ምንም ሓንቲ ስንቂ ኣይተማላእናን፣ ስለዝበላና ምድሪ ደኣ መስያትክን እምበር ጽቡቕ፣ ፈረስ-ፈርያን የሥርርክን፣ ኢልና መሪቕና ኣፋኒናየን።

ድሕሪ ሓደ ሳብዕቲ ተመሊስን እንተኾና ኢልና እኳ ንገዝኤን ኬድናስ እታ ዘዕልላላ ዝነበራ ቤተን ከምታ ዝገደፍኣ ብዕጽውታ እናሃትልኩም ኢሎም ብኢዶም ሓቢሮም ኣርእዮሙና። ንሕና እውን በዚ ዝተዋህበና እሙን ሐበሬታ ብቐደሙ ሐምቢሱ ዘይክእል ናብ ባሕሪ ክቐርብ ኣይግባእን እዩ ኔሩ እናበልና ኣደኒቕና። ዘፀ.15፡1-10፤ መዝ.105፡16፤ 1ቆሮ.3፡20፤ መዝ.94፡11።

# ምዕራፍ 18

## መእተዊ ታሪኽ

## ሄሮድስን ኔሮንን

ቤት ብመሠረት ከምዝለዓል፣ ጽላዒ እውን ይንኣስ ይዕበ መልዓሊ ስለዘለዎ፣ ኣብ መንጎ ነገሥተ ኣሕዛብን ቅዱሳን ሓርያትን ዝነበረ ኣጠማምታ እውን በዚ ካብዚ ንታሳህቲ ዘሎ ዝተላዕለ ከይኮነ ኣይተረፈን።

ብዛዕባ ኣብ መንጎ ክሊቲኦም ዝነበረ ዘይምርድዳእ ክንግምት እንተ ደኣ ኮይንና፣ ቀስቀስቲ ነገር እዞም ናትና (ሓርያት) እዮም ዝመስሉ። ምኽንያቱ ከኣ በተን እግዚእብሔር ዝሃቦም ጥሪት(ኣባጊዕ) ጽሩይ ማይን ልምሉም ሣዕርን እናመገቡ ይኣኽለና ዝብሉን ገጾም ዝዓትቡን ዶብ እንዳማቶም እናጠሓሱ ምስ ርስቶም እናጸምበሩ ስርናይ ዘሪኦም ስለዝተጠቕሙሉ ዘይተማህሩ ከይኮኑ ድማ ዘይናትካ ኣይትመነ ንእትብል ብንእስነቶም ተማሂሮምዋ ከብቅዑ እዚ ብምፍጻሞም ኃዎም መኻፍልቲ ርስቶም ዮሓንስ ወዲ ዘብዴስ ዝተባህለ ናይ ሥጋ ከይወሰዶ እለሓረስዋ ለምድረ ኣሕዛብ በዕርፈ መስቀልከ ወዘርዑ መዝገበ ቃልከ ውስተ ኵሉ ኣጽናፈ ዓለም ኢሉ ቃል ምስክርነቱ ሂቡሉ ኣሎ። ዘፀ.20፡17 ማቴ.10፡6 ምሳ.22፡28 በዚ ኵሉ ዝተጠቕሰ ጭብጢታት ነገሥተ ኣሕዛብ ካብ ቂም ናብ በቐል ዝበጽሑ ይመስሉ ሢራ.25፡15። ስለዚ ከም መእተዊ ታሪኾም ንምጽሓፍ ገደደና ድማ ንምእመናን መብርሂ ተባሂሉ ዝተገልጸ ክኸውን እንከሎ፣ ብኣውርኡ ኸኣ ታሪኽ እዞም ዓለውያን ነገሥታት ኣብቲ ቀዳማይ ኅታም መጽሓፈ ዜው ስለዘይተመዝገበ ኣብ ካልኣይ ኅታም ይጸሓፍ ብምባል ብቓልን ጽሑፍን ሓደራ ስለዝበሉና፤ ድላይና ጌርና ኢሎም ብሓጐስ ንዓለም ዝንለፉዎ ከይመስል፣ ከም ኢዶም እኳ እንተይኮነ ብመጠኑ ኢድ እግዚኣብሔር ከም ዝድህሠሶም ንምፍላጥ ብሓፂሩ ታሪኾም ጽሒፍናዮ ኣሎና። መዝ.74፡8።



# ምዕራፍ 19

## ታሪኽ 7ይ ሄሮድስ 1ይ ኣግሪጳ

ሄሮድስ እናተባህሉ ዚጽውዑ ሄሮድሳውያን ዓሌቶም ኤዶማውያን (ደቂ ኤሳው) ምኧኖም ዘፍ.25፡30 መዝ፡136፡7 ከምኡ እውን ኣብ ዜና ቤተክርስቲያን ጠቒሶምዎ ኣለው። ስለዚ እዞም ሄሮድሳውያን ዚበሃሉ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 47 ዓመት ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ ድማ ክሳብ 79 ዓ.ም. ብሮማውያን እናተሾሙ ብንግሥነትን ኣማሓዳርነትን ንይሁዳን ገሊላን ይገዝኡ ከም ዝነበሩ ተመዝጊቡ ኣሎ። ታሪኽ 7ይ ሄሮድስ ንበይኑ መጽሓፊኡ ድማ ፍልይ ዝበለ እኩይ ተግባር ብምፍጻሙ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ሓዋርያት ሰይፉ ዘቀመጠን፣ ንቅዱሳን ኣርድእተ ክርስቶስ ኣብ እግሪ ምትካሎም ንያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስ ብምቕታሉን እዩ።

ብቕትለት ያዕቆብ ከይዓገበ ድማ ንቅዱስ ጴጥሮስ ከም በጊዕ ዓውደ ዓመት ክሳብ ዝቐትሎ ንጊዚኡ ኣብ ፅኑዕ ቤት ማእሠርቲ ብምእታዉ ብወቐሳ ይጥቀስ ኣሎ። ነገር ግን፣ ድሌት ነገሥተ ኣሕዛብን ሥልጣን ኣምላኽን ዘይመጣጠን ስለዝኾነ ብመልኣኹ ጌሩ ካብቲ ዝተኣሠረሉ ኣፍቲሑ ከውጽኦ ከሎ መን ኢኻ ኢሉ ዝሓተቶ ኣይነበረን።

ሄሮድስ ካብ 41 ዓ.ም ጀሚሩ ናብ ኣውራጃ ይሁዳ ኣማሓዳሪ ኮይኑ ዝተሸመሉ ቅዱሳን ሓዋርያት ብስብከተ ወንጌሎም ብዙኅት ሰዓብቲ ስለዝረኸቡ ክርስቲያን ተባሂሎም ክጽውዑ ጀመሩ። እዚ ቅዱስ ስም እዚ ከኣ ብሓደ ወገን መጠመቲ ኮይኑዎም፣ ኑቶም ዘይኣመኑ ከኣ ቅንዓት ኣኀደረሎም። በቲ ዘቕረቡሉ ክሲ ድማ ሄሮድስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያትን ብክርስቶስ ስም ንዝጽውዑን መሪር ስቓይ ከብጽሖሎም ተላዕለ። ከም ፈኸራኡ ድማ ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቕሰ ንቅዱስ ሓዋርያ ያዕቆብ ካብታ ምቅርቲ መኣዲ ወንጌሉ ኰለፎ። ግሓ.12፡2 እታ ንምቕታል ያዕቆብ ምኽንያት ዝኾነት ድማ ኣብ ስብከተ ወንጌሉ ዝምህራ ዝነበረ ካብ መሥመር ሓቂ ዝወጸት ኣይነበረትን ማለት ዝወሃብ እንተደኣ ኣልዩኩምሲ ንዳኅራዩ ኣብ ቤቶም ክቕበሉኹም ንድኻታት ደኣ ሃቡ እያ እትብል

ዝነበረት ማቴ.6፥20 ሉቃ.14፥13 16፥9 እቶም መምጻእቲ ነገር፡ ግን ነታ ነገር ጠምዚዞም ንንጉሥ ግብሪ ኣይትሃቡ እናበለ ዘስተምህር ረኺብና ኢሎም እዮም ዝተሰማምዑላ። ቅዱስ ያዕቆብ ከምታ ንሳቶም ንመዛረቢ ክኾኖም ዝኣለምዎ ሓሶት ማለት ንንጉሥ ግብሪ ኣይትኽፈሉ ኢሉ መሊቋቶ ምሂሩ እንተዝኸውን እኳ ሓዋርያ ክርስቶስ ምኳኑ መጠራጠረ፡ ንንጉሥ ዚወሃብ ንንጉሥ ሃቡ እትብል እያ ዝነበረት።

ንሓሶት ዘምጽኣ እንተረከበትሲ ዝቕበላ ነይትስእን ከምዝበሃል፡ ካብ ልኡኻት ዝመጸ ሓሶት ተቐቢሉ ሄሮድስ ኣንታ ገለ ክንሰምዕ ኢና ወሃ ዘይሓፍር ባዕሉ ንሞት ዝጽውዕ ኵሉ ሰብ ከይመውት ይፈርህ ንሱ ድማ ባዕሉ ንሞት ይዕድም? እናበለ ናይ ሞቱ መቅድም ኣንቢቡ ኣንቢቡ ንሸኻ ያኢ ኣዛዚ ኮይንካስ ሃቡን ኣይትሃቡን ክትብል መን እዩ ሥልጣን ዝሃበካ? ኢሉ መወዳእታኡ ብዘዳለዎ ሰይፊ ክሳዱ ቆረጾ። ስንክሳር ሚያዝያ 17 ተመልከት። ግሐ.12፥1።

ግፍዓኛ ሄሮድስ ብቕትለት ያዕቆብ ብዙኅት ኣይሁዳውያን ተሓጒሶሙሉ ስለዝርኣየ በዚ ተራ ሓዋርያ ሞት ክንድዚ ካብ ተሓጒሱለይ ደኣ ብቕትለት ሓለቓኦም መጠን ክንደይ ከሐጒሶም እዩ ኢሉ ጊዜ ናብ ቤት ማእሠርቲ ኣእተዎ። ቀጺሉ ድማ ብልቡ ናይ ቅትለት ውሳኔ እናኣዳለወሉ እንከሎ እቲ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምሳኹም ኣሎኹ ዝበሎም ክርስቶስ መልኣኹ ሰዲዱ ካብቲ ቤት ማእሠርቲ ኣውጽኦ።

ሄሮድስ ኣግሪጳ ግን ዝሓሰቦ ስለ ዘይሠመረሉ ተቖጢዑ ንሰብ ጢሮስን ሲዶናን ስም ኣምላኽ ጸዊዮም እኳ መሓረና እንተበልዎ ክሰምዖም ስለ ዘይደለየ ናይ ሞት መቕፃዕቲ ወሰነሎም። ንፈራዲ ፈራዲ ኣለዎ ከም ዝበሃል፡ ሄሮድስውን ፍዳኡ ዝቅበለላ መዓልት ስለዝበጽሓት፡ እግዚኣብሔር ነቲ ንቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት ካብ ፅኑዕ ቤት ማእሠርቲ ዘውጽአ መልኣኽ ልኢኹ ብስውር መቕሠፍቲ ቀሠፎ (ሃረሞ)። በቲ ዝወረዶ ሰማያዊ መዓት ድማ ንጊዚኡ ወዲቑ ደውዩ





ጨንዩ ተበላሽዩ ሓሲኹ ኣካላቱ እንዳ ነጸየ ብመሪር ስቓይ ፅዋዕ ሞቱ ተቐበለ። እስመ ፅዋዕ ውስተ እደ እግዚኣብሔር። መዝ.74፥8።

ሰሎምን ንኵሉ ጊዜ ኣለዎ ከምዝበሎ ድማ ቀዳዊኻ ሞት ኣሎ ከምዝተባህለ ከኣ ናይ ሄሮድስ ኅልፈት ብኣንፃሩ ንሓዋርያት ናይ ነጻነት ፀሓይ በረቐሎም ብዘይሓደ ስክፍታ ከኣ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ኣኼባ ገሮም ስብከተ ወንጌሎም ክነግሩ ዓቢይ ዕድል ረኸቡ። እታ ጐይታ ወንጌል ክሳብ ኣንዳ ኹሉ ቤት ኣትያ ክትስበኽ እያ ዝበላ ርእሳ ኣቕኒዓ ፈተውታን ፀላዕታን ከተለሊ ጀመረት።

ቅዱሳን ሓዋርያት ነቲ ኪፍጸም እዩ ዝተባህለ ትንቢታት ሓደ ብሓደ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ብእግሪ ዝብጻሕ ብእግሪ ብደብዳቤ ዝለኣኽ ብደብዳቤ ዜና ስብከቶም ኣብ ኵሉ ምድሪ ኣብጽሑ። ማር.16፥15 መዝ.18፥3 መዝ.138፥17። ስለዚ ሓዋርያት ኣይመጹናን ዜና ስብከተ ወንጌሎም እውን ኣይሰማዕናን ዝብሉ መታን ከይርከቡ ብዘይሕሶ ቃሉ ኣቐዲሙ ስለዘፍለጠና ሃለው ኢልካ ብቚዕ ምኽንያት ዚርከብ ኣይመስለንን። ዮሓ.15፥22 ማቴ.24፥14።

# ታሪኽ 5ይ ኔሮን ቄሣር

ካብ ቀዳሞት ሊቃውንትን ጸሓፍቲ ሓቀኛ ታሪኽን ክወርድ ክዋረድ ዝበጽሓና ጽሑፋት ከምዝረኸብናዮ ኔሮን ቄሣር ካብቲ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዕታት ብኸፊሉ ከምዚ ይብል።

ኔሮን ቄሣር ካብ ኣቡኡ ድምያጥስን ኣዲኡ ኣግሪጺናን ብ 31 ዓ.ም. ብኣቆጻጽራ ፈረንጂ ድማ 39 ዓ.ም. ተወልደ። ኣብ 17 ዓመቱ ብ48 ዓ.ም. (54) ኣብ ናይ ቀላውዴዎስ ቄሣር ዙፋን መንግሥትነት ተተኪኡ ነገሠ ናይ ኣነጋግሣኡ ምኽንያት ከምዚ ይብሉ። ቀላውዴዎስ ቄሣር ንኣግሪጺና (ኣደ ኔሮን) ካልኣይቲ ሰበይቱ ከእቱ እንከሎ ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቱ ዝወለዶ ብሪታንኩስ ዝበሃል ስለዝነበሮ ንዓኡ መንግሥትነቱ ከውርስ ንመኳንንቱ

የማኽሮም ስለዝነበረ ኣግሪጺና ሰሚዓ ናይ ክልቲኦም ሰብኣይን ሰበይትን ሓሳባት በበይኑ ከምዘሎ ምስ ተረድኤት ንቀላውዴዎስ መርዚ ኣስትያ ቀተለቶ፣ ንወዳ ኔሮን ድማ ከምዝነግሥ ገበረት።ኔሮን ቄሣር ድማ ንግሥነቱ ኣደልዲሉ ምስ ኃዘ፣ ክሳብ 4 ዓመት ቅኑዕን ርሕሩኅን ነበረ ይብሎ። ካብ ርኅራኄኡ ዝተላዕለ እውን ብቕትለት ነፍሲ ዝተከሰሰ ሰብ ኣብ መወዳእታ ኣብ ግብሪ ይውዓል ዝብል ክፍርም ከቕርቡሉ ከለው፤ ነፍሱ ምግባር ስለዝኣብየ ዝነበረ ጽሕፈት ዝተመሃርኩላ መዓልቲ ርግምቲ ትኹን እናበለ ይራገም ነበረ።ኢዮ፣3፣1።

ብድኅሪ ምርጋሙ ድማ ነፍሱ ምጭካን ስለዝኣብዮ፣ ንወኪሉ ቡሩስን ንሞግዚቱ ሰኒልን ነዲኡ ኣግሪጺናን ገዲፉሎም ፍልስፍና ይመሃር ነበረ። እንተኾነ ሕሱም መካይዲ ኣብ ክፍኣቱ ከይሰሓበካ ስለዘይተርፍ፣ ኣቶንን ሴንሲዮንን ዝበሃሉ 2 ኣዕርኽቲ ስለዝነበርዎ ክፍኣት የማኽርዎ ስለዝነበሩ ኔሮን ብናይ ረሲዓን ምኽሪ ፀኒዑ ዘይነበረ ብኣካይዳኦምን ምኽሮምን ዘይመሰሎም ብፁዕ እዩ ዝብል ጽሑፍ ብምዝንግዑ ኣብናቶም ክፉእ ሓሳባትዘምበለ መዝ.1፣1 1ቆሮ.15፣33 ንሳቶም ብዝማኽርዎ ክፍኣት እውን ነዲኡ ንሱ ኣብ ዘይርእያ ክሰጕጓ ወሰነ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ገዛኻ ዘሎ ምሥጢር ተሠዊሩ ክስወር ስለዘይክእል ኣብ ልዕሌኣ ዝተሓሰበ ተንኰል ስለ ዝሰምዓቶ ጉህያ ኣሕዘንዚና ብዝቐደመ ተግባራ ዘኪራ እዚ ኮይኑ ተሪፉ ኢደይ ኢላ ንወዳ መርዚ ከተስትዮ መዲባ ብሓደ ሰብ ጌራ ለኣኽትሉ።

እንተኾነ መዓልቱ ስለዘይኣኸለ እቲ መልእኽተኛ ዝተላኣኮ ከየሥለጠ በጋጣሚ ተታኂዘ እሞ ኣግሪጺና ከም ዝለኣኸቶ ኣመነ። በዚ ተግባርዚ ኣብ መንጐ ኣደን ወድን ናይ ደም ጽልዒ ተመሥረተ። ዝለኣኸቶ ከምዘይሰለጠ ግዲ ዘይሰምዔት ኮይና ድማ ካብ ክልቲኡ ዝሰለጠ ክሰልጥ ኢላ ንወዳ ኣሥዓ ራ ንወዲ ሰብኣያ ከተንግሥ ከምዝመደበት ንሕዝቢ ኣውረየት። ነዚ ዕላል እዚ ድማ ወዳ ሰሚዕዎ ብኸናት ወጊዑ ዝቐትላ ዕጡቕ ወተሓደር ለኣኸላ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ግን ሓሚማ ስለዝጸንሓቶ ኣብቲ ዝነበረቶ ቦታ ምስኣቶ ደኃን ድዩ መምጽኢኻ? ክትበጽሓኒ እንተኬንካ ሕሾኒ ኢዩ እንተደአ





ክትቀትለኒ መጺእካ ግን ኣብ ካልእ ኣካላተይ ዘይኮነ ኣብታ ንኔሮን ዝጾርኩላ ማኅፀነይ ደኣ ውግኣኒ በለቶ እሞ ኣብ ማኅፀና ወጊኡ ቐተላ። ብድኅርዚ ምስ ነገሠ ኣብ 10ይ ዓ መቱ ኣዕምሮኡ እናዘንግዔ ስለዝኸደ ንመስሓቒ ኢሉ ንሮማ ዓባይ ከተማ ኣንደዳ (ብሓዊ) ንነፍሱ ግን ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ተቐሚጡ መሰንቆ እናወቕዔ ይርእያን ይስሕቃን ነበረ። ኘኸምስል እውን መን እዩም ከምዚ ዝገበሩ ክርስቲያን እኮ እዮም ዝኾኑ እወ ክርስቲያን እዮም ዝብሉ ኩቲቡ ጸኒሑ እወ በሉ ክርስቲያን ዝኾኑ ተታኂዞም ይቀጽዑ ዝብል ኣዋጅ ኣውጽኤ። እሞ እቲ ትንቢት ኘክፍጸም፤ ነቶም ብዘይወዓ ልዎ ዝተታኅዙ ክርስቲያን ቈርበት ኣራዊት እንዳኣኸደነ ነኽላባትን ንሉሙዳት ኣራዊትን ይዕድሎም ነበረ። ንገሊኦም ክርስቲያን ድማ ኣብ ዓበይቲ መንገድታት ከምብራና ኣዋጢሩ ኣርባዕተ መሓውሮም ዘርጊሑ ብኣፍራስ የርግጾምን ከም እኽሊ የኺዶምን ነበረ። ንዝበዝሑ ድማ ብጃምላ ኣብ ነበልባል ሓዊ ይድርብዮም ነበረ። መዝ.43፣23።

# መወዳእታ ታሪኹን ኣመዋውታኡን

ናይ ዘመነ ሓዲስ ናቡከደነፀር ኔሮን ዘመነ መንግሥቱ ሰንከልከል ኣብ ምባል ክትከይድ ከላ፡ ስሙ ዘጸውዕ ሓውልቲ ንምቋም ብወርቅን ብብሩርን ምስሉ ሠርሔ። እንደ ገናውን ነቲ ናይ ምስሉ ሓውልቲ ከምልኹን ክሰግዱን ዓወጀ። 2ተሰ.2፡4 ዳን.3፡1-7 እንተኾነ ብኔሮን ዝተሰውኡ ክርስቲያን ኣንሥእ አዴከ ዲበ ትዕቢቶሙ መጠነ ኣሕሠሙ ዲቡ ቅዱሳኒከ ኢትትቤቀሎሙኑ ወኢትኬንኖሙ በእንተ ደምነ፡ ደምና ብከንቱ ንዘፍሰሱ ክሳብ መኣዝ ኢኻ ዘይትፈርዶም? ኢሎም ዘእወይዎ ኣውያት ብዘይወዓል ኀደር እግዚኣብሔር ሰሚዕዎ ንጊዚኡ ሕማም ተላገብን ጥሜትን ምንቅጥቃጥ ምድርን ብርቱዕ ማይን በረድን በርቅን ነጐድን ንትእምርቲ ናብ ሮማ ወረደ። መዝ.73፡23 ራዕ.6፡10 ራዕ.11፡19 ተመልከት።

በቲ ዝወረደ መዓተ ኣምላኽ ድማ ነቲ ብደም ሰማዕታት (ክርስቲያን) ተባዒጡ ዝተሠርሔ ሓውልቲ ኔሮን ብኡንብኡ ቀላሊጡ ኣውደቖ። እቲ ነባሪ ሕዝቢ ሮማ ድማ እዚ ወሪዱና ዘሎ መዓት እኮ ኔሮን ብዝፈጸሞ ግፍዒ እዩ፡ እናበሉ የዕዘምዝሙ ነበሩ። ንሱ ኔሮን እውን ኵሉ ሕዝቢ ከም ዝጐሃየሉ ፈሊጡ ኝኽሕባዕ የማን ጸጋም ቀባሕባሕ በለ። እንተኾነ ልቡ ስለዘይቆመሉ ናብ ሮማ ተቐሚጡ ንመኳንንት ሮማ ተነጺፈዮም ክኸይድ ኢሉ ግብጃ ኣምሲሉ ብመርዚ ክቐትሎም መደበ፡ ነገር ግን ንሳቶም ኣቐዲሙ ይፍጽሞ ብዝነበረ ተግባር፡ እዚ ሰብዚ ብዳርባ እምኒ እናተጨፍጨፈ ብሓለንጊ እናተገርፈ ክመውት ኣለዎ፡ ኢሎም ወሲኖሙሉ ስለዝነበሩ እቲ መደቡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይከኣለን።

እቲ መኳንንትን ሕዝብን ዝሓሰቡሉ ነገራት ድማ ብጽሑፍ ኣብጺሒሙሉ ስለዝነበሩ ልቡ ጠፊእዎ ጻሕሊ ወርቅን ወርቂ ፅዋዕን ክሠባብሮ ጀመረ። እዚ ድማ ዝበልዓሉን ዝሰትየሉን ዝነበረ ክቡር መንግሥታዊ ንብረት እዩ።





በድኅርዚ ኣይተፈለጥኩን ኢሉ ክዳኑን ሣዕኑን ቀይሩ ካልእ ሰብ መሲሉ ተጐላቢጡ ኣብ ከተማ ክዛወር ከሎ ኃለፍቲ መንገዲ ብኣጋጣሚ ንተግባሩ ኣልዒሎም ክዛረቡ ከለው ኔሮን ርጉም እግዚኣብሔር የጥፍኣዮ እናበሉ ክራገሙ ከለው ኣጋጣሚ ስለዝሰምዖምን ከምኡ እውን ቅዱስ ጳውሎስ በታ ዝተሰውኣላ ዕለት ብኣካለ ሥጋ ተራእይዎን ናብኡ ቀሪቡ ናይ ንፁሓን ክርስቲያንን ቅዱሳን ሓዋርያትን ደም ስለዘፍሰስካ ድኅሪ ቅሩብ መዓልቲ ከቢድ መከራ ክበጽሓካዩ ኢሉዎ ስለዝነበረን፡ በዚ ምኽንያት ናይ ምንባር ተስፍኡ ስለዘብቅዔ፡ ንሓደ ወታሓደሩ ጸዊዑ ቅተለኒ ኢሉ ኣዘዞ፡ እንተኾነ እቲ ወታሓደሩ ነፍሱ ምግባር ስለዝኣበዮ ንምቕታሉ ኣይደፈረን። እታ ብሓደ ሓደ ምኽንያት ክትጻናሕ ዘይትክእል ፍርቂ ዕድሚኡ ምስ ኣኸለት ግን ባዕሉ ብኵናቱ ነፍሱ ወጊኡ ብድኅሪ ብዙኅ ስቓይ ምርኣዩ ወዲ 32 ዓመት ከሎ ምስ ነገሠ ኣብ 15 ዓመቱ ብ69 ፈ.ረ. ብኽፉእ ሞት ሞተ። ገድለ ጳውሎስ 24፡4 ተመልከት።

# መተሓሳሰቢ

ወዲ ሰብ ኣብ ዝኾነ ሥርሑ ጌጋታት ወይ ጉድለት ከምዝርከቦ እሙን ነገር እዩ። እዚ ድማ ኣዳማዊ ባሕርይኡ ስለዝኾነ ክንቀፍ ኣይግብኦን። ነገር ግን ኮነ ኢሉ ኣርዮሳዊ ስምዒቱ ከርዊ ኢሉ ካብቲ ዝተሓገገ ሕግታት እንተ ዘየጕዲሉ ወይ እንተዘይወሲኹ ብጌጋኡ ክንሓምዮን መዕለሊ ክንገብሮን መምርሒ ስለዘይብልና ናብቲ ኣካለ ክርስቶስ ቦታ ክንህቦ ኣይግባእን። ራዕ.22፥18-19።

ሰብ ብዘይ ሥራሕ ክነብር ስለዘይክእል ኣብ ሕይወቱ ዝኾነ መንፈሳዊ ተግባራት ክሠርሕ ክሓስብ ከሎ፡ ብዙኅ ተቓራኒ ዝኾነ ሓሳባት ይገጥምዎ እዮም። ነቲ ክገብሮ ወጢንዎ ዝጸንሐ ገዲፉ ዘይሓሰቦ ከምዚፍጽም እውን ግልጺ እዩ። እዚ ዚገብር ዘሎ ከኣ ተፈጥሮኡ እዩ። ኣብዚ መንገዚ ግን ኣብ ክንዲ ዓይኒ የብለይ ሰኒ የብለይ ኢልካ ብድፍረት ሥራሐትካ እትቕጽሎ፡ ከምቲ ሢራክ ብልሒ መምህር ክትርኢ እንከሎኻ ናብኡ ኪድ፡ ናብኡ ብምምልላስ ከኣ ንእግርኻ ኣድክሞ ዝበሎ፡ ኣቐዲምካ ንጉዳይካ ምስዚምልከቶ ሊቅ ክትማኸረሉን ከተውርዶን ከተደይቦን ከሎኻ ፍጹምነት እንተዘይረኸበ እኳ ጉድለት ጌጋኻ ተኣሪሙ ብዙኅ ለጠቕ ኪብል ይኽእል እዩ። ሢራ.6፥36 ጦቢት 4፥18።

እምበኣርከስ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክንምርኰስን ከነድህብን እንከሎና፡ ክንግንዘቦ ዘሎና ብምሳሌ ዘረድኣና ነገራት ኣሎ። ንሱ ድማ ንሓናጺ ምንቃፍ ኣይግባእን እዩ ይብል። ምኽንያቱ ነቲ ግዕዛን ዘይብሉ ዘይኮነ ነቲ ንዕኡ ዝሠርሖ ምንቃፍ ስለዝኾነ እዩ ዝብል ሓዋርያዊ ጽሑፍ የጠንቅቐና። ስለዚ ሐናጺ ዘይኮነ፡ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ዘይብሉ ነቀፌታ ምቕራብ ድማ ንመንፈስ ቅዱስ ምንቃፍ ስለዝኾነ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣብ ሰብ ኀዲሩ፡ ኣብ ማዕከል ብርዒ ኣትዩ ከምዘጽሕፍን ከምዘፈጽምን ከነስተውዕል ይግብኣና። ሓዋርያት ኣብ መልእኽቶም ኢትኣምሩኑ ከመ ማኅደሩ ለመንፈስ ቅዱስ እንትሙ ዘኀዱር ላዕለክሙ ይብል። 2ጴጥ.1፥21 ኤፌ.5፥30 ያዕ.4፥12።



ስለዚ ቅርብ ኢልና እንተተመልከትናዮ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ንሰብ ቀረባኡ እንተዘይከውን መልኣከ ዓለም ዲያብሎስ ፈጺሙ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ መእተወና ኔሩ፡ ግና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዘለዎ ቦታ ክቐርብ ኣይክእልን፡ ወድሰብ ባዕሉ እንተዘይኣቃራሪቡዎ ድማ ኣብ ድሌቱ ንኸኣቱ ንፈታኒ ኣይተፈቅደሉን። በዚ ኵሉ ምኽንያት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ነቢያትን ሓዋርያትን ኀዲሩ ከምዘሥርሕ ኣብ ግሓ.4፥25 ካብ ተገልጸልና፡ ሎሚውን ብፍቃዱም ንዝግዝእዎ ሰባት፡ ኣብ መንፈሳዊ ዕዮኦም ከምዝድግፎምን ዝረድኦምን ክንኣምን ይግባእ። ኣብ ምድላው መንፈሳዊ ጽሑፋት ዓቢ ደኹን ንእሽቶ ዝሓተካ ግዜን ትዕግስትን ቀሊል ዘይምዃኑውን ዝዝንጋዕ ኣይኮነን።

ጌጋ ክርከብ ስለዝኽእል ድማ ኣብዛ ኻልኣይ ጊዜ እትኅተም ዘላ መጽሐፍ ዔው ዚምልከት ናይ ኣኅዋት ሐናጺ እርማት ኢድና ዘርጊሕና ልብና ከፊትና ንምቕባል ድልዋት ኢና።

መምህር ያዕቆብ ጸጋዘኣብ ዘወልድ
ፖ.ሳ.ቍ. 3978
ኣስመራ - ኤርትራ

# ምስጋና

ብርሃን ትምህርትኹም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ ኢሉ ኣተሓሳሲቡ ዘጀመረናን ዘፈጸመናን፡ ልዑል እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይኹኖ፡ ኣሜን። ማቴ.5፡16

ነዛ ካልኣይ ኅታም መጽሐፍ ኣብ ምድላው ዝተኀባበርኩምኒ ናይ እግዚኣብሔር ቤተሰብ ኵሉኹም፣ ከምኡውን ቤት ማሕተም ኣትላስ፡ ልዑል ባሕርይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅዱሳን ሓዋርያት ዝዓደሎ ናይ ክብሩ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ የኅድረልኩም እናበልኩ ዕዙዝ ምስጋናይ ኣቅርበልኩም። ግብ.2፡1-4 1ቆሮ.16፡23

መምህር ያዕቆብ ጸጋዘኣብ ዘወልድ